# ፍረ ጻዕሪ

ቍ. ሕታም 03 ጥሪ 2024

ብሚኒስትሪ ሕርሻ እትዳሎ መጽሔት

- ትስፉው ልምዓት ተምሪ ኣብ ኤርትራ
- ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን
- ካብ ሓንቲ ላም ናብ ትካል ምምስራሕ ጸባ













ወግዒ ምስ ኣርካን ሕርሻ
ኣቶ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህን

ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ሕርሻ

2024

The State of Eritrea
Ministry of Agriculture

# ጥቡቕ ክትትልን ግምገማን ዘድልዮም ኣገደስቲ መደባት

| | |
|---|---|
| 1 | **ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ማይ-ኩሬታትን ግራውቲ ሓረስቶትን-** ኣብ ማይ-ኩሬታት፡ ብዓቐን ዝለክዑ ከትርታትን ዛላታትን ምስራሕ፣ ድምር ሰፋሓቶም ድማ ብጽኩታር ይግለጽ። ኣብ ግራውቲ ሓረስቶት፡ ንልንል እንተኾይኑ ብግቡእ ምጽፋሕ ወይ ምምድማድ (Levelling)፡ መጠናዊ ትራ-ዕቃብ (Slope) እንተ'ሎም ኸኣ መደባዊ ዛላ ይሰርሓሉ። |
| 2 | **ምጥቃም ምሩጻት ኣዝርእቲ-** ማይን ሓመድን እንተተዓቂቡ፡ ናብ ምሩጻት ኣዝርእቲ ይእቶ። ብውልቂ ብኣብኡታውያን ሓረስቶት፡ ብደረጃ ዓዲ ድማ ኣብ ግቡም መሬት ይትግበር። |
| 3 | **ዝንቕ ኣዝርእቲ ናይ ብሱል፡ ጥረታት፡ ቅብኣ ኣእካል (ብሚእታዊት)፦** ኣብ 2024 - 65፡17.5፡17.5፣ ኣብ 2025 - 60፡20፡20፣ ኣብ 2026 - 55፡22.5፡22.5 ኣብ 2027 ድማ 50፡25፡25 ንኽንበጽሖ ዕቱብ ጻዕርታት ምግባር። |
| 4 | **ዑደት ዘራእቲ-** ናይ ምሩጻት ኣእካል ኣብ ግቡም ቦታን ዓድታትን ከም'ኡ'ውን ኣብ ንኣሽቱ ናይ ሓረስቶት ቃጽሪታት ክትግበር ኣለዎ። ኣብዚ ዑደት፡ ብሱላት ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቅብኢ ኣእካልን ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣለዎም። |
| 5 | **ምስፋሕ ናይ ቅብኢ ዘራእቲ-** ቅልጡፍን ዘተኣማምንን ውጽኢት ዘለዎ መፍረ-ዘይቲ ከም'ኡ'ውን መግቢ እንስሳ ካብ ኣድሪ ዘይቲ ሰፋ ከም'ኡ'ውን ሰያ-ቢን ንምርካብ፡ ልምዓት ናይዞም እተጠቐሱ ናይ ቅብኢ ዘራእቲ ክድፍኣሉ። |
| 6 | **ንእሱ ውህድ፡ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ-** እዚ መደብ ኣብቶም ኣቐዲሞም ዝተሰርሑ ንኣሽቱ ዲጋታት፡ ከትርታትን ራህያታትን ከም'ኡ'ውን ኣብቶም ሰፈሮም ዝቐጽሉ ተግባራዊ ይኸውን። |
| 7 | **ምእካብ ሳዕሪን ኣማራጺ መግቢ እንስሳን-** ክራማት፡ ሀጡር ወይ ማእከላይ ክኸውን ከሎ፡ ንፍሱ-ወከፍ ሓረስታይ ወይ በዓል ጥሪት፡ ንዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘገልግሎ "ባንክ ወይ መኽዘን ሳዕሪ" ንኽእከብ፡ ከም'ኡ'ውን እቶም ብምሉኦም ናይ ጸባ ከብቲ ዝውንኑ ሓረስቶት፡ ጸዓትን ፕሮቲንን ዘጣመረ መግቢ እንስሳ ብሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ (Hydroponics) ንኽዳልዉ ጽዑቕ ጉስጓስን ድርኺትን ምግባር። |
| 8 | **ምምራጽ ኣርሒ (ካብ ዓሌት ሃገርና)፦** ዘርኢ ሃገርና ምእንቲ ክሰስን፡ ምህርቲ ጸባን ስጋን ጥሪት ሃገርና ድማ ንኽዓቢ፡ ብቑንዱ ኣብ ከብቲ ከም'ኡ'ውን ኣብ ጤል-ብገዕን ኣጣማልን ምስቲ ዝምልከቶ ህዝቢ ብምዃን በብዓዱ ብቑዓት ኣርሒ ክምረጹ ኣለዎም። |
| 9 | **ምርባሕን ምምዕባልን ደርሁ ገደና-** ደርሁ ገደና ዝቕበላ ስድራቤታት፡ ብደርሁ ሃገርና ምሩጽ እንቋቑሖ ብምሕቋፍ፡ ብዝሒን ዓይነትን ደርሁ ገደና ንኽፈጋግጹ ልዑል ጉስጓስን ኣስተምህሮን ክንገብር ይግባእ። ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምርን ማእከል ምርባሕ ደርሁ ቀሓውታን ኣብ ዓሌት ሃገርና ኣተኲሮም ንምምሕያሽን መጽናዕቲ ይገብሩ ኣለዉ። |
| 10 | **ዝርጋሐ ጋብላውን ዘመናውን ቀፎ-** እቶትን እቶታውነትን መዓር ብዝተዓጻጸፈ ንምስሳኽ ንፍሱ-ወከፍ ስድራ-ቤት ሓረስታይ ብውሑዱ ሓደ ጋብላዊ፡ ሓደ ኸኣ ዘመናዊ ቀፎ ንኽህልዎም ዕቱብ ጻዕሪ ምክያድ። |
| 11 | **ምደባ ኣባላት ሕርሻ-** 75% ኣብ ዓድታትን ከባቢታትን፣ 25% ድማ ኣብ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ክኸውን ይግባእ። |
| 12 | **ንምጋም እቶት ምህርቲ-** በቲ ሓድሽ ዝተኣታተወ ስነ-ፍልጠታዊ ቅጥዒ ክኸውን ኣለዎ። |
| 13 | **ቤት ትምህርቲ ሓረስቶት-** ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ፡ ዋላ'ውን ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ወይ ከኣ ኣብቲ ዓዲ እትእከበሉ ልሙድ ቦታ ክምስረት ኣለዎ። ምምስራት ጥራይ ዘይኮነ ድማ ሓረስቶትን ሞያውያንን ብስሩዕ ክራኸቡ ኣለዎም። |
| 14 | **ድንሽን ምቁር ድንሽን-** ድንሽ ግቡእ ወቕቲ ብምሕላው፡ ኣብ ከበሳን ቆላን ብብዝሒ ንኽፈሪ ሓያል ጻዕሪ ምግባር። ምቁር ድንሽ ድማ መሰረቱ ኣብ ዓድታትን ኣብያተ ትምህርትን ብምግባር ሓያል ጉስጓስን ድርኺትን ክግበረሉ ይግባእ። |
| 15 | **ኮምፖስትን ባዮሎጂያዊ መከላኸሊ ባልዓትን ሕማማትን-** ኣብ ኩሎም ንኡሳን ማእከላትን ንግዳውያን ሕርሻታት ከም'ኡ'ውን ብኹሉ ሓረስታይ ንኽፈሪ ምጽዓር። ብፍላይ እቲ ካብ ዘቤታዊ ጉሓፍ ዝዳሎ ኮምፖስት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ንኽትግበር ሓያል ናይ ጉስጓስን ምክትታልን ዕማም ምትግባር። |
| 16 | **መንን ኣድሓነት-** ብዘይካ'ተን ድሮ ኣብ ምስራሕ መንን ኣድሓነት ተመኪሮ ዘለወን ኣዲታት ዝውንና ዓድታት፡ ኣብተን ዝተረፋ ድማ ብእኹል ቁጽሪ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ብግዝሪ ብምስልጣን ብመሰረት ናይ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት ስትራተጂያዊ ውጥንና ክሳዕ 2026 ምሉእ ብምሉእ ክንሽፍን ዝኸእል ጻዕሪ ክንገብር ይግባእ። |
| 17 | **ምትብባዕ ወሰኽ-ክብሪ (Value Addition)፦** ኣብ ኩሉ ፍርያት ሕርሻ፡ ወሰኽ ክብሪ (value addition) ንኽድፍኣሉ ብጽዑቕ ምጕስጓስ። ብፍላይ ኣብ ልምዓት ጸባ ድማ ወሰኽ-ክብሪ ጸባ ንምትብባዕ፡ ኣብ ምምራጽ ናይ ሃገርና ይኹን ካብ ደገ ዝኣተዋ ዓሌታት፡ ዘመናዊ ማላ ምድቓል፡ ሓለዋ ጥዕና ጥሪት፡ ልምዓት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ብልዑል ኣተኲሮ ክሰራሕ፣ ብፍላይ እቶም ዕጤታት ኣፍረይቲ ጸባ ድማ ናብ ወሰኽ-ክብሪ (value addition) ዝሰጋገሩሉ መድረኽ ምፍጣር። |
| 18 | **ድሕነት ኣብ ኩሉ-** ኩሉ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ኣገባብ ልምዓቱን ሓለዋ ጥዕናኡን ንድሕነት (safety) ኣብ ቅድሚት ብምስራዕ ክትግበር ይግባእ። ድሕነት ክንብል ከሎና፡ ተጠቃምነት ናውቲ ድሕነት፡ ንጽህናን ጥዕናን ሕርሻዊ ፍርያት ኣብ ቦታ ሕርሻ፡ ምምስራሕ፡ ምዕቃብ፡ ምዝርጋሕ ወዘተ. የጠቓልል። |
| 19 | **ፈተነታት-** ኣባላት ኢክስተንሽን ብሕልፊ ድማ እቶም ኣብ ዓድታትን ከባቢታትን ዝምደቡ፡ ብውሑዱ ፈተነታት ዓይነት ዘራእቲ፡ ድኹዒ (ዝያዳ ኣብ ኮምፖስት ዘድሃበ)፡ ወቕቲ ዘራእቲ፡ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ወዘተ. ክካይዱ ይግባእ። |
| 20 | **ስሉጥን ስርዓት ሓበሬታን-** ነፍሲ-ወከፍ ዝወጽእ ፕሮጀክትን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታትን ቅድሚ ምትግባሮም፡ ኣብ መስርሕ ምትግባር ከም'ኡ'ውን ድሕሪ ትግባረ ብደረጃን ተንቀሳቓስነን ሰሌዳ ክሰነዱ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ንኣድማዒ ምእካብ ምኽዛንን ምምስራሕን ሓበሬታ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምሕደራ ምጃም ስርዓት ሓበሬታ ክጅመር የድሊ። |

ሃገረ ኤርትራ - ሚኒስትሪ ሕርሻ
ብጨንፈር ህዝባዊ ርክባት እትዳሎ ሽዱሽተ ወርሓዊት መጽሔት
ፍረ-ጻዕሪ ቍ.3
ጥሪ 2024

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** ........ 2

**ዕዱማት ፍረ-ጻዕሪ**

- ቃለ መሕትት ምስ ኣወሃሃድትን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ፕሮግራም ልምዓት ተምሪ ........ 3

**ዓበይቲ ፍጻመታት**

- ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ........ 16
- ዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ........ 28

**ኣርካናት ሕርሻ**

- ወግዒ ምስ ኣቶ ረዳኢግዚእ ገብረመድህን ........ 32

**ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ**

- እንቋቝሖ ደርሁ ገደና ብደርሁ ሃገርና ይሕቁፍዶ? ........ 49
- ዘራእቲ ስለምንታይን ብኸመይን እዮም ዝመሓየሹ? ........ 50

**ሕርሻን ደቀንስትዮን**

- ካብ ሓንቲ ላም ናብ ትካል ምምስራሕ ጸባ ........ 51

**ኣስተብህሎ**

- ውሽባ ብቑልን ውጽኢቱን ........ 55
- ውሽባ እንስሳን ውጽኢቱን ........ 57

**ቴክኖሎጂ ሕርሻ** ........ 59

**ቀመም ፍረ-ጻዕሪ**

- ብኻዶ... ........ 63

ዋና ኣሰናዳኢ
ኤርምያስ ሰሎሞን

ኣሰናዳኢ ቦርድ
መስፍን ገብረሂወት
ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)
መድሃኔ ጸጋይ
ፊልማዊት መዓሾ
ዓንደመስቀል በርሀ
ስየ ነጋሽ

ለይ-ኣውትን ግራፊክስን
ERSO, F.M & M.G

ዲዛይን ገበር
ዮሴፍ ኣረገሀኝ (JOሰ)

ካርቱኒስት
ሳማንዳሪ ዮሴፍ

ስእሊ
ኣብርሃም ብርሃነ
ኣርዓዶም በረኸት
ሃብትኣብ ዓንደማርያም
ቶማስ መሓሪ
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ኣድራሻ መጽሔት
ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
ቍ. ስልኪ 292-1-182225
ቍ.ሳ.ፖ 1048
ኢ-መይል፡ fretsaeri@gmail.com

# ቃል ዋና ኣሰናዳኢ

እዛ ኣብ ፈለማ ወርሒ ናይ ዓመተ 2023 ዝጀመረት ወግዓዊት መጽሔት ሚኒስትሪ ሕርሻ ‘ፍረ-ጻዕሪ’፡ እንሆ ንሳልሳይ ሕታም በቒዓ ኣላ።

ኣብዚ ሕታም፡ እተፈላለዩ ሕርሻዊ ትሕዝቶታት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ 2023 ካብ ዝተተግበሩ ዓበይቲ ንጥፈታትን እተረኽቡ ዓወታትን ቀሪቦም ኣለዉ።

ሃገራዊ ፕሮግራም ልምዓት ተምሪ፡ ድሮ ጭቡጥ ፍረ ተረኺቡዎስ ንዝሰፍሐ ልምዓትን ሰደድን ዓሊሙ ክሰርሕ ጀሚሩ ኣሎ። በዚ ድማ ኣብዚ ሕታም ንእተሓልፈ ጉዕዞን መጻኢ መደባትን ንምሕባር፡ ምስ ኣወሃሃድቲ ናይቲ ፕሮግራም፡ ላዕለዎት ክኢላታት ከምኡ’ውን ኣብነታውያን ኣልማዕቲ ሕርሻ ተምሪ እተገብረ ሰፊሕ ቃለ-መሕትት ቀሪቡ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣገደስቲ ሃገራውያን ዋዕላታት ምውዳብ ከም ኣካል ዓመታዊ ንጥፈታቱ ወሲዱ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ። ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ወርሒ መስከረም በኾሪ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣኣንጊዱ ነይሩ። ነዚ ዋዕላ ዝምልከት ሰፊሕ ጸብጻብ እምበኣር ኣብዚ ሕታም ተኻቲቱ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 እውን ድርብ ጽንብላት ዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ኣብ እምባደርሆ - ዞባ ማእከል ተኣንጊዶም ነይሮም። ጽማቕ ጸብጻብ ናይዞም ጽንብላት ድማ ኣብዚ መጽሔት ተሓቝፉ ኣሎ።

ዓምዲ ‘ኣርካናት ሕርሻ’ ኣብ ጽላት ሕርሻ ሃገርና ግሉሕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣብነታውያን ሓረስቶትን ሰብ ሞያ ሕርሻን እተላሊ ዓምዲ እያ። ኣብዚ ሕታም፡ ታሪኽ ህይወትን ተመኩሮን ናይ ላዕለዋይ ክኢላን ኣማኻርን ሕርሻ ከምኡ’ውን ኣብነታዊ ኣውፋርን ሓረስታይን ዝኾኑ ኣቶ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህን ተኣንጊዱ ኣሎ።

ትካል ጸባን ውጽኢቱን ኤፍ.ቲ (F.T)፡ ሓደ ኻብ ፍሉጣት ኣቕረብቲ ጸባን ውጽኢቱን እዩ። ብፍላይ ኣብ ምፍራይ ርግኦ፡ ካብቶም ብግሉሕ ኣበርክቶኦም ዝፍለጡ ሃገራውያን ትካላት እዩ። ኣብ ዓምዲ ‘ሕርሻን ደቀንስትዮን’ እምበኣር፡ ምስ ኣካያዲት ናይቲ ትካል እተገብረ፡ ንሕሉፍ ተመኩሮ፡ ብድሆታትን መፍትሒኦምን ዝምልከት ሰፊሕ ቃለ-መሕትት ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ ዓምዲ ‘ኣስተብህሎ’፡ ኣብ ጉዳይ ውሽባ ብቑልን እንስሳታትን ከምኡ’ውን ውጽኢቶም ዘተኩረ ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ።

መጽሔት ‘ፍረ-ጻዕሪ’፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ብዝኣተወቶ ቓል፡ ዓምዲ ‘ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ’ ብምኽፋት፡ ብዛዕባ ምሕቛፍ እንቋቑሖ ደርሁ ገደና ብደርሁ ሃገርና ከምኡ’ውን ኣገዳስነት ምሕየሻ ዘራእቲ ንዝምልከቱ ሕቶታት ብመገዲ ዝምልከቶም ሞያውያን መልሲ ቀሪባ ኣላ።

ዓምዲ ቴክኖሎጂ ሕርሻ፡ ሓደስቲ ርኽበታትን ምዕባለታትን ሒዛ ክትቀርብ ከላ፡ ዓምዲ ‘ቀመም ፍረ-ጻዕሪ’ ድማ ከም ወትሩ ብኣዛናዪ ኣቀራርባ ንህይወት መፍረ ንህቢ ዝምልከት ትሕዝቶ ሒዛትልና ቀሪባ ኣላ።

ናይ ወትሩ ለበዋ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ፡ ኣበርክቶ ኣንበብቲ ብሓፈሻ፡ ኣበርክቶ ክኢላታት ሕርሻ ድማ ብፍላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኻኑ እዩ።

ሰናይ ንባብ!

# ቃለ-መሕትት

## ምስ ኣወሃሃድትን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ፕሮግራም ልምዓት ተምሪ

## ኣብ ሰፋሕቲ ጎላጉል ዘተኰረ ሃገራዊ ራእይ ልምዓት ተምሪ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

"ናይ ቀረባ መደብና፡ ቍጽሪ ኣግራብ ተምሪ ሃገርና፡ ክሳዕ ዓመተ-2030 ናብ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ክብ ከም ዝብል ምግባር እዩ። ናይ ውሽጢ ሃገር ጠለብ ተምሪ ኣረጋጊእና፡ ናብ ሰደድ ከነቕንዕን ኣብ ዓለም-ለኻዊ ዕዳጋ ክንወዳደርን ከኣ ናይ ነዊሕ ሸቶና እዩ" ይብል ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ስነ-ህይወታዊ ቴክኖሎጂ (Biotechnology)ን ኣወሃሃዲ ሃገራዊ ፕሮጀክት ሕርሻ ተምርን ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ።



ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ

ኣቶ ሙሴ፡ ናይ ልዕሊ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘሎዎ ላዕለዋይ ክኢላ ሕርሻ እዩ። ብ1973 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ፣ ዓብዩን ተማሂሩን። ኣብ ዓመተ-1998 ድማ ካብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብዓውዲ ስነ-ፍልጠት ኣትክልቲ ብመዓርግ ቀዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ። ምስ ኣባላት ሻሙናይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳዱ፡ ብሞያ ሕርሻ ፈለማ ኣብ ኮር 2001 ኣብ ሕርሻ ጨጋሪት (ንኡስ ዞባ መንሱራ) ኣገልጊሉ። ቀጺሉ፡ ኣብ ዓመተ-2001 ናብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ተሳሒቡ፡ ኣባልን ሓላፊን ኣሃዱ ምርምር ኣሕምልትን ፍረታትን ኰይኑ ድሕሪ ምስራሕ፡ ናብ ሃገረ-ህንዲ ከይዱ ናይ ካልኣይ ዲግሪ ትምህርቲ ስነ-ህይወታዊ ቴክኖሎጂ ተኸታቲሉ፡ ትምህርቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ካብ 2010 ክሳዕ ሕጂ ድማ ሓላፊ ኣሃዱ ስነ-ህይወታዊ ቴክኖሎጂ ኾይኑ፡ ኣብ ዓበይቲ መደባት ምርምር ድንሽ፡ ባናና፡ ዕረ፡ ምቁር ድንሽን ተምርን ሰሪሑን መሪሑን።

ኣቶ ሙሴ፡ "ንልምዓት ተምሪ ዝምልከት ክትክተሉዎ ዝጸናሕኩም ኣገባብ ስራሕ ከመይ ይመስል?" ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረብናሉ፡ እዚ ዝስዕብ መልሲ እዩ ሂቡና፦ "ኣብ ኤርትራ፡ ተምሪ ብሰለስተ ኣገባብ እዩ ዝራባሕ፦ ብዘርኢ፡ ጫሌዳን ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን (Tisuue Culture) ዝተመልመሉ ፈልስታት ምትካልን። ሰለስቲኡ መስርሕ ነናቱ ብልጫን ድኸም ጐድንን ኣሎዎ። ብዘርኢ ብምትካል፡ ዝተዳቐለ መበቈል ዘሎዎ ተምሪ ኢና ነፍሪ። ኣብ ርእሲ'ዚ ግዜ ይወስድ። ዘዕግብ ፍርያት ንኽንረክብ'ውን ናይ ሓምሳ ሚእታዊት ዕድል እዩ ዘህልወና። ብጫሌዳ፡ ብሓንሳብ ክባዛሕን ክምዕብልን ይኽእል እዩ። ግን ኣብ ምትካሉ ሳዕቤን ምስግጋር ሕማም ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉ ፈልስታት ምትካል፡ ምሉእ-ብምሉእ ጥዕናኦም እተረጋገጸን ብብዝሒን ኣግራብ ተምሪ ንምትካል ዘኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ፈልሲ ካብ ወጻኢ ሃገር ስለ ዝመጽእ ወጻኢታቱ ቀሊል ኣይኮነን።"

"ሚኒስትሪ ሕርሻ ብልዑል ወጻኢታት ምሩጽ ዓይነት ተምሪ እናኣምጽአን ብጫሌዳ እና'ባዝሐን ንሓረስቶት ብናጻ ክዕድል ጸኒሑን ኣሎን። እቲ ቕድሚኡ ብሓረስቶት ክትግበር ዝጸንሐ ኣገባብ፡ ማለት ፍረ ተኺልካ ብዘርኢ ናይ ምርባሕ ኣገባብ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክግምገም ጸኒሑ እዩ። ናይ ግዜን ጉልበትን ክሳራ ነይሩዎ። ኣብዚ እዋን፡ መንግስቲ፡ ነዞም ዘየድልዩ ሃልክታት ኣብ ግምት ብምእታዉ፡ ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉን ብጫሌዳ እተፋረዩን ፈልስታት ምትካል ቀዳምነት ሂቡዎ፣ ብኸምኡ ድማ ንሰርሕ ኣለና። ብዛዕባ'ዚ፡ኣብ ኵሎም ዝምልከቶም ኣካላት ዘሎ ኣፍልጦን ናይ ሓባር መረዳእታን ክብ ይብል ከም ዘሎ ኢና እንኣምን። ዛጊት ናይ ኣስታት 28 ዓመታት ሃብታም ተመኩሮ ደሊብና ኣለና። ሕርሻ ተምሪ ዝውቱርን ልሙድን ኣይነበረን። ሓረስቶት፡ ኣብ ሕርሻ ተምሪ ከውፍሩ ምእንቲ ሓያልን ቀጻልን ስራሕ ኣሰላሲልና ኢና። ብውሑዳት ትኩራት ሓረስቶት ዝተበገሰ ዋኒን ሕርሻ ተምሪ፡ ሕጂ ውጽኢታውነቱ ዘስተብሃሉ ሓያለይ ሓረስቶት ክስዕብዎ ጀሚሮም ኣለዉ" ዝብል መብርሂ እውን ወሲኹና – ኣቶ ሙሴ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ሙሴ፡ ኤርትራ፡ ዓቢ ሃገራዊ ፕሮጀክት ብምብጋስ፡ ንዘለዉዋ ሰፋሕቲ ጎላጉል ብፍላይ ድማ ገምገም ባሕሪ ኣብ ረብሓ ልምዓት ተምሪ ንኽተውዕሎም እያ ትሰርሕ ዘላ። ተምሪ ልዑል ተጻዋርነት ጨዋምነት ማይ፡ ደርቅን ዘይምቹእ ኩነታት ኣየርን ዘውንን ኣዝዩ

ኣገዳሲ ተኽሊ እዩ። ኣብ ከባቢኡ መጠነ-ንኡስ ሃዋህው ምቹእነት (Micro-environment) ይፈጥርን፡ ኣብ ትሕቲኡ እተፈላለዩ ኣሕምትን ፍረታትን ንምፍራይ የኽእልን። ብድሆታት ምድረ-በዳነትን ክሊማዊ ለውጥን ኣብ ምምካት'ውን ልዑል ውጽኢት ይፈጥር። ሓደ ገረብ ተምሪ፡ ኣብ ዓመት ክሳዕ 200 ኪሎ-ግራም ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ክስሕብን ኦክሲጅን ክተፍእን ከም ዝኽእል ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ተምሪ ናብ ወለዶታት ዝሰግር ሃብቲ ሃገር እዩ። ብፍላይ ኣብ ገማግም ባሕሪ ንዝነብር ህዝቢ፡ ኣገዳሲ ምንጪ እቶት ክኸውን ይኽእል። ዕድላት ስራሕን ሞያዊ ክእለትን ድማ የውሕስ።

ኣብ ልምዓት ተምሪ ዝደንገጉና ክንመስል ንኽእል ኢና። እዚ ምድንጓይ ግና ንባዕሉ፡ ካብ ተመኩሮ ናይተን ኣቐዲመን ኣብ'ዚ ዓውዲ ሕርሻ ዝሰጎማ ሃገራት ኣቋራጭ ዝኾኑና ተመኩሮታት ክንወስድ ኣኽኢሉና እዩ። ፍረ ብምዝራእ ኣብ 1996 ዝጀመረ ሕርሻ ተምሪ ንምዕባይ፡ ዓቢ ወፍሪ ተኻዪዱ። ብድሕር'ዚ፡ ኣብ 1998፡ ካብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉ ፈልስታት ናይ 11 ዓሌት ተምሪ መጺኦም ንሓረስቶት ተዓዲሎም። ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ኣቶ ዓብደላን መምህር መልኣከን ዝኣመሰሉ ሓረስቶት'ውን ካብ ግብራዊ ትዕዝብቲ ፍልጠትን ተመኩሮን ንክቐስሙ ንሓደ ወርሒ ናብ ቱኒዝያ ሰዲድዎም እዩ። ምስ ሓያለይ ሓደስቲ ኣምራት ሕርሻ ተምሪ ተላልዮም፤ ሰሪሖምሎም'ውን። ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ካብ ሃገራት ወጻኢ ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉ ፈልስታት ምምጻእ ቀጺሉ። ኣብ 2006 ካብ ቀጠርን ኢማራትን ዝመጹ ከም'ዚ ዝኣመሰሉ ፈልስታት ተምሪ ንሓረስቶት ተዓዲሎም። ድሕሪ ክልተ ዓመት'ውን ካብ ኢማራት ዝመጹ ተመሳሰልቲ ፈልስታት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሕርሻ ፈስኮ ናይ ጋሽ-ባርካን ተተኺሎም። ብጠቕላላ ክሳዕ ሕጂ፡ ልዕሊ 23 ሽሕ ካብ ሃገራት ወጻኢ ዝመጹ ምሩጻት ፈልስታት ንሓረስቶት ተዓዲሎምን ተተኺሎምን ኣለዉ። ገሊኣቶም ድማ ድሮ ፍረ ኣብ ምሃብ በጺሖም ይርከቡ።

እተን ኣብ ኣብ ምዝርጋሕን ምርባሕን ምሩጻት መለሳታት ዓሌት ተምሪ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብራ ዝጸንሓ መደበራት ፈልሲ ሰለስተ እየን፦ መደበራት ፈልሲ ምጽዋዕ፡ ጋሕቴላይን ሓልሓለን። እቲ ዝበለጸ ካብ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዝመጽእ ፈልሲ ተምሪ ውሕስነቱን ጥዕናኡን ዝተረጋገጸ ደኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ መደበራት ፈልሲ ሃገርና'ውን ብኣገዳሲ መስርሕ ክንክን ይሓልፍ እዩ። ቅድሚ ናብ ቀዋሚ ቦታኡ ምብጽሑ ድማ ግቡእ ጥንቃቐ እዩ ዝግበረሉ። ፈልስታት ኣብ ኢድ ሓረስታይ ብዝግባእ ንኽበጽሑ ዝካየዱ ዳህሳስን መጽናዕትን ኣለዉ። ምድላዋት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ውልቀ-ሓረስታይ ብኽኢላታት ይጽናዕ፤ ኣድላዪ ዘበለ ምኽርን ሓበሬታን ከኣ ይወሃብ። ከም'ዚ ዝኣመስለ ፈልሲ፡ ብቑዕነቱ ንእተረጋገጸ ሓረስታይ ጥራይ እዩ ዝዕደል። ኣብ መዳይ ምውዳብ ስልጠናን ኣስተምህሮን'ውን ዓቢ ወፍሪ እዩ ተገይሩ። ንዝምልከቶም ሓረስቶት፡ ደረጃኦም ዝሓለዉ ትምህርትታት ተዋሂቦሞም። ኣብ ሰብ-ሞያ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ሓረስቶትን ካልኦት ዝምልከቶም ሰራሕተኛታትን ዘተኮሩ፡ መባእታውያንን



ዕምቈት ዘሎዎምን ስልጠናታት ተኻዪዶም። ክሳብ ኣጋ-ምዝዛም ናይ'ዛ ዝሓለፈት ዓመት ጥራይ፡ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚእቲ ሰባት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ስልጠናታት ወሲዶም። ኣብ'ዞም ስልጠናታት እዚኣቶም ኣባላት ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ኤርትራ፡ ሓረስቶትን ሰብ-ሞያ ሕርሻን ተሳቲፎም። ካብ ዝርዝራት ናይ'ዞም ስልጠናታት፡ እዞም ዝሰዕቡ ንኡሳን-ኣርእስታት ምሕደራ ሕርሻ ተምሪ ክንጠቅስ ንኽእል፦ ምውሳብ፡ ምርባሕ፡ ምጭላድ፡ ምርግጋጽ ጽሬት ገረብ፡ ቈጣቢ ምሕደራ ማይ፡ ምድኳዕ፡ ምቕምቃም፡ ምሕደራ ዘለላ ተምሪ፡ ምሕፋስ ምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ዕማማት ድሕሪ ምእራይ ተምሪ። እዞም ስልጠናታት በብእዋኑ ዝውደቡን ቀጸልትን ደኣ'ምበር፡ ሓንሳእ ተኻዪዶም ዘብቅዑ ኣይኮኑን።

ተምሪ፡ ብሓፈሻ ማሕበራዊ፡ ኣከባብያዊ፡ ቁጠባውን ሕክምናውን ኣበርክቶኡ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ገረብ ተምሪ፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝቕጽል ምህርቲ ስለ ዝሕፈሶ፡ "ኣቦ ገረብ" ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ፍሪኡ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣሎዎ። ኣዝዩ ምቁር መግቢ ድማ እዩ። ኣብ ሓያለይ ሃገራት ከም ቀዳማይ መግቢ ይስራዕ። "ስንቂ ነዊሕን በዳሂን መገሻ" ዝብል ስያመ ካብ ዝጠብቖ እውን ዘበናት ሓሊፉ ኣሎ። ናይ ጥዕና መግቢ ተባሂሉ ኸኣ ይግለጽ። ኣብ ቦታ ሕርሻ ዝርከብዎ ረብሓታት ድማ ብዙሓት እዮም። ገረብ ተምሪ፡ ሓመድን ማይን ኣብ ምዕቃብ ልዑል ዓቕሚ ኣሎዎ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ እዚ መረዳእታ፡ ኣብ ሓረስቶት ብዝያዳ እናተፈልጠ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ። እቶም ንሕርሻ ተምሪ ኣቐዲሞም ዝሰዓብዎ ዘተባብዕ ውጽኢት ረኺቦም ኣለዉ። ኣብ ዓመተ-2020 ብደረጃ ዓለም ኣብ ኣቡዘቢ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ እተኻየደ ሲምፖዝየም ተምሪ፡ ኤርትራ ከም ሓንቲ ካብተን ኣልማዕቲ ተምሪ ዝኾና ሃገራት ተፈላጥነት ረኺባ እያ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ንዘቕረበቶ መጽናዕታዊ ጽሑፍን መረዳእታን ምርኩስ ብምግባር፡ ኤርትራ መበል 41 ሃገር ናይዘን ተምሪ ዘፍርያ ሃገራት ኩይና ከም ዝተመገበት፡ ኣቶ ሙሴ ወሲኹ ይሕብር።

ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንሃገራዊ ፕሮጀክት ሕርሻ ተምሪ ንምዕዋት ሓያል ጻዕሪ ከካይድ ጸኒሑ። ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ፡ ብፍላይ ምስ ኣህጉራዊ ማዕከን ልምዓት ሕርሻ (IFAD)፡ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን (FAO) ከምኡ'ውን ምስ ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNDP) ብምትሕብባር; እተፈላለዩ መደባት ኣሳሊጡ።

ላዕለዋይ ክኢላ ልምዓት ተምሪ፡ ዶክተር ዓብደላ ቢን ዓብደላ፡ ነዚ ሃገራዊ ፕሮጀክት ኣብ ምቅላስ ዓቢ ስራሕ ከም ዝዓመመ ኣቶ ሙሴ ብፍሉይ ይምስክር።

“ኣብዚ እዋን፡ ሕርሻ ተምሪ ናብ ዝበዝሑ ከባቢታት ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ የስፋሕፍሕ ኣሎ። ዛጊት፡ እዚ ፕሮጀክት 99 ሚእታዊት ኣብ’ዞም ክልተ ዞባታት እተሓጸረ ኩይኑ ይቐጽል ኣሎ። ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ኣብ ከባቢታት ኣራዕታ፡ ዓሰብን ደቡብ ደንካልያን፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኸኣ ኣብ ከባቢታት ፎሮ፡ ኣፍዓበት፡ ሸዕብ፡ ምጽዋዕን ጋሕቴላይን ዝተተኽሉ ፈልሰታት ጽቡቕ ምዕባለ ኣርእዮም ኣለዉ። ኣብ ርእሲ’ቶም ብሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብዓቢኡ ክካየዱ ዝጸንሑ ስራሓት፡ ምምሕዳር ዞባታትን ሓይልታት ምክልኻል ኣብ’ዚ ፕሮጀክት ዝተጸወትዎ ተራ ልዑል እዩ ነይሩ” ይውስኽ፡ ኣቶ ሙሴ።

ብዛዕባ ብድሆታት ናይቶም ኣብዚ ሕርሻዊ ልምዓት ዝሳተፉ ዘለዉ ሓረስቶት ዝተወከሰናዮ ኣቶ ሙሴ፡ ብድሆታቶም ቀለልቲ ከም ዘይኮኑ፡ ጉዳይ ምሕደራ ማይ ድማ ኣብ ቅድሚት ዝሰራዕ ዛዕባ ከም ዝኾነን ይገልጽ፦ “ውሕሉል ስርዓት ምሕደራ ማይ፡ ብዝያዳ ኣብ ሕርሻ ተምሪ ልዑል ኣገዳስነት ኣሎዎ። ማይ ሃላኺ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። ገረብ ተምሪ ኸኣ ናይ ልዕሊ ሰብዓ ዓመት ዕድመ ዘሎዎ ገረብ እዩ። ስለዚ፡ ሓረስቶት ንዝሎዎም ጸጋ ማይ ብቑጣቢ ኣገባብ መስኖ ከመሓድርዎ ይግባእ። ‘ማይ ኣሎና’ ኢልካ ምጕሕጓሑ፡ ሳዕቤኑ ቀሊል ከምዘይኮነ፡ ካብ ተመኩሮታት ናይ ዝተፈላለየ ሃገራት ክንመሃር ይግባእ። ንሕና፡ ንሓረስቶት፡ ነጠብጣቢ ስርዓት-መስኖ ማይ ክጥቀሙን ብዝያዳ ንመጻኢ ክሓስቡን ኢና ንመኽሮም። ኣብዚ እዋን ግን ቀረብ መሳርዕ ናይ’ዚ ስርዓት-መስኖ የልቦን። እዚ ንባዕሉ ዓቢ ብድሆ እዩ። ምስኡ ዝተኣሳሰር ናይ ጸዓት (ነዳዲ) ሕጽረት እውን ኣሎ። ብነዳዲ ምቅጻል’ውን ክሕሰብ ኣይግባእን። ስለዚ፡ ተጠቃምነት ጸሓያዊ ጸዓት ሓደ ካብ’ቶም ክትግበሩ ዝኽእሉ ኣማራጺታት እዩ። ናብኡ ክዘብሉ ሓሳብ ንህብ ኢና። ኣብዚ’ውን እንተኾነ፡ ብቑዓት ናውቲ ክረኽቡ ይጽገሙ ኢዮም” ይብል።

ብዛዕባ ገለ ኻብ’ቶም ገና ኣብ መስርሕ ትግባረ ዘርከቡን ንመጻኢ ተታሒዞም ዘለዉን መደባት ናይ’ዚ ሃገራዊ ፕሮጀክት ክገልጽ ከሎ፡ ኣቶ ሙሴ እዚ ዝስዕብ መልሲ ይህብ፦

ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ፡ ክኢላታት ናይ በበይናም ዓውድታት ኣብዚ ሕርሻዊ ዓውዲ ከም ዝሳተፉ ምግባር፡ ዓቕሚ መደበራት ፈልሲ ምምዕባልን ምስፋሕን፡ እቶም ንሓረስቶትን ክኢላታትን ክውደቡ ዝጸንሑ ስልጠናታትን ትምህርትታትን ብጸዕቂ ከም ዝቕጽሉ ምግባር ከምኡ’ውን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ዓቢ ፋብሪካ ምዕሻግን ክዘናን ተምሪ ምትካል። ኣቶ ሙሴ፡ ምስ ፋብሪካ ምዕሻግ ኣተኣሳሲሩ፡ “ኩሉ መስርሕ ዝፍጸመሉ ከም’ዚ ዓይነት ፋብሪካ ንምትካል፡ ድሮ ኣብ ከባቢ ጋሕቴላይ ቦታ ተሓዚኡን ንድፌ ተሳኢሉን ኣሎ። ዳሕራይ ናብ ዓለም-ለኻዊ ዕዳጋ ከስግረና ምእንቲ፡ ካብ ናይ ምጽራይ ክሳብ ናይ ምዕሻግ መስርሕ ዝሰላሰለሉ፡ ዝሑል መኽዘን እውን ዘጠቓልል፡ ፋብሪካ ክኸውን እዩ – መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ። እዚ ትካል ኣብ ቀረባ መጻኢ ተሰሪሑ ክዛዘምን ኣብ ኣገልግሎት ክውዕልን እዩ መደብና። እዚ ክዉን ምስ ኰነ፡ እወታዊ ጽልዋ ክህልዎ እዩ” ይብል።

“ብዓቢኡ፡ ሕርሻ ተምሪ ኣብ ሃገርና ብዝተዓጻጸፈ መልክዑ ንኽሰፍሕ፡ መስርሕ ምርባሕ ናይ’ቶም ዓሌታት ዝያዳ ክድፍኣሉ እዩ። ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉ ፈልሰታት ዋጋኦም ኣዝዩ ክቡር እዩ። ዋጋ ሓንቲ ፈልሲ 38.00 ዶላር ኣመሪካ እዩ ዝበጽሕ። ወጻኢታት መምጽኢኡን ኣብ መደበር ፈልሲ ዝግበረሎም ክንክንን ወሲኽካ፡ እዚ ዋጋ ኣዝዩ እዩ ዝውስኽ። ኣብ ሃገርና፡ ንሓረስቶታት ብናጻ እዩ ክዕደል ጸኒሑ። ንመጻኢ ግን ብኸም’ዚ ኣገባብ ክኸየድ ዝከኣል ኣይኮነን። ወጻኢታት እንንክየሉ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክነተኣታቱ ይግባእ። ንኣብነት፡ ሓደ ሓረስታይ፡ ከም’ዚኦቶም ዝኣመሰሉ ሽሕ ፈልስታት ተምሪ እንተደኣ ወሲዱ፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ሽሕ ዝትከሉ ጫሌዳታት ተምሪ ናብ መደበር ፈልሲ ንኸረክብ ክነገድድ ኢና። ብተዘዋዋሪ ይኸፍል ኣሎ ማለት’ዩ። ከም’ዚ ምግባር፡ ነዘን ዘለዋና መደበራት ፈልሲ ብቐረብ ከህብትመን እዩ። እቲ ወጻኢታት እውን ክሸፈን ይኽእል እዩ። እዚ፡ ብቐንዱ፡ ሞያዊ ብቕዓት ሓረስቶት ክብ ንምባልን ብዝሒ ናይ’ቶም ኣብ’ዚ ሕርሻዊ ዓውዲ ዘውፍሩ ዜጋታት ከም ዝስስን ንምግባርን፡ ክንጥቀመሉ ሓሊንናዮ ዘለና ሜላ ኣሰራርሓ እዩ” ኢሉ መብርሂኡ ዛዚሙ – ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓሊ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ስነ-ህይወታዊ ቴክኖሎጂን ኣወሃሃዲ ሃገራዊ ፕሮጀክት ሕርሻ ተምርን፡ ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ።

***



# ልምዓት ተምሪ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ኣቶ ዳንኤል ከሰተ በርሀ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተወሊዱ። ኣብኡ ኸኣ ዓብዩ። ምስ ኣባላት ታሽዓይ ዙርያ ኣብ 1999 ናብ ሳዋ ወሪዱ። ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳዱ፡ ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ስለ ዝተዓወተ፡ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተጸምቢሩ፣ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ትምህርቲ ስነ-ፍልጠት ኣትክልቲ ተኸታቲሉ፡ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ። ኣብ 2004፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ተመዲቡ፡ ክኢላ ኣሕምልትን ፍረታትን ብምዃን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ክሰርሕ ጀሚሩ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ከኣ ሓላፊ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ኰይኑ ተመዚዙ። ኣብ 2011 ዳግማይ ናብ ምጽዋዕ ተሳሒቡ፣ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ልምዓት ተምሪ ኣብቲ ዞባ ኰይኑ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ምስ ኣቶ ዳንኤል ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ይስዕብ፦

"ከም ዝፍለጥ፡ ዞባና፡ ካብ ጫፍ ቅሮራ ክሳብ ገልዓሎ ዝዝርጋሕ ሰፊሕ ገማግም ባሕርን ጎላጉልን እዩ ዘውንን። እዞም ጎላጉል ንሕርሻ ተምሪ ቅሙጥ ጸጋ ኰይኖም እዮም ጸኒሖም" ብምባል እዩ፡ ዳንኤል ዕላሉ ጀሚሩ፦ "ሕርሻ ተምሪ ኣብ ዞባና ብኽልተ ግዱሳት ሓረስቶት እዩ ፈሊሙ። ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕን መምህር መልኣከ ገብረክርስቶስን ድማ ይብሃሉ። ኣብ 1996 ካብ ዘርኢ ተምሪ እናኣፍለሱ ሕርሻ ተምሪ ጀሚሮም። ሓያለይ ዓመታት ድሕሪ ዘወሰደሎም ሓያል ዕዮ ኸኣ እቲ ስራሕ ውጽኢታዊ ምዃኑ ከመስክሩ በቒዖም ኣለዉ። ብውጽኢት ስርሖም፡ ድሮ ኣብ ካልኦት ሓረስቶት'ውን እወታዊ ጽልዋ ከሕድሩ ክኢሎም ኣለዉ። እቲ ከም ነጥበ-መቐይሮ ታሪኽ ሕርሻ ተምሪ ኤርትራ ዝውሰድ ምዕባለታት ግን ካብ ዓመተ-2017 ንደሓር ዝመጸ እዩ።" ኢሉ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ነቲ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተበገሰ ግን ከኣ ዘገምታዊ ገስጋስ ዝነበሮ ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ዘቀላጥፍ ስጉምቲ እዩ ወሲዱ። ፈለማ



ዳንኤል ከሰተ በርሀ

2000 ብመጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመልመሉ ፈልስታት ካብ ወጻኢ ሃገር ኣምጺኡ። ኣብ መደበር ፈልሲ ምጽዋዕ ግቡእ ክንክን ተገይርሎም። ምስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምውህሃድ መጽናዕታዊ ስራሕ ምስ ተሳላሰለ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ንሓረስቶት ጋሕቴላይን እምበዓረዛን፣ ኣብ ምጽዋዕ ድማ ንሓረስቶት ደጎሊ፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየርን ግዱሳት ውልቀ ሰባትን ፈልስታት ተምሪ ተዓዲሎም። ኣብ ሸዕብ'ውን ንኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ ተወሰኽቲ ፈልስታት ተዋሂቦሞ። ኣብ ኣፍዓበት ንዓሰርተ ሓረስቶት፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ምጽዋዕ ከኣ ኣብ ትካላት መንግስትን መንበሪ ኣባይትን ንፈተነ ተተኺሎም። ውጽኢቱኸ፡ ከመይ ኰነ? ኣቶ ዳንኤል መብርሂኡ ይቕጽል፦

"ዘተባብዕ ውጽኢት ተረኺብዎ። እቶም ጽቡቕ ክንክን ዝረኸቡ ኣግራብ ተምሪ ኣብ ሳልሳይ ዓመቶም ፍረ ሂቦም። ካብኡ ንነጀው ፍረ ተምሪ ይኣቱ ኣሎ። ብድሕሪኡ ዝመጹ ፈልስታት'ውን ኣብ ዞባና ጥራይ ዘይኰነስ፡ ብውሑድ ምቕርሓ ዳርጋ ናብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ተዘርጊሖም እዮም ክንብል ንኽእል። ካብ መደበር ፈልሲ ምጽዋዕ፡ ናብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከባቢ ዓላ ናይ ዞባ ደቡብ፡ ሕርሻ ዲላበርዕድ ናይ ዞባ ዓንሰባ ከምኡ'ውን ከባቢ ኦምሓጀር ናይ ዞባ ጋሽ-ባርካ ተዘርጊሖም። እቲ ጉድኒ-ጉድኒ ንጥፈታት ምትካል ፈልሲ ተምሪ ናይ ሓረስቶት ዝተዋህበ ስልጠናን ኣስተምህሮን ከኣ፡ ኣፍልጦ ክብ ኣብ ምባል ልዑል ውጽኢት ስለ እተረኽቦ፡ ኣብዚ እዋን፡ እቲ ዕማም፡ ተስፋ ኣብ ዝህብ ደረጃ ይርከብ ኣሎ።"

ንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓቢ ቁጠባዊ ረብሓ ክርከቦ ከም ዝኽእል ዝሓበረ ኣቶ ዳንኤል፡ ዋላ'ኳ መጠን ምህርቲ ካብ ሓደ ዓሌት ገረብ ተምሪ ናብ ካልእ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ብገምጋም ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ኩንታል (ካብ ሓንቲ ገረብ) ከም ዝሕፈስ ይሕብር።

ኣብቲ ዞባ፡ ኣብ ዓመተ-2017 ብእታው መልክዕ ናብ ኤርትራ ዝመጹ ትሽዓተ ምሩጻት ዓሌት ተምሪ ተተኺሎም ከም ዘለዉ ዝሓበረ ኣቶ ዳንኤል፡ ቀድሚኡ'ውን ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ሃገራት ወጻኢ ዘእተዎም ፈልስታት ተተኺሎም ምንባሮም ይገልጽ።

"ብጠቕላላ ዓሰርተ-ኣርባዕተ ዓሌታት ተምሪ ኣለዉና ክንብል ንኽእል። እቲ ብዘርኢ ዝተተኽለ ገረብ ከም ውጹእ ወይ ጽሩይ ዓሌት ክጽብጸብ ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ እዋን፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ብደረጃ ዓለም ብሉጻትን ኣኽሰብትን ዝበሃሉ ዓሌታት ተምሪ ኣብ ዞባና ተተኺሎም ኣለዉ።" ድማ ይብል።

መዛግብቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ዘረጋግጽዎ፡ ክልተ ሓረስቶት በብውልቀዎም ዝመወስዎ ዓውዲ ሕርሻ ተምሪ ናይቲ ዞባ፡ ኣብዚ እዋን 230 ሓረስቶት ዝሳተፉዎ ኰይኑ ኣሎ። ብመንጽር ዝርግሐ እውን፡ ንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እቲ ዞባ እዮም ዝካየዱ ዘለዉ። እቲ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ንዓውዲ ሕርሻ ተምሪ ቀንዲ ዕንቅፋት ኰይኑዎ ዝነበረ ብድሆ ድሩት ኣፍልጦ ሕርሻ ተምሪ ከም ዝኾነ፡ ካብ ኣቶ ዳንኤል ክንግንዘብ ክኢልና። ንሱ ብዛዕባኡ ከምዚ ይብል፦

"ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓውዲ ስራሕ፡ ፍልጠት ቀታልን-መሓርን ረቛሒ እዩ። ኣብ መዳይ

ሕርሻ ተምሪ ድማ፡ ኣገዳስነት ኣፍልጦ፡ ካብ ወፍሪ እዩ ዝጅምር። ሓረስታይ፡ ብሓፈሻኡ፡ ብዛዕባ ንሕርሻ ተምሪ ዝምልከት ኣኰዓዕታ ጉድጓድን ኣገባቡን፣ ኣተኻኽላን ኣኩሳኹሳን፣ መስርሕ ዓቐናዊ ኣወሃህባ ማይን ድግምጋሙን፣ ኣቀናጥባን ድሕሪ ምቕንጣብ ክግበር ዝግባእ ስራሕ ወዘተ. ግቡእ ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ነዚ ብድሆ ንምእላይ ግን ቀጻልነት ዝነበሮም ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን ተዋሂቦም። ኣብ ንጥፈታት ሓረስቶት እውን ዕቱብ ምክትታል ተገይሩ። ካብ ጉዳይ ጠለብ ክሳብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ጉዳያት ዝፍትሽ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ንገብር ኢና። ፈልሲ ምስ ተዋህቡ፡ ብዓቢኡ ኣብ እዋን ምትካል ካብ ጉድኒ ሓረስቶት ኣይንፍለን ኢና። መስርሕ ምውሳብ ዓቢ ጥንቃቐን ፍልጠትን ዝሓትት ስራሕ ስለ ዝኾነ፡ መስርሕ ምውሳብ'ውን ብቐንዱ ናትና ልዑል ግደ ኣሎዎ። ብዛዕባ ካብ ዘለላ ተምሪ ቀንጢብካ ምንካይ ዘውሕሶ ረብሓ ዘይምፍላጥ፡ ንውጽኢታውነት ኣግራብ ተምሪ ብኣሉታ ይጸልዎ ነይሩ እዩ። ማለት ንምህርቲ ዘጉድሎ ይመስሎም ነይሩ። ከምኡ ግን ኣይኮነን። ንዘለላ እንተደአ ፍረ ኣጉዲልካላ፡ ብዙሕን ደቂቕን ፍረ ምሃብ ሓዲጋ፡ ፍሩይን ብርኩትን ፍረ እያ እትህብ። ኣብ እዋን ምቕንጣብን ድሕሪ ምቕንጣብን ናይ ሕርሻ ተምሪ'ውን ስራሕ ይቕጽል እዩ። ብዝኾነ ኣብቲ ፈለማ እዚ ብድሆታት ነይሩ። ንሕና ኸኣ ዋሕዲ ሞያውያን ዋላ ይንበረና፡ ብምኽርን ምክትታልን ኣይተፈለናዮምን። እዚ ናይ ዋሕዲ ፍልጠት ብድሆ ግና ስምብራቱ ቀሊል ኣይነበረን።"

እቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ሓፈሻዊ ብድሆ ሓረስቶት ተምሪ ናይ'ቲ ዞባ ድማ፡ ውጽኢት ክሳብ ዝርእዩ ናብ ካልኦት ዋኒናት የድህቡ ምንባሮም እዩ። ሕርሻ ተምሪ ብኣንጻሩ ምሉእ ምክትታልን ኣድህቦን እዩ ዝሓትት። ኣብዚ እዋን፡ ኣፍልጦን ተመኩሮን ይምዕብል ስለ ዘሎ፡ እዚ ስክፍታ ተቐንጢጡ ኣሎ ክበሃል ይኽእል። ካልኦት ንኣሽቱ ብድሆታትን ሕጽረታት'ኳ እንተ'ለዉ፡ ሓረስቶት ከከም ኩነታቱ ብዓቕሞም ክፈትሕዎ ይጽዕሩ እዮም። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተኻየዱን ዝቕጽሉ ዘለዉን ጻዕርታት ኣረጋጊጾሞ ዘለዉ ለውጢ ተስፋ ዝህብ እዩ።

ኣቶ ዳንኤል፡ ሓደ ኻብቶም ቀንዲ ደረኽቲ ረጃሒታት፡ እቲ ኣብ ምድላብ ክኢላዊ ዓቕሚ ብመንግስቲ ዝተገብረ ወፍሪ ምኳኑ እዩ ዝገልጽ፦ "ንሕና ንረኽቦ ዘለና ትምህርትን ስልጠናን ዓቢ እዩ። ንኣብነት፡ ሚኒስትሪና ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ተመኩሮ ንኽንወስድ ናብ ሃገራት ወጻኢ ሰዲዱና ነይሩ። ኣብኡ ኣጽኒዕናዮ ዝመጻእና ፍልጠትን ኣሰራርሓን ኣብ ሃገርና ኣብ ግብሪ ኣውዒልናዮ ኣለና። ብዓቢኡ ላዕለዋይ ክኢላ ሕርሻ ተምሪ ዶክተር ዓብደላ ከም ኣማኻርን ቀላሲ ናይ'ዚ ሃገራዊ ፕሮጀክትን ምሳና ምህላዉ ብዙሕ ሓጊዙና እዩ። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ፡ ዓለም-ለኻዊ መምዘኒ ዘማልአ ተምሪ ክንሓፍስ ንኽእል ኢና።" ይብል እሞ – ኣቶ ዳንኤል ከሰተ– ንዝሃበና መብርሂ ብኸም'ዚ ይድምድሞ፦ "ልምዓት ሕርሻ ተምሪ፡ ከውሕሰልና ዝኽእል ቁጠባዊ ረብሓ ቀሊል ከም ዘይኮነ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ክንመሃር ክኢልና ኣለና። ስለዚ፡ ንተምሪ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ብዝግባእ ክለምዓሉ ዝኽእል ቦታ እንተ ደኣ ብውጽኢታዊ ኣገባብ ተኺልናዮ፡ መነባብሮና ከነመሓይሽ ንኽእል ኢና። ኣብ ምምሕያሽ ቁጠባ ሃገር እውን ዓቢ ተራ ክህልዎ እዩ። ናብዚ ወፍሪ ዝኣትዉ ሓረስቶት ድማ ክኢላታት እናተወከሱ ሞያዊ ኣተሓሕዛ ክሳብ ዘዘውተሩ፡ ነቲ እንደልዮ ሽቶ ክንወቕዖ ጸገም ኣይክህልወናን እዩ። ኣብ መወዳእታ እውን ምስ'ተን ካብ ሰደድ ተምሪ ናይ ሚልዮናት ዶላራት መኽሰብ ዝረኽባ ዘለዋ ሃገራት ክንሰራዕን ዝያዳ ተጠቀምቲ ክንከውንን ኢና።"

***



# ሓጺር ዕላል ምስ ዶ/ር ዓብደላ ቤን ዓብደላ

ዶ/ር ዓብደላ ቤን ዓብደላ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፍ ዘሎ ላዕለዋይ ክኢላን ኣማኻርን ልምዓት ተምሪ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ዓመታት፡ ኣብ ምምዕባልን ምስፋሕን ሕርሻ ተምሪ ሃገርና ብንጥፈት ከበርክት ጸኒሑን ኣሎን። ዶ/ር ዓብደላ፡ ንሞያዊ ተመክሮኡን ንገስጋስ ንኡስ-ጽላት ተምሪ ሃገርናን ብዝምልከት ብዝርዝር ኣዕሊሉና ነይሩ። ኣብ ምጅማር ቃለ-መሕትትና፡ ምስ ድሕረ-ባይታኡ ከላልየና ኢና ተወኪስናዮ። መልሱ እዚ ዝስዕብ ነበረ፦

ዶ/ር ዓብደላ፦ ቱኒዝያዊ እየ። ኣብ ደቡባዊ ቱኒዝያ ተወሊደ፣ ዓብየን ተማሂረን። እዋን ንእስነተይ፡ ምስ ስድራ-ቤተይ ብፍቕሪ ኣሕሊፈዮ። ስድራይ ሓረስቶት እዮም ነይሮም። ኣቦይ ተምሪ ዘፍሪ ሓረስታይ እዩ ነይሩ። ጽልዋ ኸኣ፡ ውዒሉ-ሓዲሩ፡ ናብ ፍቕሪ እዩ ዝቕየር። ቀዳማይ ዲግሪ ብስነ-ሕርሻ ተመሪቐ። ትምህርተ ክቕጽል ዕድል ምስ ረኸብኩ፡ በቲ ዓውዲ ቐጺለ። ናይ ማስተርስን ዲግሪን ዶክትሬይት ትምህርተይ'ውን ብሕርሻዊ ምህንድስና እየ ወዲአ። ኣብ መወዳእታ ዘዳለኹዎ መጽናዕታዊ ጽሑፈይ ኣብ ባህርያትን ጠባያትን ገረብ ተምሪ ዘተኮረ ምርምር-ዝባይታኡ እዩ ነይሩ።

**ድሕሪ ናይ ትምህርቲ ህይወትካኸ**

- ፈለማ ኣብ ማእከል ምርምር ተምሪ እየ ከም ዳይረክተር ኰይነ ንዓሰርተ ዓመታት ሰሪሐ። ብድሕር'ዚ ኣብ ውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም ን17 ዓመታት ከም ላዕለዋይ ክኢላ ተምሪ ኾይነ ኣብ ሓያለይ ሃገራት ሰሪሐ። ገና እውን እቕጽል ኣለኹ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከም የመን፡ ናሚብያ፡ ግብጺ፡ ስዑዲ ዓረብ ሰሪሐ፣ ሕጂ ድማ ኣብ ኤርትራ እሰርሕ ኣለኹ። እናሰራሕካ ብዙሕ ተመክሮ ኢኻ እተጥሪ። ብሓፈሻ ድማ ካብ'ዘን ሃገራትን ካብ ዓለም-ለኻዊ ማሕበር ተምርን'ውን ምስጋናን ኣፍልጦን ክረክብ በቒዐ።

ኣብ ኣገባብ ምብዛሕ ተምሪ እተፈላለዩ ምምሕያሻት ገይረ እየ። እዚኣቶም፡ ብምርምር እተደገፉን ግብራዊ ውጽኢት



ዶ/ር ዓብደላ ቢን ዓብደላ

ዘርኣዩን እዮም ነይሮም። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ዓመት-2018፡ ብምምሕያሽ ሕርሻዊ ምህርትን ተምሪ ሕርሻን፡ "ኸሊፋ" ዝብሃል ናይ ክብሪ ሽልማት ተዋሂቡኒ። ንዓውዲ ሕርሻ ተምሪ ዝምልከቱ ልዕሊ ኣርባዓ ዝቕጽሮም መጽናዕታዊ ዓንቀጻት ኣብ ዝተፈላለያ ስነ-ፍልጠታውያንን ዓበይትን ምርምራውያንን መጽሔታት ኣሕቲመ ኣለኹ። ክልተ መጻሕፍቲ እውን ኣሕቲመ እየ፦ "ጥቁው ምሕደራ ሕርሻ ንብቑዕን ብርኩትን ምህርቲ ተምሪን" ከምኡ'ውን "ሃገራዊ ስትራተጂ ግብጺ ኣብ ልምዓት ተምሪ" ዝኣርእስተን መጻሕፍቲ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ነንበይኑ ክፋላት ዓለም ዝመጹ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ክኢላታትን ሓረስቶትን ኣሰልጢነ ኣለኹ። እዚኣቶም፡ ግብራውያን ሰባት ኰይኖም ክርእዮም ከለኹ ኸኣ ባህታ እስምዓኒ።

**መዓስ ኢኻ ናብ ኤርትራ መጺእካ?**

- ብ 2017፡ ኣብ ሞንጎ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራን ውድብ መግብን ሕርሻን ዓለምን እተገብረ ስምምዕ እየ መጺአ። ኣብቲ ብኣባላት ሕርሻዊ ምርምር ዝካየድ ኣብ ኣካሊታዊ ክንክን ዝተመርኰሰ ዕማም ምብዛሕን ምርባሕን ተምሪ፡ ቴክኒካዊ ሓገዝ ከበርክት ብውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም ተመዚዘ። ነቲ ዝተጀመረ ፕሮጀክት ንምምዕባልን ተምሪ ንምርባሕን ብሓባር ክንሰርሕ ጀሚርና። ግብራዊ ስልጠናን ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርትን'ውን ሂበ።

**ንኤርትራ፡ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ከመይ ረኺብካያ?**

- ኤርትራ ንሕርሻ ተምሪ ምችእቲ ሃገር እያ። ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ሰፊሕ ንጥፈት ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ክካየድ ይኽእል እዩ። እዚ ንጥፈት፡ ካብ 2017 ክሳብ 2023 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ኣዝዩ ዕዉት ነይሩ። ጎላጉል ናይ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ሃብታም ሓመድ ኣሎዎ። ንሕርሻ ተምሪ ኣዝዩ እዩ ዝሰማማዕ። ድሮ'ውን ፍርያቱ ክሕፈስ ተኻኢሉ ኣሎ። መስርሕ ልምዓት ተምሪ ኤርትራ ምስ ናይ ናሚብያ ይመሳሰል እዩ።

**መስርሕ ልምዓት ተምሪ ናሚብያ ከመይ ድዩ ዝመስል?**

- ክሳዕ 1995፡ ኣብ ናሚብያ፡ ልምዲ ሕርሻ ተምሪ ኣዝዩ ፍሉጥ ኣይነበረን። እቲ ዝርካቡ'ውን ካብ ፍረ ኣብ ዝፈልስ ገረብ ተምሪ ዝተመርኰሰ እዩ ነይሩ። ኣብ 1996 ግን መንግስቲ ናሚብያ፡ ኣብ ሕርሻ ተምሪ ዓቢ ወፍሪ ገይሩ። ካብ ውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም ከኣ ቴክኒካዊ ሓገዝ ሓቲቱ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት ምህርቲ ሓፊሶም። መንግስቲ፡ ሰለስተን ኣገደስትን ዞባታት ናይታ ሃገር፡ ቦታ ሕርሻ ተምሪ ምዃነን ብዕሊ ኣዊጁ። ሞዡል፡ ባርሒ ከምኡ'ውን ቦውፋጎስ ዝበሃሉ ዓለም-ለኻዊ ብልጫ ዘሎዎም ዓይነታት ተምሪ ብብዝሒ ተኺሎም። እዚ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ መንግስቲ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝገበሮ ዓቢ ወፍሪ፡ ንውልቀ ሓረስቶት'ውን ኣተባቢዑ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ዓሰርተ ፈልሰታት ተምሪ ንኽትከል ዝርጊሕና። ኣብቲ መስርሕ፡ ንጽጉማትን ማሕበር ደቀ'ንስትዮን ፍሉይ ሓለፋ ተገይሩ። ኣብ ካልኣይ ሓሙሽተ ዓመት ናይቲ ወፍሪ፡ ዓይነት ተምሪ ካብ ሰለስተ ናብ ሓምሳ ዓብዩ። ብመንጽር እቲ ብተምሪ ዝለምዐ ስፍሓት መሬት ክዛረብ እንተኾይነ ድማ፡ ኣብ 162 ሄክታር፡ 14,946 ኣግራብ ተምሪ ኣብ

ፍረ በጺሑ። እቲ ስራሕ ከምዚ ኢሉ እናቐጸለ፡ ኣብ ዝሰዓቡ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ሽሕ ኣግራብ ተምሪ ተተኺሎምን በብዓይነቱ ብሉጽ ተምሪ ፈርዮን። ብማእከላይ ገምጋም፡ ካብ ሓንቲ ገረብ 350 ኪሎ-ግራም ተምሪ ኣትዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ናሚብያ ሓንቲ ኻብ'ተን ብሉጽ ዓይነት ተምሪ ዘፍርያ ሃገራት ዓለምና ክትከውን በቒዓ። ኣብ'ዛ ሃገር እዚኣ ዘሐብነኒ ስራሕ ዓሚመ ክብል እኽእል።

### ናብ ተመኩሮ ኤርትራዶ ክንምለስ

- ዛጊት፡ ኣብ ኤርትራ 23 ሽሕ ኣግራብ ተምሪ እዩ ተተኺሉ ዘሎ። ብኸምዚ ዘሎዎ ናህሪ እንተቐጺሉ፡ ኣብ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት፡ እዚ ቝጽሪ ካብ 100 ሽሕ ክሳዕ 200 ሽሕ ክበጽሕ እዩ። ካብ ግዜ ንእስነተይ ኣትሒዘ ዝተመሃርኩዎ ሓቂ ኣሎ። ገረብ ተምሪ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ጽቡቕ ምህርቲ ክህብ ይኽእል እዩ። ብዝግባእ እንተ ተመሓዲሩ ኸኣ ናይ ልዕሊ ሰብዓ ዓመታት ፍርያም ዕድመ ኣሎዎ። ንኡስ-ጽላት ተምሪ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ገለ ዓመታት ንኹሉ ሰብ ከገርም ይኽእል እዩ። ብወገነይ፡ 'ኤርትራ ዓቢ ኢንዱስትሪ ተምሪ እትውንን ሃገር ክትከውን' እያ ኢለ እኣምን።

### ንኤርትራውያን ክኢላታትን ሓረስቶትን ከመይ ትገልጾም?

- ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር - ሓልሓለ ዝነጥፉ ኣባላት ቤተ-ፈተነ ናይ ኣካሊታዊ ክንክን ምብዛሕ ተምሪ ኣዝዮም ውፉያትን ናይ ስራሕ ወኒ ዘሎዎን እዮም። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዝገበሩዎ ሓያል ጻዕሪ፡ ኣብ መዳይ ምርምር ኣካሊታዊ ክንክን ምብዛሕ ተምሪ ዓቢ ዝላ ኣርእዮም። ኣብዚ እዋን፡ ኣንስታይ ፈልሲ ካብ ተባዕታይ ቀልጢፎም ክፈልዩዎ ኣይሸገሩን። ልክዕ'ዩ፡ ኣብ መስርሕ ምርባሕ ገለ ሕጽረታት ኣይሰኣንን እዩ። ቀንዲ ስራሐይ ከኣ ንዝተርፎም ፍልጠትን ክእለትን ምዕባይ እዩ።

ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ዘለዉ ሓረስቶት ልዑል ድሌት ስራሕን ፍልጠትን ኣሎዎም። ንኹሎም እቶም ዓለም-ለኻዊ ዓሌታት ተምሪ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ስራሕና ክንዕወተሎም ክኢልና።

ንልዑል ምትሕብባር ሚኒስተር ሕርሻን ኣባላቱን ዘሎኒ ኣድናቖት'ውን ክገልጽ ባህ እብለኒ። ንኣባላት ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽንን ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለን ከምኡ'ውን ንሓረስቶት ምስጋናይ ከቕረበሎም እደሊ።

ኣብ ኤርትራ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ክመሃርን ክተሓጋገዝን ድሉውነት ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ሓልሓለ፡ ከምኡ'ውን ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከቡ ሓያለይ ሰብ-ሞያ ሕርሻ ስልጠና ሂብና ኢና። ቀንዲ ኣተኩሮ ስልጠናታትና ኣብ ኣካሊታዊ ክንክን ምብዛሕ ተምሪ፡ ግቡእ ምሕደራ ሕርሻ ተምሪ፡ ቍጽጽር ባልዓትን ሕማማትን ተምሪ እዩ ነይሩ።



ብምኽንያት ቋንቋኣዊ ብዙሕነት ናይ ስልጠንቲ፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ማለት ብእንግሊዝኛ፡ ትግርኛ፡ ዓረብን ካልእን ክንምህር ኣይተሸገርናን። ብተወሳኺ ኑቶም ዝዳለናዮም መምሃሪ ሰነዳትን በረርቲ ጽሑፋትን ናብ ኩሎም ሰልጠንቲ ዓዲልናዮም። እቲ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝሃብናዮ ተኸታታሊ ስልጠና፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ክንደግሞ ውጥን ኣለና። ምስግጋር ፍልጠት ዘቋርጽ መስርሕ ኣይኮነን፤ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓይነት ዕማም።

### እዚ ሃገራዊ ተበግሶ ልምዓት ተምሪ ቴክኒካውያን ሕጽረታትን ዘይተጀመሩ ምዕራፋትን ኣለዉዎዶ?

- ብሓጺሩ፡ ኣብዚ እዋን ክምዕብሉ ወይ ክተዓራረዩ ዘየጸግሙ ቴክኒካዊ ሕጽረታት ኣለዉ። ኣብ ብሉጻት ዓይነት ተምሪ፡ ምሕደራ ዘለላ ተምርን ምቕዋዕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ተምርን ቴክኒካዊ ፍልጠት መሊሱ ከም ዝዓብን ከም ዝተባባዕን ምግባር፡ ክተርፍ ዘይብሉ ዕማም እዩ። ምስኡ'ውን ኣብ መዳያት ኣተሓሕዛ፡ ኣተዓሻሽጋ፡ ክዘናን ዕዳጋን ምህርቲ ተምሪ ድኽመት ኣሎ። ብዛዕባ ዘቤታዊ ዕዳጋን ሰንሰለታት ክብሪ ተምርን ኣተኩርና ንመጻኢ መጽናዕቲ ከነካይድ እውን ከድልየና እዩ።

### ኣብ መወዳእታ ክትብሎ እትደሊ ነገር እንተሃልዩ?

- ናይ ስራሕ ተመኩሮይ ምርኩስ ብምግባር፡ ሕርሻዊ ልምዓት ተምሪ ኤርትራ ጽቡቕ ይኸይድ ከም ዘሎ እየ ዝግምግም። ዕዉት እዩ ክብል እኽእል። ኣብ ዝቕጽሉ ሓሙሽተ-ሽዱሽተ ዓመታት ከኣ ዘቤታዊ ጠለባት ኣማሊኡ ናብ ሰደድ ከቕንዕ ሽግር ኣይክህልዎን እዩ።

ኤርትራ፡ ጥዕምቲ ሃገር እያ። ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ባጽዕን ዓሰብን ነዊሕ ግዜ ኣሕሊፈ እየ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ፍልጠት ዝጸምእን ክሰርሕ ዝደልን እዩ፣ ብስራሕ ክዕወት እዩ። ንሓረስቶት፡ ንሚኒስትሪ ሕርሻን ንመንግስቲ ኤርትራን ሰናይ እምነ።

# ኣልማዕቲ ተምሪ እንታይ ይብሉ?

## ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ



ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፡ “ኣብ ሃገረይ ተምሪ ከፍሪ እየ” ዝብል ሓሳብ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ኣእምሮኡ ተመላሊሱ። ቃልሲ ሓርነት ኣብ ምዕራፉ በጺሑ ዝርእየሉ ግዜ ክቀላጠፍ’ሞ፡ ናብ ዓዱ ኣትዩ ክሰርሕን ከልምዕን ኣመና ህንጡይ ነበረ። ብሕልፊ ጩራታት ሓርነት ናብ ምብራቓዊ ገማግም ኣብ ዝተቐልቀለላ ዓመተ-1990 ምድላዋቱ ጀመረ። ኣብ 1991፡ እቲ ንልዕሊ 17 ዓመታት ኣብ ኣኣምሮኡ ከሰላስሎ ዝጸንሐ ልምዓት ሕርሻ ተምሪ፡ ኣብ ባይታ ዝትግበረሉ መድረኽ ኣኸለ። ሓርነት መላእ ሃገር ስለ ዝተረጋገጸ፡ ምስቶም ቀዳሞት ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዝተመልሱ ኤርትራውያን ናብ ሃገሩ ኣተወ። መስርሕ ረፈረንደም ምስ ተዛዘመ፡ ናብ ምምሕዳር ዞባ ብምኻድ፡ ናይ ተምሪ ሕርሻ ክገብር ሓሳብ ከም ዘሎዎ ኣፍለጠ። ድሕር’ዚ፡ ኣብ ከባቢ ሸዕብ መሬት ተዋህቦ’ሞ፡ ናይ ወፍሪ ዓቕሙ ድሩት ክነሱ፡ ብገዚፍ ወጻኢታት፡ ፍረ ተምሪ ብምትካል፡ ‘ሀ’ ኢሉ ናይ ልምዓት ስርሑ ኣበገሰ። ንተመኲሮኡ ዘደንፍዕ ሕርሻዊ ምኽሪ ክወሃቦ ስለ ዝሓተተ፡ መንግስቲ፡ ኣብ’ዚ ዓውደ-ሕርሻ ፈላሚ ከም ዝኾነ ሓረስታይ መጠን ኣተባብዖ። ብመገዲ መጽናዕታዊ ኣካሊ.ታዊ ክንክን (Tissue Culture) እተመልመለ ምሩጽ ፈልሲ ተምሪ እውን ሃቦ። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ዝወሰደ ከቢድ ጻዕርን ምጽማምን ድማ ምህርቱ ክሓፍስ በቕዐ። ብዓቕሙ ዕዳጋታትን ዋጋን ተምሪ ኣብ ምርግጋእ ቀሊል ዘይኮነ ተራ ተጻወተ። ኣብዚ እዋን፡ 540 ኣግራብ ተምሪ ይውንን። እቶም 270፡ ብኣካሊት ዝፈለሱ ምሩጻት ዓሌት ተምሪ ኹይኖም፡ ኣብ ንግዳዊ ሕርሻ ጽቡቕ ውጽኢት ክህልዎም ተሰፋ ተነቢሩሎም ካብ ዘለዉ እዮም። ማእከላይ ገምጋም ናይ ዓመታዊ ምህርቱ፡ 150 ኪሎ ግራም ካብ ሓንቲ ገረብ በጺሑ ኣሎ። ድሮ እውን ምህርቱ ናብ ወጻኢ ሃገር ክሰድድ ዕላዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ኣሎ።

ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፡ ብ1942፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማርሳ-ቈባዕ ናይ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ እትርከብ ዓዲ፡ ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ተወሊዱ። ከም ኵላቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ መዘናኡ፡ ቅዲ መነባብሮ ናይ’ቲ ገማግም ባሕሪ ተላቢሱ እዩ ዓብዩ። ቀስ-ብቐስ፡ ኣብ መጓሰ ናብ ናይ ባሕርን መሬትን ንግዲ ክነጥፍ ጀመረ። የግዳስ፡ እቲ ግዜ ኣይጠዓመን። ሓዳር ገይሩ ናብራኡ ክመርሕ ኣይሓገዞን። ኮታስ ቅሳነት ኣይተረኸበን። እቲ ኣብኡ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ፡ ብኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣደራዕ ስለ ዝኸበዶ፡ መብዛሕትኡ ናብ ስደት እዩ ኣምሪሑ። ኣቶ ዓብደላ እውን ምስ ስድራ-ቤቱ ናብ ስደት ክምርሕ ተገደደ። ካብ ማርሳ-ቈባዕ፡ ናብ ማርሳ-ተኽላይ፡ ካብ ማርሳ-ተኽላይ ድማ ናብ ሱዳን ሰገረ። ኣብ ሱዳን ንውሑድ ዓመታት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብራኡ ንምምሕያሽ ናብ ስዑዲ ዓረብ ሰገረ።

“ዘይዓድኻ ኣይዓድኻን እዩ። ኣብ ዘይዓድኻ ዝተቐረበልካ እምበር፡ ኣማሪጽካ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስዑድያ ምስ ኣተኹ፡ እታ እንኮ ዝረኸብኩዋ ዕድል ስራሕ፡ ሕርሻ እያ። ናይ ጉልበት ሰራሕተኛ ኹይነ ተቐጺረ” እዩ ዝብል ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ።

ነቲ ናይ ስደት ህይወት ክብድሆ እምበር፡ ኢዱ ኣልዒሉ ክሰዓረሉ ኣይመረጸን። ካብ ከተማ ናብ ርሑቕ በረኻታት ብምውጻእ፡ እናሸቀለ ህይወቱ መርሐ። ናይ ማሕረስ ህይወት፡ ንትዝታን ቃንዛን ስደት ብመጠኑ ዝድብስ ኰይኑ ረኸቦ። እቲ ምስጢር ካልእ ዘይኰነስ፡ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ሓሳብን ምስቁርቋርን ከጕድል ስለ ዝኸኣለ ጥራይ እዩ፤ ብፍላይ እኳ ኣብ ስራሕ ሕርሻ ተምሪ ምስ ተጸንበረ። ነቲ ስራሕ ፈትዩዎ። ናብራኡ እውን በቲ ስሩዕ ዕለታዊ ንጥፈታት ክሰርዕ ከኣለ። ነታ ሸዑኡ ኣእምሮኡ ዝበሓተት ሓሳብ ግን ብቐጻሊ የውርዳን የደይባን ነበረ፦ ‘ኤርትራ ዝዓበየ ሕርሻ ተምሪ እትውንን ሃገር ክትከውን ትኽእል’ያ። ብኹሉ ምችእቲ እያ። ብሕልፊ፡ እቲ ካብ ከበሳ ውሑጅ ዝወርዶ ከባቢታት ምብራቓዊ ጎላጉል ብተምሪ ክለምዕ ይኽእል እዩ። ንኣና ማይ ኣለና። ሃብታም ሓመድ ኣለና።’ ምስ’ዚ ኣተኣሳሲሩ፡ ኣብ ቦታ ስርሑ ትምህርትን ተመኲሮን ክቕስም’ውን ጸዓረ። ሽሕ’ኳ ኣሰራሕቱ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ሕርሻ ተምሪ ዝመጸ ምሉእ ፍልጠትን ምስጢርን ከፍልጥዎ ፍቓደኛታት እንተዘይነበሩ፡ ብናቱ ምብልሓትን ጻዕርን ገለ ፍልጠት ከዋህልል ከኣለ።

“ኵሉ ሓሳበይ፡ ኣብ ሃገረይ ናይ ተምሪ ሕርሻ ክገብር ኣሎኒ ዝብል እዩ ነይሩ። ኣብ ሕርሻ ተምሪ ከውፍር እንተድኣ ኹይነ ድማ ኣርሒቐ ክጥምት ነይሩኒ።

ገንዘብ ከዋህልልን ክቑጥብን ናይ ግድን'ዩ ነይሩ። ሓዳረይ እናኣለኹ ገንዘብ ከዋህልል ጀሚረ" ክብል'ውን፥ ነቲ ናይ ሕጂ መደብ ብዓንተቦኡ ክዳለወሉ ከም ዝተገበሰ ይሕብር።

"ጠቕሊልካ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኣተኻሉ እዋን፥ ኩነታት ከመይ ጸኒሑካ" ዝብል ሕቶ ኣቕሪብናሉ።
"ናብ ሃገር ክኣቱ ከለኹ፥ ኤርትራ ካብ ባዶ እያ ትብገስ ነይራ። መንግስቲ'ውን ንኹሉ ወፍሪ ዝኸውን ገንዘብ ኣይነበሮን። በተን ዝነበራኒ ገንዘብ ክብገስ እንተዘይኮይኑ፥ ካልእ ኣማራጺ ከም ዘይብለይ ኣሚነ። ናብ ምምሕዳር ከይደ ዘልምዓሉ ቦታ ሕርሻ ክወሃበኒ ሓቲተ። ዘድሊ ቅጥዒታት ኣማሊአ። ከልምዖ ዝኽእል ቦታ ተዋሂቡኒ" ይብል ኣቶ ዓብደላ – ነቲ ሓድሽ ወፍሪ ሕርሻ ተምሪ ብኸመይ ከም ዝኣተዎ እንክሕብር።

ንኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፥ ኣብ ከባቢ ሽዕብ እዩ መሬት ተመሪሕሉ። እቲ ኸባቢ ብበዱኡ እዩ ጸኒሕዎ። ንምድልዳል መሬት ጥራይ ዓቢ ባጀት ክሰልዕ ነይሩዎ። ንሱን ኣባላት ስድራ-ቤቱን ናብ ስራሕ እናወፈሩ፥ ትራክተርን ዶዘርን እውን እናተኻረየ ሓያል ጻዕሪ ኣካየደ። ከቢድ ወጻኢታት ስለ ዝሓተተ ኸኣ፥ ንመሬት ናይቲ ቦታ ቀልጢፉ ከደላድሎ ኣይከኣለን። ይኹን'ምበር፥ ቡቶም ዝነበርዎ ሕጽረታት ከም ዘይተዳህለ፥ ከም'ዚ ክብል ይገልጽ፦ "ዕላማ ስለ ዝነበረኒ ኣይተሃወኽኩን። ብትዕግስቲ ስርሐይ ቀጺለ። ንዘጋጠሙኒ ሕጽረታትን ብድሆታትን ከኣ ሰጊረዮም። ኣብ 1996 ገረብ ተምሪ ተኺለ። ብኸምዚ ነቲ ሕርሻዊ ዕማም ፈሊመዮ።"

ኣብቲ እዋን፥ ብቐረባ ዝፈልጥዎን ብማዕዶ ዝርእዩዎ ዝነበሩን ሰባት፥ ከም ሓደ ንኸንቱ ዝሃልኽ ገንዘቡ ኣብ ባሕሪ ዝደርበዮን ሰብ ገለጽዎ። ብዛዕባ ጥዕና እእምሮኡ ዝተጠራጠሩ ተዓዘብቲ'ውን ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣዘማዱ'ውን፥ ሕርሻ ገዲፉ ገንዘቡ ኣብ ንግዲ ከውዕሎ መኸሩዎ። ንሱ ግን፥ ሓንቲ መዓልቲ ተዓዊቱ ክልተ መልሓሰ ከዛርቦም ምኽኑ ይገልጸሎም ነበረ። ከምዚ እናበለ ከይተሓለለ ተጓዕዘ። በቲ ኻልእ መዳይ፥ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባን ነቲ ዘይሕለል ጻዕሩ ክምጉሱን ከተባብዕዎን ጀመሩ። ግዜ ከደ፣ ኣግራብ በቐሉ። ዘድሊ ክንክንን ናብዮትን እናገበረሎም ንዓመታት ተጸበዮም። ውጽኢት ናይ'ቲ ከቢድ ዓቕሊ ዝሓተተ ዕማም ሕርሻ ተምሪ ኣንፈት ክህብ ጀመረ። ኣብ'ቶም ናይ ፈተነን ቀዳሞትን ኣግራቡ ዕምበባን እንግሚ ፍረን ተመልከተ'ሞ፥ ተስፋኡ ዓዘዘ። ኣቶ ዓብደላ ቀጺሉ ሕርሻኡ ናይ ምስፋሕ ስራሕ ቀጸለ። ሓደ ወፍሩ ድማ በዳዒ መድረኽ ተኸሰተ። ወጻኢታት ልዕሊ ዓቕሙ ኰነ። ንሱ፥ ነቲ ተመኩሮ፥ ብኸም'ዚ ይገልጾ፦ "ወጻኢታት በርቲዑኒ። ፍረ ከይረኸብኩ ጥራይ ናይ ኢደይን እግረይን ነጊፈ። ምድረ-ሰማይ ጸልምት ኢሉኒ። ተምሪ ህይወት ስለዘሎዎ ከይሞተኒ ሰጊአ። ከይቅጽሎ ገንዘብ ሓጺሩኒ፣ ከይገድፎ ኸኣ ዘይከኣል ኰይኑኒ። ኮታ ልክዕ ኣብ ማእከል ዓቐብ ደው ከም ዝበለት መኪና ኰይነ። ንግዚኡ እንታይ ከም ዝገብር ሓርቢቱኒ ነይሩ። መፍትሒ ተሳኢኑ ግን ኣይተረፈን። ሞያውያን፥ ካብ ባንክ ልምዓት ልቓሕ ክሓትት ኣማኸሩኒ። ተለቂሐ፣ ንስርሐይ ከኣ ቀጺለዮ።" ነቲ ዝዓበየ ብድሆ ኣብ ምስጋር ሞያውያን ሕርሻ ዓቢ ደገፍ ከም ዝገበሩሉ እውን ይምስክር።

ኣቶ ዓብደላ፥ ፈላሚ ናይ ተምሪ ሓረስታይ ከም ምኳኑ መጠን፥ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብፍሉይ ከተባብዖን ፈልስታት ምሩጽ ዓሌታት ተምሪ ክህቦን ጀመረ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ፥ ቐጠርን ሕቡራት ኢማራትን ዓረብን ንዘመጹ፥ ፈልስታት ናይ ትሸዓት ዓሌታት ተምሪ እዩ ወሲዱ። ንሱ'ውን ብዝግባእ ተኺሉ ተኸናኺንዎም። ማዕረ-ማዕረ እዚ፥ ካብ ተመኩሮ ሓረስቶት ካልኦት ሃገራት ግብራዊ ፍልጠት ምእንቲ ክቕስም፥ ከምኡ ጀማራይ ሕርሻ ገረብ ተምሪ ምስ ዝኾነ መምህር መልኣከ ገብረክርስቶስ ናብ ቱኒዝያ ንሓደ ወርሒ ከም ዝገይሽ ተገብረ።

ኣቶ ዓብደላ፥ ብዛዕባ'ዚ ተመኩሮኡ እንክገልጽ፥ ከም'ዚ ይብል፦ "ቱኒዝያ ዓዲ ተምሪ እያ፣ ብብዝሒ እዩ ዝፈሪ። ኣብኡ ብዙሕ ነገር ርኢናን ተዓዚብናን። ሓደ ወዲ ተሰዓ-ዓመት ሓረስታይ ረኺብና። እቲ ሰብኣይ ናይ ኣቦኡ ሕርሻ ተምሪ ከም ዘሎ ነጊሩና። ነቲ ዝጸንሓና ፍልጠት ወሲኽናሉን ብዙሕ ተማሂርናን መጺእና። ተምሪ ናይ ሓደ ዘመን ዕድመ ዘሎዎ ገረብ እዩ። ጽቡቕ እንተድኣ ተኸናኺንካዮ፥ ንደቅኻን ደቂ-ደቅኻን ዝኸውን ዓቢ ወፍሪ ምኳኑ፥ ኣብኡ ብግብሪ ርኢና።"

ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ ኣብዚ እዋን፥ ምስ ዓሰርተ ደቁን ደቂ-ደቁን እዩ ዝሰርሕ።

"ስራሕ ምሂሩና እዩ። ስልጠናታት ብቐጻሊ ንወስድ ኢና። ተመኩሮ ናይ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ንውክስ ኣሎና። ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፥ ብፍላይ ድማ ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ፥ ኣቶ ዳኒኤል ከሰተን ብዓቢኡ ኸኣ ካብ ዶክተር ዓብደላ፥ ብዙሕ ተማሂርና። ዛጊት፥ 270 ኣተኣማመንቲ ብኣካሊት ዝፈለሱ ምሩጻት ፈልስታት ተምሪ ተኺለ። ሕጂ'ውን 250 ከምኣታቶም ዝኣመሰሉ ፈልስታት ንኽተክትል እኹል ምድላዋት ገይረ እርከብ። ብህይወት ክሳብ ዘለኹ፥ ነዚ ሕርሻ እዚ ክቕጽሎ እየ" ይብል – ኣቶ ዓብደላ።

ኣብ መወዳእታ፥ "ሚኒስትሪ ሕርሻ፥ ዓለማዊ መዓልቲ ምግቢ 2023 ኣብ እተጸምበለሉ ኣጋጣሚ፥ ናይ ኣብነታዊ ሓረስታይ ሽልማት ሂቡካ ነይሩ እሞ፥ ሽዑ እንታይ ተሰሚዑካ?" ኢልና ሕቶ ሓተትናዮ።

"ተሓጕሰ። ተስፋይ ወሲኹ። ግደ ሓቂ፥ ክሳብ ሕጂ ምትብባዕ መንግስቲ ኣይተፈለየንን። መንግስቲ ብዙሕ ናይ ትራክተርን ካልእን ሓገዝ ገይሩለይ እዩ። ምሩጽ ተምሪ ሂቡኒ። ወጻኢ ሃገር ሰዲዱ ተመኩሮ ከም ዝቐስም ገይሩ። ግን ከኣ እታ ዕለት ፍልይቲ እያ ነይራ። ዘፍረናዮ ተምሪ፥ ብጽቡቕ ተዓሺጉ፥ ዕዱማት ንኽስተማቕርዎ'ውን ፍሉይ ኣተኩሮ ተዋሂቡዎ ንምርኢት ቀሪቡ። ብዓቢኡ ምስክር ወረቐት ተቐቢለ። "እንቛ'ላህ" መሊሰ ክግስግስ እየ። ልክዕ እዩ – ዕዳ ኣሎኒ። ግና፥ ተምሪ ኩሉ ግዜ ዕዳጋ ስለ ዘይስኣና፥ ንሓረስቶት ተምሪ ዕዳጋ ሃገር ክኢልና ኣብ ዓቕሚ ሰደድ ምስ በጻሕና ክኸፍሎ እየ። ኣብ ሃገረይ ትርጉም ኣብ ዘለዎ ስራሕ ብምውፋረይ፥ ሕጉስ እየ" ብምባል ከኣ ዕላሉ ዛዚሙ።

ቀጺልና እምበኣር፡ ናብ እተፈላለየ ቦታታት ልምዓት ተምሪ ዞባ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ብምኻድ፡ ምስ ገለ ወከልቲ ትካላትን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዘካየድናዮ ሓጺር ቃለ-መሕትት ነቕርበልኩም።

***

## ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ

ቀጽሪ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ፡ ሓደ ኻብቶም ሰፊሕ ንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ዝካየደሎም ዘሎ ከባቢታት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ኣቶ ሳልሕ ኣሕመድ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይ’ዚ ሕርሻ ተምሪ እዩ። ካብ 2003 ኣትሒዙ ተምሪ ኣብቲ ቦታ ክትክል ከም ዝጀመረ ዘብርሀ ኣቶ ሳልሕ፡ ብዛዕባ ምዕባለታት ናይ’ቲ ሕርሻ እንክብርሀ፡ ከም’ዚ ይብል፦ “ቅድሚ 2017፡ ኣብ ሕርሻ ተምሪ ዓሚቝ ፍልጠት ኣይነበረናን። ካብቶም ዝተኸልናዮም ፈልስታት’ውን ከምቲ ዝድለ ምህርቲ ኣይሓፈስናን። ደሓር ግን፡ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣስተምህሮን ስልጠናን ረኺብና። ስራሕናን ኣሰራርሓናን ገምጊምና። ኣገባብ ስራሕና ኣማዕቢልናዮ። ካብ ዕማም ምትካል ክሳብ ድሕሪ-ምቕንጣብ ንዘቕጽል ኣሰራርሓ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ መሊኽናዮ።”

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ሳልሕ፡ ኣብ ከባቢ መዓርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ ውሱን ቀጽሪ ኣግራብ ተምሪ እዩ ጸኒሑ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘምጽኦም ፈልስታት ምሩጽ ዓሌት ተምሪ ተቐቢሎም፡ ነቲ ዝጸንሐ ብዝሒ ብዝተዓጻጸፈ ኣዕብዮሞ። ክሳብ ዓመተ-2020 ካብ 260 ዝሓልፉ ኣግራብ



ኣቶ ሳልሕ ኣሕመድ

ተምሪ ኣይነበሩዋምን። ብድሕሪኡ ግን፡ ዓመታዊ ካብ መደበር ፈልሲ ምጽዋዕ ሓደስቲ ፈልስታት ናይ እተፈላለዩ ምሩጻት ዓሌታት ተምሪ እናኣምጽኡ፡ ነዚ ኣሃዝ ክብ ኣቢሎሞ። ቍጽሪ ኣግራብ ተምሪ ናይ’ዚ ሕርሻ፡ ኣብ 2021 ናብ 371 ወሰኸ። ንውጽኢታውነት ናይ’ዞም ሓደስቲ ዓሌታት ተምሪ ብግብሪ ክርእዩዎ ከኣሉ። ካብ ሓንቲ ገረብ ተምሪ ክሳዕ 300 ኪሎ-ግራም ረኺቦም። ኣብዚ ቦታ፡ ኣብ’ዚ እዋን 1300 ኣግራብ ተምሪ ለሚዑ ይርከብ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ዝወደቦ ስልጠና ድማ 31 ኣባላት ናይ’ዚ ሕርሻ ተሳቲፎምሲ፡ ነዞም ኣግራብ ተምሪ ብግቡእ ከመሓድርዎም በቒዖም ኣለዉ።

***

## ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን ጨንፈር ጋሕተላይ



ኣቶ ኣደም ዑስማን

ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን እውን፡ ኣብ ናይ ጋሕተላይ ጨንፈሩ ንጥፈት ሕርሻ ተምሪ ዘሳልስል ዘሎ ካልእ ትካል እዩ። እዚ ንጥፈት፡ ኣብ 2017 ብትሸዓተ ምሩጽ ዓሌት ተምሪ ፈሊሙ። ኣብቲ እዋን 345 ኣግራብ ተምሪ ተተኺሎም። ብመሰረት ሓበሬታ ክኢላ ሕርሻ ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን ጨንፈር ጋሕተላይ፡ ኣቶ ኣደም ዑስማን፡ እቲ ዝተዋህቦም ስልጠናን ቴክኒካዊ ምኽርን፡ ነቶም ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝረኸብዎም ምሩጻት ዓይነት ተምሪ ብጫሌዳ ንኽባዝሕዎምን ብግብራዊ ስርሖም ንኽተኣማመኑን ሓጊዝዎም እዩ። ኣቶ ኣደም፡ “ጋሕተላይ ንተምሪ ኣዝዩ ምቹእ ከባቢ እዩ። ክለምዕ ዝኽእል ሰፊሕ ቦታ’ውን ኣሎ። ስለዚ፡ መንግስቲ፡ ኣብዚ ከባቢ ንጥፈታት ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ክደፍኣሉ ኣሎዎ” ዝብል ሞያዊ ርእይቶ እዩ ዘለዎ።

## ኣቶ ዓብዱ ሓምድ ገቢር እድሪስ



ኣቶ ዓብዱ ሓምድ ገቢር እድሪስ፡ ሓደ ኻብቶም ብውልቀም ኣብ ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ተዋፊሮም ዝርከቡ ሓረስቶት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ንሱ፡ ኣብ ሕጡምሎ – ምጽዋዕ ሰፊሕ ሕርሻዊ ንጥፈታት የሰላስል። ነቲ ሕርሻ፡ ኣብ 2017 እዩ ጀሚሩዎ። ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምሩጽ ዓሌት ተምሪ ተቐቢሉ ብምትካል ከኣ ቀጺልዎ። ንዝነበሮ መሬት ሕርሻ ብምስፋሑ፡ ንዝውንኖም ኣግራብ ተምሪ ብዓይነትን ብቑጽርን ኣሰሰኖም – ካብ 400 ናብ 1700። “ሕርሻ ተምሪ ሰሓብን ኣተባባዕን እዩ” ይብል ንሱ – “ከተስፍሖን ከተልምዖን ባዕሉ እዩ ዝድርኸካ። ዛጊት 16 ሄክታር መሬት ጥራይ ኣልሚዐ ኣለኹ። ንመጻኢ ግን ከስፍሖ እየ። ኣብዚ ቐዳማይ ቀውዒ፡ ተስፋ ዝህብ ምህርቲ ስለ ዝረብኩ፡ ሞራለይ ክብ ኢሉ። ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ተዓጻጻፊ ምህርቲ ንኽሓፍስ ድማ ምሉእ እምነት ኣለኒ።”

***

## ኣቶ ተስፋሚካኤል ተኽለሚካኤል

ኣቶ ተስፋሚካኤል ተኽለሚካኤል፡ ኣብ ከባቢ ደማስ፡ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ሕርሻ ተምሪ ዘውንን ካልእ ሓረስታይ እዩ። ቅድሚ ናብ ንጥፈት ሕርሻ ተምሪ ምጽንባሩ፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ መፍረ ኣሕልምቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕርሻ ኮመደረን በርበረን ድማ ብፍላይ፡ ሃብታም ተመኵሮ ዘዋህለለ ሓረስታይ እዩ። ናብራኡ’ውን ካብ ምህርቲ ኣሕልምቲ ብዝረኸቦ ኣታዊ እዩ ዝመርሕ ነይሩ። እንተኾነ፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት፡



ኣቶ ተስፋሚካኤል ተኽለሚካኤል

እቲ ንሱ ዝረኸቦ ምህርቲ ኣሕምልቲ ምስ'ቲ ዝገብረሉ ወጻኢታት ብፍጹም ዘይዳረግ እናኾነ መጸ። ኣቶ ተስፋሚካኤል ክሳራታት በዝሖ። ነዚ ጸገም ንምፍታሕ፡ ኣድላዪ ሓገዝ ንኽረክብ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኸይድ ተገደደ። ታሪኽ ሕርሻኡ ብዝርዝር ሓቢሩ፡ ምኽሪ ሓተተ። ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብወገኖም፡ ንዝቐረቦ ዓሚቝ ሓበሬታ ብኣንክሮ ብምምርማር፡ ጠንቂ ክሳራኡ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ዘሎዎ ምዃኑ፡ ኣተኩሮኡ ቀዩሩ ኣብ ሕርሻ ተምሪ ምስ ዘውፍር ግና ዝያዳ ክረብሕ ከም ዝኽእል ሓበሩዎ።

ኣቶ ተስፋሚካኤል፡ ድሕሪኡ ንዝወሰዶ ስጉምቲ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል፦ "ሓቂ ይሓይሽ፡ ፈለማ ተምሪ ከልምዕ ኣይተባዕኩን። ጸኒሐ ካብ ክኢላታት ኣእማኒ ሓበሬታ ምስ ረኸብኩን ንዕዉታት ሓረስቶት ምስ ተወከስኩን ግን፡ ሕርሻ ተምሪ ኣኽሳቢ ምዃኑ ፈሊጠ። ናብኡ ከተኩር ድማ ወሲነ። ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ 550 ፈልስታት ናይ ምሩጽ ዓሌት ተምሪ ወሲደ። ናይ ትምህርቲ ዕድል እውን ረኺበ። ንኣገባብ ማሕረስን ዕዳጋን ዝምልከት ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ስልጠና ወሲደ። ሞያውያን ካብ ጎነይ ኣይተፈልዩንን። ኣብ'ዚ እዋን፡ሕርሻይ ኣልሚዐስ ኣብ ከባቢየይ ዝርከቡ ሓረስቶት'ውን ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ንኽወስዱ ጽልዋ ከሕድረሎም እጽዕር ኣለኹ። ናይ'ዚ ዞባ ኣብነታዊ ወናኒ ሕርሻ ተምሪ ክኸውን'የ ዝምነ። ብዓቕሊ፡ ብትዕግስትን ብትግሃትን እናሰራሕኩ ምህርተይ ከም ዝሓፍስ ድማ ኣይጠራጠርን'የ።"

***

## ሓረስቶት ደጎሊ

ከባቢ ደጎሊ፡ በቲ ብ 1935 ዝተሰርሐ ዓቢ ድንድል እዩ ዝያዳ ዝፍለጥ። ምስጢር ናይ'ቲ ኣብ ትሕቲ'ዚ ድንድል ዝርከብ ሩባ ዝፈልጥ ሰብ ግን ብዙሕ ዘይኮነውን ይኽእል እዩ። ሓያለይ ካብ ከበሳ ዝወርዱ ወሓይዝ ተጻናቢሮም ኣብ ሓመድ ተሰትዮም ዝተርፉሉ ከባቢ ብምዃኑ፡ ኣብ እዋን ምቑት ተዛማዲ ዛሕሊ ንኽህሉ፣ ኣብ እዋን ቁሪ ድማ ምጡን ኩነታት ኣየር ንኽህሉ ይሕግዝ። ብዓቢኡ፡ ምንጪ ማይ ዘይሰኣና ብምዃኑ፡ ከባቢ ደጎሊ፡ ኣውራ ቦታ ልምዓት ሕርሻ ናይቲ ከባቢ ክኸውን ተመራጺ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ናይ'ቲ ቦታ ልምዓት ኣሕምልቲ ጽቡቕ ገስጋስ ከርኢ ጸኒሑ። ሕጂ ድማ ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ጎላጉል ልምዓት ተምሪ ናይ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኰይኑ ኣሎ። ተመኩሮ ሕርሻታት ተምሪ ከባቢ ደጎሊን ገስጋሶምን ንምዕዛብ፡ ናብቲ ከባቢ ተዛዊርና ኔርና። ሰፊሕን ዓይኒ-ዝመልእን ሓምላይ ትርኢት ምስናይ ፍረታቱ ተቐቢሉና። ካብ ሜፍ ናብ ሜፍ ዘወር እናበልና ተዓዚብናዮ። ብኽኢላታትን ሓረስቶትን ድማ መግለጺ ተዋሂቡና።

***

## ኣቶ ክብሮም መድሃኔ

ብ1966፡ ኣብ ንኡስ-ዞባ ሰገነይቲ፡ ምምሕዳር ዓዲ ብርኪቶ ዝተወልደ ኣቶ ክብሮም መድሃኔ፡ ብማሕረስን ጉስነትን እዩ ዓብዩ። ኣብ ኣፍለ ዕድመኡ ኸኣ ምስ ቤተሰቡ እናተማህረ ክሰርሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኸይዱ። ኣብ ናይ ኣዝማዱ ጋራጅ ስራሕ ጀሚሩ። ስራሕ መካኒክ መሊኹ፡ ንዓሰርተ ዓመታት ከም ላዕለዋይ ክኢላ ስራሕ መካኒክ ሰሪሑ። ድሕር'ዚ ኣብ 1991፡ ናብ ገድሊ ኤርትራ ንኽጽንበር ካብ ኣዲስ ኣበባ ተበጊሱ፣ ብደሴ፡ መቐለ፡ ዓዲ ግራት፡ ኣቢሉ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ በጺሑ። ብቐጥታ እውን ናብ መደበር ታዕሊም ዓራግ ኣምሪሑ። ድሕሪ ታዕሊም፡ ብዝነበሮ ሞያ ክሰርሕ ናብ ኮሚሽን ሕርሻ ተመዲቡ። ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ሓርነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ፡ ብቐጥታ ካብ ከባቢ ባርካ ናብ ኣግሮ-ኢንዱስትሪ ዒላበርዕድ ተሳሒቡ ከም ሓላፊ ጋራጅ ክሰርሕ ጀሚሩ።

ኣብ 1994 መንግስቲ ኤርትራ ብዘውጽኦ መደብ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ምጥያስ ተጋደልቲ ዝተጣየሰ ኣቶ ክብሮም፡ ምስ ክልተ ኣብ ዒላበርዕድ ምስኡ ዝሰርሑ ዝነበሩ ብጾቱ፡ ማለት ምስ ኣቶ ነጋሲ ኣፍወርቅን ኣቶ ሃይለሚካኤል ተስፋጊዮርጊስን እዩ ተፋንዩ። እዞም ሰለስተ መጋድልቲ፡ ህይወቶም ብሕርሻ ንኽመርሑ ድሮ ተሰማሚዖም ስለ ዝነበሩ፡ ብሓለፍቶም ንዝቐረበሎም "ድሕሪ ምጥያስ እንታይ ክትገብሩ ኢኹም" ዝብል ሕቶ፡ 'ሕርሻ' እዮም መሊሶሞ። ቦታ ንኽመርጹ'ውን ካልእ ሕቶ ቀረበሎም እሞ፡ "ኣብ ከባቢ ደጎሊ" ዝብል ዘይልሙድ እማመ ኣቕረቡ። ብፍላይ ኣብ'ቲ እዋን፡ ዝበዝሐ ሰብ ብዓይኒ ሕርሻ



ዓይነ ዘውድቐሉ ዝነበረ ከባቢ፡ ጋሽ-ባርካ እዩ። "ስለዚ፡ ከም በዓል ሰዉእ ሕሩይ ኣሰገዶም ዝኣመሰሉ ኣብቲ እዋን፡ ዝነበሩ ሓለፍቲ ሕርሻ ተሓጒሶም" ይብል ኣቶ ክብሮም – "ብሞያዊ ገፍን ምኽርን ከም ዝሕግዙና'ውን ኣረጋጊጾምልና።"

ኣቶ ክብሮም፡ ንዕኡን ንብጾቱን ናብ ከባቢ ደጎሊ ከምርሑ ንዝደረኾ ምኽንያት እንክገልጽ፡ ከም'ዚ ይብል፦

"ንነዊሕ እዋን ኣብ ሓሳብና ነይሩ። ንተኽእሎታት ምምሕያሽ ቀረብ ኣሕምልቲ ከተማ ምጽዋዕ ኣመልኪትና ንሓድሕድና ንዛተ ኔርና። ምኽንያቱ፡ ምስ'ዚ ኣተኣሳሲርና እነልዕሎ ጸገም ነይሩ። ዝበዝሐ ቀረብ ኣሕምልቲ ናይ ምጽዋዕ ካብ ኣስመራ እዩ ዝመጽእ። ኣብ ከባቢ ደጎሊ ኸኣ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ ደጎሊ መሬት ሕርሻ እንተ ተዋሂብና፡ ክንሰርሕን ከተማ ምጽዋዕ ቀንዲ ዕዳጋና ክትከውንን ከም እትኽእል ተኣማሚንና። እቲ ኣብ ዒላበርዕድ ዘዋረናዮ ናይ ስራሕ ወኒ ኸኣ ኣብዚ ክንደግሞ ክኢልና።"

ሰለስቲኦም ሓረስቶት ኣብቲ ኣብ ደጎሊ ዝተዋህቦም ቦታ ሕርሻ ዘድሊ መሬት ናይ ምድልዳል ዕማም ዛዚሞም፡ ኣብ 1995 ንፈለማ እዋን ኮመደረ ኣፍርዮም። ኣብ'ቲ እዋን ኩሉ ወጻኢታት ብተዛማዲ ዝሓሸ ስለ ዝነበረ፡ በቲ ንኺሎ ብሓደ ብር ሸይጦም ዝረኸብዎ በኸሪ ኣታዊ መሊሶም ተተባብዑ። ብድሕር'ዚ፡ ኣብ መፍረ ሽጉርቲ፡ ጉዕ በርበርን ኣሕምልትን ኣድሂቦም ዝያዳ ሰርሑ። ቀጺሎም ኣብ ፍርያት በርበረ ኣተኩሮም ሰርሖም ቀጸሉ። ኣብ ዕዳጋ እቲ ከባቢ ዓቢ ኣቕርቦት ክገብሩ'ውን ከኣሉ። ንሕርሻ ተምሪ እውን እንተኹነ ብሕጉስ መንፈስን ብልዑል ተሰፋን ከም ዝተጸንበሩዎ እዩ፡ ኣቶ ክብሮም ዝገልጽ፦

"ኣብ ዓመተ-2017 እዩ ነይሩ። ኣጋጣሚ ኣብዛ ጀርዲን ነይረ። ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝኾኑ፡ ኣቶ ሙሴ ፍቓዱን ኣቶ ዳንኤል ከሰተን፡ ከምኡ'ውን ዶክተር ዓብደላ፡ ናብዚ ቦታ ሕርሻ ይመጹ። ነዚ ጀርዲን ኩሊሎም ተዓዚቦሞ። ንሕርሻ ተምሪ ከም ዝኸውን ኣቐዲሞም ኣጽኒዖሞ እዮም። ተምሪ ከነፍሪ ድልየት ኣሎና እንተኾይኑ ሓቲቶምኒ። ኣብ ልብና ዝነበረ ሓሳብ እዩ። ኣብ ደጎሊ፡ ኣብዛ ጥቓና፡ ኣቐዲሙ ንነዊሕ እዋን ኣብ ሕርሻ ተምሪ እተጸምደ መምህር መልኣከ ነይሩ። ምስ ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ ድማ ጽቡቕ ርክብ ነይሩና። ነድንቖምን ንጥፈታቶም ንከታተሎን ኔርና። ነቲ ሓሳብ ከኣ ብሓጎስ ተቐቢልናዮ። ክልተ ሚእቲ ፈልስታት ተምሪ ክህቡና ምዃኖምን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሚእቲ ጎዳጉዲ ክንኩዕት ትጽቢት ከም ዝገብሩልናን ሓቢሮሙኒ። ጉድጓድ ዝኹዕቱ ሰራሕተኛታት ኣውፊርና፡ ኣብታ ዝበሉና መዓልቲ ወዲእና። ብ10 ሕዳር 2017፡ ዝሃቡና ፈልስታት ናይ ምሩጽ ዓሌት ተምሪ ተኺልና። ብኸምዚ ናብቲ ወፍሪ ኣቲና።"

ኣብ ዝሰዓበ እዋን፡ ሰለስቲኦም ሓረስቶት፡ ብምውህሃድ ሃገራዊ ፕሮጀክት ተምሪ ዝተወደበ ስልጠናን ትምህርትን ረኺቦም። ሕርሻኦም ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ ኣካዪዶም። ኣቶ ክብሮም፡ ካብ ምኹዓት ጉዳጉዲ ክሳብ ኣጠቓቕማ ማይ መሰኖ፡ ከምኡ'ውን ምክትታል ባልዓት፡ ምቕምቃም፡ ምእራይን ምንካይ ትሕዝቶ ዘለዋ ተምርን ካልእን ዘጠቓለለ ትሕዝቶ ዘሎዎ ስልጠና ከም ዝረኸቡ ይሕብር።

"ልምዓት ሕርሻ ተምሪ ናይ ሓደ ዘበን ሕርሻ እዩ። መጀመርታ ዓቕልን ጻዕርን እዩ ዝሓትት። ጽቡቕ ምክትታል ምስ እትገብረሉ ድማ እናሓደረ ይስሕበካ። ክኢላታት ሕርሻ ስለ ዝከታተሉና፡ ንሕና'ውን ንሕርሻና ብጥንቃቐን ኣተኩሮን ክንሕዞ ንድረኽ። ከመይሲ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ባዕሉ'ኳ ምሩጽ ፈልሲ ሂቡ ዘድልየና ሓገዝ እናገበረልናንሲ፡ ጉድለት ከይርከበና ንጽዕር ኢና። ግደ ሓቂ ግን እቲ ኻልእ መዳይ ሕርሻና'ውን ይምስጠና እዩ። ኣብዚ ኸባቢ፡ ቀሊል ዘይኮነ ጸገም ማይ ኣሎና። ሸዱሽተ ሜትሮ ንታሕቲ ምስ ኩዓትና ተሪር ከውሒ ንረክብ። ድሪል እንተ ንረክብ ግን ምንጪ ማይና ምሃብተመ። ንጀነረይተር ዝኸውን እኹል ነዳዲ ኣብ ምርካብ'ውን ንሽገር ኢና። እዞም ክኢላታት'ኳ፡ ሶላር ተጠቐሙ እዮም ዝብሉና። ብዝተረፈ ካልእ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታትና ዝብድሃና ሽግር የብልናን። ድሮ'ኳ፡ ብሚሌዳ ተምሪ ክነባዝሕ ጀሚርና ኣለና። ንመደበር ፈልሲ ምጽዋዕ'ውን ንህብ ኢና። ካልእ ሓድሽ ምሩጽ ዘርኢ ተምሪ'ውን ክህቡና እዮም። ንዕኦም ዝኹኑ ጎዳጉዲ ድሮ ኣዳሊና ኣለና። ዝለዉና ክልተ ሚእቲ ኣግራብ ከነብዝሖም እዩ መደብና" ብዛዕባ ሕሉፍ ጉዕዞ ናይ'ቲ ሕርሻን መጻኢ መደባቶምን ብትሰፉውነት ይገልጽ – ኣቶ ክብሮም።

ወሲኹ፡ "ካብ ኩሉ ንላዕሊ ፍናን ዝሃበና ተመኩሮ እንተሃልዩ" ይብል ንሱ፦ "ኣብ እምባደርሆ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል ዓለማዊ መዓልቲ መግቢ ተዓዲምና ኬድና ኔርና። ኣብቲ ኣጋጣሚ ተሳቲፍናን ተምርና ብግቡእ ተዓሺጉ ንምርኢት ቀሪቡን። ካብ ሚኒስተር ሕርሻ ጀሚርካ፡ ዓበይቲ ሓለፍትን ካልኦት ተሳተፍትን ዝሃቡና ሞራል፡ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ተሓጒስና። ንመጻኢ ብዝበለጸ ንኽንሰርሕ ድማ ተደሪኽና። ድሮ ፍረ-ጻማ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ-ሽዱሽተ ዓመታት ዝደኸምናሉ ስራሕ ዝረኸብና ኰይኑ ተሰሚዑና። ኣብ መጻኢ፡ ዕዳጋ ውሽጢ ሃገር ኣብ ምርግጋጽ እጃምና ኣበርኪትና፡ ናብ ሰደድ ከነማዕዱ ከም እንኽእል'ውን ግንዛበ ረኺብና። ካብዚ ዝለና ንላዕሊ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኢና። ንዘሎና ቦታ ብምሉኡ'ውን ክንተኽሎ ኢና።

***

## ወ/ሮ ብርሃና ዕቑብ

ምሩጻት ፈልስታት ተምሪ፡ ብዘይካ ኣብ ሰፋሕቲ ጎላጉል ኣብ መንበሪ ኣባይቲ እውን ተተኺሎም፡ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ይርከቡ።



ወ/ሮ ብርሃና ዕቑብ፡ ሓንቲ ኻብቶም ተጠቀምቲ ዝኾኑ ብዙሓት ውልቀ-ሰባት እያ። ወ/ሮ ብርሃና ኣብ ከተማ ምጽዋዕ እትነብር ገዲም ተጋዳሊት ኰይና፡ ብዝተዓዘበቶም ንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ተታባቢዓ፡ ኣብ 2021 ኣብ መንበሪ ቤታ ተምሪ ተኺላ። ናብ ክኢላታት ቀሪባ ምኽሪ ድሕሪ ምሕታታ ኸኣ ኣተባቢያማ። ፈለማ ክልተ ፈልስታት ተምሪ እያ ወሲዳ። ካብታ ዝተተኽላላ ዕለት ኣትሒዛ ጽዑቕ ክንክን ገይራትለን። ጎድኒ-ጎድኒ እውን ኣብቲ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወደብዎ ስልጠና ተሳቲፋ። መባእታዊ ፍልጠት ቀሲማ። ኣድላዪ ምኽርን ሓበሬታን እውን ረኺባ። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ባይታ ብዝረኣየቶ ውጽኢት ተታባቢዓ፡ ናብ ንግዳዊ ሕርሻዊ ንጥፈት ክትሰጋገር ድሌት ኣሕዲራ ትርከብ። ንብዙሓት'ውን ብእወታ ጸልያ ኣላ። ወ/ሮ ብርሃና ምስ ካልኦት ዓሰርተ ብጾታ ብምዃን፡ ቤት ሕብስቲ ከፊታ ናብራኣ እትመርሕ ዘላ ዜጋ እያ።

***

## ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ

ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እውን ኣብ ልምዓት ተምሪ ዕቑር ጸጋ ዘሎዎ ዞባ እዩ። እቶም ኣብ'ዚ ዞባ ንጥፈታት ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ክካየዱ ዝጸንሑ ጻዕርታት፡ ተስፋ ዝህብ ውጽኢት ክርከቦም ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ዓመተ-2006 እዩ፡ ተምሪ ክትከል ጀሚሩ። ኣብ'ዚ መዳይ፡ ዓቢ ዝላ ዝተራእየሉ ግዜ ግን ድሕሪ 2014 እዩ።

"ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ሕርሻ ተምሪ እተጸምዱ ክልተ ሚእቲ ሓረስቶት ኣለዉና። ኣብ ዞባና፡ ብጠቕላላ 8,300 ኣግራብ ተምሪ ተተኺሎም ኣለዉ" ይብል – ኣቶ መሓመድ ዓብዱራሕማን፡ ሓላፊ ጨንር ልምዓት ብቕሊ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ። ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ መሓመድ ዓብዱራሕማን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ 200፣ ኣብ ዓሰብ 1500፣ ኣብ ደቡባዊ ደንካልያ 1500፣ ኣብ ማእከል ደንካልያ 630፣ ኣብ መንግስታዊ ትካላት ከኣ 5000 ኣግራብ ተምሪ ተተኺሎም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ይርከቡ። ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ህዝቢ ከተማ ዓሰብ'ውን እተፈላለዩ ዓይነት ተምሪ ተተኺሎም ኣለዉ።


ኣቶ መሓመድ ዓብዱራሕማን

***

## ኣቶ ኣሕመድ ቃስም



ኣቶ ኣሕመድ ቃስም፡ ኣብ መንካዕካዕ ከባቢ ዓሰብ፡ ንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ዘካይድ ዘሎ ሓረስታይ ኰይኑ፡ ቅድሚ ናብ ስራሕ ሕርሻ ተምሪ ምጽንባሩ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ከም ዝነጠፈ ይዛረብ። ኣብ ዓመተ-2000 ግን ሕርሻ ተምሪ ክውንን ወሲኑ። ብ12 ኣግራብ ተምሪ ዝጀመሮ ሕርሻ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናሰፍሐን እናሰሰነን ከደለ። ካብ ሓደ ገረብ ምሩጽ ዓሌት ተምሪ፡ ካብ 50 ክሳብ 150 ኪሎ-ግራም ዝበጽሕ ምህርቲ ክሓፍስ በቒዑ። ኣብዚ እዋን፡ ኣቶ ኣሕመድ፡ 400 ኣግራብ ተምሪ ይውንን። ኣብ ትሕቲ ናይ ተምሪ ኣግራቡ እውን፡ ዝተፈላለዩ ኣሕኻል፡ ኣሕምልቲ፡ ብርጭቕን ኦክራን የልምዕ።

"ናይ-ባሕሪ-ሰብ፡ ማለት ገፋፊ ዓሳን ነጋዳይን እየ ነይረ። ፍልጠት ሕርሻ ኣይነበረንን። ኣብ ሕርሻ ተምሪ ምስ ኣውፈርኩ ግን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተፈላለዩ ሓገዛትን ሞያዊ ምኽርን ረኺበ። ዝተፈላለዩ ዕድላት ስልጠና ረኺበ። ከስርሓኒ ዝኽእል ቴክኒክ-ጠቀስን ንምሕደራ ሕርሻ ተምሪ ዝምልከትን ፍልጠት ቀሲመ። ተመኩሮ'ውን ደሊበ ኣለኹ። ንዝሎኒ ብዝሒ ኣግራብ ናብ 1000 ከዕብዮ እየ ዝሕልን" ይብል – ኣቶ ኣሕመድ ቃስም።

***

## ኣቶ የሱፍ ኣሕመድ

ኣቶ የሱፍ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦ ናይ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ሕርሻ ተምሪ ዘሎዎ ሓረስታይ እዩ። ኣቶ የሱፍ፡ ኣብ 2002 ናብ ስራሕ ሕርሻ ተምሪ ቅድሚ ምጽንባሩ፡ ምሉእ ህይወቱ ምስ ባሕሪ ኣብ ዝተኣሳሰሩ ስራሓት እዩ ኣሕሊፉዎ። ኣብ'ቲ እዋን፡ ብ 12 ኣግራብ ተምሪ ዝተደኰነ ግራቱ፡ ብ 250 ኣግራብ ተምሪ ተሸፊኑ ይርከብ። ንእግረ-መገዲ ሳላ እተፈጥረ ምቹእ ሃዋህው ከኣ፡ ኣቶ የሱፍ ኣብ ትሕቲ እዞም ኣግራብን ኣብ ዙርያ ግራቱን ተምርን፡ ከም በርበረ፡ ኮመደረ፡ ጡጥ፡ ስገምን ሳዕርን የልምዕ ኣሎ።

"ትምህርቲ ወሳኒ እዩ። ብፍልጠትን ብዘይፍልጠትን እትሰርሖ ዕዮ፡ ኣዝዩ ዓቢ ፍልልይ ኣሎዎ። በብግዚኡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተዋህበና ትምህርቲ ምውሳብ፡



ምብዛሕ፡ ምድላውን ምትካልን ገረብ ተምሪ ዓቢ ጥቕሚ ረኺብናሉ ኢና። ውጽኢታዊ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ስልጠና ንመጻኢ ዚያዳ ክድፍኣሉ ድማ እላቦ"

***

# ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን

## “ጕዕዞ ናብ ምርግጋጽ ዘላቒ ቀረብን ዘርኢ ስርናይን ዕፉንን”



ኤርትራ፡ ንሕርሻዊ ልምዓት ዘተባብዕ ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋ እትውንን ሃገር እያ። ነዚ ትዕድልቲ'ዚ ብኣጋኡ ኣብ ግምት ዘእተወ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንጽላት ሕርሻ ኣብ ቅድሚት ብምስራዕ፡ ንዘቤታዊ ሃልኪ – ካብኡ ሓሊፉ እውን ንሰደድ – ዝኣክልን ዝበቅዕን ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብ'ዛ ሃገር ንኽፈሪ፡ ካብ ግዜ ናጽነት ኣትሒዙ ዝተፈላለዩ ስትራተጂያውያን መደባት ሓንጺጹ ክሰርሕ ጸኒሑ'ሎ። ሓደ ኻብ'ቶም፡ ነዞም ሃገራውያን ዕማማት ድርኺት ንምሃብ ብሚኒስትሪ ሕርሻ እናተደፍኣሎም ዝመጽእ ዘሎ ሜላታት፡ ንምልውዋጥ ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠትን ግብራዊ ተመኩሮን ዝዕድሙ ዓለም-ለኻዊ መኣድታት ዘተ ምስራዕ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ20ን 21ን መስከረም 2023 ዘካየዶ በኹሪ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን እምበኣር፡ ኣካል ናይ'ዚ መደባት እዩ።

'ሰላም' ኣብ ዝተሰምየ ኣዳራሽ ጉባኤ ናይ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ዝተሰላሰለ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ ክልተ ሚእቲ ሰባት ዘሳተፈ እዩ ነይሩ። ናይ ኤርትራ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን፡ ኣወሃሃዲ ንጥፈታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፉ ዲፕሎማሰኛታት፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ናይ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታት ሃገርና፡ ኣካየድቲ ስራሕ ሃገራውያን ኮርፖሬሽናት፡ ሓለፍቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ላዕለዎት ክኢላታት ሕርሻ፡ ወከልቲ ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተሳተፍዎን ብዝምስገን ወግዒ ዝተወደበን ነበረ። ቀጽሪ ናይ'ተን ኣብ'ዚ ዋዕላ ውክልና ዝነበረን ሃገራውያንን ዓለም-ለኻውያንን ትካላት ዓሰርተው-ሓደ እዩ፤ ገለ ካብኣተን፡ ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ (ASARECA)፡ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን (CIMMYT)፡ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ (ICARDA)፡ ዓለም-ለኻዊ ትካል ጕጅለ ስርዓተ-ዘራእቲ (SSG)፡ ዓለም-ለኻዊ ትካል ቪታ (VITA)፡ ከምኡ'ውን ትካል ሰልፍ-ሄልፕ ኣፍሪቃ ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብ ምኽፋት ናይ'ዚ ዋዕላ፡ 'ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም' መደረ ዘስምዐ፡ ኣቦ-መንበር ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ከምኡ'ውን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን፡ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፡ ሳልሳይ ኣገዳሲ ሃገራዊ ዋዕላ ትውድብ ምህላዋ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እዚ ተበግሶ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ሕርሻዊ ውጽኢት ሃገርና ንምድንፋዕ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ ምኻኑ



ኣብሪሁ። ስርናይን ዕፉንን ምስ'ቶም ኣብ ሃገርና ቀሊል ዘይኰነ ኣገዳስነት ዘሎዎም ኣእካል ከም ዝምደቡ ዝጠቐሰ ኣቶ ተኽለኣብ፡ “ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እቶትን እቶታውነትን ናይ'ዞም ክልተ ኣእካል ክብ ንኸብል፡ እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ንምምዕባል ሓያለይ ጻዕርታት ከካይድ ጸኒሑ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጻዕሪ፡ ብርግጽ፡ ኣብ ውሕስነት መግቢ ሃገርና ብሓፈሻ፣ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ሓረስቶትና ኸኣ ብፍላይ ለውጢ ከምጽእ ትጽቢት ይግበረሉ” ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ወግዓዊ ቃል ቀዳማይ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ዘስምዐ፡ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ – ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ብዝያዳ ነቶም ካብ ሃገራት ወጻኢ ዝመጹ ተሳተፍቲ ‘እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም’ ድሕሪ ምባሉ፡ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ዓመት፡ ኣብ'ዞም ክልተ ኣእካል ኣተኲራ ዋዕላ ብዛዕባ ዝወደበትሉ ምኽንያት መብርሂ



ሂቡ። ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ነቶም ኣብ'ዚ ዋዕላ ክድህሰሱ ትጽቢት ዝግበረሎም ዓበይቲ ጉዳያት ብሓፈሻ ድሕሪ ምዝርዛሩ፡ “ዘላቕነት ንዘውሕሱ ኣገባባት ስራሕ ቀዳምነት ብምሃብ፣ ኣብ መዳይ ምርምርን ልምዓትን ዝያዳ ወፍሪ ብምግባር፣ ከምኡ'ውን ምትሕግጋዝ ብምድንፋዕ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ፍርያት ስርናይን ዕፉንን፡ ሕውየት፡ ተሳታፍነትን ራህዋን ከስምር ዝኽእል መርሓ ጐደና ክንነድፍ ንኽእል ኢና” ኢሉ። (ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣብ'ዚ ዋዕላ ዘስምዖ መደረ፡ ኣብ ገጽ 25 ናይ'ዚ ጸብጻብ ከም ዘለዎ ሰፊሩ ኣሎ)።

ኣብ'ዚ ልዕሊ ዕስራ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ እተዳለዉን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርኣስትታት ዘተኰሩን ወረቓቕቲ ዝቐረቡሉ ናይ ክልተ መዓልትታት ዋዕላ፡ ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት እተመቕለ፡ ንህሉው ኲነታት ፍርያት ስርናይን ዕፉንን ኣብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ናይ ቪድዮ ምርኢት ክቐርብ እንከሎ፡ ኣብ ሞንጎ ወረቓቕቲ ዝቐረቡሎም እዋናት ተዛኒቖም እተሰርዑ፡ ኣርባዕተ ክፍላተ-ግዜ ናይ ሕቶን-መልስን ነይሮም። ዝርዝር ኣርእስትታት ናይ'ዞም ስነ-ፍልጠታዊ ወረቓቕቲ፡ ምስ ኣስማትን ስእልን ኣቕረብቶም ኣብ ገጽ 26-27 ቀሪቡ ኣሎ።
እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ምብዛሕ እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ስርናይ ኣብነታዊ ስራሕ ንዘሰላሰሉ ሸውዓተ ሓረስቶት ሸልማት ተዓዲሉ። እዞም ሓረስቶት እዚኣቶም፡ ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብን ዓንሰባን ዝነጥፉ ኾይኖም፡ ምሳታቶም ብቐረባ ክሰርሑ ካብ ዝጸንሑ ክኢላታት ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ልዑል ቴክኒካዊ ደገፍ ከም ዝረኸቡ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ሚኒስትሪ ሕርሻ ንውጽኢት ስራሕ ናይ'ዞም ‘ኣገናዕ’ ዝበሎም ሓረስቶት ኣብ ምግምጋም እተጠቕመሎም ረቛሒታት መምዘኒ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦ ትግባረ ግቡእ ኣገባብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ግቡእ ኣተሓራርሳን ምድልዳልን መሬት፡ ተወሳኺ ኣማራጺ መስኖ፡ ዑደት ዘርኢ፡ ብመስመር ምዝራእ፡ ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዕን እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይን፡ ከምኡ'ውን መጠን ምህርቲ ስርናይ። ሓጺር መግለጺ ናይዞም ዕዉታት ሓረስቶት ይስዕብ፦

## ኣቶ በረኸት ተኸስተ

ኣብ በለዛ፡ ዞባ ማእከል፡ ቦታ ሕርሻ ዘውንን ኣቶ በረኸት ተኸስተ፡ ስራሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣካዪዱ፣ ግራቱ ብግቡእ ኣደላዲሉን ሓሪሱን፣ ተወሳኺ መስኖኣዊ ኣማራጺ ገይሩ፣ ዑደት ዘርኢ ተጠቒሙ፣ ብመስመር ዘሪኡ፣ ባህርያዊ ድኹዒ እውን ተጠቒሙ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ዓመተ-2021፡ ካብ ሄክታር 83.2



ኲንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ (ሲድራ) ብምሕፋሱ፡ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ኣብነታዊ ስራሕ ዝዓመመ ሓረስታይ ክበሃል በቒዑ።

## ኣቶ ደስበለ ዘካርያስ

ኣቶ ደስበለ ዘካርያስ፡ ኣብ ከባቢ ኣስመራ - ቁሸት፡ ኣብ ሕርሻ ኣእካልን ኣሕምልትን ይነጥፍ። ኣቶ ደስበለ፡ ሳላ ግራቱ ብግቡእ ዘደላደለን ዝሓረሰን፣ ተወሳኺ መስኖኣዊ ኣማራጺ ሳላ እተጠቕመ፣ ዑደት ዘርኢ ስለ ዘዘውትር፣ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ድኹዒ ስለ እተጠቕመ፡ ኣብ ዓመተ-2020፡ ‘72 ኲንታል ካብ ሄክታር’ ዝበጽሕ ምህርቲ ስርናይ (ሲድራ) ከመዝግብ ክኢሉ።



ወ/ሮ ሓርነት ተስፋሚካኤል



ኣብ ገረሚ፡ ዞባ ማእከል፡ ዝምቕማጣ ወ/ሮ ሓርነት ተስፋሚካኤል፡ ኣብ 2012 ብዘመዝገበቶ ልዑል መጠን ምህርቲ እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ (ቋፍዛ) ንዚ ሽልማት ዝበቕዐት በዓልቲ-ዋኒን ማሕረስ እያ። ኣብ'ቲ እዋን፡ እተመሓየሸ ዘርኢ ተጠቒማ፣ ስራሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣካዪዳ፣ ግራታ ብግቡእ ኣደላዲላን ሓሪሳን፣ ተወሳኺ መስኖኣዊ ምንጪ ማይ ኣዋዲዳ፣ ዑደት ዘርኢ ኣተግቢራ፣ ድኹዒ ኸኣ ተጠቒማ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ 108 ኲንታል ክትሓፍስ በቒዓ።

ወ/ሮ ኤልሳ ገብረኪዳን (ብበዓል ቤታ ተወኪላ)

ወ/ሮ ኤልሳ ገብረኪዳን ትብሃል። ኣብ ዓመተ-2022፡ ኣብ ዳንጌረ-ገነት፡ ዞባ ደቡብ፡ ካብ ዝርከብ ኣብነታዊ ግራታ፡ 60 ኲንታል ካብ ሄክታር እተመሓየሸ ስርናይ (ኣቲላ) ረኺባ። እዚ ኣብ ተመኩሮ ወ/ሮ ኤልሳ እተጋህደ ምስጢር ጽብለልታ ዘሎዎ ምህርቲ፡ ካልእ ዘይኮነስ፡ እዚ እዩ ነይሩ፦ ትግባረ ግቡእ ኣገባብ



ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ግቡእ ኣተሓራርሳን ምድልዳልን መሬት፡ ተወሳኺ ኣማራጺ መስኖ፡ ዑደት ዘርኢ፡ ብመስመር ምዝራእ፡ ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዕን እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይን።

ኣቶ ሙሳ ዑመር

ኣቶ ሙሳ ዑመር፡ ከም'ቲ እዞም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ሓረስቶት ዝገበሩዎ፡ ነታ ኣብ ገዛ-ጎቦ፡ ዞባ ደቡብ፡ እትርከብ ግራቱ፡ ካብ ናይ ከባቢኣ ሓለፋ ዘሎዎ ምህርቲ ንኸትሓፍስ ስለ ዘብቀዓን፡ ብእኡ ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ሓረስቶት ግብራዊ ትምህርቲ ተጠቃምነት እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ ንክረኽቡ ባይታ ስለ ዝፈጠረን፡ ኣብ በዅሪ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ ሽልማት ተቐቢሉ። ኣብ ዓመተ-2022፡ ደረጃ ናይ እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ (ኣቲላ) ምህርቱ 55 ኲንታል ካብ ሄክታር ዝነበረ



ኣቶ ሙሳ፡ ስራሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብምክያድ፡ ግራቱ ብግቡእ ከም ዘጣጥሐን ከም ዝሓረሰን፣ ተወሳኺ መስኖኣዊ ኣማራጺ ምንጪ ማይ ከም ዘውሓሰ፣ ዑደት ዘርኢ ከም ዘዘውተረ፣ ብመስመር ከም ዝዘርአን ባህርያዊ ድኹዒ ከም እተጠቕመን እውን ተመስኪርሉ።

ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ

ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ብወገኑ፡ ኣብ ግራቱ ጽፉፍ ስራሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣካይዱ፣ ግራቱ ብግቡእ ኣጣጢሑን ሓሪሱን፣ ተወሳኺ መስኖኣዊ ኣማራጺ ምንጪ ማይ ኣውሒሱ፣ ዑደት ዘርኢ ገይሩ፣ ብመስመር ዘሪኡ፣ ባህርያዊ ድኹዒ ተጠቒሙ፡ ግቡእ ኣተሓሕዛ ስነ-ዘራእቲ ድማ ተኸቲሉ፡ ኣብ 2020፡ ካብ



ሄክታር 40 ኲንታል እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ (ኣቲላ) ዝሓፈሰ ሃብሮም ሓረስታይ እዩ። ልክዕ ከም ናይቶም ካልኦት ሓረስቶት፡ ተመኩሮ ኣቶ ተስፋይ ኣብ ምብዛሕ እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ ብዓቢኡ ልዑል ተገዳስነት ዘሎዎ ክኸውን እንክሉ፡ ኣብ'ታ ንሱ ዝቕመጠላ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ እትርከብ ዓዲ – ማእዶ - ይኹን ኣብ ከባቢኣ ዝፈጠሮ ኣፍልጦኣዊ ጽልዋ በቲ ኻልእ መዳይ፡ ብቐሊል ዝጥመት ኣይኮነን።

ኣቶ ገብረማርያም ክፍለ



ኣብ ምብዛሕ እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ (ሲድራ) ዕዙዝ ተራ እተጻወተ፡ ኣብ ዓዲ-ተከሌዛን - ዞባ ዓንሰባ፡ ዝምቕማጡ ኣቶ ገብረማርያም ክፍለ፡ ሓደ ኻብ'ዞም ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ናእዳን ምትብባዕን እተቐበሉ ሓረስቶት እዩ። ናብ'ዚ ንዘብቅዖ ገምጋም ስርሑ ምስ እንፍትሽ፡ ግቡእ ኣገባብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከም እተጠቕመ፣ ግራቱ ብግቡእ ከም ዝሓረሰን ከም ዘደላደለን፣ መስኖኣዊ ተወሳኺ ምንጪ ማይ ከም ዝነበሮ፣ ዑደት ዘርኢ ከም ዝጥቀም፣ ብመስመር ከም ዝዘርአ፣ ኮምፖስት ዘዛነቐ ባህርያዊ ድኹዒ ከም ዝተጠቕመ፣ ከምኡ'ውን ግቡእ ኣተሓሕዛ ስነ-ዘራእቲ ስለ ዝተኸተለ፡ ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ዓመተ-2021፡ ካብ ሄክታር 46 ኲንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ከም ዝረኸበ ነንብብ። ዝዓመሞ ስራሕ ከኣ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ሓረስቶት ጽቡቕ ግብራዊ ኣብነት ክኾኖም ክኢሉ።

ድሕሪ ወግዒ ምሸላም ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ኣቕረብቲ ጸብጻብ ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ንመስርሕ ናይ'ቲ ዋዕላ ኣመልኪቶም ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣስሚዖም። ንዓታቶም ተኪኦም ከኣ፡ ሰለስተ ሓለፍቲ ትካላት ወጻኢ፡ ንዓበይቲ ነጥብታት ናይ'ቶም ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝቐረቡ ስነ-ፍልጠታውያን ወረቓቕቲ ብዝምልከት ነናቶም ቃል ከስምዑን፡ ብዛዕባ ኣመታት ናይ'ቲ ክሰዕብ ዘሎዎ መርሓ ጉደና ገለ ንኽብሉን፡ መድረኽ ተረከቡ፡– ዶ/ር ጆሴፍ ደቭሪስ - ፕረዚደንት ዓለም-ለኻዊ ትካል ጉጅለ ስርዓተ-ዘራእቲ፣ ሚስተር ጆን ዊክሊያም - ዋና ፈጻሚ ስራሕ ትካል ቪታ ኢንተርናሽናል፣ ከምኡ'ውን ዶ/ር ኤኖክ ዋሪንዳ - ፈጻሚ ዳይረክተር ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ። ካብ'ቶም ንሳቶም ዝጠቐስዎም ነጥብታት እምበኣር እዞም ዝስዕቡ ክንዝርዝር ንኽእል፦

• እዚ ዋዕላ፡ ብዙሓት ብሉጽነት ዘሎዎም ስነ-ፍልጠታውያን ወረቓቕቲ ምርምር ከም ዘአንገደን ኣብ መጻኢ ክትግበር ናብ ዝኽእል ክልተኣዊ ምትሕብባር ከሳግር ዝኽእል ድንድል ምዃኑ፣ እቲ ኣብ'ዚ ጉዳይ ከም መገምገሚ ዓወት ዝውሰድ ነጥቢ ድማ "ኣብ መወዳእታ፡ ሓረስቶት ብሉጻት ኣዝርእቲ ክረኽቡ ክኢሎም ዶ ኣይከኣሉን" ዝብል ምዃኑ፡
• ሓረስቶት ኪንዮ ዕንጋሎኣዊ ምህርቲ ንኽሓስቡ ምትብባዖም፡ ንቑጠባ ኣፍሪቃ ከደንፍዕ ዝኽእል ስጉምቲ ምዃኑ፡
• መጻኢ ሕርሻ ኤርትራ ብሩህ ምዃኑ፡
• ክልተኣዊ ምትሕብባር ትርጉም ዝህሉዎ፡ ሓረስቶት ተጠቀምቲ ስነ-ፍልጠታዊ ኣሰራርሓ ክኾኑ ከለዉ ምዃኑ፡ ከምኡ'ውን ክልተኣዊ ምትሕብባር፡ ኣብ መዳይ ሽርክነታዊ ዝምድና እተመርኰሰ ኣሰራርሓ፡ ምንጪ ምወላን ተጠቃምነት ቴክኖሎጂን ተደራቢ ረብሓ ከም ዘውሕስ፡
• ፕሮግራም ሕርሻዊ ልምዓት ኤርትራ ሓገዝ ከም ዘድልዮ፡
• ብዞባ ደቡብ ጀሚሩ፡ "ብ 25 ሓረስቶት፡ ን 25 ሽሕ ሓረስቶት" ብዝብል ሞዴል ተበጻሕነት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ቀጺሉ ዝርከብ ፕሮግራም ዝርጋሐ እተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ፡ ዛጊት ዕዉት ኰይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ፡
• ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ምስ ሓረስቶት ምሉእ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ከም ዝህልዎ ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ፡
• ኤርትራ፡ ሓንቲ ኻብ'ተን መስረትቲ ሃገራት ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ ስለዝኾነት፡ ነቶም እዚ ማሕበር ዘውንኖም 200 ምዝጉባት ቴክኖሎጂታት ንኽትጥቀመሎም ባይታ ከምዘለዋ፡

ዝርዝራት ናይ'ቶም ኣብ ፈላሚ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ ዝተኻየዱ ምይይጣትን ዝቐረቡ ለበዋታትን ከኣ በዚ ዝስዕብ ጽማቑ ትሕዝቶ ክንጸባረቑ ይኽእሉ፦

• "ብውልቅና እንተተጓዓዝና ንጉዩ፣ ብሓባር እንተተጓዓዝና ድማ ኣብ ርሑቕ ንበጽሕ" ብዝብል ምስላ ዝተሰነየ፡ ብሓባርን ብዝያዳ ብልሕን ምዕያይ ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ ዘዛኻኽር ርእይቶ ቀሪቡ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ፡ ምስ ዞባውያንን ዓለም-ለኻውያንን መሻርኽቲ ንዘሎዎ ዝምድናታት ብምሕያል፡ ኣብ ምፍራይ እተዳቐሉ ኣዝርእቲ ዝያዳ ስራሕ ክሰርሕ፣ ከምኡ'ውን ብወገን ሓረስቶት ኤርትራ ንዝርአ ዘሎ ድሉውነት ናይ ምብዛሕ እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ኣሐዩሉ፡ ከም ስትራተጂ ምትብባዕ ሕርሻዊ ንግዳዊ ዋኒንን ዘላቒ ቀረብ ኣዝርእትን ክደፍኣሉ ትጽቢት ከም ዝግበረሉ ተገሊጹ፡
• ብዘይካ'ዚ፡ ክልተ ብዕምቈት ዝተዘተየሎም ኣማራጺታት ናይ እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን፡ ንሳጋሚ ባርኖስ ቀውዒ



ዝጻወሩ ብምኳናም፡ ፍሉይ ኣድህቦ ክረኽቡ እንከለዉ፡ ውሁድ ኣገባብ ምሕደራ ጸረ-ባልዕ (IPM)፡ ሓደጋታት ሳጋሚ ባርኖስ ቀውዒ ንምክልኻል ኣብ ጥቕሚ ክውዕል፡ ካብ ላዕለዎት ክኢላታት ሞያዊ ምኽሪ ቀሪቡ። ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን ከኣ፡ ኣብ ትግባረ ውሁድ ኣገባብ ምሕደራ ጸረ-ባልዕ ምኽራዊ ሓገዝ ንኽገብር ድሉውነቱ ኣረጋጊጹ፡

• ጉዳይ ኣተዓጻጻፍነት ምህርቲ ምሩጻት ኣዝርእትን ኣገዳስነት ምሕያል ኣገባብ ምዕቃብ ኣዝርእትን፡ በቲ ኻልእ ሸነኽ፡ ክዝተየሉ እንከሎ፡ ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ፡ ምስ'ዚ ዝተኣሳሰሩ ፖሊሲታት ኣብ ምርቃቕን ኣብ ምትንታንን ክተሓጋገዝ ድሉው ምኳኑ ገሊጹ፡

• ጉዳይ ምሕየሻ ናይ ፓስታ ስርናይ (Durum wheat)፡ ናብ ኢንዱስትርያዊ ኣሰራርሓ ከም ዘሳግር ደራኺ ረቛሒ ዝተጠመተ፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዛዕባታት ናይ'ዚ ዋዕላ እዩ ነይሩ። ምስ'ዚ ብዝተኣሳሰር፡ ብዕዳጋ ዝቕለስ'ኳ እንተኾነ፡ ንፕሮግራም ምሕየሻ ስርናይ ናይ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ፡ ኣድህቦ እንተተገብረሉ ጽቡቕ ምኳኑ ዘዘኻኽር መተንባህታ ቀሪቡ ነይሩ

• ገለ ጋጋት ምህርቲ ኣብ ምጽባብ ሓገዝቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣገባባት እውን ተዘርዚሮም፦ ደርቂ፡ ሙቐትን ሕማማትን ዝጻወሩ ኣማራጺታት ዘርኢ ምጥቃም፣ ሓደስቲ ኣማራጺታት ጀርምፕላዝም (ዋህዮኣዊ ስነ-ሰረታዊ ምንጪ) ምትእትታው፣ ትግባረ ዑደት ዘርኢ፣ ብማይ ዝናብ ኣብ ዝለምዑ ግርሁ፡ ኣብ ልክዕ ዕለታት ምዝራእ፣ ምዝውታር ግቡእ ኣተሓሕዛ ስነ-ዘራእቲ፣ ሕርሻዊ ማሽነሪ ምጥቃም፣ ከምኡ'ውን ውሁድ ኣገባብ ምሕደራ ጸረ-ባልዕ ምህላው፡

• ንኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ብዝምልከት፡ ምቍጽጻር ምንቅስቓስ ኣዝርእትን ምሕያል ቍጽጽር ጥዕና ኣትክልትን ኣገደስቲ ምኳኖም ዝጠቅስ መዛኻኸሪ ቀሪቡ፡

• ነዞም ዝስዕቡ ኣማራጺታት ድማ ከም ሃልኪ ጉልበት ዝቑጥቡ ምዕቡላት ኣሰራርሓታት ተዘትዩሎም፦ ማሽነሪ ተኻሪኻ ንምስራሕ ዘተባብዕ ጥሙር ሕርሻዊ ኣሰራርሓ፣ ማሕበራት ሓረስቶት ብኽራይ ማሽነሪታት ሕርሻ ንኽጥቀማ ምትብባዕ፣ ከምኡ'ውን ዕድል ተጠቃምነትን ርትዓውነት ዋጋን ንምርግጋጽ፡ ንኣሽቱ ማሽናት ሕርሻ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከም ዝፈርያ ምግባር፡

• 'ብመገዲ ምሕየሻ ኣዝርእቲ፡ ሓባራዊ ሕርሻ ኣትክልትን እንስሳታትን ምትብባዕ' ኣብ ዝብል ሓሳብ፡ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ተኽእሎታት ምትእትታው ናይ'ቶም ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን ዘማዕበሎም ድርብ-ዝመዓላኦም ኣማራጺታት ዘትዮም። እዚ ኣማራጺ፡ ክድፍኣሉ ኸኣ ለበዋ ቀሪቡ፡

• ተሳተፍቲ ዋዕላ፡ ሓረስቶት ገንዘባዊ ልቓሕ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ገለ ኣማራጺታት እውን ሃሰው ኢሎም ነይሮም። ኣብ ተጠቃምነት ኣዝርእቲ ዘተኰሩ ማሕበራት ምምስራት፡ ሓደ ኻብ'ቶም ናብ ተመኲሮ ኤርትራ ዝቐረቡ፡ ምስ'ዚ ዛዕባ ዝተኣሳሰሩ ርእይቶታት እዩ፡

• ባህርያዊ ዘገምታውነት ምርምራዊ ስራሕ፡ ጠለባት ሓረስቶት ኣብ ምምላእ ንዝፈጥሮ ናይ ምድንጓይ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ፡ ብዞባ ደረጃ ተጸኒዖም ዝዝርግሑ መለሳታት ዘርኢ ፍታሕ ከምጽኡ ከም ዝኽእሉ ተገምጊሙ ነይሩ። ኣብ'ዚ መዳይ፡ ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ፡ ናይ ስራሕ ምትእሳር ኣብ ምፍጣር ኩነ፡ ኣብ መስርሕ ምዝርጋሕ ኣማራጺታት ዘርኢ ከጋጥም ዝኽእል ምድንጓያት ኣብ ምውጋድ፡ ክተሓጋገዝ ከም ዝኽእል ተነጺሩ። "ሕጂ ዘሎ ናይ ኣሰራርሓ ዝምባለ፡ ኣብ ምዝርጋሕ ብዝሒ ዓይነታት ምሩጻት ኣዝርእቲ ዘይኮነስ፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ ኣብ መነባብሮ ሓረስቶት ክፈጥርዎ ኣብ ዝኽእሉ ጽልዋ ዘተኰረ እዩ" ዝብል መብርሂ እውን ተዋሂቡ ነይሩ

• "እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ምጥቃም፡ ብመንጽር ዋጋ፡ ተግባራዊ ክኸውን ይኽእልዶ?" ንዝብል ሕቶ ድማ፡ እዚ ዝስዕብ መልሲ ተዋሂብሉ፦ እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ትሑት መጠን ምህርቲ እንተሃበ እውን የዋጽእ እዩ፤ ምኽንያቱ፡ ንሓያለይ ዓንቀጽቲ ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ረቛሒታት ክጻወር ይኽእል እዩ። ካብ ካልኦት ዓይነት እተዳቐሉ ኣዝርእቲ ዕፉን ከኣ፡ እተዳቐለ በዓል-ሰለስተ-ኣማራጺ ዘርኢ ዕፉን (three-way hybrid maize) ዝያዳ ተመራጺ ምኳኑ ተጠቂሱ፡





- ማዕረ-ማዕረ እዞም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ጉዳያት፡ ጽላት ሕርሻ ዘላቒን ክሊማ-ቐደውን ንክኸውን፡ ስትራተጂታት ተጠቃምነት ባህርያውያን ድኾዕታትን ጸረ-ባልዓትን ኣገደስቲ ብምዃኖም፡ እቲ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ ጀሚራቶ ዘላ ተበገሶ ዝያዳ ክድፍኣሉ፣ ጉዳይ ምትእትታውን ምስሳንን ናይ'ቶም ክሊማዊ ጸቕጢ ዝጻወሩ ኣማራጺታት ዘርኢ ስርናይን ዕፉንን እውን ፍሉይ ቈላሕታ ክወሃቦ ሓሳብ ቀሪቡ። ብፍላይ'ኳ፡ ዋግ ዝጻወሩ ዓሌታት ዕፉን ኣብ ምትእትታውን ኣብ ምርዓሞምን፡ ምስ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን ብቐረባ ምስራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘተንብህ ሓሳብ ቀሪቡ።

- ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ኣብ ኤርትራ ንግዳዊ ተበግሶታት ሕርሻ ንምትብባዕ ተግባራውያን ኰይኖም ዘለዉ ስትራተጂታት፡ "ንኡስ፡ ውሁድ ስድራ-ቤታዊ መደብ ሕርሻ (MIHAP)"፡ ከምኡ'ውን "ስትራተጂ ንኡስን ማእከላይን ንግዳዊ ሕርሻ (SMCFS)" ምዃኖም፡ ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ ንተሳተፍቲ ዋዕላ መብርሂ ሂቡ።

እቲ ክልተ መዓልትታት ዝወሰደ ቀዳማይ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ፡ ጐድኒ-ጐድኒ ብዝተኻየዱ ክልተ ርክባት እዩ ተዛዚሙ። እቲ ሓደ ርክብ፡ ብኽልተ ጕጅለታት ዘተ ላዕለዎት ክኢላታት ኰይኑ፡ ምትሕግጋዝን ናይ ስራሕ ዝምድናታትን ኣብ ምሕያል፣ ስርዓት ዘርኢ ኣብ ምምዕባልን ኣብ መሳልላት ወሰኽ-ክብሪ ኣዝርእቲ ክስርሓሎም ዝኽእል ኣገባባት ኣብ ምንጻርን፣ ከምኡ'ውን ድኹማት ጐድንታት ኣብ ምልላይ፡ ኣመትቲ ዝኾኑ ሓሳባት ክርከብዎ ተኻኢሉ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣብ'ቲ ዋዕላ ምስ ዝተዓደሙ ላዕለዎት ክኢላታትን ሓለፍትን ናይ እተፈላለያ ትካላት ወጻኢ ዘካየዶ ዓቢ ርክብ ከኣ ነይሩ። በቶም ኣብ'ዚ ኣኼባ ዝተዛተዩ ተሳተፍቲ፡ ንመጻኢ ኣብ ልምዓት ናይ'ዞም ኣእካል ጽምዶኣዊ ስራሕ ክስርሓሎም ከም ዝከኣል ዝተነጸሩ ዛዕባታት፡ እዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ እዮም፦

- ምስግጋር ቴክኖሎጂ
- ምልውዋጥ ጀርምፕላዝም፡ ከምኡ'ውን
- ምምዕባል ኩሉ-መዳያዊ ዓቕሚ፡ ዝብሉ እዮም ነይሮም።

ድሕር'ዚ፡ ማለት ኣብ ኣጋ ምሸት ናይ'ታ ኻልኣይቲ መዓልቲ፡ ኣጋይሽ ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ኣብ ከባቢ ሕምብርቲ ኣስመራ ሽናዕ እናበሉ፡ ገለ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተሃንጹ ናይ ኣርት-ዴኮ ህንጻታት ክዕዘቡ ዕድል ረኺቦም። እታ ዝሰዓበት መዓልቲ፡ ተሳተፍቲ ዋዕላ ኣብ ዞባታት ማእከልን ደቡብን ዝርከቡ ሓያለይ ሕርሻታት ስርናይን ዕፉንን ናይ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓልሓለ ንዝርከቡ ነቑጣታት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ዝተዓዘቡላ እያ ነይራ።

ሓንቲ ጕጅለ ተሳተፍቲ ዋዕላ ኣብ ዞባ ማእከል ዑደት ከተካይድ እንከላ፣ እታ ኻልኣይቲ ድማ ትኽ ኢላ ብምጕዓዝ ብዓዲ-ማእዶ ጀሚራ ግርሁ ስርናይን ዕፉንን ናይ ኣብነታውያን ሓረስቶት ዞባ ደቡብ ተዓዚባ። ብድሕር'ዚ፡ ክልቲኣተን ጕጅለታት ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ኣብ ሓልሓለ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ተራኺበን፡ በብዓውዱ ንዝካየዱ ዘለዉ ሃገራውያን ስራሓት ምርምር ብሓባር ተዓዚበን።

ኣብ ዝሰዓበ ዛዛሚ ክፍለ-ግዜ ናይ'ዚ ዑደት፡ ኵላቶም ተሳተፍቲ፡ ካብ ሓልሓለ ከይረሓቑ፡ ናብ ትካል ኣዜብ ኣግሮ-ኢንዱስትሪ እዮም ኣላጊሶም። ንተሳተፍቲ ናይ'ቲ ዑደት ኣብ ኣዳራሹ ዝተቐበለ ምምሕዳር ናይ'ቲ ትካል፡ ግቡእ ትግባረ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምስ ምጥቃም ኮምፖስት ተደሚሩ ምህርቲ ስርናይ ክብ ኣብ ምባል ብዛዕባ ዘምጽኦ ውጽኢት ዘብርህ፡ ብቪድዮ ዝተሰነየ መጽናዕታዊ ትሕዝቶ፡ ብቐርጠው ኣገባብ ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምምሕዳር ትካል ኣዜብ ኣግሮ-ኢንዱስትሪ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ብሉጻት ፎርማጆታትን ካልኦት ውጽኢታት ጸባን፡ ከምኡ'ውን መዓርን ካልኦት ትሕዝቶታትን ዘጠቓለለ ኮክተይል ንዘኣንገዶም ተሳተፍቲ ዑደት በኸሪ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ ብፍሽሑው ገጽ ኣፋንዩዎም። ብኸም'ዚ ድማ ኩሉ መዳያት ናይ'ዚ ዋዕላ ብዓወት ተዛዚሙ።

# ርእይቶታት ወጻእተኛታት ተሳተፍቲ ፈላሚ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ኤርትራ

### ዶ/ር ቢ.ኤም. ፕራሳና



ኣብ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን፡ ዳይረክተር ዓለም-ለኻዊ ፕሮግራም ዕፉን፣ ሓላፊ ትካል ጉጅለ ምኽሪ ዓለም-ለኻዊ ምርምር ሕርሻ (CGIAR)፣ ከምኡ'ውን መራሒ ተበግሶ ጥዕና ኣትክልቲ (Plant Health Initiative) እየ። እዚ ዋዕላ፡ ብዘግባእ ዝተወደበን ብዛዕባ ኲነታት ምሕየሻ ስርናይን ዕፉንን ኣብ ኤርትራ ጽቡቕ መረዳእታ ዝቐረበሉን ነይሩ።

ኤርትራ፡ ዘለዉዋ ፕሮግራማት ምድቃል ገና ኣብ ፈላሚ ደረጃ ስለ ዘርከቡ፡ ሓያለይ ብድሆታት ይጽበይዋ ከም ዘለዉ ንጹር እዩ። ይኹን'ምበር፡ ምፍራይን ምዝርጋሕን ናይ ልዑል-ዝምህርቶም፡ እተደራረቡ ጸቕጥታት ተጻዊሮም ኣብ ፍረ ዝበጽሑን ዓንገልትን ዓይነታት ኣእካል ክድፍኣሉ ይግባእ። እኹል ወፍሪ ብምግባርን ፍሉይ ኣተኲሮ ዘሎዎም ውጥናት ስራሕ ብምድላውን፡ ከም ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን ምስ ዝኣመሰሉ ዓለም-ለኻዊ ትካላት ዘጸንሐ ሽርክነት ወግዓውነት ክለብስ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ እዞም ኣብ'ዚ ዋዕላ ዝቐረቡ ብሉጻት ሓሳባት፡ ፍሉይ ኣተኲሮ ዝሃቡ ፕሮግራማትን እኹል መጠን ወፍርን ተግባራዊ ብምግባር፡ ክዉናት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ርግጸኛ እየ።

***

### ዶ/ር ዘውዴ ቢሻው

ኣብ ትካል ዓለም-ለኻዊ መደበራት ፈልስን ጥዕና ኣዝርእትን ናይ ስርዓት ኣዝርእቲ (SINH) መራሒ ጉጅለ እየ፤ ከምኡ'ውን ኣካያዲ ስራሕ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ – ኢትዮጵያ። እዚ ዋዕላ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኤርትራ ተበጺሑ ዘሎ ገስጋስ፣ ውጽኢታቱን ዘለዉ ሃጓፋትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ እዛ ሃገር ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒነት መፍረ ስርናይን ዕፉንን ክትጉዓዞ ዝግባእ ኣንፈት፡ ንምግምጋም ዕድል ዝሃበ ነይሩ። ስርናይ ዝናብ ተጸቢኻ ድዩስ ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል እኽሊ እዩ። ብዛዕባ




ኣብ ኤርትራ ዘሎ ክዉንነት ክንዛረብ እንተኼንና፡ ኣብ ዝናብ ተመርኲስካ ምህርቲ ስርናይ ክብ ንምባሉ ዝኽእል ጸጋ ኣሎ። እዛ ሃገር ብቐረብ ናይ'ዚ እኽሊ ርእሳ ንኽትክእል፡ ንጥፈታት መስኖኣዊ ልምዓት ዝያዳ ከም ዝሰፍሕ ክግበር እውን ይከኣል እዩ። ልክዕ'ዩ – እዚ ክዉን ዝኸውን፡ ልዑል መጠን ምህርቲ ዝህቡ እተመሓየሹ ዓይነታት ዘርኢ ክርከቡ ምስ ዝኽእሉን ግቡእ ኣተሓሕዛ ስነ-ዘራእቲ ኣብ ባይታ ምስ ዝውዕልን እዩ። እቲ ዝምዕብል ስርዓት ዘርኢ ብመገዲ ህዝባዊ ጽላት፡ ብሕታዊ ጽላትን ሓረስቶት-ዘማእከላ ትካላት ምዝርጋሕ ኣዝርእትን ዝሰርሕ ክኸውን ይግባእ። ኤርትራ፡ ከም'ዚ ዓይነት ናይ ፖሊሲን ሕጋዊ ቕርጽን መዋቕር ብምውዳድ፡ ብዙሕነት ዘለዎን ዘላቒን ጽላት ኣዝርእቲ ክትሃንጽ ትኽእል እያ ዝብል እምንቶ እዩ ዘለኒ። ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ፡ ኣብ መዳይ ልምዓታዊ ምርምር፡ ድሮ ምስ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ውጽኢታዊ ናይ ሓባር ስራሕ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ምትሕብባር ምልውዋጥ ጀርምፕላዝም ስርናይ ስለ ዝተኻየደ ድማ፡ ልዑል መጠን ምህርቲ ዝሕፈሶም ዓይነታት ስርናይ ናብ ገለ ሓረስቶት ኤርትራ ክበጽሑ ተኻኢሉ። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ምትእስሳር ምስ ካልኦት ማእከላት ምርምር ከምኡ'ውን ምልውዋጥ ፍልጠትን ተመኲሮን ከኣ፡ ገለ ናይ ሓባር ጉዕዞ ክኽየድ ተኻኢሉ ኣሎ።

***

### ዶ/ር ውለታው ታደሰ

ኣብ ራባት – ሞሮኮ ኣብ ዝመደበሩ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ፡ ከም ዋና ስነ-ፍልጠተኛን ቀዳማይ ተጸዋዒ ምድቃል ስርናይን ብምኻን እሰርሕ። ኣብ ልክዕ ሽቶ ኣብ ዘነጻጸረን ንቐንዲ መሻርኽቲ ናይ'ዚ ዓውዲ መስሕብ ክኸውን ኣብ ዝኽኣለን ዋዕላ ኢና ክንሳተፍ ቀኒና። ኤርትራ፡ ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒነት ቀረብ ናይ'ዞም ክልተ ኣእካል ገና ብዝግባእ ዘይመዝመዘቶም ጸጋታት ዘለዉዋ እመስለኒ። ስለዚ፡ ውሁድ ምሕደራ ኣእካል ዝያዳ ብምትብባዕ፡



ከምኡ'ውን ምስ ሃገራዊ ፖሊሲ ምስ ዝሰማምዑ መሻርኽቲ ጽምዶኣዊ ስራሓት ኣሐዪልካ ጸጋታት ብምምዝማዝ፡ ጋጋት ምህርቲ ክጸብብ ከም ዝኽእል ከዘኻኽር እፈቱ። ተወሳኺ ወፍሪ (ንግዳዊ ሕርሻ) ኣብ ምድራኽ፣ ኣብ መዳይ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ (ስልጠና)፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምስራሕ ኣዝርእትን ምኽየና (mechanization)ን ዘድሃባ ሓያላት

ማሕበራትን ተራድኦታትን ኣብ ምምስራት ተወሲኽቲ ጻዕርታት ክግበሩ እውን ከድሊ እዩ። ምስ'ቲ ኣነ ዝሰርሓሉ ትካል ክግበር ብዛዕባ ዝኽእል ምትሕብባር፡ ሰለስተ ምስ ተመኩሮ ኤርትራ ዝኸዱ ነጥብታት ኣለዉ፦ ቀረብ ህቡብ ጀርምፕላዝም ስርናይ፡ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ክኢላታት ምድቃል ስርናይ፡ ከምኡ'ውን ብመገዲ ምወላዊ ሓባራዊ ፕሮጀክት ልምዓት ዝኸይድ ግቡእ ምዝመዛ ጸጋታት።

***

<u>ሚስተር ጆን ዊክሊያም</u>



ኣብ ፕሮጀክት ልምዓት ኤርትራን ኣየርላንድን (EIDP) እየ ዝሰርሕ። እዚ ትካል፡ ንሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ፡ ንሕርሻዊ ትካል መንግስቲ ኣየርላንድ (TEAGASC)፡ ንትካል ቪታን ንሰልፍ-ሄልፕ ኣፍሪካን ዘጣመረ እዩ። ኣዝዩ ዝድነቕ ዋዕላ እዩ ነይሩ። ዓለም-ለኻዊ መለክዒ ዝማልአ፡ እሞ ድማ ብዙሓት ኣርእስትታት ዝዳህሰሱ ስነ-ፍልጠታውያን ወረቓቕቲ ምርምር ዝቐረቡሉን ጽቡቕ ምውሳእ ናይ ተሳተፍቲ እተራእየሉን እዩ።

ከም እንፈልጦ፡ ንኤርትራ ማይን ዓቕሚ መሰኖኣዊ ስራሕን ኣውራ ጉዳያት እዮም። ምውሓስ ቀረብ ዓይነታውያን ኣዝርእቲ ድማ ከም ካልእ ማሕንቖ ክውሰድ ዝኽእል እዩ። ሕጂ፡ ዓለም-ለኻዊ ኮም ስነ-ፍልጠተኛታት ሕርሻ፡ ምስ'ዞም ናይ ኤርትራ መዛኑ፡ ክተሓጋገዙ ጀሚሩ ስለዘሎ፡ እቲ ዝረዓም ዘሎ ውጽኢት ቴክኖሎጂ ሕርሻ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ኢድ ሓረስቶት ክበጽሕ ይግባእ። እዚ ምስ ዝግበር፡ እቲ ኤርትራ ኣብ ልምዓት ማይ እትዓሞ ዘላ ስራሕ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ኣካይዳ ተወሲኽዎ፡ ናይ ኤርትራ ዓቕሚ መፍረ ብሰሉሳት ኣእካል ናብ ዝበለጸ ዘረኛ ክሰጋገር ይኽእል እዩ። ኤርትራ፡ ሓድሽን ዓለም-ለኻውን ቴክኖሎጂ ክሰንቁ ዘድልዮም፡ በላሕቲ ነኣሽቱ ስነ-ፍልጠተኛታት ሕርሻ ኣለዉዋ። ነዚ ንምግባር፡ ምስ ዝተፈላለያ ዓለም-ለኻዊ ኣካላት ሽርክነታትን ናይ ስራሕ ምትእስሳራትን ምሕያል፡ ኣድላዪ እዩ።

***

<u>ዶ/ር ኤኖክ ዋሪንዳ</u>

ፈጻሚ ዳይረክተር ማሕበር ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ምብራቓውን ማእከላይን ኣፍሪቃ (ASARECA) እየ። ብሓቂ ምዕሩግ ዋዕላ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ነቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ኣብ መኣዲ ዘተ ከቕርቦም ክኢሉ እዩ። ውጽኢት ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ቤት-ምኽሪ ጽላል ሚኒስተራት (Council of Patron Ministers) ናይ'ዘን ዓሰርተ-ሓሙሽተ ኣባላት ሃገራት ክዝትየሎም ተኽእሎ ኣሎ። ኤርትራ ጸላዊት ኣባል ናይ'ዚ ቤት-ምኽሪ እያ። በዚ መንጽር እንተርኢናዮ፡ እዚ ዋዕላ፡ ካብ ኤርትራ ሓሊፉ፡ ነዘን ሃገራት እውን ክጸሉ ዝኽእል እዩ። ማሕበርና ኣማዕቢልዎም ዘሎ ቴክኖሎጂታት፡ ተመሳሳሊ ሕርሻዊ ኣከባቢ (agro-ecological setting) ኣብ ዘለወን ሃገራት፡ ኣብ ጠቕሚ ክውዕል ዝኽኣል እዩ። ማሕበርና ብመገዲ እዚ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ስለዝሰርሕ፡ እነርቅቖም ፖሊሲታት፡ ዕንቅፋት ዘይብሉ



ምልውዋጥ ቴክኖሎጂ፡ ጀርምፕላዝምን ኣዝርእትን ንኽህሉ ዘተባብዑ እዮም። ተግባራውነት ፖሊሲታትና፡ ኣብ ሓደ ወይ ክልተ ወቕትታት ዘራእታዊ ፈተነ ጥራይ ዝተሓጽረ ስለዘኸኑ ድማ፡ ስነ-ፍልጠተኛታት ሓድሽ ቴክኖሎጂ ከማዕብሉ ምስ ዘደልዩ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዕዮኦም ንኽዛዝሙ ዝድርኽ እዩ። ብመገዲ እዞም ሚኒስተራት፡ ጀርምፕላዝም፡ ናብ ኣባላት ሃገራት ብናጻ ክሰጋገር ይኽእል እዩ። እዚ መሰርሕ፡ እንተበዚሑ፡ ሓደ ዓመት ጥራይ ስለ ዝወስድ፡ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ መግብን መኣዛውነት መግብን ንእትገብሮ ዘላ ጉዕዞ ከቀላጥፎ ይኽእል።

ኣብ'ዚ ብርክት ዝበለ ንእሽቶ ወለዶ ዓለምና ብሓፈሻ ካብ ሞያ ሕርሻ ዝዝሕጠሉ ዘሎ እዋን፡ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ጻዕርታት ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ሃገሮም ንጡፋት ተዋሳእቲ ኰይኖም ክትርእዮም ዘገርም እዩ።

***

<u>ዶ/ር ጆሴፍ ደሽረስ</u>



ፕረዚደንት ናይ'ቲ ስርዓት-ቀረብ-ኣዝርእቲ ኣብ ምምዕባል፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ ብሽርክነት ዝሰርሕ ዘሎ ዓለም-ለኻዊ ትካል ጉጅለ ስርዓት-ዘራእቲ እየ። ምስ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለን ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራን ብቐረባ ኢና ንሰርሕ። ኣብ'ዚ ዋዕላ ምስታፍና ኣዝዩ ባህ ዘብል እዩ። ሓሙሽተ ዝኣባላታ ጉጅለ ክኢላታት ትካልና ሒዘ እየ ተሳቲፈ።

ኣብ ኤርትራ ልዑል መጠን ምህርቲ ስርናይን ዕፉንን ክሕፈስ ከም ዝኽእል ዘመልክቱ ምርምራዊ ወረቓቕቲ፡ ኣብ'ዚ ዋዕላ ቀሪቦምልና። ድሮ ብሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ እተለለዩ እሞ፡ ኣብ ግራውቲ ናይ ገለ ሓረስቶት ተፈቲኖም፡ ብሉጽ ውጽኢት እተረኽቦም ዓይነታት ዘርኢ ኣለዉ። ይኹን'ምበር፡ እዞም ኣዝርእቲ፡ ዛጊት ብብዝሒ ኣብ ኢድ ሓረስቶት ኣይኣተዉን ዘለዉ። ዓለም-ለኻዊ ትካል ጉጅለ ስርዓት-ዘራእቲ፡ ሓረስቶት ልዑል መጠን ምህርቲ ዘሕፍስዎም ኣዝርእቲ ንኽረኽቡ ዘኽእል ስርዓት-ስራሕ ኣብ ምውዳድ፡ ፍሉይ ዕማም ዘተግብር ትካል እዩ። ክሳዕ ሕጂ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ ባህ ዘብል ውጽኢታዊ ናይ ሓባር ስራሕ ዓሚምና ኢና። ኣብ መጻኢ

እውን ዝበለጸ ምትሕብባራዊ ስራሕ ክንሰርሕ ከም ዝኾንና ኢና ንኣምን።

እዚ ዋዕላ ብብዙሕ መዳያቱ ፈላሚ እዩ። ዓሚ፡ ኣብ ድንሽ ዘተኮረ ተመሳሳሊ ዋዕላ ኣካዪድና እኳ እንተነበርና፡ እዚ ናይ ሕጂ ግን ምሉእ-ብምሉእ ንሓድሽ ቴክኖሎጂ ስርናይን ዕፉንን ብማዕረ ዝድህስስ ብምዃኑ፡ ብዙሕ ፍሉይነት ኣለዎ። ከም ክኢላ ምድቓል ዕፉን መጠን፡ ብወገነይ ዝብሎ እንተሃልዩ፡ ኣብ ኤርትራ፡ እተዳቐለ ዕፉን ኣፍሪቕ ንሓረስቶት ንምዕዳል ዘኽእል ዕቑር ዓቕሚ ኣሎ። ኣብ'ዚ መስርሕ ዘጋጥሙ ብድሆታት ውሑዳት እኳ እንተዘይኮኑ፡ እቲ ስራሕ ግን፡ ብዘገርም መገዲ፡ ድሮ ብትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ተጀሚሩ ኣሎ። ናብ ዝለዓለ ጽፍሒ ንምድያቡ ጻዕርታት ይካየዱ ከምዘለዉ እውን ተዓዚበ ኣለኹ። እዚ፡ መሳጥን ብዓይነቱ ሓድሽ ዝኾነን ዕማም እዩ።

ንሓረስቶት ኤርትራ፡ እተማሓየሹ ኣዝርእቲ ስርናይ፡ ማለት ሲድራ፡ ክሮክ ከምኡ'ውን ኣቲላ፡ ኣብ ምቕራብ እውን ተዋሲእና ኢና። ብዛዕባ ንመጸኢ ክትግበሩ ኣለዎም ዝበሃሉ ነገራት ዝብሎ፡ እዚ እዩ፦ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኤርትራ ንቐዳምነታት መንግስቲ ኣነጺሩ ቀላሲ ተራ ይጻወት ስለዘሎ፡ ሓደስቲ ውጽኢታት ንምምዝጋብ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ካብ ምትሕግጋዝ ድሕር ኣይንክንብልን ኢና። ኤርትራ፡ ኣብ ፍሉያት ኣእካል ኣተኩራ ብቕደም-ተኸተል ናይ ቀዳምነታት ትሰርሕ ብምህላዋ፡ ውሕስነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽ፡ ኣብ ቅኑዕ ጉደና ኣላ እየ ዝብል።

***

<u>ሚስ ሱዛን ን'ዱንት</u>

ኣብ ናይሮቢ - ኬንያ፡ ምስ ዝመደበሩ ትካል ጎስጓስ ቀረባት ሕርሻ – ኣፍሪቃ (FIP)-Africa እየ ዝሰርሕ። ኣብ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ዘተኮር ትካል ኰይኑ፡ ብፍላይ ድማ፡ ሓረስቶት ዘላቒነት ብዘለዎ ኣገባብ እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ብዛዕባ ዝረኽቡሉም መገድታት የስተምህር። እቲ ዕላማ፡ ምኽዕባት ምህርቲ ሓረስቶት እዩ። እዚ ዋዕላ ንኤርትራ ይኹን ንኣፍሪቃ ቀሊል ዘይኮነ ትርጉም እዩ ዘለዎ።



ኾላቶም መሻርኽቲ ብዛዕባ'ቶም ብኣካላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ ክትግበሩ ዝጸንሑ ንጥፈታት፡ ናይ ቀረባ መረዳእታ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ፡ ናይ ውሽጢ ሃገርን ናይ ወጻእን መሻርኽቲ ዝተረኽቡሉ ዋዕላ፡ ዘላቒነት ቀረብ ኣዝርእቲ ዘተባብዑ ርክባት ኣብ ምፍጣር፡ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ።

***

<u>ዶ/ር ላውረን ኦወረ</u>

ንሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ኡጋንዳ ወኪለ እየ ኣብ'ዚ ዋዕላ ተሳቲፈ። ከም ስርናይ ኣብ ዝኣመሰሉ ብሱላት ኣእካል ኣተኩረ እሰርሕ። እዚ፡ እንተላይ ሕርሻዊ ዑደት ዘጠቓለለ ናይ ክልተ መዓልትታት ዋዕላ፡ ብኹሉ መዳያቱ ባህ ዘብል



ነይሩ። ሓሳብ-ንሓሳብ ዘተዋሃሃብናሉም ብዙሓት ጉዳያት ነይሮም። ካብ ኤርትራ ብዙሕ ሓሳብ ወሲድና፤ ንሕና ድማ ካብ ተመኩሮና ብዙሕ ኣካፊልና። ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ክበጽሕ ምሉእ ተስፋ ኣለና። ኣብ'ዚ ትካል፡ ጽቡቕ ድልየት መንግስቲ ኤርትራ ክንዕዘብ ክኢልና። ካብ ምጅማር ክሳብ ምዝዛም ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኤርትራ ካባና ኣይተፈልየን። እዚ ኣብ ካልኦት ሃገራት እትረኽቦ ተመኩሮ ኣይኮነን። ንኻልኦት ሚኒስትሪታት ዝውክሉ መዛኑኡ እውን ምስኡ ነይሮም። ከም ኡጋንዳውያን መጠን፡ ብቐንዱ፡ ብዛዕባ ስርናይ ገለ ነገር ንኽንመሃር ኢና ናብ'ዚ ዋዕላ መጺእና። ስርዓት ዘርኢ ናይ'ዚ ዓይነት እኽሊ ኣብ ሃገርና፡ ክሳብ ቀረባ እዋን ብዕቱብ ኣይተታሕዘን ጸኒሑ። ኣብ ሃገርና፡ ዋላ'ኳ ብዙሓት መጽናዕትታት ኣካዪድና፤ ብዙሓት እተማሓየሹ ዓይነታት ዘርኢ እውን ኣማዕቢልና እንተኾንና፡ ገና ሓረስቶት ብዝግባእ ክርዕምዎም ኣይከኣሉን። ኣብ'ዛ ሃገር ከም ዝተዓዘብናዮ፡ እዞም እተመሓየሹ ዓይነታት እኽሊ ናብ ኾላቶም ሓረስቶት ንኽበጽሑ፡ ኩሎም ኣካላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ'ውን መሻርኽቲ ብሓባር እዮም ዝሰርሑ ዘለዉ። እዚ ተማሂርና ኢና ናብ ሃገርና ንምለስ ዘለና። ንዓና፡ ነዞም ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣዝርእቲ ኣውጺእና ኣብ ኢድ ሓረስቶት ከነብጽሖም፡ ቀሊል ግድል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኣገዳሲ ዋዕላ ክንሳተፍ ንዝዓደመና መንግስቲ ኤርትራ፡ ንብጾተይ ወኪለ ከመስግኖ እፈቱ።

መድሃኔ ጸጋይ

## ዳይና

ቀደም፡ እቲ ድኾዒ፡ ቈጽሊ ነይሩ
እቲ እንስሳ ድማ ሳላ ቈጽሊ ሰሪሩ
ሰብ'ዩ ኸኣ ነዚ ናይ ህይወቶም ጉዕዞ
ኣብ ማእኸሎም ኰይኑ ዝእዝዞ
ግን!

ወዮ'ዚ ሰብ፡ እዚ 'ዳይና ብርቱዑ'
ስርሑ እንተ ረሲዑ
ገበነኛ'ዩ ስሙ!
ኣብ ማህሰይቲ'ዞም ክልተ፡ ዝሃበ እጃሙ
እጃም፡ እጃሙ
ፍትሖም ከውጽእ እንተዘይከኣለ
ባዕሉ ዓመጸኛ ኹይኑ፡ ንርእሱ'ዩ ዝቐተለ
እምበኣር ሰብ፡ ይፍለጥ ክብሪ ዳንነቱ
ማእኸሉ ኣይሕደግ፡ ምእንቲ ህይወቱ
እወ'ዚ ምእኸላ
እንስሳ፡ ቈጽሊ፡ ሰብ ኣይበተኽ
ሞት፡ ከም ታቦት
ብኾላቶም መታን ከይምለኽ

ሰመረ ፍስሃየ

# ቃል ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን

ብመጀመርታ፡ ንኹሉኹም ተጋባእቲ፡ ብሕልፊ ኸኣ ነቶም ካብ ደገ ዝመጻእኩም፡ ናብዚ ዝቃናዕ ዘሎ ቀዳማይ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ክብለኩም እፈቱ። እንተኾነ፡ ሎሚ ዓመት፡ "ዓመተ ስድራ ቤት ብልቱግ፡ ዳጉሻ ከምኡ'ውን እቲ ምስኡ ዝዛመድ መሽላ" ስለዝኾነ፡ ብዛዕባኡም ቁሩብ ክብል ኣፍቅዱለይ። ኣብ ኤርትራ፡ እቲ ብዝሰፍሐ ዝዝራእን ዝሃልኽን እኽሊ፡ መሽላ እዩ። ብልቱግን ዳጉሻን'ውን ዝውቱራት እዮም።

እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ንዘመናት ሕመረት ስልጣነ ወዲ-ሰብ ብምዃን፡ ንብዙሓት ኣህዛብ ክምግቡ ጸኒሖም። እዞም ኣእካል፡ ብመኣዛዊ ትሕዝቶኦም፡ ተጻዋርነቶም ንዝተፈላለየ ክሊማ፡ ከምኡ'ውን ምጡን ማይን ካልእ እትዋትን ዝጠልቡ ስለዝኾኑ፡ ዝያዳ ኣገደስቲ ይገብሮም።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ናብዚ ናይ ሎሚ ቴማና ምስ እንምለስ፡ ኣብ ስርናይን ዕፉንን ነተኵር ዘሎና፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኣእካል ስለዝኾኑ እዮም። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ቀንዲ መግቢ፡ ኣብ ኣህጉርና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ዓለም ናይ ዝነብሩ ሚልዮናት ኣህዛብ እዮም። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ኣብ ምርግጋጽ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግብን ቁጠባዊ ርግኣትን ዓቢ ተራ ይጻወቱ። ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ ነዞም ኣእካል እዚኣቶም ኣብ ምፍራዮም ይኹን ኣብ ኣጠቓቕማኦም ዘጋጥሙ ብድሆታት ዕድላትን ብግቡእ ክንግንዘቦምን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ኣብዚ ዋዕላ፡ ነዞም ኣእካል ብብዙሕ ሸነኻት ክንድህስሶም ኢና። ንምዕቡል ኣገባብ ሕርሻ፡ እዋናውያን ቴክኖሎጂ ከምኡ'ውን ምህርቲ ዘዛይዱን ንኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ኣከባቢ ዝንክዩን ቀጻልነት ዘሎዎም ኣገባባት ማሕረስ ኣድህቦ ክንገብረሎም ኢና። ብተወሳኺ፡ ንኣጠቓቕማ ስርናይን ዕፉንን ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ማለት ምምስራሕ መግቢ፡ መግቢ እንስሳ ከምኡ'ውን መፍረ ጸዓት ብዝምልከት ጸቒጥና ክንዝቲ ኢና።

ካልእ እንዝትየሉ ኣገዳሲ ዛዕባ፡ ጉዳይ ጽልዋ ክሊማ ኣብዞም ኣእካል እዩ። ክሊማ ናበይ ገጹ ይጉዓዝ ከምዘሎ ብሩህ ስለ ዘኾነ፡ ንዕኡ ዝጻወሩ ዓሌታት ኣእካል ምፍራይ፡ ስርዓተ-መስኖ ምምሕያሽ ከምኡ'ውን ክሊማ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብ ማሕረስ ምዝውታር ከድሊ'ዩ። ብእንገብሮ ምትሕብባርን ምክፋል ፍልጠትን፡ ከጋጥም ንዝኽእል ሓደጋን ሓደስቲ ብድሆታትን ንምግጣም ክንክእል ኢና።
ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዓይነትን መኣዛዊ ትሕዝቶን ስርናይን ዕፉንን ንምምሕያሽ፡ ንምርምር ዓንዲ-ማእከል ክንገብሮ ይግባእ። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ጠለብ መግቢ ምምላእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጥዕና ህዝቢ ዝሕሉ መኣዛ'ውን ከበርክቱ ኣለዎም። ኣብ ምርምር እኹል ወፍሪ ብምግባር፡ ምእንቲ ጥዑይ ህይወት ወዲ-ሰብ ነዞም ኣእካል ብኣገደስቲ ቪታሚናትን ማዕድናትን ክንድርየምን ሕጽረት መኣዛታት ከነወግድን ክንክእል ኢና።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

እቲ ኻልእ እንፍትሾ ጉዳይ ቴክኖሎጂ ኣብ ምዝማን መፍረ ስርናይን ዕፉንን እዩ። ካብ ውሕሉል (Precision) ሕርሻ ጀሚርካ፡ ክሳብ ሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻል) ብልሒ (AI) ተክኖሎጂ ኣብ ምምሕያሽ እቶታውነት፡ ምንካይ ብኽነት ጸጋታት፡ ምዝያድ መኽሰብ ሓረስቶት ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብዚ ብቕልጡፍ ዝሕምበብ ዘሎ ኣገባብ ማሕረስ፡ ሓረስቶትና ዕዉታት ኰይኖም ንኽወጹ፡ ብዝምዕብሉ ዘለዉ ምህዞታትን ኣገደስቲ መሳርሒታትን ክነዕጥቖምን ከነተርንየምን ይግብኣና።

ብተወሳኺ፡ ንመጻኢ ሕርሻታት ስርናይን ዕፉንን ንንኣሽቱ ሓረስቶት ብሕልፊ ኸኣ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ከነጎልብት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ፋይናንስ፡ ስልጠና፡ እዋናዊ ሓበሬታ፡ ዘድልዩ ጸጋታት እንተ ተማሊኡሎም፡ እቶታውነት፡ መነባብሮ ከምኡ'ውን ዝሓሸ ህይወት ከም ዝረጋገጽ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዞም ሓረስቶት እዚኣቶም፡ ዓንዲ-ሕቖ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ ገጠር እዮም። ናታቶም ዓወት ከኣ ናይቲ ምሉእ ጽላት፡ ስርናይን ዕፉንን'ዩ።

ነዚ ዋዕላ ኣብ እንዛዝመሉ ህሞት፡ ስርናይን ዕፉንን ኣእካል ጥራይ ከምዘይኮኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንመነባብሮ፡ ልምድን ባህልን ኣብ መላእ ዓለም ከም ዝውክሉ'ውን ምፍላጥ የድሊ። ቀጻልነት ዘሎዎም ኣገባባት ብምኽታል፡ ምትሕብባርና ብምድልዳል፡ ንውሑስ መጻኢ እቶትን እቶታውነትን ስርናይን ዕፉንን ዘረጋግጽ ዘተኣማምን፡ ጸምባሪ ብልጽግና ዝዓሰሎ መጻኢ ስርናይን ዕፉንን ከነውሕስ ንኽእል ኢና።
ብሓባር፡ ዝኾነ ሰብ ጠምዩ ዘይሓድረሉ ውሕስነት መግቢ ንውሎዶታት ዝረጋገጸሉ፡ ባህሊ መፍረ ስርናይን ዕፉንን ነውሕስ።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ኣብ መእተዊ ከም ዝገለጽክዎ፡ ስርናይን ዕፉንን ካብቶም ኣብ ኤርትራ ብብዝሒ ዝዝውተሩ ኣእካል ኣይኮኑን። እንተኾነ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ብመልክዕ ባንን ቅጫን ዝዝውተሩ ኣገደስቲ ኣእካል እዮም። ሓደ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ ግን ኣሎ። ስርናይን ዕፉንን ደሓን ዝኾነ እቶት ክህቡ - ማለት ብውሑዱ 60 ኩንታል ኣብ ሄክታር - ዋላ ኣብ ግዜ ክራማት ደገፍ መስኖ የድልዮም፣ ምስኡ'ውን እኹል ባህርያዊ ድኹዕን ዘድሊ ክንክንን የድልዮም።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ብቐረባ ዝተሓባበሩና ትካላት ከመስግን ኣፍቅዱለይ። ብመጀመርታ ኣብ ምትእትታው ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስርናይ ምስ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ሕርሻዊ ምርምር ኤርትራ (NARI) ብምትሕብባር፡ ኣብ ምስፋሕን ምምዕባልን ልዑል ተራ ዝተጻወተ ትካል ምርምር ICARDA፣ ካብዚ ቐጺሉ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ ልምዓት ስርናይን ዕፉንን ዝተሓባበረና ትካል ጉጅለ ስርዓተ ዘርኢ ማለት Seed System Group (SSG)፡ ቪታን (VITA) ሃገራዊ ትካሉ EIDPን ኣብ ልምዓት ስርናይ ንዝገብርዎ ኣበርክቶ እውን ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም። ነቲ ባዕልና ንመጀመርታ ግዜ ብኽፍሊ ምርምር ሓልሓለን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዝተዳቐሉ ዕፉን ክነፍሪ ዘድሊ መዳቐሊ ዘበርከተልና ትካል CIMMYT ከኣ ልባዊ ምስጋና ኣቕርበሉ።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

እዚ ናይ መጀመርታ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ንብሉጻት ተመራመርትን ተመኩሮ ዘሎዎም ሓረስቶትን ኣብ ሓደ መኣዲ ዘሳተፈ እዩ። ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ መዓልትታት ከኣ ኣብቶም ዝቐርቡ ወረቓቕትን ዝግበሩ ዑደትን፡ ተመኩሮና፡ ፖሊሲናን ስትራተጂናን ኣብ ምኹላዕ ከም ዝሕግዘና እምነትና እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ነዚ ዋዕላ ዝወደቡን ንሓለፍትን ኣገልግሎት ኣስመራ ፓላስን ስለቲ ብሉጽ ኣወዳድባኦም ብስመይን ብስምኩምን ልዑል ምስጋና ኣቕርበሎም።

ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ ኣመስግነኩም።

## ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ዝቐረቡ ወረቓቕቲ - ብቕደም ተኸተል

• “መፍረ ስርናይ ኣብ ኤርትራ – ህሉው ኩነታትን ናይ መጻኢ ኣመታትን (Wheat Production in Eritrea: Status and Future Trends)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ዓብደላ ዑመር፡ ኣባል ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን (AED) ሚኒስትሪ ሕርሻ - ኤርትራ

• “መፍረን ምድቓልን ስርናይ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ – ህሉው ኩነታትን ናይ መጻኢ ዕድላትን (Wheat Production and Breeding in Africa: Current Status and Future Prospects)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ውለታው ታደሰ፡ ካብ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ – ሞሮኮ

• “ቴክኖሎጂ መፍረ እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ኣብ ኤርትራ (Hybrid Maize Seed Production Technology in Eritrea)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ንጉሰ ኣብርሃ፡ ዳይረክተር ጨንፈር ምርምር ምሕየሻ ኣእካል ናይ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ (NARI)

• “መፍረ ዕፉን ኣብ ኤርትራ – ህሉው ኩነታትን ናይ መጻኢ ኣመታትን (Maize Production in Eritrea: Status and Future Trends)”፣ ኣቕራቢት፡ ወ. ገነት ገብረግዚኣብሄር፡ ሓላፊት ኣሃዱ ልምዓት ኣዝርእቲ ናይ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ

• “ምድቓልን ምዝርጋሕን ክሊማዊ ጸቕጢ ዝጻወሩ ዓይነታት ዘርኢ ዕፉን፡ ኣብ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ – ገስጋስን ናይ መጻኢ ዕድላትን (Breeding and Deploying Climate Resilient Maize Varieties in Sub-Saharan Africa: Progress and Prospects)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ቢ.ኤም. ፕራሳና፡ ዳይረክተር ዓለም-ለኻዊ ፕሮግራም ዕፉን ናይ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ምሕየሻ ዘርኢ ዕፉንን ስርናይን

• “መፍረ እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ኣብ ደረጃ ሓረስቶት ኢትዮጵያ (Hybrid Maize Seed Production at farmers’ level in Ethiopia)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ጸሃዩ ካሴ፡ ካብ ትካል ሺታ - ኢትዮጵያ

• “መፍረ እተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ኣብ ሃገራት ኮም ልምዓት ሃገራት ደቡባዊ ኣፍሪቃ (Hybrid Maize Production in SADC Countries)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ጆን ማክሮበርት፡ ካብ ኩባንያ ፍርያት ኣዝርእቲ ሙኩሺ – ዚምባብወ

• “መብርሂ ኣብ መፍረን ጃምላውያን ጋጋት ደረትን ናይ ስርዓት መጠነ-ንኡስ ሕርሻ ስርናይ – ሓደስቲ ኣስተብህሎታት ካብ ተመኩሮ ኤርትራ (Explaining Yield and Gross Margin Gaps in Smallholder Wheat Production Systems: Insights from Eritrea)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ተስፋይ ጸጋይ፡ ካብ ጨንፈር ውጥንን ስታቲስቲክስን ሚኒስትሪ ሕርሻ - ኤርትራ

• “ኣሰራርሓ ምሕደራ ጠለብ ማይን መኣዛታትን ኣብ መፍረ ስርናይ ኤርትራ (Water and Nutrient Demand Management Practices on Wheat Production in Eritrea)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ እዮብ ገብረመስቀል፡ ኣባል ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን - ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ

• “ስርዓት ዘርኢ ኣብ ኤርትራ – ህሉው ኣሰራርሓን ኣመታቱን (Seed System in Eritrea: Current Practices and Trends)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ስዒድ ኑረዲን፡ ዳይረክተር ጨንፈር ቍጽጽር ጸጋታት ብቑሊ ናይ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ

• “ኣመታት ኣብ ልምዓት ጽላት ኣዝርእቲ (Trends in Seed Sector Development)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ዘውዱ ቢሻው፡ ካብ ዓለም-ለኻዊ ማእከል ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣብ ኣጻምእ – ኢትዮጵያ

• “ውሁድ ልምዓት ጽላት ዘርኢ (Integrated Seed Sector Development)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ሮበርት ጆንሰ፡ ካብ ትካል ሰልፍ-ሄልፕ ኣፍሪካ – ኡጋንዳ

• “ስርዓት ዘርኢ ዛምብያ (Seed Systems in Zambia)”፣ ኣቕራቢ (ብመልክዕ ቀሩጽ ቪድዮ)፡ ዶ/ር ፍራንሲስኮ ሚቲ፡ ካብ ትካል ቍጽጽርን ምውሃብ ምስክር ወረቐትን ኣዝርእቲ ዛምብያ

• “ኣቃውማኣውን ስነ-ብቑላውን ጠባያት ናይ ተወሰኽቲ ዓይነታት ስርናይ ባኒ (Morphological and Agronomic Characterization of Bread Wheat Accessions )”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ኣማኑኤል ማህደረ፡ ዳይረክተር ጨንፈር ምርምር ባህርያዊ ጸጋታት፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ

• “ብመገዲ ነኣሽቱ መጠቕለሊታት ዘርኢ ዝሰላሰል፡ ስሉጥ ኣገባብ ምውዕዋዕ እተመሓየሹ ቀንዲ ኣእካል መግቢ ናይ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ (Accelerated Promotion of Improved Varieties of Major Food Crops in Sub-Saharan Africa via the Small-Pack Approach)”፣ ኣቕረብቲ፡ ሚስ ኣይሪን ሙጊ ምስ ሚስ ሉዛን ን'ዱንት

• “ኣብ ማእከላይ ከበሳ ኤርትራ፡ ዓይነታት ዘርኢ ብምምዕባል እተሳላሰለ መስርሕ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን ስርናይ (Enhancing Wheat Production and Productivity Through Varietal Development in Central Highlands of Eritrea)”፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ሙሴ ወልደጾዮን፡ ካብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ

• “ተመኩሮ ምሕየሻ ኣዝርእትን ጻዕርታት መግባዊ ርእሰ-ምኽኣልን ኣብ ኢትዮጵያ – ብመንጽር ስርናይን ዕፉንን (Crop Improvement Experience and the Effort for Food Self-Sufficiency in Ethiopia: the Case of Wheat and Maize)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ታየ ታደሰ፡ ካብ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ኢትዮጵያ (EIAR)

• “ተመኩሮ ምሕየሻ ዘርኢ ስርናይ ኣብ ኡጋንዳ – ናይ መጻኢ ዕድላት፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ኣግሮ-ኢንዱስትሪያዊ ሽቶ ንምውቃዕ ዝሕግዙ ስትራተጂታት (Wheat Improvement in Uganda: Future Prospects and Strategies to Support the National Agro-industrialization Agenda)”፣ ኣቕራቢ፡ ዶ/ር ላውረን ኦወራ፡ ካብ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ኡጋንዳ (NARO)

• “ምምዕባል ክሊማዊ ጸቕጢ ዝጻወሩ ዓይነታት ስርናይ፡ ኣብ ዘይልሙድ ሓውሲ-ቆላውን ቆላውን ከባቢታት ኡጋንዳ (Development of Climate-resilient Wheat Varieties for the non-traditional Mid and Low Altitude Environments of Uganda)”፣ ኣቕራቢ፡ ሚስተር ቦስኮ ቸማየክ፡ ካብ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ኡጋንዳ (NARO)

• “ብመገዲ ሞለክዩላት ዝካየድ መስርሕ ምልላይ ስነ-ሰረት ዓሌታት ዋግ ስርናይ፡ ኣብ ኤርትራ (Molecular Genetic Identification of Wheat Rust Races in Eritrea)”፣ ኣዳላዊ፡ ኣቶ ኣስመላሽ ወልዳይ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ምርምር ጥዕና ብቑሊ ናይ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ሚካኤል ያቀብ፡ ኣባል ናይቲ ኣሃዱ

• “ባልዓት ዕፉን – ህሉው ኩነታትን ኣገባብ ምሕደራኦምን ኣብ ኤርትራ (Pests of Maize: Their Status and Management in Eritrea)”፣ ኣቕራቢ፡ ፕሮፌሰር ኣዱኛ ሃይለ፡ ካብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ

• “ቀንዲ ባልዓት ስርናይ ኤርትራን ኣገባብ ምሕደራኦምን (Major Pests in Wheat Production and their Management in Eritrea)”፣ ኣዳላዊት ወ. ልኡላ መኮንን፡ ሓላፊት ኣሃዱ ጥዕና ብቑሊ ናይ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ፣ ኣቕራቢ፡ ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ፡ ክኢላ ጥዕና ብቑሊ ኣብ ንኡስ-ዞባ ከረን – ዞባ ዓንሰባ።

# ኤርትራውያን ኣቕረብቲ ወረቓቕቲ


ኣቶ ዓብደላ ዑመር


ኣቶ ንጉሰ ኣብርሃ


ወ. ገነት ገብረግዚኣብሄር


ኣቶ ተስፋይ ጸጋይ


ኣቶ እዮብ ገብረመስቀል


ኣቶ ሰዒድ ኑረዲን


ኣቶ ኣማኑኤል ማህደረ


ኣቶ ሙሴ ወልደጽዮን


ፕሮፌሰር ኣዱኛ ሃይለ


ኣቶ ሚካኤል ያቆብ


ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ

# ወጻእተኛታት ኣቕረብቲ ወረቓቕቲ


ዶ/ር ውለታው ታደሰ


ዶ/ር ቢ.ኤም. ፕራሳና


ኣቶ ጸሃዩ ካሴ


ዶ/ር ጆን ማክሮበርት


ዶ/ር ዘውዴ ቢሻው


ዶ/ር ሮበርት ጆንሲ


ዶ/ር ፍራንሲስኮ ሚቲ


ሚስ ኣይሪን ሙጊ


ሚስ ሱዛን ን'ዱንጉ


ዶ/ር ታየ ታደሰ


ዶ/ር ላውረን ኦወረ


ሚስተር ቦስኮ ቸማየክ

# ጸብጻብ ድርብ ዝኽሪ ዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን

ብ16 ጥቅምቲ 2023፡ ዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን፡ “ማይ መግቢ’ዩ፤ ማይ ህይወት’ዩ – ዋላ ሓደ’ኳ ንድሕሪት ኣይንግደፍ” ከምኡ’ውን “ክብሪ ንኹሉ፡ ብግብሪ!” ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ቴማታት፡ ብምዕሩግ ሓባራዊ ጽንብል ተዘኪረን ውዒለን። ኣብቲ ኣብ እምባደርሆ ኣብ ህድሞ ማእከል ምዝንጋዕ ኡንዲቺዚሞ እተኻየደ ወግዓዊ ጽንብል፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን እተፈላለያ ሃገራት፡ ሓለፍትን ወከልትን ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻን ክኢላታትን፡ ወከልቲ ኣብነታውያን ሓረስቶትን ካልኦትን ዝርከብዎም፡ ልዕሊ 250 ተሳተፍቲ ተረኺቦም ነይሮም።

ንወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን (FAO) ኣብ ኤርትራ – ሚስ. ኤስተር ሉሰፓኒ – ወኪሉ፡ ፈላሚ ናይቲ ኣጋጣሚ መደረ ዘስምዐ፡ ወኪል ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ኣብ ኤርትራ – ዶ/ር ማርቲንስ



ዶ/ር ማርቲንስ ኦቨበረጆ

ኦቨበረጆ፡ ብሰንኪ ሕጽረትን ብዝሕን ማይ ዪኽሰቱ ንዘለዉ ዓለም-ለኻውያን ጸገማት ኣብ ምፍታሕን ሕውየት ኣብ ምርግጋጽን፡ እተዋሃሃደ ስጉምቲ ክውሰድ ከም ዘድሊ ጠቒሱ። ዶ/ር ማርቲንስ፡ ኣስዒቡ፡ እዚ “ማይ መግቢ’ዩ፤ ማይ ህይወት’ዩ” ዝብል ቴማ ዓለማዊ መዓልቲ መግቢ፡ ንኤርትራ፡ ብፍላይ’ኳ ሕውየታዊ መጻኢ ንምርግጋጽ ምስ እትኽተሎ ዘላ ምልኣታዊ ሜላ ኣሰራርሓ ብዝተኣሳሰር ንዘሎዎ ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣረዲኡ። “መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዕቀባን ክዘናን ማይ ንዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ብምድጋፍ፡ ኤርትራ ውጥን ዓመተ-2030 ኣብ ምትግባር ንኽትዕወት፡ ኵላቶም መሻርኽቲ ክተሓጋገዙ እጽውዕ። ብሓባር ኴንና፡ ሓደ ካባና’ውን ድሕሪት ከይገደፍና፡ ንስርዓት ሕርሻዊ መግብና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ብምድያብ፡ ኣብ መዳይ ማይ ክውሰድ ንዝግባእ ስጉምቲ ነሐይል’ሞ፡ ነቶም ‘ኣርባዕተ ዝበለጹ’ ሸቶታት ንምጭባጥ ንጽዓት፦ ንብሉጽ ምህርቲ፡ ብሉጽ መኣዛዊ መግቢ፡ ብሉጽ ኣከባቢ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብሉጽ ህይወት” ክብል ከኣ መደረኡ ዛዚሙ።

ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ መግቢ ዝተዳለወ ቃል ዋና ዳይረክተር ውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም –ሚስተር ኩ ዶንድዩ – ብመልክዕ ናይ ቪድዮ መልእኽቲ ምስ ቀረበ፡ መድረኽ ተረኺባ ቃል ዘስምዐት ምክትል ወኪል ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNDP) ኣብ ኤርትራ፡ ሚስ. ናሺዳ ሳታር ብወገና፡ ድኽነት ኪንዮ ስእነት ኣታዊ ዝኸዱ ረቛሒታት ዘለዉዎ እተሓላለኸ ኣምር ምዃኑን ንጹር ዝኾነ ፍታሕ ድማ ከም ዘይብሉን ጠቒሳ። ሰብኣዊ





ሚስ. ናሺዳ ሳታር

ክብራ፡ ሰረት ናይዛ ሃገር ዝኾነ ክልሰ-ሓሳብ ምዃኑ ዝመስከረት ሚስ. ናሺዳ፡ “ኤርትራን ንህዝባን ንዘላቒ ብልጽግናን ዓንዲ-ማእከል ልምዓታዊ መደባትን ፖሊሲታትን ንምግባር ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕርታት ክንጠቕስ ባህ ይብለና። ህዝባ፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጉዳያት ሃገር ግቡእ ተሳታፍነት ምእንቲ ክህልዎ፡ ምዕሩይ ዕድል ተጠቃምነት ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸጋታትን ዕድላትን ንምውሓስ እተካይዶም ንዘላ ቀጻልነት ዘሎዎም ጻዕርታት እውን ኣፍልጦ ንህብ” ኢላ። ኣንጻር እቶም ንተልእኾ ምውጋድ ድኽነት ዝብድሁ ረቛሒታት ብምግጣም፡ ስርዓት-መግቢ ኣብ ምሕያል፡ ክሊማዊ ሕውየት ኣብ ምርግጋጽ፡ ከምኡ’ውን ቀረብ ንጹህ ማይን ጸዓትን ኣብ ምርግጋጽ ዝያዳ ጻዕሪ ከም ዘድሊ ድሕሪ ምዝኽኻር ከኣ፡ ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕጂ’ውን ኣብዚ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ኣብ ጉድኒ ኤርትራ ክኸውን ምዃኑ ኣረጋገጸ።

ብምቕጻል፡ “ስለቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ – ምስ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሎዎ ሽርክነት ንመንግስቲ ኤርትራ ክምጉሶ ኣፍቅዱለይ” ኢሉ መደረኡ ዝፈለመ ኣወሃሃዲ ንጥፈታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ – ሚስተር ኢኒያስ ቹማ፡ ወሲኹ፡ “ኣብ ኤርትራ፡ ትርጉም ማይ ብሓቂ ‘ህይወት’፣ ሕርሻ ድማ ዓንዲ-ሕቖ ሃገር ስለ ዝኾኑ፡ እዚ ርትዒ፡ ምስ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ዓለማዊ መዓልቲ መግቢ ዝሳነ እዩ” ዝብል ነጥቢ ጠቒሱ። ንሱ፡ ኤርትራ ኣብ ምሕደራ ጸጋ ማይ ኩነ ኣብ ምውጋድ ድኽነት ዘመዝገቦቶ ገስጋስ፡ ኣተባባዒ ምዃኑ ምስክር ዘድልዮ ጉዳይ ከም ዘይኮነ፤ ኣብዛ ሃገር፡ ኣብ ምርግጋጽ ምሕደራ ውሕስነት ጸጋ ማይ ዝሰላሰል ዘሎ ዕማም፡ ብፍላይ’ኳ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዕድል ተጠቃምነት ቀረብ ውሑስ ማይ ንምብጻሕ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ርኡይ ምዃኑ’ውን ኣስሚሩሉ። ሚስተር ቹማ፡ ትካሉ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ብድሆ ባህርያዊ ሕጽረት ማይ ንምፍታሕ ብሓባር ናይ ምስራሕ ሓላፍነት ከምዘለዎ ድሕሪ ምምልካት፡ ሕርሻ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ዘይጨዋም ማይ ናይዛ ሃገር ዘህልኽ ጽላት ብምዃኑ፡ ንስርዓት ሕርሻዊ መግቢ ዝያዳ ውጽኢታዊ፡ ኣሳታፊ፡ ሕውየታውን ዘላቕን ከም ዝኸውን ምግባሩ፡ ዘይስገር ቅድመ-ኩነት ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። ምስዚ ኣተኣሳሲሩ፡ ኤርትራ፡ ንወሳንነት ዓለም-ለኻዊ ተርእዮ ሕጽረት ማይ ብመንጽር ምውቃዕ ሸቶ 2030 ኣፍልጦ እትህብ ሃገር ከም ምዃና መጠን፡ ኣብ ጉድኒ’ቲ ኣብዚ መዳይ ጻዕርታት ዘካይድ ዘሎ ክፋል ማሕበረሰብ ዓለም ብሕብረት ደው ብምባልን፡ ነቲ ብዛዕባ ማይ ዝመጸ ወሲዳቶ ዘላ ተበግሶ ዝያዳ ድርኺት ብምሃብን፡ ብመንጽር እቶም ‘ኣርባዕተ ዝበለጹ’ ሸቶታት፡ ንመላእ ህዝባ ውሕስነት መግቢ ከተረጋግጽ ከም እትኽእል ኣብሪሁ። ብዛዕባ ምውጋድ ድኽነት፡ ብተመሳሳሊ፡ “ኤርትራ፡ ሓያል ስትራተጂ ማሕበራዊ ውሕስነት ዘሎዋን ዝድነቕ ገስጋስ እተመዝግብ ዘላን ሃገር ኩይና ስለ ዝረኸብክዋ ሕጉስ እየ። ግን ከኣ ዝያዳ ስራሕ ክዕመም ስለ ዝከኣል፡ ልምዓታዊ ስርዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እዛ ሃገር ኣብዚ ኣተኩራ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ጉድኒ-ጉድና ንክኸይድ ድሉው እዩ” ክብል እዩ መልእኽቱ ዛዚሙ – ሚስተር ቹማ።




ሚስተር ኢኒያስ ቹማ

ኣብ ዝሰዓበ ክፍለ-ግዜ ናይቲ ጽምብል፡ ኣቶ ሚካኤል የሴፍ፡ ንዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ – ኣቶ መብራህቱ እያሱ ወኪሉ፡ ንፖሊሲ ማይ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ከምኡ’ውን ቀረብ ጽሩይ ማይ ኣብ መላእ ሃገር ንምብጻሕ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ምስናይ ህሉዋት ብድሆታቱ ዝድህስስ መደረ ኣስሚዑ። ኣቶ ሚካኤል፡ “ፖሊሲ ማይ ኤርትራ፡ ንኽልሰ-ሓሳብ




ኣቶ ሚካኤል የሴፍ

ውሁድ ምሕደራ ጸጋታት ማይ፡ ከም ኣገባብ ምርግጋጽ ውሁድ ምሕደራ ጸጋ ማይ ሃገር ዝረዓመ፣ ከምኡ’ውን ማይ ኣብ ዘቤታውን ሕርሻውን መዓላታት ኣብ ቀዳምነት ዝሰርዕ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ትርጉም ዘሎዎ ቀረብ ምዃኑ ኣጸቢቑ ኣፍልጦ ዝህብ እዩ” ኢሉ። እቶም ኣብ ኵላቶም ንጥፈታት ምሕደራ ማይን ልምዓትን ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝኾኑ ኣካላት ኣብዚ ፖሊሲ ብዝግባእ ኣብ ግምት ከም ዝኣተዉ፡ ንተራ ደቀንስትዮ እውን ግቡእ ኣተኩሮ ዝህብ ምዃኑን ዝጠቕስ ተወሳኺ ዝርዝር ከኣ ኣቕሪቡ። “ኤርትራ፡ ካብ 1992 ኣትሒዛ ኣብ ልምዓት ልዕለ-ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ማይ ሓያል ጻዕርታት ከተካይድ ጸኒሓ ኣላ። ዕብየት ምስ ዘርእይ ዘሎ ቍጽሪ መስኖኣውያን ሕርሻታት፡ ከምኡ’ውን መንግስቲ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ሒዝዎ ንዘሎ ዕቱብ ፖሊሲን ትግባረኡን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ መጻኢ፡ ውጽኢታዊ

መስኖኣዊ ኣገባብ ሕርሻ እናዓብለለ ክኸይድ ትጽቢት ይግበር” ክብል ናይ’ታ መዓልቲ መልእኽቱ ዝዛዘመ ኣቶ ሚካኤል፡ ሕብረተ-ሰብ ንተረካብነት ማይ ከም ውሁብ ካብ ምውሳዱ ክቕጠብን ውሕሉል ኣጠቓቕማ ከዘውትርን ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ነቲ ኣጋጣሚ ዝምልከት ወግዓዊ ቃል ዘሰምዐ፡ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ – ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ንኹላቶም ተሳተፍቲ ልባዊ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ብዛዕባ’ቲ ብደረጃ ዓለም እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጸቕጢ ሕጽረት ማይን፡ ኣብዞም ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝተራእየ ምስኡ ዝተኣሳሰር ህሉው ኩነታትን ብዝርዝር ኣብሪሁ። ኤርትራ፡ ኣንጻር እዚ ብድሆ ብዛዕባ ዘሰላሰለቶም ዕማማት እውን፡ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር መብርሂ ሂቡ፦ “በዚ ምኽንያት እዩ እምበኣር፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ዕቱብ ስራሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብሓፈሻ፡ ምስራሕ ዝተፈላለዩ ዓቕናት ዘሎዎም ዲጋታትን ራህያታትን ከኣ ብፍላይ፡ ዘሰላስል ዘሎ። ቍጽሪ ናይ’ቶም ሕጂ ዘለዉና ዲጋታትን ራህያታትን ምስቶም ኣብ ግዜ ናጽነት ዝነበሩና ክነጻጸር እንከሎ፡ ካብ ኣስታት 100 ናብ ልዕሊ 800 ክብ ኢሉ ኣሎ። ብሳላ’ዞም ኣብ ዝሓለፉ 30 ዓመታት ዝተሰርሑ ከዘንቲ ማይ ከኣ እቶታውነት ኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን – ብቐደም-ተኸተል – ብዕጽፊ፡ ብሽዱሽተ ዕጽፊ፡ ከምኡ’ውን ብ 71 ዕጽፊ ክዓቢ ክኢሉ። ምስ ምስፋሕ ምንጪ ማይ፡ እቶትን እቶታውነትን ምዕባዩ፡ ማይ መግቢ’ውን ከም ዝኾነ እዩ ዘረጋግጸልና።” ኣሰዊቡ፡ ኣብዚ ሕጂ ዓለምና “እኽሊ ብነጥቢ” ብዝብል መርሓ እትግስግሰሉ ዘሎ እዋን፡ ኤርትራ’ውን ካብ ነግሓዊ መስኖ ናብ ጸቕጣዊ መስኖ በብቑሩብ ትሰጋገር ምህላዋ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ኣብ ኤርትራ ዝፈረየ ተምሪ፡ ንፈለማ ኣብ ግቡእ ናይ ሓደ ኺሎ ባኮ ተዓሺጉ፡ ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ንመርኣያን ምጥዓምን ተዳልዩ ከምዘሎ፣ ከምኡ’ውን ምህርቲ ተምሪ ሃገርና ኣብ’ዞም ዝስዕቡ ዓመታት ብዝተዓጻጸፈ መጠን ክውሰኽ ትጽቢት ከምዘሎ ንተሳተፍቲ ኣበሲሩ።
“ኣብ መደምደምታ፡ ንኹላቶም



ክቡር ሚኒስተር ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

መሻርኽትና፡ ብሕልፊ ኸኣ ነቶም ንዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ብሓባር ዘብዕልዎ ዘለዉ ትካላት – ንውድብ መግብን ሕርሻን ከምኡ’ውን ንፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክብ ዝበለ ምስጋናይ ኣቕርበሎም” ብምባል ድማ መደረኡ ዛዚሙ።

ኣብዚ ክልተ ዓለም-ለኻውያን ፍጻመታት ብሓባር እተዘከሩሉ ወግዓዊ ጽምብል፡ “ኤርትራ ኣብ ጉደና ምርግጋጽ ውሕስነትን መኣዛውነትን መግቢ” ዝብል ብጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ እተዳለወ ሓጺር ቪድዮ፡ ከምኡ’ውን ብቤት-ጽሕፈት ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ እተዳለወ ንንጥፈታት ሕርሻ ተምሪ ሃገርና ዝድህስስ ናይ ቪድዮ ትሕዝቶታት ቀሪቦም። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ሓሙሽተ ዞባታት ሃገርና ዝመጹ ሽዱሽተ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን (ነፍሲ-ወከፎም ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ክቕበሉ ኸለዉ፡ ኣቶ ዳኒኤል ካሕሳይ ካብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ዞባ ደቡብ ድማ ኣብ ምብዛሕ መበቈላዊ ዘርኢ ዓለስ ብዝገበሮ ፍሉይ ኣበርክቶ፡ ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ማሽን ጸጻዩት ዓለስን ተዋሂቡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ውድድር ንድፊ መዐሸጊ ተምሪ ዝተዓወቱ፡ ኣቤል ገብራይ (ቀዳማይ)፣ ሳሮን ሃብቶም (ካልኣይቲ)፡ ናኣድ ኅይትኣም ድማ ሳልሳይ ብምዃን፡ ከከም ተርታኦም፡ ካብ ሰለስተ ሽሕ ክሳዕ ሸሞንተ ሽሕ ዝበጽሕ ሽልማት ተቐቢሎም።

ብትካላትን ውልቀ-ሰባትን ዝፈረዩ ዝተፈላለዩ መግብታት፡ ፖስተራት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ውሽጢ ሃገር እተሰንዓ ማሽናት (ናይ መኼዳን ናይ ዓጺድን ማሽናት)፡ ኣብ ምኽዛን ምህርትታት ሕርሻ ዝሕግዙ ናይ ኤሌክትሪክ መዝሓሊ ናውትታትን ኣብ ገጠራት ኣብ ጥቕሚ ክትውዕል እትኽእል ንእሽቶ መጫጭሒት እንቋቑሖን፡ ዘጠቓለለ ምርኢት፡ በቲ ኻልእ ሸነኹ፡ ኣገዳሲ ገጽ ናይ’ዚ ጽምብል እዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ ምርኢት፡ በኹሪ ፍርያት ተምሪ ኤርትራ ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ዝያዳ ጉሊሑ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ፡ ውዕሎ ናይ’ታ መዓልቲ፡ ወግዒ ቡን ሃገርና ብዘማዕረገ ናይ ምሳሕ መደብ ክዛዘም እንከሎ፡ ተሳተፍቲ፡ ምስ’ቲ ኣብ ሃገርና ኣብ መስርሕ ምትእትታው ዝርከብ ተኽሊ ካሳቫ ንኽላለዩ፡ ብካሳቫ እተሰርሐ ኣልጫን ቶርታን ተኣንጊዱ ነይሩ።





ኣቶ የማነ ተኽልዝጊ፦ ካብ 2009 ኣትሒዙ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕርሻዊ ንጥፈታት እተጸምደ ተቐማጢ ኣስመራ ኲይኑ፡ ዝያዳ ኣብ ምህርቲ ኣሕምልትን ጣፍን ከምኡ'ውን ብምብዛሕ ምሩጻት ኣዝርእቲ ድንሽ፡ ስርናይን እተዳቐለ ዕፉንን ብዘመዝገቦ ኣብነታዊ ውጽኢት ይፍለጥ።



ኣቶ ዓብደላ ዑስማን ኣሕመድ፦ ኣብ ሔቦ፡ ንኡስ-ዞባ ሰገነይቲ፡ ኣብ ሰፊሕ ዋኒን ንህቢ እተዋፈረ መንእሰይ እዩ። ወዲ-14-ዓመት እንከሎ ንህቢ ክውንን ዝጀመረ ኣቶ ዓብደላ፡ ኣብ'ዚ እዋን፡ 100 ያታዊ፡ 60 ዘበናዊ ከምኡ'ውን 6 ጋብላዊ ቀፎታትን፡ ብድምር፡ 166 ዕስለታት ንህቢ ይውንን። ዓመታዊ ድማ ብማእከላይ ገምጋም፡ 30 ኪሎ ግራም መዓር ካብ ቀፎ ይብርብር።



ኣቶ ተፈሪ ተስፋይ፦ ኣብ 1998 ብኣርባዕተ ለጋዓት ንኡስ-ዋኒን ሕርሻ ዘበገሰ፡ ሕጂ ድማ 42 ዝሕኣለባን ዘይሕለባን ኣሓ ዝውንን ተቐማጢ ከተማ ከረን እዩ። ንሱ ብመገዲ ዘበናዊ ሜላ ምድቃል ከብቲ እተመሓየሻ ዓሌታት ከብቲ ክውንን ዝበቕዐ፣ ንጥሪቱ ናይ 1.5 ሄክታር ዝፍሓት ካብ ዘለዎ ግራቱ ሓምላይ መግቢ ዝህብን መዓልታዊ ኣስታት 170 ሊትሮ ጸባ ዘፍርን ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ።



ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፦ ኣብ 1996፡ ባዕሉ ሕርሻ ተምሪ ዘበገሰ፣ ጸኒሑ ሚ/ሪ ሕርሻ ዝሃቦ ምሩጽ ፈልሲ ተምሪ ክተክል ዝጀመረ፡ ኣብ ሽዕብ – ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ – ዝነብር ሓረስታይ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን 700 ፈረይትን ኣብ ምፍራይ ዘይበጽሑን ኣግራብ ተምሪ ይውንንን ብርኩት ፍረ ተምሪ የእቱን።



ወ. ንግስቲ ሃብተ ኣርኣያ፦ ኣብ 2012 ኣብ ኣፍ-ሂምቦል፡ ንኡስ-ዞባ ድጊ፡ ሕርሻዊ ዋኒን ዘበገሰት፣ ኣብ'ዚ እዋን ድማ ትሽዓተ ሄክታር ኣብ ዝሰፍሓቱ ሕርሻዊ ቦታኣ፡ ኣሕልምትን ጣፍን ፍረታትን እተፍሪ ዜጋ እያ። ንሳ፡ ካብ ሓደ ሄክታር ዓሰርተው-ሰለስተ ኲንታል በርበረ፡ ከምኡ'ውን ሽዱሽተ ኲንታል ጣፍ ካብ ተመሳሳሊ ስፍሓት መሬት ትሓፍስ።



ወ. ንግስቲ ኣውዓሎም፦ ብኣካል ዓይነ-ስውርቲ፡ ግን ከኣ ዘይድርትትን በዓልቲ-ራእይን ዝኾነት፡ ኣብ ምፍራይ ኣሕምልትን ደርሁን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምስርሐ ሕርሻዊ መግቢ ብንጥፈት ክትዋሳእ ዝጸንሐት ኣብነታዊት በዓልቲ-ዋኒን እያ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ መዳይ ወሰኽ ክብሪ ዝያዳ ኣተኵሮ ገይራ ትነጥፍ ኣላ።

*መስፍን ገብረሂወት*

# “ኣጆኻ በለኒ፡ ዝገብሮ ክትርእየኒ”

## “ንጽበት ናብ ግፍሒ፡ ንሕጽሪ ናብ ንውሒ፡ ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ ነማዕብል፤ ንዘሎና፡ ብዘሎንና”

## ወግዒ ምስ ኣርካን ሕርሻ

# ኣቶ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህን

ኣቶ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህን ሃብተእግዚእ ኣብ ሕርሻ ዘሎዎም ዕምቈት ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ፍልጠትን ተመኩሮን ልዕሊ ግምት ናይ ዝኾነ ‘እፈልጦም’የ’ ዝብል ሰብ’ዩ። ዕላሎም ኣመና ምቁርን ዘይሰድድን እዩ። ቅድሚ 68 ዓመት፡ ወዲ 15 ዓመት እንከለዉ፡ ኣግራብ ምቑራጽ ጠንቂ ምውሳኽ መጠን ዋዒ ምዃኑ ክስቁሮም ጀሚሩ። ኑቲ ኩነታት ድማ ብቕብኣ ክገልጽዎ ተበግሶ ወሲዶም። ነዚ ክሳዕ ሕጂ ሰኢዶማ ጸኒሖም ዘለዉ ሸዑ ዝሰኣልዋ ቅብኣ፡ ምስዚ ሕጂ ብደረጃ ዓለም ኣጋጢሙ ዘሎ ክሊማዊ ቀውሲታት ኣገናዚቦም ክርእዩዎ እንከለዉ፡ ዋላ ንእኦም እዩ ዝገርሞም። ካብኡ ንነጀው ድማ’ዩ ሃሞምን ቀልቦን ምስ ሕርሻ ኣብ ዝተኣሳሰር ኩይት ጸኒሖ ዘሎ።

ንዝነባለኦም ዝድርዕ፡ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ኣለማያ (ኢትዮጵያ) ብሕርሻ ድሕሪ ምምራቖም፡ ኣብ ሕርሻን ምስ ሕርሻ ኣብ ዝተኣሳሰርን ዝተኳዕዘዎን ዝኮዓዝዎ ዘለዉን ኣዝዩ ዘገርምን ዝድነቅን እዩ። ኣብዚ እዋን፡ ብመገዲ ናይ ሕርሻ ትካሎም “ራም ፋርምስ” ኣቢሎም፡ ኣብ ጎቦ መንጉዳን ማይ ኖህን ኣብነታዊ ሕርሻ ብምቛም፡ ንመንእሰያት ግብራዊ ጎስጓስ ኣብ ምኪያድ ይርከቡ። ቤቶም፡ መንበሪኦም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ሙዝዩም (ቤተ-መዘክር) ሕርሻ ከም ዝኸውን’ዮም ገይሮሞ። እዚ ድማ ኑቲ “ንዘሎና፡ ብዘሎንና” ዝብል ፍሉይ ኣተሓሳስባኦም፡ ብግብሪ ከም ዝሰርሕሉ ተወሳኺ ጭብጢ’ዩ።

መጽሔት ፍረ ጻዕሪ፡ ነዞም ብዓል ምሉእ ዘይጉዱል ተመኩሮ፡ ሓሳባትን ተበላሓትነትን ዝኾኑ ኣርካን ሕርሻ፡ ክቡር ጋሻኣ ክኾኑ ምስ ሓረየቶም፡ ዕምቈት ሓሳቦምን ፍልጠቶምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኩሉ ኣባል ምድላው መጽሔት ተሳታፊ እቲ ምቁር ወግዒ ብምዃኑ ሓባራዊ ዕማም ዓሚሙ’ዩ።



ኣቶ ረዳኢእግዚእ ኣብ 1955




ኣቶ ረዳኢእግዚእ ኣብ 2023

- **ዕላልና ንጀምር ኣሎና። ኣቱም ዶ ኣታ ክንብል?**

ኩሉ ባህሊ’ዩ። ናይ ወለድና’ዩ። ኣታ፡ ኣቱም፡ ኣቲ፡ ኣትን ወዘተ. ኩሉ ናታቶም’ዩ። እቲ ቐንዲ ነገር እኩብ ተመኩሮ’ዩ። ወለድና “ኣቱም” “ኣትን” ኢሎም ክጽውዑ ኸለዉ፡ ምኽንያት ኣሎዎም፣ ምኽብባር’ዩ። እቲ ምኽብባር፡ እቲ ባህሊ ድማ ኑቲ ዘሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ዝመጽእ’ውን ባይታ ዘንጽፍ እዩ። ሸሕ’ኳ ባህሊ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ሕብረተሰብና ኣብ ሓድሕዱ ዝረዳድኣሉን ዝከባበረሉን ኣገባብ ጸኒሕዎ እዩ። እዚ ድማ ብንእስነትካ ዘይሰዓብካዮን ዘይተረዳዳእካሉን፡ ምስ ዓበኻ’ሞ ካበይ ክመጽእ’ዩ? ስለዚ “ኣቱም”፡ “ኣትን” ኑቲ ሰብ ንምኽባር ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኑቲ ባህሊ ምኽብባር ንምሕላው እውን ስለ ዝኾነ፡ ከምቲ ወለድና ዝገብርዎ እንተ ገበርና ይሕሸና።

- **ግርም! “ኣቱም” ኢና ክንብለኩም ማለት’ዩ።**

ኣይትጽልእዎ። ወለድና ዘጽንሑልና’ዩ።



- **ብዛዕባ ወለድኹም፣ ኣሕዋትኩም፣ እዋን ቁልዕነትኩም ክተዕልሉና።**

ጥሪ 1940 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊደ። ወለድና ካብ ኤርትራ እዮም። ካብ'ቶም ኣብ ኤርትራ ብሽወደናውያን ሚስዮናውያን ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኸቡ ኤርትራውያን ነይሮም። ሽወደናውያን ፈለማ ኣብ 1867 ባጽዕ ኣትዮም፤ ኣብ 1872 ድማ ቤት ትምህርቲ ኸፊቶም። ድሕሪ ባጽዕ ድማ ኣብ እምኩሉ፣ መንሳዕ፣ ቀጺሎም'ውን በለዛ፣ ጸዓዘጋ ወዘተ. እናበሉ ኣብ ዝተፈላለያ ዓድታት ከበሳን ባርካን ስርዓተ ትምህርቶም ዘርግሑ። መደባት ትምህርቲ ሽወደናውያን ኣብ ኣካዳምያዊ ጥራይ ዘይኮነ፣ እንተላይ ቴክኒካዊ ብምንባሩ፣ እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ንጽርበት ዕንጸይቲ፣ ስርሓት ሓጺን፣ ቤት ማሕተም፣ ሕርሻ ከምኡ'ውን ጥዕና (ነርሲን) ዘጠቓልል ነይሩ። ኣብ 1880 ዓ.ም ዝጀመረ ስርዓተ ትምህርቲ መግዛእቲ ጥልያን ግና፣ ንኤርትራውያን ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ጥራይ ክመሃሩ እዩ ዝፈቅድ ነይሩ። እቲ ናይ ሽወደናውያን ግና ክሳብ ናብ ወጻኢ ኬድካ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክትመሃረሉ ይፈቅድ ነይሩ።

በዝን ብኻልእ ምኽንያታትን ድማ፣ መግዛእቲ ጥልያን ኣብ ኤርትራ ንዝነበሩን ዝሰርሑን ሽወደናውያን ንኤርትራ ናይ ምእታው ፍቓድ ክእግዱ ጀሚሮም። በብቑሩብ ድማ ነቲ ምእጋድ እናትረሩዎ ኸይዶም። ብሰንኩ ድማ ስርዓተ ትምህርቲ ሽወደናውያን ሽሕ'ኳ በቶም ሰዓብቶም ዝነበሩ ኤርትራውያን ከም ዝቕጽል ንምግባር ተበግሶታት ይውሰድ እንተ ነበረ፣ ዝተፈላለየ ሕጽረታት ስለ ዘጋጠሞ፣ ክምዕብል ኣይከኣለን። ብሰንኪ ኣሉታዊ ምሕደራ መግዛእቲ ጣልያን ድማ ብዙሓት ምሁራት ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ተሰዱ። ኣቦይን ኣደይን እውን ብተመሳሳሊ ምኽንያት፣ ኣብ 1920 ናብ ኢትዮጵያ ተሰዲዶም። ኣቦይ ምስ ብጾቶም ብእግሪ'ዮም ናብ ኣዲስ ኣበባ ኸይዶም። እቲ ናይ እግሪ ጉዕዞ፣ ወርሕን ፈረቓን ኣቢሉ ከም ዝወሰደሎም ኣቦና ይነግሩና ነይሮም። ኣዴና ድማ ምስ'ቶም ሽወደናውያን ካብ ኣስመራ ንባጽዕ ብባቡር፣ ካብ ባጽዕ ናብ ጅቡቲ ብመርከብ፣ ካብ ጅቡቲ ንኣዲስ ኣበባ ድማ ብባቡር ገይረን ኣትየን። እዚ ናይ ቅድሚ ልዕሊ ሚእቲ ዓመት ኢና ነዕልል ዘሎና።

- **ብዛዕባ ወለድኹም ቁሩብ ክትውስኹና**

ክልቲኦም ኣቦይን ኣደይን መምህራን'ዮም ነይሮም። ኣቦይ ገብረመድህን ሃብተእግዚእ፣ ኣደይ ድማ ኣስቴር ወልደማርያም ይበሃሉ። ኣደይ ብፍላይ፣ ሓንቲ ካብቶም ቀዳሞት መስረትቲ ቤት ትምህርቲ ደቂ ኣንስትዮ እየን ነይረን። ኣቦይን ብጾቱን ድማ ኣብቲ ዝጅመር ዝነበረ ኣካዳምያዊ ስርዓት ካብ ዘመስረቱ መምህራን ሓደ እዮም ነይሮም። መምህራን ዘይነበሩ ካልኦት ኤርትራውያን'ውን ኣብ ኢትዮጵያ ዘመናዊ ትካላት ኣብ ምትእትታው ዝለዓለ እጃም ኣበርኪቶም እዮም። ኮታስ ንኢትዮጵያ ናብ ዘበናዊ ምዕራፍ ዘሰጋገርዋ፣ ኤርትራውያን እዮም ነይሮም።

- **ኩሉኹም ኣሕዋት፣ ምሁራትን ሞያተኛታትን ምዃንኩም ኢና ሰሚናዕና'ሞ፣ ንተመኩሮ መታን ክጠቕመና ብዛዕባኦም'ውን ክተዕልሉና?**

ሓሙሽተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን ኢና። ጀነራል በረኸት ገብረመድህን፣ ኢንጂነር ናይእግዚእ ገብረመድህን፣ ዶክተር ቀሺ እዝራ ገብረመድህን፣ ፕሮፌሰር መሓሪ ገብረመድህን፣ ኣነ ድማ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህንን፣ ሓፍትና ድማ ናእሚ ገብረመድህንን ኢና። ስለዚ ዕድለኛታት ኴንናስ ወለድና ዝተማህሩ ብምንባሮም፣ ንዓና'ውን ከከም ዝንባለና፣ ክእለትናን ትምህርትናን ክነማዕብል መሪሖምናን ሓጊዞምናን እዮም።

ብጀነራል በረኸት ገብረመድህን ሓወይ ክጅምር። ሓደ ኻብቶም እንግሊዛውያን ዝመሃርዎም ኤርትራውያን ኮይኑ፣ ሓደ ኻብቶም ዘመናዊ ሓይሊ ፖሊስ ኢትዮጵያ ዝመሰረቱ ኤርትራውያን'ውን እዩ። እቲ ናይ ጀነራል መዓርግ፣ ኣብ ፖሊስ እናሰርሐ'ዩ ተዋሂብዎ። ኣዝዩ ዘሕዝን ግና፣ ኣብ እዋን ደርጊ ኣብ ስራሕ ከሎ'ኻስ ንሓደ ኤርትራዊ ሓጊዝካ ብዝብል ምስምስ፣ ናብ ጂማ ወሲዶም፣ ብዘይተፈልጠ መገዲ ኣጥፊኦሞ። ሽዑ ደርጊ ብሕልፊ ንምሁራትን ንጡፋትን ኤርትራውያን ዝኾነን ዘይኮነን ክስታት እና'ቕረበን እናጠቀነን፣ ይኣስርን የሕቅቕን ነይሩ። ድሕሪ ናጽነትና ግና ይመስገን ፈጣሪ፣ ሬሳኡ ተረኺቡ፣ ኣብ መበቈል ዓዱ መጺኡ ተቐቢሩ። ሬሳኡ ኣብ ምርካብ፣ እቶም ብህይወቱ ኸሎ ኣብ ሓላፍነት ዝነበሩ ሰባት'ዮም ተሓባቢሮምና። ፈቃርን ፍሕሹውን እዩ ነይሩ። ፍሽኽታኡ ክሳዕ ሕጂ ይረኣየኒ።

እቲ መሃንድስ ሓወይ ናይእግዚእ ገብረመድህን፣ ብንእሽቶኡ ደድሕሪ ጽርግያ (ኣስፋልት) ዝሰርሓ ማሽነሪታት ይኸይድ ነይሩ። ካትራመ ተጸይቑ ይመጽእ'ሞ፣ ኣደይ ትኹርየሉ ነይራ። ግዳ ካብ ኣጋኡ ተመሃራይ ምህንድስና ክኸውን ምኳኑ ፍሉጥ'ዩ ነይሩ። ነቲ ትምህርቲ ምህንድስና ኣብ ኢትዮጵያ ጅምር ኣቢልዎ እዩ ናብ ኣመሪካ ኸይዱ። ሽዑ ኣብ ኢትዮጵያ ክሳዕ ዲግሪ ዝምህር ኮለጅ ምህንድስና ኣይነበረን። ኣብ ካንሳስ ዩኒቨርስቲ ቀዳማይ ዲግሪ ብምህንድስና ረኺቡ። ድሕሪኡ ድማ ኣብ ማሳቹሴትስ "ኢንስቲትዩት ኦፍ ተክኖሎጂ" (MIT) ብምህንድስና ናይ ማስተር ዲግሪ ወዲኡ። ድሕሪ ምምራቑ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ፈለማ ናይ ህንጻ ኮለጅ ዲን ኮይኑ ሰሪሑ። ድሕሪኡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣባልን ሓላፍን ፕሮግራም ኣከባቢ (environment programme) ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ሰሪሑ። ድሕሪ ጥሮታ ምውጽኡ'ውን ናብ ኤርትራ ብምምጻእ፣ ሃገራዊ ፕሮግራም ኣካባቢ ኣብ ምምስራት ምስ ዝምልከቶም ሚኒስትሪታት መንግስቲ ኤርትራ

ወለንታዊ ኣበርክቶ ገይሩ። ኣብ 2003 ድማ ምስ ብጾቱ ኾይኑ "ምስጢር ህንጻታት ኣስመራ (ASMARA Africa's Secret Modernist City)" እትብል መጽሓፍ ኣብ ምድላው መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ዶክተር ቀሺ እዝራ ድማ ካብ ንእስነቱ ናይ መጽሓፍ ሰብ እዩ ነይሩ። ዝተፈላለየ መጻሕፍትን ጽሑፋትን ዝጸሓፈ'ዩ። ሓንቲ ኻብአን "Showers and Raindrops, Fifty years of reflection on Eritrea, Ethiopia and Sweden, 1970-2020" ክንጠቅስ ንኽእል። ኣብ ኢትዮጵያ ብቐዳማይ ዲግሪ ጀሚሩ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሚነሶታ፡ ማስተርስ ዲግሪ ረኺቡ። ኣብ ስዊድን ኣብ ዩኒቨርስቲ ኡብሳላ ድማ ናይ ዶክተረይትን ናይ ፕሮፌሰርን መዓርግ ተቐቢሉ። ምሁር ስነ-ጥበባትን ቲኦሎጂን እዩ። ንሱ'ውን ጥሮታ እዩ፣ ኣብ ስዊድን እዩ ዘሎ።

ፕሮፌሰር/ ዶክተር መሓሪ ገብረመድህን ድማ ናይ ኑትሪሽን ፒድያትሪክስ 'ስፐሻሊስት' እዩ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ሉንድ (ስዊድን) እዩ ወዲኡ። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ማሳቹሴት'ውን ናይ ማስተርስ ተማሂሩ'ዩ። ካብኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኡብሳላ (ስዊድን) ናይ ኑትሪሽንን ፒድያትሪክስን መምህርን ሓላፍን ኰይኑ ንዓመታት ሰሪሑ። ዳርጋ እቲ ናይ ፈለማ ብመበቈል ዘይሽወደናዊ ፕሮፌሰር ኣብ ሽወደን እዩ ነይሩ። እቲ ንዕኡ ዝተዋህበ መዓርግ ንኣዝዮም ውሱናት ሰባት'ዩ ዝወሃብ ነይሩ። በቲ እዋን'ቲ ኣብ ሽወደን ናይ ፕሮፌሰር መዓርግ እቶም ንጉስ (ወይ ንግስቲ) እዮም ዘጽድቕዎ ዝነበሩ። ስለዚ ፕሮፌሰር መሓሪ፡ ኣብ ሽወደን፡ ሓደ ኻብቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ሓካይም'ዩ ክበሃል ይከኣል። ንሱ'ውን ንወለድና ዝንባለኡ እንታይ ምዃኑ ብኣጋ ተራእይዎም ነይሩ እዩ። ቈልዑ ኸሎና፡ ኣብ ሳዕረ-ማዕርን ኣሕምልትን ዘሎዎ ቦታ ምኻድ ይፈቱ ነይሩ። ንሳዕሪ ከም መርፍእ ሓሲቡ፡ ብሳዕሪ ይወግኣና፡ ንኹሎም ደቂ ገዛውቲ፡ እንታይ ከም እተመስሐ ብግምት ይነግሮም ነይሩ። ኮታስ ኣብ ጉዳይ ምግብን መኣዛታትን ግዱስ ነይሩ።

ሓፍትና ድማ ናእሚ ገብረመድህን እያ ትብሃል። ሓንትን ሓሳስ-ልደን እያ። ናይ ነርስ ትምህርታ ኣብ ሚኒሶታን ዋሽንግተንን ዩኒቨርስታት እያ ወዲኣ። ፈቃር፡ ኣገልጋሊት፡ ቦቐባቕን ሕያወይትን እያ፣ ኣላይትና'ያ። ክገርመኩም፡ ዋላ ሕጂ'ውን ኣብ ውሽጢ ሰሙን ደሃይ እንተ ዘይገይረላ፡ "ገለ ኾይኑ ኣሎ" እያ ትብል፣ ሻቓሊትን ሓላዩትን'ያ።


ኣነ'ውን ካብ ንእስነተይ ኣትሒዘ በጊዕ፡ ደርሆ፡ ድሙ፡ ኽልቢ ኮታስ እንስሳታትን ኣታኽልትን እፈቱ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ሕርሻ ገጸይ ከዘንብል ምዃነይ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ወለደይ'ውን ንዝንባለይ ኣይሰሓትዎን።

**• ናብ ክሊማንጃሮ (ዝለዓለ እምባ ናይ ኣፍሪቃ) ዝሓኾረ ሓው ከም ዘለኩም ሰሚዕና። መኖም'ዩ?**

ኢንጅነር ናይእግዚእ እዩ። ናይእግዚእ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ፡ ኣብ ከምዚ ድፍረት ዝድልዮ ነገራት ምስታፍ ኣይጽልኦን'ዩ፤ ኣብ ቅድድም ማኪና'ውን ይወዳደር ነይሩ'ዩ። ንኻልኣይ ግዜ'ውን ናብ ኪሊማንጃሮ፡ ከምኡ'ውን ናብ እምባ ኬንያ (ዝበረኸ እምባ ኬንያ) ሓኺሩ ነይሩ። ኣብ ክልቲኡ ድማ ባንዴራ ኤርትራ ኣንቢሩ።

**• ኩሉኹም ዕባይ ኩተማ ኢኹም። ምስ ዓድኹም ዝነበረኩም ምትእስሳር ከመይ እዩ ነይሩ?**

ወለድና ጸሎት ምግባር ምሂሮምና እዮም። ኩሉ-ሳዕ ንግሆን ምሸትን ጸሎት ክግበር ከሎ፡ ናይ ምብህሃል ግዜ ኸኣ ነይሩና እዩ ምስኡ። ሽዑ ቐጻሊ ብዛዕባ ገዛና፡ ብዛዕባ ዓድና፡ ብዛዕባ ናብራ ናይ ህዝብና የዕልሉና ነይሮም እዮም። ጸሎት ክገብሩ ኸለዉ፡ ኩሉ-ሳዕ ዓድና እናበሉ'ዮም ዘጽልዩ ዝነበሩ። 'ሳላ ጸሎት ወለዲ' ክበሃል ከሎ፡ ንሱ'ዩ። ኣታዊታቶም ምጡን ክንሱ፡ ዓድኹም ርኣዩ ኢሎም ካብታ ዝነበረቶም ዝሰነቐ ኣስኒቖም ናብ ዓዲ ይሰዱና ነይሮም'ዮም። ኣነ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ከለኹ'የ፡ ምስ ሓፍተይ ብኣውቶቡስ ናብ ኤርትራ መጺአ። ሽዑ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ኣስመራ ክትመጽእ፡ ልዕሊ ሰሙን ይወስድ ነይሩ። ከምዚ ናይ ሕጂ ኣይኩነን። ዓድና እንዳ'ቦና ኣማድር ይብሃል፣ ጽልማ'ዩ። ካብ ኣስመራ ሓወቦና እዩ ወሲድና። ክሳዕ ድባርዋ ብኣውቶቡስ፡ ካብ ድባርዋ ኸኣ ብበቕሊ ኼድና። ሽዑ ካብ ድባርዋ ብእግሪ ወይ ብበቕሊ'ዩ ነይሩ ጉዕዞ። ዓድና'ኳ ሓጺር'ዩ ነይሩ፤ ካብ ድባርዋ ከባቢ 10 ኪሎ ሜትር እዩ። ኣቦይ ቅድሚ ናብ ኢትዮጵያ ምኻዶም ብ1916 ኣቢሎም ሰሪሖምዋ ዝነበሩ ህድሞ ነይራትና። ድሕሪ 20 ዓመት፡ ንገለ ካብቲ ኣቦይ ብኢዶም ዝነደቕዎ መንደቕ ከየፍረስኩ፡ ዳግም ኣተዓራርየ፡ መዕረፊና (እንዳ 'ጋይሽ) ገይርናዮ ኣሎና።



ካብ ጸጋም ንየማን፡ ጀነራል በረኸት ገብረመድህን፡ ኣቶ ረዳኢእግዚእ ገብረመድህን፡ ፕሮፌሰር መሓሪ ገብረመድህን፡ ዶክተር ቀሺ እዝራ ገብረመድህን፡ እንጂነር ናይእዝጊእ ገብረመድህን፡ መምህር ኣስቴር ወልደማርያም፡ ነርስ ናእሚ ገብረመድህን፡ መምህር ገብረመድህን ሃብተእግዚእ



- **በሉ ናብ ጉዕዞ ትምህርትኹም ንመለስ**

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዳግማዊ ሚኒሊክ ዝብሃል ቤት ትምህርቲ ነይሩ። ኣቦይ ካብቶም ቀዳሞት መምህራን ናይቲ ቤት ትምህርቲ እዮም ነይሮም። ቀዳማይ ደረጃ ኣብኡ ኢና ተማሂርና። ካብ ራብዓይ ክሳዕ ሻሙናይ ክፍሊ ድማ ኣብ እንጦጦ ኣብ ናይ ሸወደን ቤት ትምህርቲ ተማሂረ። ካብኡ ናይ ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ ጀነራል ዊንገይት ተማሂረ። እቲ ቤት ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ብናይ እንግሊዛውያን ሓገዝ ዝካየድ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ'ዩ ነይሩ።

ንዕላል ክኹነና፡ ካብ ቅድም ናይ ሕርሻ ዝንባለ ስለ ዝነበረኒ፡ ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ ናይ ሕርሻ ቤት ትምህርቲ ክኣቱ ደልየ ነይረ። ሸዑ ነቦይ ነጊረዮም። ኣቦይ ግና ኣእሚኖም ናብ ጀነራል ዊንገይት ከም ዝኣቱ ገይሮምኒ።

- **እንታይ ኢሎም ኣእሚኖምኹም?**

"ዜርካ ዜርካ ናብ ሕርሻ ክተዘንብል ምኳንካ ፍሉጥ'ዩ። ቅድሚኡ ግና ካብቲ ኣካዳሚ ውሰኽ ክተብለሉ ከድልየካ እዩ። ሕጂ በቲ ንቡር ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እቶ። ብኣካዳሚ ምስ ማዕበልካ ኸኣ፡ ብደረጃ ዩኒቨርስቲ ሕርሻ ትመሃር። ሸዑ ኩሉ-መዳያዊ ፍልጠት ይኹነልካ። ነቲ ሕርሻ ኸኣ ብሞያ፡ ብፍልጠት፡ ብኽእለት ትመርሖ" ኢሉኒ። ቅልጥፍ ኢለ ኣይተቐበልክዎን። "ኣነ ሕርሻ ክመሃር'ዩ ድሌተይ። ግዳ ፍቓድካ እንተኹይኑ በጊዕ ዓድገለይ" ኢለዮ። ዓዲጉለይ።

- **ኣብ መወዳእታኡኸ?**

ደሓር ብዝሰፍሐ ከረድኣኒ ጀሚሩ። "ስማዕ ዝወደይ! ብኢድካ ዝተመሃርካዮ፡ ውሕስነት የብሉን፡ ኢድካ ክሳዕ ዘላ'ያ። ኢድካ ገለ እንተ ኹነት፡ የለኻን። ተማሂርካ ኣብ ኣእምሮኻ ዝሓዝካዮ ግና ብህይወት ክሳዕ ዘሎኻ ምሳኻ'ዩ። ኣማራጺታት ኣሎካ። መን ይፈልጥ ኢድካ ገለ እንተኹነት፡ ዋላ ኣብ ዓራት ኴንካ'ውን በቲ ዘሎካ ኣካዳምያዊ ፍልጠት ትሰርሖ ኣይትስእንን ኢኻ። ስለዚ ነቲ ኣካዳምስ ወስኽሉ ደኣ፤ መሰረት ክኹነካ'ዩ" ኢሉኒ፣ ረቲዑኒ። ኣብ ጀነራል ዊንገይት ኣትየ። ወለድና ምድሪ ዘይወድቐ ምኽሪ'ዩ ነይሩዎም፣ ሓጊዞምና'ዮም።

- **ኣብ ትምህርቲ ከመይ ኔርኩም?**

ሳላ ወለዲ ተገዳስነት ናይ ትምህርቲ ኣሎና። ግናኸ ሓድሓደ ግዜ እቲ ዝንባለና ይውጥጠና ነይሩ'ዩ። ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ማእከላይ እየ ነይረ። ኩላቶም ኣሕዋተይ ግና ብልጫ ዝወሰዱ እዮም ነይሮም። ሓደ መዓልቲ ሓሙስ (Thursday) ብቋንቋ እንግሊዝ ከመይ ትጸሓፍ ጠፊኣትኒ። ንሓደ መማህርተይ ሓቲተዮ። "ክሳዕ ሕጂ ነዚኣ ከይፈለጥካ?" ኢሉ እናቃጨጨ ጽሒፉ ኣርእዩኒ። ኣይትኣምኑንን ኢኹም፡ ካብታ ዕለት እቲኣ፡ ኣብ ትምህርቲ ፍሉይ ግዳሰ ክገብር ጀሚረ። ከምቶም ካልኦት ኣሕዋተይ ድማ ብልጫ ክወስድ ጀሚረ። እቲ ኽእለት እናሃለወና እንከሎ፡ ሓድሓደ ግዜ ኣብ ካልእ ነድህብ እሞ፡ ኣብቲ ቐንዲ ክንደክም ንኽእል ኢና።

- **ንቐጽል**

እቲ ናይ ሕርሻ ዝንባለን ኣተሓሳስባን ኣይሓደገንን። ተመሃራይ ካልኣይ ደረጃ "ሃይስኩል" ኣብ ቤት ትምህርቲ ጀነራል ዊንገይት ከለኹ፡ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ደርሁ ክፋሪ ደልየ። ናይ እንግሊዛውያን ቤት ትምህርቲ እዩ፤ ኣብኡ እንስሳታት ምሓዝ ይፍቀድ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ኩነታት ከምኡ ዓይነት ንኽትሓስብ እውን ዘኽእል ኣይነበረን። ግናኸ እቲ ዓሚቝ ድሌትን እቲ ዝንባለን ክንድ ምንታይ ከም ዝደፍኣካ ንምግላጽ'የ።

- **እንታይ ገበርኩም?**

ናብቲ እንግሊዛዊ ዳይረክተር ከይደ። "ደርሁ ኣምጺአ ከራብሕ ክፍቀደለይ" ኢለዮ፣ ስሒቑኒ፡ "ኣብ ቀጽሪ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ እንስሳ ክም ዘይፍቀድ ዝገልጽ ሕጊ ከም ዘሎ ኣይትፈልጥን ዲኻ?" ኢሉ ሓቲቱኒ። "እፈልጥ፡ ግና ደርሁ እፈቱ'የ" ኢለዮ። ሽዑ ገሪምዎ፡ ርእሱ ኣድንን ኣቢሉ፦ "ንምንታይ ኢኻ'ኸ ከምኡ ሓሲብካ?" ኢሉኒ። ፒያኖ እመሃር ስለ ዝነበርኩ፡ "እንቋቑሖ ሸይጠ መኽፈሊ ንመመላለሲ ኣውቶቡስ ዝኾነኒ ገንዘብ ስለ ዘድልየኒ እዩ" በልክዎ። ክገርመኩም፡ ኣፍቂዱለይ። ዓሰርተ ደርሁ ድማ ኣደይ ሂበናኒ። ብእኣን ጀሚረ። ናይ'ተን ደርሁ ስእሊ ክምግበን ከለኹ ኣሎ፡ ክርእየኩም እየ። እዚ ብ1960 ዝኾነ እዩ።

- **ኩተርእዩና ኢኹም፣ ንቐጽል፦**

ተመሃሮ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኹይናም፡ ንጉዳይ ተመሃሮ ዘመሓድሩ "ፕሪፌክት" (Prefect) ዝብሃሉ ነይሮም። መራሒኦም ድማ "ሄድ ቦይ" ይብሃል ነይሩ። ኩሎም እዚኣቶም ብመምህራንን ኣመሓደርቲ እቲ ቤት ትምህርትን እዮም ዝምዘዙ ነይሮም። ኣብ 11 ክፍሊ ምስ በጻሕኩ፡ "ሄድ ቦይ" ክኸውን ስለ እተመርጸኩ፡ ሓላፍነት ምስካም ድማ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ነቲ መፍረ ደርሁ፡ ካብ ናይ ውልቀይ ናብ ማሕበር መፍረ ደርሁ ቤት ትምህርቲ ጀነራል ዊንገይት ለዊጠዮ። እቲ ማሕበር፡ ክሳዕ 400 ደርሁ ነይሮሞ። ስለዚ፡ እንስሳታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ጀነራል ዊንገይት ሕጊ ዘይፍቀድ ዝነበረ፡ ተፈቒዱስ ካብ ናይ ውልቂ ናብ ናይ ማሕበር ተለዊጡ። ነቲ ምግብና ቤት ትምህርቲ'ኳ እንቋቑሖ ከቕርብ ጀሚሩ። ረባሒ ፍረ ናይ "ኣጆኻ" ኹይኑ ማለት'ዩ።


- **ኣብ ትምህርቲ ኢና ዘሎና...**

ሽዑ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኢትዮጵያ ናይ 12 ኽፍሊ መልቀቒ መርመራ ነይሩ። ኣብቲ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ፡ ኣብ ጀነራል ዊንገይት ግና ናይ ዓሰርተ ኽልተ ኽፍሊ መርመራ፡ ብኽልተ ኢኻ ትፍተን። እቲ ንቡር ናይ ኢትዮጵያን ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጽእን ነይሩ። ኣነ ነቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፈተና ጥራይ ወሲደ፣ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ግና ኣይወሰድኩዎን።

- **ስለምንታይ?**

ሽዑ ንጉስ ሃይለስላሰ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻዱሻይ ንዝወጹ ተመሃሮ ናብ ሃረር ኣካዳሚ፡ ንሓይሊ ኣየር ወይ ድማ ንሓይሊ ባሕሪ ይወስድዎም ስለ ዝነበሩ፡ ዝንባለይን ዓሚቑ ድሌተይን ኣብ ሕርሻ ስለዝነበረ፡ ናብ ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ እምበር፡ ናብ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ስለ ዘይነበረ፡ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ፈተና ኣይወሰድኩዎን።

ኣብቲ ሽዑ ግዜ፡ እቶም መማህራን ዩኒቨርስቲ እዮም፡ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እናመጹ፡ ምስቶም 12 ዝወድኡ ተመሃሮ ቃለ-መሕትት እናገበሩ፡ ተመሃሮ መሪጾም ዝወስዱ


ኣቶ ረዳኢእግዚእ ኣብ 1960 ተመሃራይ ሃይስኩል ኣብ ዝነበረሉ፡ ደረውሆም እናመገቡ

ነይሮም። ኣነ ምስቶም ናይ ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ ሪጋ ተሰሪዐ ኣትየ።

እቶም መምህራን ኮለጅ ኣለማያ፦ "ስለ ምንታይ ፈተና ዘይወሰድካ?" ኢሎም ሓቲቶምኒ፣ ነቲ ሓቂ ነጊረዮም። "ሕርሻ ስለ ዝፈቱ ናብ ካልእ ትምህርቲ ክምደብ ኣይደለኹን። ፈተና እንተ ወሲደ ድማ ዕጫይ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ፍሉጥ'ዩ ነይሩ" ኢለዮም። "ውትህድርና የፍርሓካ ድዩ?" ኢሎምኒ። ኣነ ድማ "ፈራህ ዘይኮንኩ፡ ዝንባለይን ፍቕረይን ሕርሻ ስለዝኾነ ጥራይ እየ" ኢለ መሊሰሎም። ኣይትኣምኑንን ኢኹም፡ ኩሉ ኩነታተይ ርእዮም ፈተና ከይገበርኩ፡ ናብቲ ኮለጅ ክኣቱ መዝጊቦምኒ።

ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ፡ በቲ እዋን፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ዩኒቨርስቲ ኦክላሆማ ኣመሪካ ዝመሓደር እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዓመታዊ ናይ ዲግሪ ጽንብል መመረቕታ ዝካየደሉ ኣጋጣሚ ድማ ፕረዚደንት ዩኒቨርሲቲ ኦክላሆማ ናብቲ ኮለጅ ብኣካል እናመጹ ይምርቑ ነይሮም።

- **ዕባይ ገጠር ኣይነበርኩምን። እቲ ዝንባሌ ናይ ሕርሻ ደኣ ብኸመይ እዩ ክሳዕ ክንድ'ዚ ኣብ ሓንጎልኩም ሰሪጹ?**

ብዓቢኡ ፍጥረት'ዩ። ኩልና ነናትና ህያብ ኣሎና። ኣብ ሓቂ እንተ መጺእና ኸኣ፡ ኣብ ገጠር'ኳ ካብቲ ናይ ከተማ ፍሉይ ነገር የለን፣ ኣግራብ ኣሎ፣ ኣጓዱን ሃዳሙን ኣሎ። ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣዲስ ኣበባ'ውን ሓውሲ ገጠር'ዩ ነይሩ። ኩሉ እቲ ናይ ገጠርሲ ነይሩዎ እዩ። ወለድና ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝመጽእሉ እዋን፡ እቲ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኮበርታ፡ ባርኖስ፡ ቁርበት ወዘተ. እዩ ዝኸደን ዝነበረ። ኣባይቶም'ውን ኣጓዱ'ዩ ነይሩ። ህንጻታት ክሰራሕ ከሎ፡ መካይን ስለ ዘይነበራ፡ እምኒ ብሰብን ብኣእዱግን እዮም ዘምጽኡ ነይሮም። ዋላ ንጉስ ሃይለስላሰ እውን ቅድሚ ምንጋሶም ራስ (ራእሲ) ተፈራ መኰነን ዝበሃልሉ ዝነበረ እዋን፡ ገዝኦም (ሎሚ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ዝብሃል ህንጻ) ኣብ ስድስት ኪሎ ክንደኽ ከሎ፡ ኣርኣያ ክኾኑ ኢሎም፡ ኣብ ኢዶም ንእሽቶ እምኒ ተሰኪሞም ኣብ በቕሊ ተወጢሖም ይኸዱ'ሞ፡ ንዕኦም ዝረኣየ ኹሉ እምኒ ተሰኪሙ ይስዕቦም ከም ዝነበረ ኣቦይ ኣዕሊሎምኒ ነይሮም'ዮም።

ኣቦይ፡ ሓደ ኻብቶም ነዳቓ እዩ ነይሩ። መብዛሕትኦም ነዳቓ ኤርትራውያን እዮም ዝነበሩ። ኣብ ኤርትራ ናይ መንደቕ ስራሓት ልሙድ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ዓበይቲ ህንጻታት ናይ ኣዲስ ኣበባ ኤርትራውያን'ዮም ነዲቖምዎ። ዋላ እቲ ኣብ "ስድስት ኪሎ"፡ ሕጂ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ኹይኑ ዘሎ፡ "ላይ ግቢ" ዝብሃል ዝነበረ፡ ኤርትራውያን ዝነደቑዎ እዩ። እቶም መሃንድሳት ፖርቱጋላውያን ምንባሮም ይንገር። ስለዚ፡ እቲ ዝዓበናሉ ኣከባቢ ካብ ናይ ሃገረሰብ ደረጃ ብዙሕ ዝፍለ ኣይነበረን።

- **ዝንባለኹም ክተለልዩን ናብ ሕርሻ ገጽኩም ክተዘንብሉን ተራ ወለዲ ኸመይ ነይሩ?**

ዕድል ጌርና ወለድና ናይ ኣካዳሚ ሰባት'የም ነይሮም። ንተውህቦኻ ብፍልጠት ክተዕብዮ ወሳኒ ምዃኑ፡ ፍልጠት ናይ ኩሉ ነገር መሰረት ምዃኑ፡ ፍልጠት ብቐሊሉ ዝቐረመም ወይ ዝሸርመም ከም ዘይኮነ ብቑጻሊ ይነግሩና ነይሮም። "ኣጆኻ በሊ፡ ዝገብሮ ክትርእየኒ" ዝብል ምስላ'ውን መምርሒኦም'ዩ ነይሩ። "ኣጆኻ" ምባል ወሳናይ እዩ።

ሎሚ ኣብ ዓድና በብዝንባሌኻ ምኻድ ክንድ'ቲ ኣይርአን እዩ። እቲ ዝጸናሕናየን ዘሎናየን ኩነታት ብኣሉታ ጸልዩና ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኩነታትና እናተመሓየሸ ብዝኸደ ግና፡ ኹሉ በብዝንባለኡ ክመሃርን ክሰርሕን ምትብባዕ ክግበር፡ 'ኣጆኻ' ክበሃል ... ናይ ግድን እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝንባል ናብ ተፈጥሮኣዊ ክእለት ዝመርሓካ ብርሃን ስለ ዝኾነ። "ኣጆኻ!" ኸአ ንኸተሳልጥን ንኸተፍርን መገዲ ብርሃን፡ ሓይልን ሓቦን እዩ።

ኣብዚ፡ ሰብ በቲ ዝንባለኡ፡ በቲ ኽእለቱ ክምዕብል ከም ዘለዎ ከሰምረሉ ወይ ኣድሚቑ ክዛረበሉ እደሊ። ዓበይቲ ምህዞታትን ስራሓትን ብኽእለትን ዝንባለን ውልቀሰባት እዮም ተገይሮም። መብዛሕትኡ መጻሕፍቲ ብውልቀሰባት'ዩ ተሰሪሑ። 'ማዕርነት ብመሰል' ዝብሃል ኣሎ። ልክዕ'ዩ ፍትሒ፡ ጥዒና፡ ሕክምና፡ ምግቢ፡ ዕድላት ትምህርቲ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ብማዕርነት ክኸውን'ዩ ዝግባእ። እቲ "ፍጥረታዊ ህያብ" ግና ናተይን ናትካን ሓደ ክኸውን ኣይክእልን። ነተን ብውልቅን ብሓባርን ዝትግበራ መስላት ክንፈላለየን ናይ ግድን እዩ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ልምዓትና ከምቲ ዝድለ ኣይሰጉምን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ውልቀሰባት ንዘሎዎም ፍጥረታዊ ተውህቦታቶም ንዘሎና ኹነ ድሕረና ንዘመጽኡ ከውርስዎ ዝድለ ዓወታት ክህሉ ከጸግም ይኽእል'ዩ።

- **ድሕሪ ምምራቕኩም ኣብ ጉዳይ ሕርሻ እንታይ ገበርኩም?**

እቲ ዝንባለ ሓይሊ ፈጢሩለይ ነይሩ'ዩ። ናይ ሕርሻ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ክኸውን ከም ዘሎኒ ንብሰይ ኣእሚነ ክንቀሳቐስ ጀሚረ። መበገሲ ልቓሕ ክፍቀደለይ ናብ ልምዓት ባንክ ኣመልኪተ። ንሳቶም ኣጽዲቖም፡ ከምቲ ሕጎም፡ ናይቲ ዝሓተትክዎ ክልተ ሚእቲ ሚእታዊት ዋሕስ ከቕርብ ወሲኖምለይ። እዚ ድማ ዓቕመይ ኣይነበረን። እቲ ሓያል ባህገይ ግና ደው ክብል ኣይከኣለን። ናብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ሓላፊ ሃገራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ዝነበሩ (ኣቶ ተፈራ ደገፌ) ከይደ። ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ነታ ጸሓፊት ረኺበ፡ ንኣቶ ተፈራ ክረኽቦም ደልየ ኢለያ። "ቆጸራ ኣሎካ ድዩ?" ኢላ ሓቲታትኒ። "የብለይን" ምስ በልክዋ፡ ብዘይ ቈጸራ ክረኽቦም ከም ዘይከኣል ነጊራትኒ። "በጃኺ ናይ ግድን ክረኽቦም ስለ ዝደሊ፡ ንገርለይ ጥራይ" ኢለያ። ልማኖይ ተሰሚዕዋ፡ እስኪ ክሓቶም ኢላ ኣትያ ሓቲታቶም። ድሕሪኡ፡ ፍሽኽ እናበለት፡ "በል እቶ፡ ርኸቦም" ኢላትኒ። ምስ ኣተኹ፡ ኣቶ ተፈራ ረጉድ መነጽር ወድዮም ምንባሮም እዝክር። "ኢሂ ዝወደይ እንታይ ክሕግዞካ?" ሓቲቶምኒ፤ ብቛንቋ ኣምሓርኛ'ዩ። ኩሉ'ቲ ዝርዝር ነጊረዮም። ዋሕስ ከም ዘይብለይ እውን ኣረዲአዮም። "ወለደይ መምህራን'የም። ምናልባት ኣቦይ እውን ምዝሮም'ኹም ይኹኑ እዮም። ደሞዞም ከም እትፈልጥዎ 120 ብር እዩ። እዚ ኹሉ ተማሂረስ ብሰንኪ ዋሕስ ምስኣን፡ እቲ ኹሉ እተመሃርክዎ



ኣቶ ረዳኢእግዚእ ኣብ 1964 ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ እናተማህሩ፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ኮለጅ ንዝነበረ ናይ ሓመድ ጽርግያን ቀላይን ኣማዕድዮም እናረኣዩ ዝቐብእዋ

ብላሽ ኲይኑ ክተርፍ ነብሰይ ምግባር ስለ ዝኣበየኒ'የ፡ ምሳኹም ክማኸር መጺአ። ገለ ክግበር ዝከኣል ነገር እንተ ሃልዩ ክትሕግዙኒ" ኢለዮም፣ ገሪምዎም። ዝበረኺ ናይ ስራሕ ወኒ ርእዮም፡ ርእሶም እናንቕነቑ "ከማኻስ ክልተ ሰለስተ እንተ ዝርከቡ?" ኢሎም፡ ተሌፎን ኣልዒሎም ናብ ኣስመራ ናብ ሓላፊ ባንክ ኣቶ እምባየ ይፍጠር ደዊሎም፡ ብዛዕባ'ቲ ዝተዘራረብናዮ ብሓጺር ይገልጽሉ። "ናባኻ እሰዶ ኣለኹ፡ እቲ ዝርዝር ደሓር ክሕብረካ'የ" ይብልዎ። (ኣስመራ ንግዳዊ ባንክ፡ በቲ እዋን'ቲ ናይ ምሉእ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝብሃል ዝነበረ ባንክታት ላዕለዋይ ሓላፊ እዩ ነይሩ።)

ኣስመራ ምስ መጻእኩ፡ ምስ ኣቶ ተፈራ ደገፌ ተዘራሪቦም ስለ ዝጸንሑ፡ ኣቶ እምባየ ይፍጠር ብጽቡቕ ተቐቢሎምኒ። ልዕሊ ኹሉ ዘሐጎሰኒ ድማ፡ ንኹሉ'ቲ ዘውጻእክዎ ፕሮጀክት ልምዓት መካየዲ ዝኸውን ገንዘብ ብዘይ ዋሕስ ክልቃሕ ተፈቒዱለይ። ነቲ "ኣጆኻ ዝዓብለሎ" ሓገዝ ባንክ ድማ፡ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ተጓይየ።

- **ክንደይ እዩ ነይሩ እቲ ልቓሕ?**

360 ሽሕ ብር'ዩ። ሕሰብዎ፡ ሽዑ፡ ደርሆ 15 ሳንቲም፡ ሓደ ሽቓላይ ምሉእ መዓልቲ ሰሪሑ 15 ሳንቲም ዝኽፈለሉ ዝነበረ እዋን'ዩ ነይሩ።

- **ናብቲ ናይ ልምዓት ፕሮጀክትኹም ንስገር**

መረብ ስግር ኢልካ ኣብ ራማ፡ ካብ ሃለሉያ ገዳም ልዕሊ 500 ሄክታር መሬት ተኻርየ፡ ናብ ሰደድ ዘድሃበ ብኣውቶማቲክ ንብኡብቲ ማይ ዝሰቲ (Sprinkler Irrigation) ዘበናዊ ሕርሻ ጀሚረ። እቲ ፕሮጀክት ብንዋት፡ ብዓቕሚ ሰብ ይኹን ፍርያት ክዓቢ ግዜ ኣይወሰደሉን። ካብ ከተማ ራማ ክሳብ እቲ ግራት (ሓመዶ) ናይ 7 ኪሎ ሚተር ርሕቀት ነይርዎ። መስመር ተሌፎን ክዝርግሓለይ ብዝቐረብክዎ ጠለብ፡ ተፈቒዱለይን ተዘርጊሑን። ጸኒሑ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ክሰርሕ'ውን ሓቲተ፣ ተፈቒዱለይ። ኣብ ራማ 1200 ሜትሮ ዝንውሓቱ መዓርፎ ነፈርቲ ሰሪሐ። በቲ እዋን፡ ኣብ ኣስመራ ከም ታኽሲ ዝካረያ 15 ዝኹና ነኣሽቱ ነፈርቲ ነይረን።


- **ክንድ ምንታይ ኢኹም ሰደድ ትገብሩ ኔርኩም?**

ብሕልፊ ኣብ ናይ ክራማት ወቕቲ ናይ ኣውሮጳ፡ መዓልታዊ ካብ 2 ክሳዕ 5 ነፈርቲ ነፍሲ-ወከፈን ካብ 27 ክሳዕ 33 ቶን ኣሕምልትን ፍረታትን ዝጽዕና ነፈርቲ ካብ ኣስመራ ይብገሳ



*ኣቶ ረዳኢእግዚእ ምስ ሰራሕተኛታቶም - ኣብ ራማ ፋርም (ንሶም ኣብ ቅድሚት ኣለዉ፡ ኢዶም ኣብ ሽምጦም ሒዞም)*

ነይረን። እቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ካብ እተፈላለየ ክፍሊ ኤርትራን ካብ ራማን ዝፈረየ ነይሩ። እተን ነፈርቲ ምሉእ ጽዕነት ጽዒነን ካብ ኣስመራ መዓርፎ ነፈርቲ ከቢዱወን ምትንሳእ ከይስእና ተባሂሉ፡ ነዳዲ ከይመልኣ ካብ ኣስመራ ጅዳ ኸይደን፡ ነዳዲ መሊአን ናብ ኣምስተርዳም ይኸዳ ነይረን። ካብ ኣምስተርዳም ድማ እቲ ፍርያት ናብ እተፈላለየ ዓድታት ኣውሮጳ ይከፋፈል ነይሩ።





- **እንታይ ኢኹም ተፍርዩ ኔርኩም?**

ናብ ሰደድ ዘድሃበ እዩ ነይሩ። ከምኒ ብዓል “ቸሪ ቶሜቶ” (ጸብሒ ኣቡን)፡ “ስዊት ሜሎን” (ዱባ ዝመስል ምቁር ፍረ)፡ “ፍረንች ቢንስ” (ፋሶልያ)፡ “ፔፖሮኒ”፡ “ፖፖ” (ድቕቕ ዝበለ ዓይነት ፓፓዮ) ወዘተ. ነፍሪ ኔርና። ብወደብ ባጽዕ’ውን ጥሪትን ስምስምን ንሰደድ ንልእኽ ኔርና። ናይ ጥሪትን ስምስምን ቀንዲ ዕዳጋ ስዑዲ’ዩ ነይሩ። በቲ እዋንቲ ስዑዲ፡ ካብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ፡ ኤርትራ ኣብ ዓመት ካብ 6-7 ሚልዮን ጤለ-በጊዕ ይዕድጉ ነይሮም።

- ***መዓስ’ዩ ነይሩ እዚ ኹሉ? ብዝሒ ሰራሕተኛታት ክንደይ ነይሮም?***

ካብ 1966 ክሳዕ ደርጊ ዝመጸሉ 1974 መወዳእታ ኣቢሉ’ዩ። እቲ ፕሮጀክት 250 ሰራሕተኛታት ዝነበርዎ እዩ ነይሩ። እቲ ዛንታ ነዊሕ’ዩ። ሽዑ ኤርትራ ብሕርሻ ምዕብልቲ እያ ነይራ። ምስ ምምጻእ ደርጊ’ዩ ኹሉ ተዘናቢሉ።

- **ካብ ትካል ሕርሻ ራማ ናበይ ኣበልኩም?**

ሽዑ በቲ ዝነበርክዎ ኸባቢ፡ ተጋድሎ ሓርነት እዮም ነይሮም። ኣብ ኣድያቦ፡ ባድመ (ባዱማ) ኣብ 1960ታት ሕርሻዊ መጽናዕቲ እገብር ስለ ዝነበርኩ፡ ከምኡ’ውን ብምድሪ ናይ ሽዑ ‘ሰራየ’ እመሓላለፍ ስለ ዝነበርኩ፡ ምስ ተጋደልቲ ሓርነት ብቐጻሊ እራኸብ ነይረ እየ። ኣብ ራማ ድማ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ስለ ዝነበሩኒ፡ ነቶም ዝቘሰሉን ዝተወግኡን ተጋደልቲ፡ ሰራሕተኛታት ትካል ራም ፋርም ኣምሲልና፡ ንሕክምና ናብ ኣስመራ ንሰዶም ኔርና። ኣብ ኣስመራ ድማ ነብሱ ይምሓር ዶክተር ክብረኣብ ፍረ ይሕግዘና ነይሩ። እዚ ሓቂ ኣብ ታሪኽ ህይወት ዶክተር ክብረኣብ ክምዝገብ ዘሎዎ እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን’ዩ ዓሪፉ። እዚ ኣብ ታሪኽ ህይወቱ ክንበብ ዝነበሮ እዩ፣ ኣይተነበን ግና። ዓብዩ ሓዉ ንዶክተር ክብረኣብ ፍረ (ኣቶ ሃብትኣብ ፍረ) እውን ኣብ ንገብሮ ዝነበርና ምንቅስቓስ፡ ጽሑፋት ብምድላው ይተሓባበረና ነይሩ።

ኣብ ርእሲኡ ልኡል ራእሲ መንገሻ፡ ወዲ ራእሲ ስዩም፡ ወዲ ወዶም ንሃጸይ ዮሃንስ፡ ኣማሓዳሪ ናይ ትግራይ እዮም ነይሮም። ጻዕራምን ደላይ ልምዓትን’ዮም ነይሮም። ሽዑ ኣነ ኣባል መሰራትን ዳይረክተር ናይ ትግራይ ልምዓት ድርጅት (ትልድ) እየ ነይረ።

ኣብ 1963 ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ ከለኹ፡ ኣብ መደባት ምግራብ ክንተሓባበሮም ክሓቱ ምስ መጹ ኢና ተላሊና። ሽዑ ኣነ፡ መሰራትን ኣቦ-መንበርን ማሕበር ምግራብ ኮለጅ ሕርሻ ኣለማያ ስለ ዝነበርኩ፡ ምስ ብጾተይ ኰይነ፡ ኣብ መደባት ምግራብ ትግራይን ምምስራት መደበር ፈልስታት ኣግራብ ዘድሊ ምትሕግጋዝ ገይርናሎም። ሽዑ እዩ ድማ ልኡል ራስ መንገሻ ምሳይ ስራሕ ኢሎም ዝሓተቱኒ።

ኣነ ድማ ንሚኒስተር ኮማዊ ዕብየት (Ministry of Community Developmnet) ኣብ ኮለጅና መጺኦም ምስኦም ክሰርሕ ሓቲቶምንስ፡ ኣነ’ውን ሕራይ ኢለዮም ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ትግራይ ምኻድ ከጸግመኒ ምኽኣኑ፡ ንልኡል ራስ መንገሻ ነጊረዮም።

ድሕሪኡ ኣብ ኣዋሳ መምህር ኰይነ እናሰራሕኩ፡ ዓመት ከይመላእኩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጃንሆይ፡ ባጀትካ ናብ ትግራይ ተሰጋጊሩ ስለ ዘሎ፡ ኣብኡ ኼድካ መደብ ስራሕካ ክትፈልጥ ዝብል ደብዳቤ መጺኡኒ። ራእሲ መንገሻ ናብ ጃንሆይ ከይዶም ዘፍቀድዎ ምኻኑ ተረዲአ። ሽዑ ናብ ትግራይ ከይደ፡ ዳይረክተር ልምዓት ትግራይ ኰይነ ክሰርሕ ጀሚረ። ልኡል ራእሲ መንገሻ ኣብ ግብራዊ ልምዓት ዝንባለን ወነን ስለ ዝነበሮም፡ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድና ነይሩና።

- **ድሕሪኡኸ?**

ሽዑ ደርግ ይመጽእ፣ ንብዙሓት ይቐትል፣ ራእሲ መንገሻ’ውን ዘይተርፎም እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ራእሲ መንገሻ ኣኽብሮት ስለ ዝነበረኒ፡ ካብ ሓደጋ ናይ ደርግ ንምድሓን፡ ብለይቲ ብመኪና ካብ መቐለ ናብ ዓድና ኣማድር (ኦማድር) ጽልማ ወሲደዮም። ሽዑ ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኣብቲ ኸባቢ ስለ ዝነበሩ፡ ናብ ሱዳን ከብጽሕዎም ተረዳዲእና፤ ኣብጺሑምዎም ድማ። ድሕሪኡ ደርግ

ነዚ ፈሊጥዎ፡ ሽዑ “ንረዳኢእግዚእ ሒዝኩም ኣምጽእዎ” ዝብል መልእኽቲ ዝነበሩ፡ ብቐይሕ ቀለም ዝተጻሕፈት ደብዳበ ናብ ራማ ትመጽእ። ምስ ፖሊስን ኣመሓደርቲ እቲ ኸባብን ጽቡቕ ዝምድና ስለ ዝነበረኒ፡ ብፍቓድ ፈጣሪ ንኽምልጥ ዕድል ረኺበ። ናብ ዓድና ኣማድር ድማ ኸይደ። ኣብኡ ድማ ምስ ተ.ሓ.ኤ ተጸንቢረ።

- **ንቓጽል**

ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት፡ ኣብ ጽቡቕ ግዜ መጺእካና ኢሎም ብጽቡቕ ተቐቢሎምኒ። ኣብቲ እዋን ኣብ ሞንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ግርጭት ነይሩ እዩ። ናይ ሰላም መልእኽተኛ ብምኳን ምስ ህዝባዊ ግንባር ክተራኽበና ይብሉኒ። ቅድሚኡ ብዙሕ ናይ ሰላም ርክባት ተኻፊዱ ነይሩ’ዩ። መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ግና ቃሎም ክሒዶም፡ ኣብ ክንዲ ናይ ሰላም ጉዳይ ዝገብሩ፡ ነቶም ንዘርርብ ሰላም ኢሎም መጺኦም ዝነበሩ ልኡኻት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣገሪሆም፡ ኣዕሪፎም ደቂሶም ከለዉ ብቓጻ ቀቲሎምዎም። ተጋዳላይ ሳልሕ ጠጠው ብሓደጋ ዝተሰውኣሉ ኣጋጣሚ’ዩ ነይሩ። ብሰንኩ ሓያለ ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኣንጻር መሪሕነቶም ደው ኢሎም። ንሳቶም ሽዑ፡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ኬድካ፡ ‘በቲ ዘጋጠመ ኩነታት ኣዝዩና ጉሁያት ምኳናን ሰላም ከም እንደልን ኣረድኣልና። ብኣካል ክንራኸብ ከም እንደሊ ግለጸልና’ ኢሎም ይልእኩኒ።

ሽዑ እዋን፡ ሰደት፡ ደርቅን ውግእን ኩሉ ተደማሚሩ ብሕልፊ ነዴታትን ሕጻናትን ኣዝዩ ጽንኩር ግዜ እዩ ነይሩ። ነቲ ሓሳብ ተቐቢለዮ፣ ግዳ ኣብ ክንዲ በይና ነታ ናይ ሰላም መልእኽቲ ጥራይ ሒዘ ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝኸይድ፡ ንኽልቲኣን ውድባት ከም ናይ ሰላም ድንድል ኰይና እተገልግል ማሕበር ረድኤት ኤርትራ (ኢ.ራ) ክነቑውም ሓሳብ ኣቕሪበኩሎም። እቲ ሓሳብ ብወገን ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ተቐባልነት ረኸበ። ድሕሪኡ፡ ነዛ ክልተ መልእኽቲ ሒዘ ናብቲ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ዝነበርዎ ከባቢ እምባደርሆ ተበገስኩ። ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት፡ ካብ ኣማድር ክሳዕ ከባቢ እምባደርሆ ኣፋንዮምኒ። በይነይ ናብ እምባደርሆ ኣትየ። ኣብኡ ብዓል ዓብደላ ሙሳ (ኣምባሳደር)፡ ግርማይ ገብረመስቀልን ካልኦትን ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባርጸኒሖምኒ። ንኽልቲኡ መልእኽተይ ኣብጺሐ። ክልቲኡ ሓሳባት ብህዝባዊ ግንባር ተቐባልነት ከም ዘሎዎ ገለጹለይ። ብጽሑፍ ዝተሰነየ መልሰን ዕድመን ህዝባዊ ግንባርን ሒዘ ድማ ናብ ተጋደልቲ ሓርነት ተመሊሰ። ንሳቶም እውን እወታዊ ግብረ-መልሲ ሒዘ ብምምላሰይ ብታሕጓስ ተቐቢሎምኒ። ናብ እምባደርሆ ዝኸዱ ወከልቲ ብምምራጽ፡ ዳግማይ ወከልቲ ተጋድሎ ሓርነት ሒዘ ናብ ህዝባዊ ግንባር ናብ እምባደርሆ ተመሊሰ።

ወከልቲ ክልቲኦም ውድባት ተራኺቦም፡ ዘትዮም፡ ተረዳዲኦም። ድሕሪኡ እቶም ተጋደልቲ ሓርነት ናብ ቦታኦም ተመሊሶም። ኣነ ተሪፈ። ምስ ተጋዳላይ ብጻይ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ኣብ ርእሲ ዓዲ ተራኺብና፣ ብዛዕባ ኩነታት ዕርቅን ብዛዕባ ናይ ሓባር ሰብኣዊ ሓገዝን ኣዕሊልናን ተረዳዲእናን።

ኣብቲ ሽዑ እዋን ደርግ ካብ ኣስመራ ነቒሉ ናብ ዝተፈላለየ ሸነኽ ውግእ ከፊተ። ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ሕጽረት ጠያይቲ ስለ ዝነበረ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ምውጋእ ብዝብል፡ ኣእዱግ ጽዒኑ ጠያይቲ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ለኣኸ። ካብቲ ኹሉ ዘሐጎሰኒ ድማ ንሱ’ዩ ነይሩ።

- **ኣብ ጉዳይ ኢ.ራ ንቓጽል?**


ኢ.ራ ክትምስረት ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ’ኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ግና ዘይጸረየ ነገራት ስለ ዝነበረ፡ ክንዲ ምሉእ ብምሉእ ተቐባልነት ዝረክብ፡ ብ1975 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ማሕበር ረድኤት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ኮኾብን ብዝብል ሽም ካልእ ማሕበር ረድኤት ክምስረት ተወሰኑ። ን ‘ኢ.ራ’ ይነጽግዋ ማለት’ዩ። ሽዑ ኢ.ራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ኰይና ተመስሪታ ስራሓ ጀሚራ። እታ ቐይሕ መስቀልን ቀይሕ ኮኾብን ድማ ኣይቀጸለትን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ባዕላ እታ ውድብ’ውን መሃኒና ጠፊኡ።

ኣብቲ እዋን፡ እቲ ቐንዲ ሸግር ኣብ ኣዴታትን ኣብ ሕጻናትን ስለ ዝነበረ እዩ። ኣብ ደገ ኼንና ሓገዝ ንእክብ ኔርና። ናይ ፈለማ ሓገዝ ድማ ካብ ኖርወይ ድሕሪኡ ድማ ካብ ስዊድን ኢና ረኺብና። ኤርትራውያንን ዘይኤርትራውያንን ድማ ይሕግዙና ነይሮም።

- **ድሕሪኡኸ ናበይ ኣብልኩም?**

ኖርወጃውያን፡ ድሕሪ ውግእ ሓድሕድ ሱዳን (ሰሜንን ደቡብን ሱዳን) ነቲ ኣብ ደቡብ ሱዳን ብውግእ ዝዓነወ ዓድታት ዳግመ ህንጸት ይገብሩ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብኡ መጺአ ክትሓጋገዞም ዓዲሞምኒ። ብወገነይ ድማ ኖርወይ ንኢ.ራ ዝጀመረቶ ሰብኣውን ልምዓታውን ሓገዝ ብዘለዓለ ክትቕጽሎ እደሊ ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ደቡብ ሱዳን ከይደ። ንገለ ኣርባዕተ ዓመታት ምስቶም ኖርወጃውያን ጸኒሐ።

ኣብ 1980 ድማ ናብ ኬንያ ኸይደ። ኣብ ኬንያ’ውን ብመገዲ ትካላይ (ሬድ ሲ ስታር) ኣቢለ ምስ ኖርወጃውያንን ትካላት ረድኤት ሕቡራት ሃገራትን ምትሕብባር ቀጺለ። ዝበዝሐ ስራሕና ድማ ካብ ኬንያን ወጻእን ናይ ህጹጽ ረድኤትን



ልምዓታዊ መደባትን ዘድሊ ቀረብ ብምድላው ናብ ደቡብ ሱዳን ምልኣኽ እዩ ነይሩ። እንተኸነ ብ1988 መዓልቲ ናጽነት ናይ ኬንያ ንምጽንባል፡ መንግስቲ ኬንያ ንመንግስቱን ካልኦት መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ዓዲሞም ስለ ዝነበሩ፡ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኬንያ፡ 'ረዳኢእግዚእ ካብ ኬንያ ክይወጽ፡ መንግስቱ ናብ ኬንያ ኣይክመጽእን'ዩ' ኢሉ ጸቒጢ ስለ ዝገበረ፡ ካብ ኬንያ ተሰጕጊ ናብ ዩጋንዳ ኸይደ።

**እንታይ እዩ ነይሩ እቲ ምኽንያት?**

'ረዳኢእግዚእ ናይ ውልቁ ዘይኮነ ናይ ሻዕብያ ስራሕ እዩ ዘተግብር ዘሎ' ብዝብል'ዩ። ኣብ ጅቡቲን ካልኦት ሃገራትን'ውን ተመሳሳሊ ብድሆታት ይገጥመኒ ነይሩ'ዩ።

**"ኤርትራ፡ እንታይ እያ እትብል?" ዝብል ጽሑፍ ርኢናልኩም ኣሎና። እንታይ ኢኹም ክትብሉ ደሊኹም ብዛዕባ ኤርትራ?**

ካብ 1975 ኣትሒዘ 'ኤርትራ፡ ሓራ ምስ ወጸት፡ እንታይ ቀሪብናላ ኣሎና?' ካብ ዝብል ሕቶ እተበገሰ'ዩ ነይሩ። ኩሉ ምንቅስቓስና ምስ ዓዲ ምትእስሳር ስለ ዝነበሮ፡ ሎምን ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን፡ "ኤርትራ እንታይ እያ?" ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ ነይሩ። ስለዚ፡ 'ዕላል ምስ ኤርትራ'ን 'ኤርትራ እንታይ ትብል'ን ብዝብል ኣርእስቲ ልምዓት መጻኢት ኤርትራ ዘትንቢ ልምዓታዊ ንድፊን መግለጺታትን ክጽሕፍ ጀመርኩ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ብዛዕባ መጻኢት ኤርትራ ልምዓታዊ ዕድል እንታይ ከም ዝኾነ ንዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ትካላት ነሪድእን ዝምድና ንፈጥርን ኔርና። እዚ ኣብዚ ግዝይ ትርእዩዎ ዘለኹም ሰነዳት ድማ ካብኡ ዝነቀል'ዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ 1982 ኣብ ኬንያ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ንመጻኢት ኤርትራ ዝምልከት ልምዓታዊ ውዕል ምስ ቻይና (China-Eritrea bonded warehouse) ተፈራሪመ። ዕላማኡ ድማ ንመጻኢት ኤርትራ ኣህጉራዊ መኽዘን ምግብን ነዳድን ንምግባር'ዩ ነይሩ። ሽዑ ዱባይ ከምዚ ናይ ሎሚ ገና ኣብ ደረጃ ምዕባለ ኣይበጽሐን ነይሩ።

- **ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሕርሻ ዝገበርኩምዎ ስርሓት**

ካብ 1994፡ ኣብ መፍረ ጤለ-በጊዕ፡ ሰገናት፡ ማናቲለ፡ ኢራብ ወዘተ. ጀማሚረ ነይረ። ከምኡ'ውን ኣብ ኣብነታዊ ሕሩም ሕዛእቲ መንጕዳን ማይ ኖህን ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኰረ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣካይደ ኣለኹ።

- **ካብ ተመኩሮኹም፡ ኣብ ሕርሻዊ ስራሓት ወሳኒ ነገር እንታይ እዩ ትብሉ?**

ምዕቃብ ማይን ሓመድን!

- **ምዕቃብ ማይን ሓመድን ስለ ምንታይ እዩ ኣመና ኣገዳሲ ዝኾነ?**

ጉዳይ ህላወ፡ ጉዳይ ናብራ፡ ጉዳይ ህይወት ስለዝኾነ እዩ። ብዘይ ማይ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፤ ብዘይ ሓመድ ከኣ ብቐሊሉ ክነፍሪ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ቀዳማይ ሓላፍነትናን ስራሕናን'ዩ ክኸውን ዝግብኦ።

ኤርትራ ዓድና ብሩባታት፡ ኣፍላጋት፡ ስግረ-ዶብ ማያት ሃብታም ኣይኮነትን። እቲ ቐንዲ ምንጪ ማይና ዝናብ'ዩ። ዝናብና ድማ ተለዋዋጣይን ሃንደበታውን እዩ። ቀደም ብዙሕ ጫካ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ሸፋን መሬት ነቲ ሃንደበታዊ ዝናብ ብምህዳእ፡ እቲ ማይ ኣብ መሬት ክሰርጽን ክዕቀብን ይገብር ነይሩ። ጎቦታትና ድማ ከም ጋብላ ኰይኖም ዝዓቑርዎ ማይ፡ ንዓይኒ ማያትና ምሉእ ዓመት ከም ዘውሕዛ ይገብረን ነይሩ። ሎሚ ግና ብሰንኪ ምብራስ ኣግራብ፡ ነቲ ሃንደበታዊ ማይ ዝናብና ዘህድኦ ሸፋን መሬት ስለ ዘየለ፡ ከምቲ ናይ ቀደም ኣብ ጋብላ ጎቦታትና ዝዕቑር ማይ ኣዝዩ ውሑድ ኰይኑ። በዚ ምኽንያት ድማ ዓይኒ ማያትና እናነጸፉ ይኸዳ ኣለዋ።

ስእነት ማይ እቲ ዝዓበየ ሓደጋ እዩ። ምስ ዘሎ ዓለማዊ ተለዋዋጣይ ኩነታት ኣየር፡ ሓንቲ ኽረምቲ ከም ገለ ኢላ እንተ ጠፊኣትና፡ ከመይ ዝበለ ሓደጋ ክጋጥመና ይኽእል ምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ኽፋል ኤርትራ ኼድካ፡ "ብዘበን ወለድኹም፡ ብዘበን ንእስነትኩም ዝነበራ ዓይኒ ማያት ኣለዋዶ?" ኢልካ እንተ ሓቲትካ፡ "የለዋን" እዩ እቲ መልሲ። እንተ'ለዋ ድማ ክልተ ሰለስተ ወርሒ እየን እንተ ጸንሓ። እዚ፡ ኣብ ምንታይ ሓደጋ ከም ዘሎና ይሕብረና እዩ። ስለዚ ኢና ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንህላወና ወሳኒ እዩ ንብል ዘሎና።


- **ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዕዉት ስራሕ ክንዓምም እንታይ ኢና ክንገብር ዘሎና?**

ፈለማ ነቲ ባህርያዊ ኩነታት ክነጽንዖ ኣሎና። ነቲ ሓመድን ማይን ዝቈጻጸረልና ዝነበረ፡ ተኽሊ ሸፋን መሬት'ዩ። እዚ ተኽሊ ሸፋን መሬት በብቑሩብ ንዕንጸይቲ እናብረሰናዮ ክንመጽእ ስለ ዝጸናሕና፡ ነቲ ሃንደበታዊ ዝናብና ዘህድኦ ስለ ዝሰኣነ፡ እቲ ማይ ክንዲ ናብ ውሽጢ ባይታ ዝሰርጽ፡ ፍግረ-መሬት ብምፍጣር ውሒጅ ኰይኑ ክኸይድ ጸኒሑ ኣሎ። ብሰንኩ ድማ እቲ ጋብላ እንብሎ ጎቦታትና ማይ ኣይዓቍርን ዘሎ። ስለዚ፡ ማይናን ሓመድናን ክዕቀብ፡ ናይ ግድን ሸፋን ትኻል መሬት ክምዕብል ወይ ድማ ስርዓት ሕዛእቲ (ሕጊ እንዳ ኣባና) ክኽበር ናይ ግድን ይኸውን።

- **ብወገንኩም፡ ጠንቅን ሳዕቤንን ምብራስ ኣግራብ እንታይ እዩ ትብሉ? መፍትሕኡኸ?**

ኣብ ርእሲ'ቲ ቀደም ንህድሞ ምስራሕ ዝቖረጽ ዝነበረ ኣግራብ፡ እቲ ንናብራናን ንውራይናን ኢልና እነህልኾ ዕንጨይቲ፡ እቲ ቐንዲ ጠንቂ ምብራስ ኣግራብን ቋጥቋጥን እዩ። ኣግራብ ምቝራጽ ክቋረጽ ኣማራጺ ጸዓት መተካእታ ክቐረብ ናይ ግድን ይኸውን። መተካእታ ከይቀረብካ፡ ምብራስ ኣግራብ ክቋረጽ ኣዝዩ ኣጸጋሚ'ዩ። እዚ ንምስንካትን ጸብሒ ምብሳልን ዕንጸይቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ንቡን መፍልሒ ዝሃልኽ ፈሓም ክንደይ ምንታይ ድዩ? ሳዕቤኑ ድማ ጠሊ መሬትና ኣህሊፉን ፍግረ-መሬት ፈጢሩን፡ ናይ ኣከባቢና ዋዕን ደርቅን ከም ዘውሰኽ ምግባር

እዩ። ኣብ እተናውሐ እዋን'ውን ንተኽሊ ሸፋን መሬትናን ንኻልኦት መነባብሮናን ምስ ብዙሕነት ፍጥረታት ብነድሪ ኣቃጺሉ ንኽፈልሱ ምቅላዕ'ዩ።



- **መፍትሒኡኸ?**

ናይ ግድን ፍሉይን ህጹጽን ኣተሓሳስባ የድልየና'ዩ። ቀዲመ'ውን ከም ዝገለጽክዎ፡ እቲ ንናብራን ውራይናን እንጥቀመሉ ዕንጸይቲ ብኣማራጺ ጸዓት ክትካእ ኣሎዎ። ጎኒ ጎኑ ድማ ሕጊ ሕዛእቲ ዳግማይ ከነተግብር ናይ ግድን እዩ። ንጥፈታት ምግራብን ክንክን ኣግራብን ድማ ከም ባህሊ ክሰርጽ ኣሎዎ።

መተካእታ ጸዓት ክንብል ከሎና ድማ ካብ ጸሓይ፡ ካብ ንፋስ፡ ካብ ማዕበል ናይ ባሕሪ፡ ካብ መዓሙቕ (ትሕተ-ባይታ) ዝወጽእ ሃፋታት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኤርትራ ድማ ብባህርያዊ ጸጋታት እተኸበት'ያ። ብመንግስቲ ዝተታሕዙ ዓበይቲ መደባት ከም ዘለዉ እፈልጥ'የ። ክቀላጠፉ ከም ዘለዎም ጥራይ እየ ክዘኻኽር ዝደሊ። ባህርያዊ መተካእታ ጸዓት ንምትእትታው ብዕቱብ እንተ ተሰሪሕሉ መሰረታዊ ፍታሕ'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ንዓና፡ ምብራስ ኣግራብ ማለት ንእንስትዮን ንልምዓት እነውዕሎን ማይ ምስኣን ማለት እዩ።

ዓለም ብዛዕባ ብከላ ኣየር፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ መተካእታ ጸዓት እዩ ዘሎ ቀንዲ ኣጀንዳኣ። እዚ ኣርእስቲ ንዓና'ውን ኣገዳሲ ኾይኑ፡ ኣብዚ እዋን ግና ከምቲ ቀዲምና ዝበልናዮ፡ ምዕቃብ ማይና እዩ ቀንዲ ኣርእስቲ ጉዳይና ክኸውን ዘሎዎ፣ ማይና ዋሕስ ህላወና ስለ ዝኾነ።

- **ማይ ከይጠፍኣና ካልእ ኣብ ኢድና ዘሎ ኣማራጺኸ ኣሎዶ?**

ኣሎን ፈረቓን! እኳ ደኣ ዝቐለለ፡ ዝሓሰረ፡ ዝሓጸረን ዝቐልጠፈን። ሕሩም ሕዛእትታት ምትግባር እዩ። ጎቦታትና ኣፍ ኣውጺኦን "ሕዝኡኒ ክዕንግለኩም" እየን ዝብላና ዘለዋ። ሕዛእቲ ንሸፋን ተኽሊ መሬት ገንዘብና ከየውጻእና፡ ጉልበትና ከይወፈና፡ ከይደኳዕና፡ ማይ ከየስተና ፍጥረት ባዕሉ ብባዕሉ ብምትካእ ኣብ ሓጺር እዋን ለውጢ ከምጽኣልና ዝኽእል ኣገባብ'ዩ።

- **ዝያዳ መብርሂ ክትህቡና**

ንፍጥረት ብፍጥረታዊ መገዲ ንኽትካእ ዕድል ትህቦ። ወለድና ለባማትን መስተውዓልትን'ዮም ነይሮም። ሕጊ ሕሩም ሕዛእቲ ኣጽኒሖምልና'ዮም። ንኣብነት፦ 40 ዓመት ንዝዕድሚኡ ገረብ ብፍርቂ ሰዓት ክተጥፍኦ ትኽእል ኢኻ፡ ብፍርቂ ሰዓት ግና ኣይትትክኦን ኢኻ። እቲ ዝዓበየ ጸገምና ኾይኑ ዘሎ፡ እቲ እንተኽሎን እነብርሶን ይመጣጠን ስለ ዘየለ እዩ። እቲ እነብርሶ ዝበዝሐ'ዩ። እቲ ምብራስ እንተ ዛዩዱ ድማ ናብ ምድረ-በዳነት ገጹ'ዩ ዝወስደካ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ማይ ምውሓድ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ጠቕሊልካ ምስኣን እውን ከጋጥም ይኽእል። ኩሉ ዝተኣሳሰረ እዩ፣ ማይ እንተ ተሳኢኑ ኸኣ ብርሰትን ፍልሰትን'ዩ ዝስዕብ። ናይዚ ኹሉ ፈውስን ዝቐለለን ድማ ኣገባብ ሕሩም ሕዛእቲ ምትእትታው እዩ።

- **ናይ መንጉዳ ተመኩሮኹም ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን**

ኣብነታዊ ሕሩም ሕዛእቲ ጎቦ መንጉዳ፡ ንጎቦታትና ከም መሰረት ህላወና ዝትርጉም፡ ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሸከቲ ብምምእካል፡ ንመንእሰያት (ወረስትና) ብዛዕባ ጥቕምታት ጎቦታትናን ስነ-ፍጥረታዊ ብዙሕነትን እወንታዊ ኣረኣእያ ከማዕብሉ ንምድራኽ ዝዓለመ መደብ እዩ ከምኡ'ውን "ሸፋን ተኽሊ መሬት" ኣብ ምህዳእ ሃንደበታዊ ዝናብን ምዕቃብ ማይን ማለት ህይወትና፡ ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ዘለዎ ዓብዪ ተራ ብግብሪ ዘዘኻኽር መደብ ሕዛእቲ እዩ። ጎቦ መንጉዳ ካብቶም ቀንዲ ጋብላታትና ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ነቲ ኣብነታዊ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ነተግብረሉ ዘሎና።

ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ኻልኦት ተመራመርትን፡ ንዲግሪኦም ዝኸውን ኣርእስትታት መሪጾም፡ ዝርዝር መጽናዕቲ ዝገብርሉ ሕሩም ሕዛእቲ እውን'ዩ።

ከም መቐጸልታ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ድማ ካብ ጎቦ መንጉዳን ካብ ካልእን ሓሊፉ ዝመጽእ ውሕጅን ድበትን ኣብ ጎላጉል ማይ ኖህ፡ መጠነ ንኡስ ሰንሰለታዊ ከትርታት እናገበርና፡ ነቲ ማይን ሓመድን ንዕቅቦ። ውሕጅ ክመጽእ ኸሎ፡ እቲ ቐዳማይ ከትሪ ነቲ ማይ ይዓግቶ። ብብዝሒ መጺኡ ነቲ ቐዳማይ መሊኡ እንተ ሓለፈ፡ ካልኣይ ከትሪ ድማ ይዓግቶ፤ እቲ ኻልኣይ'ውን መሊኡ እንተ ሓሊፉ ሳልሳይ ከትሪ ድማ ኣሎ። እዚ ሰንሰለታዊ መጠነ-ንኡስ ከትርታት ነቲ ውሕጅ ናይ ምህዳእ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ድበት በብደረጃኡ ኣብ ቀዳማይ፡ ካልኣይ፡ ሳልሳይ ከትርታት ከም ዝረግእ ይገብሮ።

ክገርመኩም፡ ኣብ መንጉዳ ሰለስተ ዓመት (2021-23) ውሕጅ ኣይወረደን። እንተኾነ ግና ኣብቲ ጎቦን ኣብቲ ጎላጉልን ትሕተ ባይታዊ ማይ ዓቍሩ ስለ ዘሎን ሕጂ'ውን ይዕቀብ ስለ ዘሎን፡ እተን ሰንሰለታዊ መጠነ ንኡስ ከትርታት ካብ ታሕቲ ባይታ መሊኡ እቲ ማይ ንላዕሊ ነቲዑስ እተን ከትርታት ማይ ዓቚረን ይርከባ። እዚ ድማ ንሕርሻን ንኻልእ ናብራን ንምሉእ ዓመት ከገልግል ዝኽእል መጠን ማይ ኣብ ዓድና ከም ዘሎ ኣብነታዊ ህያው ምስክር እዩ።



- **ኣብ መንጉዳ ብተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝተኻየዱ ወይ ዝካየዱ መጽናዕታት ክትሕብሩና**

ዛጊት ኣብ ዓይነታት ተኽሊ፡ ሓሸራ፡ ኣዕዋፍ፡ እንስሳታት ዘገዳም፡ ትሕዝቶን ዓይነትን ሓመድ ወዘተ. ተኻይዶም ኣለዉ። ቀዳሕ መጽናዕቶም'ውን ይሓድጉልና እዮም። ሕጂ'ውን እተፈላለዩ መጽናዕትታት ብመንእሰያት ተመሃሮ ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ኩሉ ዝካየድ መጽናዕትታት ንሓዋሩ ኣብቲ ዝሰራሕ ዘሎ "ኣንፊ ትያትር" ሰነድ (ዳታ) ክዕቀብ እዩ።

- **ኣብ ማይ ኖህከ እንታይ ዓይነት ስርሓት ኢኹም ተካይዱ ዘለኹም?**

ኣብ ርእሲ'ቲ ማይን ሓመድን ምዕቃብ፡ በቲ ዝዓቀብናዮ ማይ ዝያዳ ጥቕሚ ዘሎዎም ዓይነታት ሕርሻ ምክያድ እቲ ቐንዲ ዕላማ እዩ። ኣብ ሓጋይን ክረምትን እነፍርዮም ዓይነት ኣትክልትን እንስሳታትን እንታይ ም'ኳኖም ድማ ኣብ መጽናዕቲ ንርከብ። እቲ ቐንዲ ዕላማ ግና፡ **'ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ፣ ንሕጽሪ ናብ ንውሒ፣ ንጽበት ናብ ግፍሒ'** ብዝብል፡ መምርሒ ስራሕና ተኸቲልና፡ ነቲ ማይ ንሓደ ነገር ጥራይ ዘይኮነ እተዓጻጸፈ ጥቕሚ ወይ እቶት ዘሎዎ ሕርሻ ምክያድ እዩ። ንኣብነት፦ ነቲ ማይ መጀመርታ ዓሳ ነፍርየሉ፣ ዓሳ እናፍረና ድማ ነቲ ማይ ክንቀያይሮ ኸሎና ነቲ ዓሳ ዝፈረየሉ ማይ ተኽሊ ነፍርየሉ። እቲ ማይ ድማ እተደኰዐ ስለ ዝኾነ፡ ዝያዳ ፍርያት ዝህብ ይኸውን። ቀጺሉ፡ እቲ እነፍርዮ ዓይነት ተኽሊ ድማ ንኣብነት ዕምባባ መዓር ዘሎዎ ተኽሊ ከም ኣድሪ፡ ኣበሱዳ ወዘተ. ነፍሪ። እዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ዓሳ ምፍራይ፡ ዘርእታት ኣበሱዳ፡ ኣድሪ ወዘተ. እናፍረና ኸሎና መዓር ድማ ነፍሪ። ራብዓይ'ውን ነቲ ኣበሱዳ ወይ ድማ ኣድሪ ጸሚቕና ዘይቲ ነውጽኣሉ። ዘይቲ ኣብ ርእሲ ምርካብና፡ ነቲ ተረፍ ጽማቕ "ቅሜ ዘይቲ" (ግለት) ንምግቢ እንስሳ ነውዕሎ። እዚ ምስ'ቲ ***ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ*** እንብሎ መምርሒ ብግብሪ የዛምደና። ብተወሳኺ፡ ኣብ ማይ ኖህ ኣብነታዊ ሕርሻ ስራሕና ከም መምርሒ ጌርና ንወስደን ኣርእስትታት ***ንዕዙብ፤ ንሓትት፤ ንመራመር፤ ንግምግም ነረጋግጽ፤ ነርኢ*** ዝብላ'የን። ስለዚ፡ ኣብ መንጉዳን ማይ ኖህን እነካይዶ ዘሎና ሕርሻዊ ስርሓት ከም ህያውን ግብራውን ቤተ ንባብ ገይሩ ክርእየን እሞ፡ ኩሉ ሕብረተሰብ ብሕልፊ ድማ ተመሃሮ፡ ሓረስቶት፡ ተመራመርቲ ሕርሻ ከምኡ ክገብሩ ዘበራብር መደብ እዩ።

- **ሕዛእቲ ካብቲ ብወፈራ ዝካየድ ምዝላይ ብልጫ ኣለዎዶ ትብሉ?**

እወ። ም'ኽንያቱ፡ እቲ ብሰብ ዝግበር ምዝላይ ክእለትን ጥበብን ይሓትት እዩ። ንጎቦ ኰዒትካ ወይ ሓመዱ ኣንቀሳቒስካ መገዲ ውሕጅ ክትፈጥር ት'ኽእል ኢ'ኻ። እዚ ኹሉ ዓቕሚ ሰብን ገንዘብን ኣዋፊርካ፡ እቲ ሓመድ ዘይዕቀብ እንተ 'ኾይኑ፡ ተኽሊ እንደገና ክበቍል ዕድል ዘይወሃቦ እንተ 'ኾይኑ፡ መላጥ ኰይኑ'ዩ ዝተርፍ። እዛ ሕዛእቲ ምግባር ግና ባዕላ'ያ ነብሳ እት'ኽእል። ገንዘብ ኣይትሓትት፣ ጉልበት ኣይትሓትት፣ ማይ ኣስትዩኒ ኣይትብል፣ ደኰዑኒ ኣይትብል። ንሳ፡ ፍቓዱለይ ጥራይ፡ ነብሰይ ብነብሰይ ከመሓድር፤ ኣይትተንከፉኒ፡ ግና'ኸ ሳዕሪ ምስ ኣብቈልኩ



ዓጺድኩም ንጥሪትኩም ምመገብኩም፡ ጻባን ስጋን ምተመገብኩም፡ ኣታ'ኽልተይ ምስ ዓምበቡ፡ መዓርኩም ትወስዱ፤ ኣግራብይ ምስ ፈረዩ ከም ብዓል ምልያ፡ ዓየ፡ ጋባ፡ ሳግላ፡ ዳዕሮ ወዘተ. ትምገቡኒ፤ ኣግራብይ ጨናፍር ምስ ኣውጽኡ ኣብ ትሕተይ ተጽልሉ ወዘተ. ፍቓዱለይ ጥራይ፡ ኣይትተንከፉኒ፡ ኣነ ድማ ክዕንግለኩም'የ እዩ መልእ'ኽታ።

- **ጉዳይ ምዝላይከ?**

ብርግጽ ምዝላይ ዘድልዮ ጎቦታት፡ ኩርባታትን ግራት ሕርሻን ኣሎ። ንሱ'ውን ብጥበብን ብ'ኽእለትን። ኣብ ዘበዝሐ ግና ንጎቦታትና ዘይንሰምዖም ኴንና እምበር፡ ኣዕርፉና፡ ንዘብረስኩምዎ ባዕልና ብባዕልና ክንትክእ እዮም ዝብሉና ዘለዉ።

- **ናብ ጉዳይ እንስሳታት ዘገዳም ንስገር**

ብዓይኒ ኤኮ-ቱሪዝም እንተ ርኢናዮ፡ ኣብ ዓለም ሚልዮናት ዶላራት እቶት ዝሕፈሶ እና'ኹነ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ኣብ ዓድና፡ ንእንስሳታት ዘገዳም ተባሂሉ ብፍሉይ እተሓዝአ ጎቦታት ከም ዝህልወና እንተ ጌርናን ብመደብ እንተ ሰሪሕናሉን ኣታዊታት ናይ ምርካብ ሰፊሕ ዕድል ክህልወና'ዩ። ስለዚ፡ **እንስሳታት ዘገዳም ኩብልዑና እምበር ክንበልዖም ከም ዘይግባእ ክንፈልጥ ኣለና።** ብሕልፊ ኣብ ደቅናን ወረስትናን ኣብ ኣተሓሕዛ እንስሳታት ዘገዳምን ዘቤትን ከመይ ክ'ኸውን ከም ዝግባእ መነቓቕሒ ጎስጓሳት ምግባር ከድልየና እዩ።


- **ንእንስሳታት ዘገዳም ዝሓሸ ቦታ ኣበይ 'መስለኩም?**

ጎቦታት ዝፈትዉ ኣለዉ፣ ጎላጉል ዝፈትዉ ኣለዉ፣ ገማግም ባሕሪ ዝፈትዉ ኣለዉ ወዘተ. ። ከከም ዓይነቶም ይፈላለ እዩ። ኣብ ኤርትራ ን'ኹላቶም ዝ'ኸውን እ'ኹል ቦታታትን ቅርጺ መሬትን እዩ ዘሎና።



Ostrich Farm (1993-2009)





- **ኣብ ዕቀባ እንስሳታት ዘገዳም ትነጥፉ ምንባርኩም'ውን ሰሚዕና**

ዘርኢ ሰገንን ኢራብን ካብ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓጋዜን ድማ ካብ ጋሽ ባርካ እየ ኣኪበየን። ነተን ሰገናት ንምብዛሕ ካብ ዓዲ ጥልያን ኢንኩቤተር ኣምጺአ ነይረ እየ። ኣብ ጊንዳዕን ጋሕቴላይን እዩ ነይሩ እቲ መበገሲ ሓሳብ። ኣብ 2003፡ ነፍሱ ይምሓር ንመራሒ ሊብያ ዝነበረ ሙዓመር ቓዛፊ ካብ ሰገናተይን ኢራባተይን ከም ገጸ-በረኸት ተዋሂበን ነይረን'የን፤ ፍልይቲ ነፋሪት ሰዲዱ ወሲድወን። ድሕሪኡ ንመራሒ ቐጠር'ውን ኣብ 2007 ኣቢሉ ብተመሳሳሊ ተዋሂበን። ንሱ'ውን ብተመሳሳሊ ፍልይቲ ነፋሪት ሰዲዱ'ዩ ወሲድወን። ሰገናትን ኢራባትን ክሳዕ ክንድ'ዚ ዝበሃጋ ምዃነን ንምግላጽ'የ ነዚ ዘምጽኦ ዘለኹ።

- ሕጂኸ?

ኣብ መንጉዳን ማይ ኖህን (ከበሳ)፡ ጥምጥመን ጋሕቴላይን ንእንስሳ ዘገዳም ምቹእ ስለ ዝኾነ፡ ኣብኡ ክቕጽሎ እሓስብ'የ። ብሕልፊ ጋሕቴላይ ንሰገናት፡ ኢራባትን ካልኦት እንስሳታት ዘገዳምን ምቹእ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብዓይኒ ኢኮ-ቱሪዝም'ውን እቲ ቦታ ተመራጺ'ዩ። ኩሉ ካብ ኣስመራ ንባጽዕ ዝሓልፍ፡ ናብ ባሕሪ ዝኸይድ ካብ ባሕሪ ዝምለስን ይርእየን።

- **ተመኩሮ መፍረ ማንቲለ'ውን ኣለኩም?**

እወ። ካብ ኬንያ ናይ ሓሙሽተ ዓሌት (breed types) ኣምጺአ ነይረ። ከበጋግሰና ዝኽእል ተመኩሮ ኣጥሪና ኣሎና።

- **ማናቲለ ንምንታይ እየን ዝፋረያ?**

ስጋአን ይብላዕ'ዩ። ቈርበተን ድማ ንመስርሒ ጃኬትን ጌጽን ይዝውተር'ዩ። ኣብነት፡ ከምቲ ንሕና ኣብ ባህልና ንኽቡር ጋሻ ደርሆ እንቕርብ፡ ማንቲለ ናይ ምቕራብ ባህሊ ዘሎወን ሓያለ ሃገራት'ውን ኣለዋ። ኣባና፡ ኣብ ባህልና ዘበልዑወን ኣለዉ፣ ዘይበልዑወን እውን ኣለዉ።

- **ኣብ በለስ ምርምራዊ መጽናዕቲ ከም ዘካየድኩም ሰሚዕና።**

እወ፣ ካብ 2002-2007 መባእታዊ መጽናዕቲ ጌርና። ቅድም፡ ዓይነታት በለስ ኢና ከነለሊ ፈቲንና። ኣብቲ መጽናዕቲ ቀንዲ ዘተኩርናሉ ጉዳይ፡ ኣብ ብዝሒ ዘርኢ (ፍረ) እዩ። ናይ ሓጺርን ነዊሕን ዕላማና ድማ፡ ዝወሓደ ብዝሒ ፍረ ወይ ዝሕየኽ ፍረ ዘሎዎ ምልላይ እዩ ነይሩ። ኣብ ዝተናውሐ ድማ ፍረ ዘይብሉ ወይ ዝሕየኽ ፍረ ዘሎዎ በለስ ኣለሊኻ ንምፍራይ እዩ ነይሩ። ብመሰረት ዝገበርናዮ መጽናዕቲ ኣብ ሃገርና ሓሙሽተ ዓይነታት በለስ ምህላዎም ኣለሊና ኣሎና። ንሳቶም ድማ፦ 1ይ. ኣሻኹ ሓዋይ (thorny orange) 2ይ. ኣሻኹ ጻዕዳ (thorny white) 3ይ. ለማጽ ሓዋይ (Spineless Orange) 4ይ. ኣሻኹ ቀይሕ (thorny red) 5ይ. ለማጽ ድሙቕ ቀይሕ (Spineless deep red) እዮም።

ዝበዝሐ ፍረኡ ተሪር ኮይኑ ዘይቁርጠም እዩ። ብዝሒ ፍረ ናይ ዓድና ንቡር በለስ ቈጺርና መዝጊብናዮ። ካብ መክሲኮ ዘምጻእናዮ በለስ'ውን ስለ ዝነበረ፡ ንእኡ'ውን ብተመሳሳሊ ኣጽኒዕናዮ። እቲ ናይ ኤርትራ ኣብ ሓደ በለስ ዝወሓደ 124 (ቀይሕ) እቲ ዝለዓለ ድማ 290 ክሳዕ 300 ዝኸውን ፍረ ጸኒሕዎ። ዝተሓተ 70 ተሪር (54 ፈኵስ) ዝለዓለ ድማ 250 ተሪር (160 ፈኵስ) ጸኒሕዎ። እቲ ናይ ሜክስኮ ድማ ዝለዓለ 250 ተሪር (136 ፈኵስ) ፍረ ጸኒሕዎ።

ኣብዚ መጽናዕታዊ ስራሕ ቀንዲ መሳርሕተይ መንእሰያት ደቂ ዓርበረቡዕ እዮም ነይሮም። ዝወሓደ ፍረ ዘሎዎ በለስ ኣለሊኹም ኣምጽኡ ኢለ ምስ ለኣኽኩዎም፡ ኣይትኣምኑንን ኢኹም፡ ክሳዕ 110 ፍረ ጥራይ ዘሎዎም ረኺቦም። ናይ ገሊኡ ፍረ ድማ ብቐሊሉ ዝሕየኽ ዓይነት ነይሩ።












*Pitahaya plant grown as ornamental plant in one of the homes in Asmara, Eritrea*



*Ram Farms' pitahaya observation nursery, Shikketi, Eritrea*







*ውሽጡ ጻዕዳ ድራጎን ፍሩት*



*ውሽጡ ቐይሕ ድራጎን ፍሩት*

ኣብ 2006 ቻይና ኸይደ ብ53 ሽሕ ዶላር ዓዲገ ዘምጻእክዎ “ድራጎን ፍሩት” ዝብሃል፡ ፍረኡ ከም ፍረ ኮመደረ ዝሕየኽ ዓሌት በለስ’ውን ዘሪእና ኔርና። ኣብቲ መጽናዕቲ ድራጎን ፍሩት ኣብ ኤርትራ ክፈሪ ከም ዝኽእል ኣረጋጊጽና። ድሕሪ ኽልተ ሰለስተ ዓመታት ፈርዩ፡ ፍርያቱ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ከም ዝኽእል፡ ብግብሪ ኣረጋጊጽና። ኣብ 2009 ድማ ፍረኡ ርኢናን ኣስተማቒርናን።

- **ኣብ ኣባጊዕን ኣጣልን ዝገበርኩሞ መጽናዕቲ’ውን ኣሎ።**

ኣብ 1995 ብመሰረት መምርሒ ፍሉይ ኣተሓሳስባ (ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ፡ ንጽበት ናብ ግፍሒ፡ ንሕጽረ ናብ ንውሒ) ከምኡ’ውን ኤርትራና ሓይላ ኣብ ግዝፍን ብዝሕን ዘይኮነ፡ ኣብ ዓይነትን ጽሬትን ብምኳኑ፡ ንዘሎዋና ጤለ-በጊዕ ብዓሌትን ብፍርያተንን ብዝርዝር መጽናዕቲ ንምግባር ተበጊሶ ወሲድና። ኣብ ኤርትራ ንዘሎዋና 22 ዝዓሌተን ኣባጊዕን ሸውዓተ ዝዓሌተን ኣጣልን ብድምር ኣብ 660 ጤለ-በጊዕ መባእታዊ መጽናዕቲ ጌርና። ንመጽናዕትና መመዛዘኒ ክኾነና፡ ካብ እተፈላለየ ክፍልታት ኢትዮጵያ ሓሙሽተ ዓሌታት ኣባጊዕ፡ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ድማ ዓሌት ጸባ ጤል ብምምጻእ፡ ካብ 1995 ክሳዕ 1997 ኣብ ጊንዳዕ መባእታዊ መጽናዕቲ ጌርና። ቀጻሊ መጽናዕቲ ዘድልዮ ኣርእስቲ እዩ።

- **ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሕርሻ ከም እትዋሰኡ ክንርዳእ ክኢልና ኣሎና። ሓደ ኻብዚ ምርባሕ ንህቢ እዩ። ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝዋፈር ሰብ ከመይ ዝበለ ንቕሓት’ዩ ዘድልዮ?**


ንመዓር ኢልና ኢና ንህቢ ንሕዝ። መዓር ካበይ ይመጽእ ካብ ምጸ-ምጸ፣ ምጸ-ምጸ’ኸ ካበይ ይመጽእ፡ ካብ ዕምባባ፣ ዕምባባ’ኸ ካበይ ይመጽእ ካብ ገረብ። ስለዚ ኣብ ምፍራይ መዓር ዝወፍር ሰብ፡ መጀመርታ ብዛዕባ ኣከባቢኡ፡ ብዛዕባ ሽፋን መሬት፡ ብዛዕባ ምግራብን ምዕቃብ ኣግራብን ዝግደስ ክኸውን ኣለዎ። መዓር ካብ ዕምባባ ገረብ፡ ካብ ዕምባባ ሳዕሪ፡ ካብ ዕምባባ ቈጥቋጥ እዩ ዝርከብ። ዕምባባ ኣብ ዘይብሉ ቦታ መዓር ክተፍሪ ኣይትኽእልን ኢኻ። ካልኦት ኣብ ዝገረቡልካ መጺእካ መዓር ክተፍሪ ምሕሳብ’ውን ቅንዕና ኣይኮነን። ብተወሳኺ ዝንባለ ክህሉዎ ኣለዎ። ንንግዲ፡ ንገንዘብ ጥራይ ሓሲብካ ክኸውን የብሉን። እዚ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝኾነ ንጥፈት ሕርሻ ንዝዋፈር ሰብ ዘገድስ ምኽሪ’ዩ።

- **ኣብ ጉዳይ ሳዕሪ’ውን ፍሉይ ኣተኩሮ ትገብሩ ኢኹም**

ኣብዚ ተለዋዋጣይን ሃንደበታውን ክረምትና፡ ዘይህሰ ዓይነት ሕርሻ እንታይ እዩ እንተ በልካ፡ ሳዕሪ እዩ። ሳዕሪ ዋላ ብውሑድ ማይ ኣብ ዝኾነ ቦታ’ዩ በቒሉ ዝጸንሓካ። እቲ ዘሕዝን ግና ረጊጽናዮ እንኸይድ ምህርቲ እዩ። እንተ ኾነ ግና ሰብ ንሳዕሪ ኣብ ክንዲ ጸባን ስጋን ዝብሎ፡ ሳዕሪ ጥራይ ኢሉ ረጊጽዎ ይሓልፍ። ብሓቂ ሳዕሪ ማለት እኽሊ እዩ።

- **ከመይ ማለት?**

ጥሪት ሳዕሪ በሊዐን ጸባን ስጋን ካብ ሃባ፡ ሳዕሪ ጸባን ስጋን’ዩ ማለት እንደኣሉ።





Anglo Nubian Dairy Goat



- **እሞ ሳዕሪዶ እኸሊ ይኸውን'ዩ?**

እወ ይኸውን።

- **ከመይ'ቢሉ?**

ብጾባን ሰጋን ቀዩርካ። ወለድና ከም ዝብልዎ፡ "እንጣጢዕዶ ሰዋ ይኸውን"፡ "እወ 'ኸውን"፡ "ከመይ ጌርካ" "ናብ ዳጉሻ" ቀዩርካ። ዳጉሻ የብልካን፣ እንጣጢዕ ግን ኣሎካ። እንታይ ጸገም ኣለዎ? ነቲ እንጣጢዕ ሼጥካ ዳጉሻኻ ትዕድግ። ተመሳሳሊ'ዩ፦ "ሳዕሪዶ እኸሊ 'ኸውን'ዩ?" "እወ 'ኸውን" "ከመይ ጌርካ?" - "ንሳዕሪ ብጾባን ሰጋን ቀዩርካ"።

- **ኣብ ሕርሻ ዓሳ ጥዑም ማይ'ውን ትነጥፉ ኢኹም።**

ምስ ኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብምዃን ንእንገብሮ ዘሎና እዩ። ኣብ ጽቡቕ ገስጋስ ድማ ንርከብ ኣሎና። ድሮ'ውን ከነፍሪ ጀሚርና ኣሎና። ነቲ ሚኒስትሪን ኣባላቱን ድማ ዝለዓለ ምስጋና ከቕርብ እደሊ።

- **ኣባልን ካብ መስረትትን ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ኣብ ኤርትራ ኢኹም። ብዛዕባ ኣድላይነት እቲ ማሕበር እንታይ ትብሉና?**

ኣብ ኩሉ ዓለም በብሞያኻን ዝንባለኻን ትነጥፈሉ ኣገባባት ኣሎ። በይንኻ ክትገብሮ ዘይትኽእል ነገር፡ ብሓባር ኴንካ፡ ተኣኻኺብካን ተመኻኺርካን እትገብሮ ነገር ዝያዳ ውጽኢታዊ'ዩ። እንታይን ብኸመይን ኣገልግሎት ትህብ'ዩ፡ እቲ ቐንዲ ቁም-ነገር ናይ ዝኾነ ማሕበር። ስለዚ ናይ ማሕበር ቀንዲ ጥቕሚ ነቶም ኣባላት ዘይኮነ፡ ነቲ ተገልጋላይ እዩ። ብዝኾነ፡ ጽቡቕ ጀሚርናዮ ኣሎና። ብዙሕ ዝጐድለና ነገር ግን ኣሎ። በብቑሩብ እናመላእናዮ ክንከይድ ምዃንና ኸኣ እምነተይ እዩ።

- **ተራኹም ኣብቲ ማሕበር ከመይ ጸኒሑን ዘሎን?**

ፈለማ እቲ ሓሳብ ካብ ዘቕረቡ ኣባላት ሓደ ኣነ'የ ነይረ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣባል ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ዓድና'ውን ከምዚ ዓይነት ማሕበር እንተ ዝግበር ምጠቐመ ነይሩ ዝብል እምነት እዩ ደሪኹኒ። እቲ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ዘሎዎ ቦታ፡ ኣብ ፊት ቦውሊን ብድሕሪ'ቲ እንዳ ነዳዲ እዩ። ምስ ሕርሻ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ እቲ ቦታ ታሪኻዊ'ዩ። ቀደም ሕርሻዊ ደሴት (ኣግሪካልቸራል ኣይላንድ) ኢና ንብሎ ዝነበርና። ደናዳይ እታውን ሰደድን ፍርያት ሕርሻ ዝገብረሉ ዝነበረ ቦታ'ዩ ነይሩ። ኣብኡ መዐሸጊ እንዳ በረድ፡ ዓበይቲ መኽዘናት ሕርሻ፡ እንዳ ነዳዲ፡ መዘናግዒ ሰራሕተኛታቱ (ቦውሊን) ነይሩዎ። ሰፊሕ ናይ ዘርኢ ሕርሻ፡ ማሽነሪታት ሕርሻ፡ መድሓኒት ወዘተ. ዕዳጋ መስሪቱ ነይሩ። እቲ ቦታ፡ ካብ ሸዑ ሒዘ እፈልጦ ስለ ዝነበርኩ፡ ቦታ ክወሃበና ምስ ሓተትና፡ ሓንቲ ኻብተን መኽዘናት ዝነበራ ተፈቒዳትልና፡ ንጥቀመላ ድማ ኣሎና።

- **ካብ ኣልዓልናዮ፡ ብዛዕባ ደናዳይ ቁሩብ ክትውስኹልና**

ክገርመኩም ደናዳይ ናይ ኣካዳሚ ትምህርቲ ኣይነበሮን። ፍጥረታዊ (ዝንባለ) ትምህርቲ እዩ ነይሩዎ። "ካብ ምህሮ ኣእምሮ" ዝብል ብሂል ወለድና ንደናዳይ ናቱ'ያ ነይራ። ምኽሪ ምሁራት ናይ ምጥቃም ድሌትን ቅሩብነትን ግና ነይሩዎ። ብዙሓት መሃንድሳት ሕርሻ ነይሮሞ። እዚ ሕጂ መዝገብ ቤት ዕለተ-ልደት ዘሎ፡ መርኣዩ ቀረብ ሕርሻ "ሾው ሩም" እዩ ነይሩ። ካብ ዒላበርዕድን ጊንዳዕን ናብ ሃገራት ዓረብን ኣውሮጳን እተፈላለየ ሕርሻዊ ፍርያት ይሰድድ ነይሩ።

- **ኣብ ቅብኣ፡ ግጥሚ፡ ኢደ-ጥበብ ትነጥፉ ኢኹም። ቤትኩም'ውን ንባዕሉ ሙዝየም'ዩ። ካብ ምንታይ እዩ ዝብገስ?**

ወለድና ካብ ቅድም ጀሚሮም ተዛማዲ ምህሮ ስለ ዝነበሮም፡ ናይ መጽሓፍቲ ሰባት'ውን ስለ ዝነበሩ፡ ነቲ ሓንጎልናስ ይኸፍትዎ ነይሮም እዮም። ካብ ወለድና ዝወረስናዮ እዩ። "ንዘሎና ብዘሎና" ካብ ዝብል ጽንሰ-ሓሳብ እተፈጥረ እዩ። በቲ ዘሎካ ሓጎስ ምፍጣር እዩ እቲ መበገሲ። ይግፋሕ ይጽበብ፡ እቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ገዛኻ'ዩ፡ ኣብ ዝወዓልካ ውዒልካ ናብ ገዛኻ ኢኻ፣ በቲ ዘሎካ ዝንባለን ተውህቦን ኣብ ገዛኻ ዘዕግበካ ሓጎስ ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ። ኣብነት፦ እተን ትርእዩወን ዘለኹም እተፈላለያ ቅርጽታት ከምኡ'ውን እዛ መትሓዝ ናውቲ ጽሕፈት ካብ ዝጐሓፍ ካርቶን ዝሰራሕኩወን እየን። ብዝድረበ ካርቶንን መትሓዝ ክርቢትን ጌርካ ብዙሕ ነገር ክስራሕ ከም ዝኽእል መርኣያ ይኹናኹም እየን።

- **ክንደይ ዝኸውን ፖስተራት'ዩ ዘሎ?**

ንሚእቲ ይሓልፎ እዩ።

- **ካብዚ ኹሉ ቅብኣታት ዠኒይቶን ክትገልጹልና**

ኣብ 1955 ወዲ 15 ዓመት ከሎኹ፡ ብዛዕባ ሳዕቤን ምብራስ ኣግራብ ንዝቐባእክዋ ስእሊ ክገልጸልኩም ምፈተኹ። በቲ እዋን'ቲ ብምኽንያት ብከላ ኣከባቢናን ብምውሳኽ መጠን ካርቦን (Carbon Emission) ክሊማዊ ለውጥታት ናይ ዋዒ ምንሃርን ክኽሰት ከም ዝኽእል ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ይኹን'ምበር ብንእስነተይ ሰባትን እንስሳታትን ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ከጽልሉን ካብ ዋዒ ጸሓይ ክኽወሉን አስተብህል ስለ ዝነበርኩ፡ ኣግራብ ብጽላሎቶም ንመጠን ዋዒ ጸሓይ ናይ ምዝሓል ንጠሊ መሬት ናይ ምዕቃብ ተኽእሎ ከም ዝነበረን ብግብሪ ይርድኣኒ ነይሩ። ኣግራብ ምቕራጽ ማለት ድማ ጽላል (ዛሕሊ) ምውጋድን ንመጠን ዋዒ ምውሳኽ ምኽንያት ምዃኑ ይስቁረኒ ስለ ዝነበረ እመስለኒ፡ ነዛ ቅብኣ እዚኣ ወዲ 15 ዓመት ከለኹ፡ ኣብ 1955 ዝሰኣልክዋ'ያ።

ነዛ ብዛዕባ ምብራስ ኣግራብን ሳዕቤናቱን ንምግላጽ ዝቐባእኩዋ ሓባሪት ስእሊ፡ ወለደይ ምስተን ንደቆም ገዲፎምልና ዝኸዱ (ዘውረሱና) ትምህርታዊ ጽሑፋት፡ ንዓመታት ዓቂቦም ስለ ዘጽንሑለይ እነሆ ሎሚ ድሕሪ 68 ዓመታት፡ ምስታ ዓርኪ ንእስነተይ ዝነበረት ቅብኣይን መልእኽታን ዳግም ንኽዝቲ ዓብዩ ዕድል ረኺበስ፡ እንሆ'ኳ ምሳኻትኩም ምስ መንእሰያት (ወረስቲ) ከዘንቱ ዕድል ረኺበ።



ኣቶ ረዳኢእግዚእ ብ1955 ወዲ 15 ዓመት እንከለዉ፡ ዝሰኣልዋ ቅብኣ

ነዚ ዕድል'ዚ ብምርካበይ ድማ ንፈጣሪ ልዑል ክብሪ እናሃብኩ፡ ንወለደይ፡ ንኣሕዋተይን ንብዓልቲ ቤተይን ፍቕሪ ዝሓዘለ ምስጋና ኣቕርብ።

**• እዞም ኣብ ገዛኹም ዘለዉ ዝቐጹ ደርሆን ከልብን ከመይ እዮም? ብዛዕባኦም ገለ ክትብሉና።**

ኣብ ራማ ሕርሻይ ከለኹ ክልቲኦም እዞም እንስሳታት፡ መሻርኽተይን ኣባላት ስድራይን እዮም ነይሮም። ውዕል ነይሩና። ኣይትሰሓቑ ግና። እቲ ውዕል ድማ እዚ ዚስዕብ ነይሩ፦ "ቅድመይ እንተ ሞይትኩም ኣንቂጸ ኣብ ገዛይ ኮፍ ከብለኩም'የ፣ ኣብ ገዛይ ንዝመጹ ኹሉ ድማ መሻርኽተይ ከም ዝነበርኩም ክነግረልምኩም'የ፣ ድሕረይ እንተ ሞይትኩም ድማ ገዛዘብ ክገድፈልኩም እየ"





ኢለዮም።። እዚ ደርሆ ኣብ 1971 ዓ.ም ነቕነቕ ምስ በለ፡ ኣብ ኣስመራ እንዳ ፖስታ ብርሃነ ዝብሃል እንስሳ ዘንቅጽ (ታክሲደርሚስት) ነይሩ። ንሱ'ዩ ኣንቂጹለይ፣ ምሳይ ሒዘዮ ነይረ። ኣብ 1974 ደርግ ክሕዘኒ ምስ ሓሰበ፡ ኣብ እንዳ ሓወቦይ ገዲፈዮ ኸይደ። እዚ ኸልቢ ብሂወትን ኣብ ደሓን ኩነታትን ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ሸው ጕረቤተይ ዝነበረ ፋርማሲስት ብርሃነ (ወናኒ ፋርማሲ ህይወት) ገዲፈሉ ኸይደ። ክገርመኩም ድሕሪ 1991 ናብ ዓዲ ምስ ተመለስና፡ እዚ ደርሆይ ኣብ እንዳ ሓወቦይ ከምታ ዝገደፍኩዎ ተዓቂቡ ጸኒሑኒ። ፋርማሲስት ብርሃነ ድማ "ሓደ ንብረት ኣለካ፡ መጺእካ ውሰዶ" ይብለኒ። እንተ ኸድኩሰ ነዚ ኸልቢ ኣንቂጽዎ ኣይጸንሓንን። ክልቲኦም ዓብዪ ምስጋና ዝግብኦም'ዩ። ሕድሪ ምጽናዕ ድማ ናይ ወለድና'ዩ።

**• ንውድእ ኣሎና። ቅድሚኡ ግና ሓጺር መልሲታት ዝደልያ ሕቶታት ኣለዋና። መዋእልኩም ቀጻሊ ኣብ ሕርሻ፡ ኣየሰልከየኩምን?**

ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኣምነሉ ዝንባለ ክሰርሕ ኣየድክሞን፣ ኣየሰልክዮን እዩ። እኳ ደኣ ዕጋበትን ታሕጓስን እዩ ዝፈጥረሉ።

**• ሎሚ ናብ ንእስነት እንተ ትምለሱ፡ ሕሉፍ ኣሪምኩም እንታይ ምገበርኩም?**

ንወለደይ ዚያዳ ምተኣዘዝክዎም ነይረ። ምኽንያቱ ካብ ሸው ሕጂ ዚያዳ ይረኣየኒ፣ እቲ ሓልዮቶም፡ እቲ ተገዳስነቶም ንዓና።

**• ኣብ ህይወት ቀንዲ ምስጢር ዓወት ኢልኩም እትገልጽዎ እንታይ እዩ?**

ናብዛ ዓለም ጥራይና ኢና መጺእና፡ ጥራይና ኢና ኸኣ ንወጽእ። ሎሚ ኣለና፣ ጽባሕ የለናን። ሕጊ ተፈጥሮ እዩ። ክንቅይሮ ኣይንኽእልን። ስለዚ እቲ ምስጢር ዓወትና ዝበሎ ኣነ፡ ኣብዛ ዓለም ከሎናስ፡ ንዓና ጥራይ ዘይኮነስ ንኻልኦት እንታይ ጌርና፡ እንታይ ገዲፍና ንኸይድ ኣሎና ንዝብል ሕቶ ብሓላፍነት ምምላስ'ዩ እቲ መምዘኒ ምስጢር ዓወት ንዓ።

**• ሕራይ። ኣብ ባህርዩ ናይ ሰባት እንታይ ኢኹም ትፈትዉ? እንታይከ ትጸልኡ?**

ዝሰምዕ፡ ዝርዳእ፡ ርግኣትን ትሕትናን ዘሎዎ ሰብ ይምስጠኒ እዩ። ዘይሰምዕ፡ ዘይርዳእ፡ ኰራ ዘብዝሕን ሳዕቤን ኣብ ግምት ዘየእትን ድማ ኣይፈቱን።

**• ኣብ ጉዕዞ ሂወትኩም ካብ እትሓጐሰሉምሉ ብፍሉይ እትዝክሩዎ**

ብዙሕ ነገር ኣሎ እንድዩ፡ ኣብ እዋን ቁልዕነተይ ዝጠፍአ ኸልበይ ምስ ረኸብኩዎ ግና ብፍሉይ ከም እተሓጎስኩ እዝክር። ወለድና'ውን 'ካብ እሙን ዓርኪ፡ እሙን ከልቢ' ክብሉ መሲሎሞ



"ዘይነቕልበሉ ኲንና'ምበር፡ ኣብ እንስሳታት ብዙሕ ክንመሃረሉ እንኽእል ነገራት ኣሎ።" ኣቶ ረዳኢእግዚእ

እዮም። ናይ ሓቂ ፍቕሪ ዘሎዎን ፍቕሪ ዝርዳእን ፍጥረት'ዩ፡ ኸልቢ። ኣብ እንስሳታት ዘይነቕልበሉ ኲንና እምበር፡ ብዙሕ ክንመሃረሉ እንኽእል ነገራት ኣሎ። ምስ ዓበኹ ድማ ሃገርና ኤርትራ ሓራ ምስ ኰነት፡ ፍሉይ ሓጐስ ተጐናጺፈ።

- **ኣብ ሂወትኩም ኣዝዩ'ኹም ዘሓረቕኩምሉ'ኸ?**

እዚ'ውን ብዙሕ ኣሎ። ኣዝዩ ዘሕርቕ ነገር ክገጥመኒ ኸሎ ግና ኣዝየ እግረም እሞ፡ ክንዲ ዝሓርቕ ሰሓቕ'ዩ ዝቕድመኒ። ሰብ ከየቐይም ምእንቲ፡ እታ ኣዝየ ብፍሉይ ሓሪቐ ዝሰሓቕኩላ ግና ኣይነግረኩምን እየ።

- **ኣብ ህይወት እቲ ዝቐለለን ኣገዳስን ግና ኸኣ ዘይንትግብሮ እንታይ ኣሎ?**

ንዘሎና ብግቡእ ዘይምጥቃም። 'ንዘሎና ብዘሎና' ዝብል መምርሒ ዘይምኽታል። ከሎካስ ነቲ ዘሎካ ክንዲ እትጥቀመሉ፡ 'የብለይን' ኢልካ ንዘይብልካ ከተቋምት ግዜኻ ብላሽ ተጥፍእ።

- **እትፈትውዎ ዓይነት ምግቢ?**

ወለድና ከዕብዩና ኸለዉሲ፡ 'ምግቢ ኣይትምረጹ፣ ምግቢ ዘይትመርጹ እንተ ኴንኩም ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ዓለም እንተ ኸድኩም ኣይክትሸገሩን ኢ'ኹም' ይብሉና ኔሮም። ስለዚ፡ በርበረን ቀመማትን ዘይበዝሖ ጥራይ ይ'ኹን'ምበር፡ ዳርጋ ኹሉ ዓይነት ምግቢ ይፍተወኒ እዩ። ንእሽቶ ከለ'ኹስ ሽሮ ኣዝየ እፈቱ ነይረ'ሞ፡ ነደይ "ስለ ምንታይ እየ ሽሮ ዝፈቱ?" ኢለ ምስ ሓተትክዋ፡ "ምጥማይ ስለ ዘይተፈቱ" ኢላትኒ። ብቐረባ ዝርከብን ዝስራሕን ንሱ ስለ ዝ'ኾነ'ዩ። ሕጂ'ውን ሽሮ ክርኢ እንከለ'ኹ ነደይ እዝክር። ሽሮ ኸኣ እፈቱ'የ።

- **ኣብ ጉዳይ መስተን ካልኦት ወልፍታትንከ ከመይ ኢ'ኹም?**

ፈጣሪ 'መስገን ደሓን'የ። ወለድና ብሕልፊ ኣቦና ከዕብዩና ኸለዉ፡- "ኣይበልዕን'የ ኣይሰትን'የ ኣይትበሉ፤ ግዳ ኹሉ ብዓቐን ክኸውን ኣለዎ። ናይ ወልፊ ባርያ ኸኣ ከይት'ኹኑ" ይብሉና ኔሮም። ስለዚ ካብ ምስታይ ስለ ዘይተ'ኸልከልና፡ ናይ ወልፊ ሓደጋ ኸም ዘሎ ኸኣ መብርሂ ስለ እተዋህበና፡ ባርያ ክንከውን ከኣ ስለ ዘይንደሊ፡ ንመስተ ብዙሕ ኣይንደፍሮን ኢና ብስድራና። ኣብቲ ኻልእ ወልፍታት'ውን ብተመሳሳሊ።

- **ብፍሉይ 'ገይሩለይ እዩ' ኢልኩም እተድንቕዎ ሰብ**

ብዙሓት ኣለዉ እንድዮም፡ ስራሕ ክሰርሕ ከለ'ኹ፡ ብሓሳብ፡ ብገንዘብ ዝድግፉኒ ግና ኣሕዋተይ እዮም፣ ሓፍተይ ድማ። ንኣብነት፦ እዚ ዘለ'ኹዎ ገዛ ናይ ሓወይ ናይእግዚእ እዩ። ካብ ናይ ኣሕዋተይ ዘይውሕድ ኣብ ገሊኦ'ውን ካብ ናይ ኣሕዋተይ ንላዕሊ ዝገበሩለይ ትካላትን ውልቀሰባትን እውን ኣለዉ። ሞሳኦም ካብ ፈጣሪ ይርከቡዎ።

- **ነዊሕ ዝኸደ ፍሉይ ዕርክነት ምስ መን ኣሕሊፍኩም?**

ዘገርም'ዩ። ብስራሕ፡ በረኻ በረኻ እንድየ ዝኸይድ ዝነበርኩ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዝኸድክዎ ኸኣ ዕርክነት እፈጥር ነይረ እየ። ንመሳርሕተይ ከም ኣዕሩ'ኽተይ እየ ዝወስዶም። 'ብፍላይ' ንዝብል ሕቶ ግና ካብ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ተ'ኽሊት ገብሩ ሓሊፈ ምስ እገለ 'ኽብል ኣጸግመኒ እዩ።

- **ነዚ መንእሰይ ወለዶ ብሓጺር ቃል እንታይ ምበልኩሞ?**

ቅድም ቀዳድም "ኣጆኻ" እዩ። ኩሉ ሰብ ነናቱ እተዓቆረ ፍጥረታዊ ዝንባለ ኣሎዎ እንድዩ፡ ግና እንሓንሳእ እቲ መንእሰይ ነቲ ዝንባለኡ ከየተግብር ክሽገር ወይ ጸገማት ክርኣዮ ይ'ኽእል'ዩ። ተስፋ ክቘርጽ የብሉን። ዓለም መ'ኽዘን ሽግር እያ። እናበ'ኽና'ምበር እናሰሓቕና ዘይንመጻ ም'ኧንና'ውን ናቱ መርኣያ እዩ። እዚ ከሰንብዶ ኣይግባእን'ዩ። ነቲ ክስዕቦ ዝኽእል ሽግር ተቘጻጺሩን ኣመሓዲሩን ፍታሕ ክረ'ኽበሉ ክጽዕር፡ እንተ 'ኽኢሉ ድማ ሽግር ከይፍጠር፡ ኣቐዲሙ ክሓስብ የድሊ። ብዝ'ኾነ፡ ን'ኹሉ ሽግር በዲሁ ሓደ መዓልቲ ክዕወት ም'ኧኑ ፈሊጡ ከይሰልከየ ክሰርሕ ኣለዎ እየ ዝብሎ። እቶም ቅድሚኡ ብዙሕ ተመኩሮ ሂወት ዘሕለፍና ሰባት ድማ "ኣጆካ" ክንብሎ ይግባእ።

- **መጽሓፍቲ ተንብቡዶ? ኣብ ምምእዛንይ ዓብዪ ግደ ነይሩዎ ኢልኩም ብፍሉይ እትገልጽዎ መጽሓፍከ?**

ከምቶም ኣሕዋተይ ኣይኰንኩን ኣብ መጽሓፍቲ ምንባብ። ንሳቶም ንመጽሓፍ ብሓንቲ መዓልቲ ዝውድእዎ ሰባት'ዮም። ብሓፈሻኡ ግና ብዛዕባ ፍጥረት፡ ብዛዕባ ሂወት፡ ብዛዕባ ናብራ ዘማእዝን፡ ተስፋ ዝህበካ፡ ሂወት ዝህበካ መጽሓፍ ምንባብ እፈቱ። ብወገነይ ኣብ ምምእዛነይ ዓብዪ ግደ ገይሩ ኢለ ብፍሉይ ዝገልጾ፡ "መጽሓፍ ቅዱስ" እዩ።

- **ንመጽሔት ፍረ-ጻዕሪ እተመሓላልፉዎ መልእ'ኽቲ እንተሎ?**

እተን ቀዲመን እተሓትማ ክልተ ሕታማት ሂብኩምኒ እንዲ'ኹም፡ ብዙሕ መልእ'ኽትታት ዝሓዘላ'የን። ብ'ኸምኡ ብስሩዕ እንተ ቐጺላ፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ ኣብ ሕርሻን ምስ ሕርሻ ኣብ ዝዛመድን ብዙሕ



*ኣቶ ረዳኢእግዚአ ምስ ብዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ተኸሊት ገብሩ*

ቁም-ነገር ከተሰጋግር ምኽና ፍሉጥ'ዩ። ቀንዲ ኣተኩሮኣ፡ ነቲ መንእሰይ ወለዶ እንታይ በልኩ፡ እንታይ ኣመሓላለፍኩ፡ እንታይ ዘራእኩ፡ እንታይ ሓደግኩ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ተበግሶ ንዘወሰድ ከኣ "ኣጆኻ" በሃሊት ክትከውን ኣለዋ። እዛ "ንዘሎካ፡ ብዘሎካ" ኸኣ ክትጉስጉሱለይ እደሊ'የ። ወደሓንኩም!

- **ዘረባ ኣትሒዝናኩም፤ ኣይትበልዑን ጸኒሕኩም። ንሕና'ውን ወዲእና ኢና። ብልዑ በሉ!**

ኣደይ ዝበለተኒ ክንገረኩም፡ ብልዒ ንብላ፡ ኣይትበልዕን'ያ፡ ተብልዕና ጥራይ፡ "'ዞም ደቀይ እቲ ጸብሒ ክሰርሖ ከለኹ ክንደይ ግዜ ዝጥዕሞ መሰለኩም? እቲ ምጥዓም ተኣኪቡ፡ ምሳሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ፤ ብልዑ ጥራይ" ትብለና ነይራ፡ ንሕና'ውን ኣብ ገዛ ኢና ውዒልና።

- **ኣርካን ሕርሻ ኣቶ ረዳኢግዚእ፡ ብዕላል እተሰነየ ንዘካፈልኩምና ሰፊሕ ተመኩሮ ብስም ኣንበብቲ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ነመስግነኩም።**



# እንቋቑሖ ደርሁ ገደና ብደርሁ ሃገርና ይሕቈፍዶ?



ወ/ሮ ሳባ ገብረስላሴ

ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና ናብ ሓረስቶት ዝዝርግሓ ዘለዋ ዓይነታት ደርሁ፡ ናይ ሃገርናን እተመሓየሻን (ናይ ገደና) እናተባህላ ይፈላለያ እየን። ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊት ኣሃዱ ምርባሕ ደርሁ ወ/ሮ ሳባ ገብረስላሴ፡ ብዛዕባ እዘን ደርሁን ፍርያተንን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምጭጫሕ ደርሁ ገደና ዝምልከት ሓጺር ሓበሬታ ሂባትና ኣላ።

- ደርሁ ሃገርና፡ መበቈላውያን (In-degeneous breed) ብተፈጥሮኣን ቅንጹባት ኲይነን፡ ክብደተን'ውን ምስተን ዝተመሓየሻ ዓሌታት ክነጻጸር ከሎ፡ ፈኲስቲ እየን። ብኡ መጠን ድማ እቲ ካብኣን ዝርከብ ስጋ'ውን ንእስ ዝበለ'ዩ፣
- ምህርቲ እንቋቑሖ ደርሁ ሃገርና፡ ኣብ ዓመት ዝህብኦ ምህርቲ እንቋቑሖ ኣዝዩ ውሑድ ኲይኑ፡ ካብ 50-70 ኣይሓልፍን፣
- ደርሆ ሃገርና ብተፈጥሮኣን ንእተፈላለየ ሕማማት ተጻወርቲ እየን፣
- ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐረበለን ምጡን መግቢ፡ ማእሪረን'ውን ስለ ዝበልዓ፡ ዝጠልባኦ መግቢ ብዓይነት ይኹን መጠን ኣዝዩ ውሑድ እዩ፣
- ደርሁ ሃገርና፡ ብቐሊሉ ክእለያ ዝኽእላ፡ ንምሕደራን ክንክንን ድማ ወጻኢታት ኣይሓታን፣

በቲ ኻልእ ወገን፡ እተን ዝተመሓየሻ ዓሌት ዘሎወን ደርሁ፡ ብዙሕ ክንክንን ወጻኢታትን ዝሓታ ኾይነን፡ እቲ ኻብኣን ዝርከብ ምህርቲ ድማ ብኡ መንጽር ኣዝዩ ኣዕጋብን ርቡሕን እዩ።

ዝተመሓየሸ ዓሌት (Improved breed) ናይ ዝተፈላለየ ዓሌት ድቓላ ኲይነን፡ ኣብ ጠለብ ደቂ-ሰብ ምርኩስ ብምግባር ዝፈርያ እየን። እዚ ድማ ናይ መፍረ እንቋቑሖ ጥራይ፡ ብብዝሒ እንቋቑሖ ዝወልዳ (ክሳዕ 300 ኣብ ዓመት ዝወልዳ)፣ ናይ ስጋ ጥራይ ማለት ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ 45-60 መዓልቲ ንማሕረዲ ድሉዋት ዝኾና (ብገምጋም 1.5-2 ኪሎ ግራም ጽሩይ ስጋ ዘሎወን)፡ ከምኡ'ውን ናይ ስጋን እንቋቑሖን ማለት እንቋቑሖ ብመጠኑ ውሕድ ዝበለን ገዛፍትን ካብ ናይ እንቋቑሖ ደርሁ ዝዓበያ ካብ ናይ ስጋ ደርሁ ድማ ንእስ ዝበላ እየን።

ዝተመሓየሸ ዓሌት ዘሎወን ደርሁ፡ ንሕማም ተጻወርቲ ኣይኮናን፣ ብዙሕ ክንክንን ሃልክን ስለ ዝሓታ ድማ ተነቀፍቲ እየን። ንኣብነት፡ ገዛ ደርሁ፡ መሞቒ፡ ርሺ ወይ መንጸፍ፡ ክታበትን ሕክምናን ክትትልን ስለ ዝሓታ፡ ንእሽቶ ዘይኮነ ወፍሪ ይሓታ። ዝተመሓየሻ ደርሁ ዝጠልባኦ መግቢ፡ መኣዛኡ እተማልአን እተቓመመን እዩ። ከምኡ'ውን ቫይታሚንን ማዕድናትን የድልየን።

## ሕቝቕ ምባል

ኣብ ስርዓት መፍረ፡ ሕቝቕ ዝብላን ዘይብላን ተባሂለን ኣብ ክልተ ይኽፈላ። ፍልልየን ድማ ናይ ሃገርና ደርሁ ንነዊሕ ግዜ ሕቝቕ ስለዝብላ፡ ብእኡ መንጽር ምህርቲ እንቋቑሖ ይውሕድ።

ዝተመሓየሸ ዓሌት ዘሎወን ደርሁ ግና ብተፈጥሮኣን ሕቝቕ ኣይብላን እየን። በዚ ምኽንያት ድማ ዝህብኦ ምህርቲ ብርክት ዝበለ ይኸውን።

## እንቋቑሖ ናይ እተመሓየሻ ዓሌት ደርሁ ብደርሁ ሃገርና ክጫጭሕ ይኽእልዶ?

ዓሌተን እተመሓየሸ ደርሁ፡ ሕቝቕ ስለዘይብላ፡ ባዕላተን እንቋቑሖ ናይ ምጭጫሕ ባህሪ የብለንን። ነቲ ንሳተን ዝወልዳኦ እንቋቑሖ ግና ብናይ ሃገርና ደርሁ ኣሕቊፍካ ክጫጭሕ ይኽእል። ኣብ ግዜ ምሕቃፍ፡ ነታ ደርሆ ዘድሊ ክንክን ማለት ጽሩይ መሕቈፊ ክንቅርብ፡ መግብን ማይን ድማ ኣብ ቀረባኣን ክነቐምጥ ይግባእ።

## መጠን ዝህባኦ ምህርቲ እንቋቑሖ ፍልልይ ኣሎዎዶ? ብትሕዝቶኡኸ?

ኣብ መኣዛዊ ትሕዝቶ እንቋቑሖ፡ ናይ ሃገርና ይኹና ናይተን ዝተመሓየሻ ዓሌት ደርሁ ዝጥቀስ ፍልልይ የብሉን። ናይ ክልቲኣን፡ ሃብታም ትሕዝቶ ፕሮቲንን ቫይታሚንን ከምኡ'ውን ማዕድናት ኣሎዎ። ኣብ መጠን ዝህባኦ ምህርቲ እንቋቑሖ ግን ፍልልይ ኣሎ። ደርሁ ሃገርና ኣብ ዓመት ካብ 50-70 እንቋቑሖ ክወልዳ ኸለዋ፡ እተን ዝተመሓየሻ ዓሌት ዘሎወን ግና ግቡእ ክንክን እንተተገይሩለን፡ ካብ 300-305 ኣብ ዓመት ክወልዳ ይኽእላ።



# ዘራእቲ ስለምንታይን ብኸመይን እዮም ዝመሓየሹ?



ኣቶ ንጉስ ኣብርሃ

## ምሕየሻ ብቑሊ ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ?

ምሕየሻ ዘራእቲ ክብሃል ከሎ፡ ንሓደ ዘርኢ ወይ ብቑሊ ምህንድስናዊ ሜላ ተጠቒምካ ናብ ረብሓ ተጠቃሚ ንምውዓል ዝግበር ኣገባብ ኰይኑ፡ ብቐንዱ እዚ ኣገባብ ምህርቲ ንምኽዕባትን ንምድንፋዕን ዝዓለመ እዩ።

## ኣገዳስነት ምምሕያሽ ብቑሊ

- ምስ ኩነታት ኣግሮ-ኢኮሎጂ ከባቢ ማለት ኩነታት ኣየር፡ ክሊማን ሓመድን በዲሁ፡ ኣርባሒ ምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ዓሌታት (varieties) ዘራእቲ ምምዕባል፣
- ንባልዓት፡ ሕማማትን ደርቅን ዝጻወሩ ዓሌታት ብቑሊ ምምዕባል፣
- ልዑል ምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ዘራእቲ፣ ቀልጢፎም ዝኣኽሉ/ ምህርቲ ዝህቡን፡ ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ብምውራድ፡ እኹል ምህርቲ ዝህቡ ምምዕባል፣

## ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ብቑሊ ኣብ ክንደይ ይኽፈል?

ብሓፈሻ፡ ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ዘራእቲ ሰለስተ ኣገባባት ወይ ደረጃታት ይኽተል፦

- ምትእትታው ሓደስቲ ባህርያት ዝሎዎም ዘራእቲ፦ ሓድሽ ዓሌት ዘርኢ ወይ ተደላዩ ባህርያት ዘሎዎም ዓሌታት ዘራእቲ ምትእትታው። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝፈሪ ዝነበረ ዓሌት እኽሊ፡ ንደርቂ ጽቡቕ ናይ ምጽዋር ባህሪ እናሃለዎ፡ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ምስ ዝደክም ግን ምስ ካልእ ጽቡቕ ሕማም ናይ ምጽዋር ብቕዓት ዘሎዎ ተመሳሳሊ ዓይነት እኽሊ ብምውሳብ፡ ነቲ ደኺሙ ዘሎ ባህርያት እኽሊ ብምምሕያሽ ምህርቲ ምድንፋዕ ይከኣል።
- ምምራጽ ኣገደስትን ተደለይትን ባህርያት ዘሎዎም ዘራእቲ፦ እዚ፡ ዘርኢ ተዘሪኡ ምስ በቖለ፡ ደጋዊ ትርኢት ተኽሊ ወይ ብቑሊ ብምዕዛብ ዝምረጽ ባህርያት ብቑሊ እዩ። ንኣብነት ጽቡቕ ግንቦ ዘሎዎ እኽሊ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ኣገባብ፡ ሓረስቶት'ውን ካብ ዘዘውትሩዎ እዩ። ንዝመጽእ ወቕቲ ዘርኢ ዝኾኖም፡ ምህርቲ ኣብ ግራቱ ከይተዓጽደ ጽቡቕ ግንቦ ካብ ዘሎዎ ይእክቡ'ሞ፡ ንበይኑ ብምዕቃብ ከም ዘርኢ ይጥቀምሉ።
- ምድቓል ወይ ምውሳብ፦ እዚ ናይ ምድቓል ደረጃ፡ ኣብ ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ዝትግበር ኰይኑ፡ ነቶም ሓረስቶት ብደጋዊ ወይ መዛርዓዊ ትርኢት ተጠቒሞም ዝመረጽዎም፡ ተደለይቲ ባህርያት ዝውንኑ ዓይነታት ብቑሊ፡ ብስግረ ምውሳብ ተጠቒምካ፡ ነቲ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ብቑሊ ናይ ሓደ ዘርኢ ዝርከብ ተደለይቲ ባህርያት፡ ኣብ ሓደ ዓሌት ብቑሊ ምስራጽ እዩ።

## ዘራእቲ፡ ስለምንታይ ወይ መኣስ'ዮም ክመሓየሹ ዘድሊ?

- መጠን ዓቕሚ ምህርቲ ብተደጋጋሚ ምስ ዝንኪ
- ብቕዓት ምልምማድ (adaptation) ምስ ዝንቀልቀል
- ብቑሊ፡ ደረጃ ተጻዋርነት ባልዓት ምስ ዘጥፍእ
- ደረጃታት መዐቀኒ ብቕዓት ብቑሊ (ቁመት ተኽሊ፡ ግዜ ምእካል ካልእን) ምስ ዝሰናኸል

## ሓደ ብቑሊ ክመሓየሽሉ ዝግብኦ ገደብ ግዜ ወይ መለክዒታት ኣሎዎዶ?

ሓደ ዓሌት ብቑሊ፡ ሓንሳእ ተደላዩ ባህርያት ወኒኑ ምስ ማዕበለ ወይ ምስ ተዳቐለ፡ ንውጽኢቱ ወይ ትሕዝቶኡ ብዝምልከት፡ ቀጻሊ ክትትል ክግበረሉ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት (ሕማማት፡ ባልዓት፡ ደርቅን ካልእን) ዝነበሮ ተደላዩ ባህርያት ከጥፍእ ይኽእል'ዩ። ሓደ ዓሌት ብቑሊ ማዕቢሉ ወይ ተዳቒሉ ምስ ተዓደለ፡ ኣብ ትሕቲ ጽቡቕ ክትትል ዘካይድ ሓረስታይ፡ ካብ ሰለስተ ክሳዕ ኣርባዕተ (3-4) ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክትካእ ይግባእ። እዚ ማለት፡ እቲ ዘርኢ ክህቦ ዝግብኦ ምህርቲ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ምስ ዝጉድል ጥራይ ይኸውን።

## እተመሓየሹ ዓሌታት ብቑሊ ብመኣዛዊ ትሕዝቶኦም ይፍለዩዶ?

መበቈላውያን ዘራእቲ፡ ብመቐረቶምን ብዘሎዎም ተጻዋርነትን ንኣከባብያዊ ምልምማድን ዝተፈልጡ እዮም። እንተኾነ፡ ኣብ ዝተናውሐ ዓመታት ዝነበሮም ብልጫታት የጥፍኡ'ሞ ክመሓየሹ የድሊ።

መሰርሕ ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ምስ መበቈላውያን ዓሌታት ዘራእቲ ብምውሳብ ወይ ብምትሕንፋጽ ስለ ዝካየድ፡ እቶም ዝምዕብሉ ዓሌታት፡ እቲ ተዳላዩ ወይ ዘገድስ ባህርያት ዘርኢ ሒዞም ከም ዝፈርዩ ንምግባር እዩ ዝጻዓር።

ብሓፈሻ ግና ዕላማ ናይቲ ዝካየድ ምርምራዊ ስራሕ፡ ኣብ ምምሕያሽ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘተኰረ እንተኾይኑ፡ ክትግበር ይከኣል እዩ። ንኣብነት ብፍሉጣት ትካላት ምርምር ዓለም፡ ንሓደ ዓሌት ዕፉን ፕሮቲናዊ ትሕዝቶኡ፣ ንሓደ ዓሌት ብልቱግ ድማ ትሕዝቶ ቪታሚን ከም ዝህሉዎም ተገይሩ እዩ።

ኣዳላዊ፦ ኣቶ ንጉስ ኣብርሃ
ዳይረክተር ጨ/ምርምር ምሕየሻ ዘራእቲ

# ካብ ሓንቲ ላም ናብ ትካል ምምስራሕ ጸባ (FT)

ብፊልማዊት መዓሾ



ወይዘሮ ፍረወይኒ ተስፋዮሃንስ ብርሃነ፡ ኣብ ዓዲ መርዓዊ ንኡስ ዞባ በሪኽ ተወሊዳ፣ ኣብ ኣስመራ ገዛ ኸንሻ ድማ ዓብያ። ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻሙናይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ እቴገመነን (ናይ ሎሚ ኣዱሊስ)፡ ካብ ታሽዓይ ክሳዕ ዓስራይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልኡል መኰንን (ናይ ሎሚ ኣስመራ ሓፈሻዊ) እናተማህረት፡ ዓስራይ ክፍሊ ከይዛዘመት ኣብ 1978 ናብ ሜዳ ተሰሊፋ። ኣብ ብሌቓት ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳዳ፡ ኣብ ሰበርቀጠ ኣጋር ሓኪም ተማሂራ፣ ኣብ ጊንዳዕ ክትሰርሓሉ ጀሚራ። ነዊሕ ከይሰርሐት ምዝላቕ ስለ ዘጋጠመ፡ ናብ ሳሕል ብምምላስ፡ ኣብ ብዓል ሓሊበት፡ ዓምበርበብን ኣብ ካልእ እተፈላለዩ ቦታታትን ካብ ደረጃ ኣጋር ሓኪም ክሳዕ ሓኪም ቦጦሎኒ ብምዃን ክሳዕ ግዜ ናጽነት ሰሪሓ።

ኣብ ሜዳ ዘበዝሐ ግዚኣ ኣብ ኣሃዱ መብጣሕቲ ዘሕለፈት ተጋዳሊት ፍረወይኒ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ኣብ ኣስመራን ኣብ ኩዶብዑርን (ዞባ ደቡብ) ተመዲባ ሰሪሓ። ኣብ 1993 ትምህርቲ ነርስ ንምውሳድ፡ ኣብ ኣስመራ ቤት ትምህርቲ ነርስ ተጸንቢራ፣ ትምህርታ ድማ ብግቡእ ዛዚማ። ንሞያኣ ዝድርዕ ስልጠና ሕክምና ቈልዑ (Pediatric Nurse) ድሕሪ ምውሳዳ፡ ኣብ ሕክምና ሕጻናት ንዝተወሰነ ዓመታት ሰሪሓ። ኣብ መወዳእታ 1997 ድማ ብምኽንያት ሕማም ኣለርጂ ካብ ሆስፒታል ተጣይሳ። ወ/ሮ ፍረወይኒ ድሕሪ ምጥያሳ፡ ኣብ ሕርሻ ምርባሕ ከብቲ ክትነጥፍ ተበጊሶ ወሲዳ። ደረጃ ብደረጃ ብዘመዝገበቶ ገስጋስ ድማ ኣብዚ እዋን'ዚ ደረጃኡ ዝሓለወ ጸባን ውጽኢት ጸባን ብምቕራብ፡ ሓንቲ ካብ'ቶም ኣብነታውያን ሓረስቶት ሃገርና ክትከውን በቒዓ ኣላ። ኣብዚ እዋን ወናኒትን ኣካያዲትን ትካል ኣግሮ-ኢንዳስትሪ ጸባን ውጽኢት ጸባን FT ብምዃን ንሕብረተሰብ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ትርከብ። መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ክትበጽሕ ዝሓለፈቶ ብድሆታትን ዘረኸበቶ ዕድላትን ዓወታትን ኣመልኪታ ዘካየደቶ ዕላል ይስዕብ፡-

### ምርባሕ ናይ ጸባ ኸብቲ ብኸመይ ኢኺ ጀሚርክዮ?

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ 1992 ነታ ቦኾሪ ጓለይ ክሓርስ ኢለ ካብ ኩዶ-ብዑር ናብ ኣስመራ መጺአ። ናይ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ካምቦቦሎ፡ ገፊሕ ካንሸሎኡ ኣብ ውሽጡ ሳዕርን ዒላን ዘሎዎ ገዛ ንመንበሪ ኢልና ንካረ። እቲ ገዛ ቅድሚኡ ኣመሪካውያን ንመፋረዪ ኣፍራስ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ'ዩ ነይሩ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1992፡ ቦኽሪ ጓለይ ኣብ ዝሓረስኩሉ እዋን፡ ብዓል ቤተይ (ተመስገን) ኣብ ናቕፋ ስለ ዝነበረ፡ ዋላ ንመግዝኢ ጸባ'ውን እሸገር ነይረ። ጥምቀት ምስ ኣሕለፍና፡ ብዓል ቤተይ ናብ ኣስመራ መጺኡ ስለ ዝነበረ፡ "እዚ ኹሉ ኣብ ካንሸሎና ዘሎ ሳዕሪ፡ ላም እንተ ንገብረሉስ፡ እንተ ኸፍኣስ ንሕጻን ጓልና ዝኸውን ጸባ'ኳ ምረኸብናሉ" ዝብል ምድሪ ዘይወድቕ ሓሳብ የምጽእ፣ ተሰማሚዕናሉ። ኣብ 1993 ምስ ሓደ ቤተሰብ ናብ ዕዳጋ ኸይዶም ሓንቲ ላም ሒዞም ይመጹ። ኣብ ካንሸሎ ዝኣክል ማይን ሳዕርን ስለ ዝረኸበት፡ ተሰማሚዕዋ። ጸኒሕና፡ ዝሓሸ ጸባ ክሕለባ ዝኽእላ ናይ ካልእ ዓሌት ኣማራጺታት እኳ እንተ ነበራ፡ ምስ ዓቕምና እተኸይድ፡ ሓንቲ ናይ ዓድና ተወሳኺት ላም ዓዲግና፣ ጸኒሕና'ውን ሰሊስና። ኣብቲ ከባቢና ብዙሓት ተጋደልቲ ስለ ዝነበሩ፡ ጸባ ክንሸይጥን ገንዘብ ክንእክብን ጀሚርና ማለት'ዩ።

ኣብ 1994 ድማ ንሰለስቲአን ሸይጥና፡ 'ጽቡቓት ዓሌት' ኢልና ዝገመትናየን ካብ ሓደ ሓረስታይ ዓዲግና። ጽባቐአን ከምቲ ግምትና'ኳ እንተ ዘይነበረ፡ ክሳዕ 1997 ብእአን ተኻዪድና።

ኣብ መወዳእታ 1996፡ ክጣየስ ከለኹ፡ 'መጣየሲ እንታይ ክንህበኪ' ምስ ተበሃልኩ፡ ከብቲ ክገብር ከም ዝደሊ እነግሮም። እንዳ ምጥያስ ኩነ፡ ስድራይ፡ ኩሉ መቕርበይ፡ 'ኣይትኽእልዮን ኢኺ፡ ናይ ነርስ ሞያ እናሃለወኪ፡ ፋርማሲ ዘይትኸፍቲ' ዝብል ሓሳብ ሂቦምኒ። ኣነ ግና ድሮ ወሲነ ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ኣማሓዳሪት ሸማይነሸ ኪሮስ (ትሪንዳድ) ከይደ፡ ከም ዝተጣየስኩን ከብቲ ክገብር ከም ዝደልን ነጊረያ። ንሳ'ውን ኣብቲ መጀመርታ፡ ኣይተቐበለቶን፣ ናይ ምቕራብ'ዩ። 'ነቲ ስራሕ ድሮ ከም ዝጀመርክዎ፡ ንደቀይ ዝኾነኒ ጸባን ብሸያጡ ድማ ገንዘብ ክረኽበሉ ከም ዝጀመርኩን' ኣዕሊለያ። ሽዑ ብጽቡቕ ተቐቢላቶ። ብዛዕባ መፍረ ኸብቲ መጽናዕቲ ተተግባርነት (Feasibility study) ዘካይድ ምስ ዝነበረ (መንግስ ኣፍወርቂ) ኣላልያትኒ። ንሱ ድማ ኹሉ ኣረዲኡኒ። ብድሕሪኡ ደጊመ ናብ እንዳ ምጥያስ ከይደ፡ ከብቲ ከም ዝደሊ እሕብሮም። ኣጋጣሚ ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ናይ ዲላበርዕድ ዝውገና ኸብቲ ከም ዘለዋ ኣብ ጋዜጣ ኣንቢበ ስለ ዝነበርኩ፡ እንታይ ዓሌት ከም ዝደሊ ምስ ሓተቱኒ፣ ካብኣተን ክገዝኡለይ ነጊረዮም። ብ40

ሽሕ ናቕፋ ሽውዓተ ኸብቲ ገዚኦምለይ። ኣብ መጀመርታ 1997 እዩ ነይሩ፤ ንሽውዓተ ከብቲ ዝኣክል ቦታ ኣይነበረናን። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ከብቲ ካብ ኣስመራ ክወጽኣ መምርሒ ተዋሂቡ ስለ ዝነበረ፡ ከም ኵሎም ሰብ ከብቲ፡ ንሕና'ውን ናብ ዑና-ምናሴ ወጺእና። በቲ ዝነበረኒ ገንዘብ ሰራሕተኛታት ቈጺረ፡ ዓረብያ፡ ፈረስ፡ ሞተረ ገዚአ። ኣብ ማይ-በላ ድማ ጀርዲን ገይረ።

## ኵነታት ናይ'ተን ካብ ዲላበርዕድ ዝገዛእክየን ከብቲ ከመይ እዩ ነይሩ?

ኣብ ገለ ኣካለን ጉድለት ስለ ዝነበረን፡ ነቲ ትካል ዘየድልያ ተባሂለን ዝውገና ዝነበራ'የን። ዓሌተን ጽቡቕ፡ እተን ዓበይቲ ድማ መልኣትን ዝሕለባን ስለ ዝነበራ ግዳ፡ ውላደን ጥዑያት እየን ነይረን። ስንክልናኣን ብዘየገድስ ዓሌት ዘለዋኒ ከብቲ ከመሓይሽ፡ ካብኣተን ክዕድግ ከም ዘሎኒ ምኽሪ ስለ ዝረኸብኩ'የ ካብቲ ትካል ዓዲገ።

## መፍረ ደርሆ'ውን ጀሚርኪ ኔርኪ?

እወ፣ ግና ኣይቀጸልኩዎን። ቅልጡፍ እቶት ስለ ዘሎወን፡ ክሳራታት ከብቲ ንምሽፋን ኢለ'የ ከፍርየን ጀሚረ። ንዕኣን ዝኸውን ምቹእ ቦታ ስለ ዘይረኸብኩ፡ ቀልጢፈ እየ ኣቋሪጸየ። ድሌተይን ዝንባለይን ኣብ ጸባን ውጽኢት ጸባን ስለ ዝዛዘወ እውን ክኸውን ይኽእል።

## እዚ ኵሉ ወፍርታት ከትገብሪ ገንዘብ ከመይ ይተኣኻኸለልኪ ነይሩ?

ከም መበገሲ እንዳ ምጥያስ ብ40 ሽሕ ናቕፋ፡ ከብቲ ባዕሎም ገዚኦምለይ፤ ብልቓሕ እዩ ነይሩ። ንዕልተይ፡ እቲ ለቓሕ ጸቕጢ ከይፈጥረለይ ኢላ፡ 'ንዓይ ቀስ ኢልኪ ትኸፍልኒ' ብምባል፡ ልቓሐይ ቀልጢፈ ከም ዝኸፍል ገይራትኒ።

## ስራሕኪ ከመይ ይሰልጠኪ ነይሩ?

ናይ ንግሆ ዘፍረኽዎ ጸባ፡ ናብ ፋብሪካ ጸባ ኣስመራ (እንዳ ኣቺ)፡ ናይ ምሸት ድማ ናብ መዓስከር ደንደን (ቃኘው) እየ ዝሸጦ ነይረ።

## ምግቢ እንስሳ እንታይ ትገብሪ ኔርኪ?

ኣብቲ እዋን፡ ምግቢ እንስሳ (ፍሩስካ) ሕሱር'ዩ ነይሩ። ብዛዕባኡ ንሚኒስትሪ ሕርሻ እንታይ ክገብር ከም ዘሓይሽ ምስ ተወከስኩ፡ ካብ ምድላው ምግቢ ቀይሕ ባሕሪ ክወስድ ደብዳበ ጽሒፎምለይ። ዝኣክል ቀለብ እንስሳ እረክብ ስለ ዝነበርኩ ኸኣ፡ ቀልጢፈ ዕዳይ ክኸፍል ኣኽኢሉኒ'ዩ።

## ሕራይ ቀጽሊ፦

መደብ ውህለላን ንኡስ ልቓሕን (መውል) ምስ ተመስረተ፡ ካብቲ ትካል ገለ ገንዘብ ተለቂሐ። ኣብ ዲላበርዕድ ካልኦት ዝውገና ከብቲ ስለ ዝነበራ፡ ካብ'ተን ዝሓሻ ክልተ ከብቲ ገዚአ። ብዝሒ ከብትና ናብ 30 ገጸን ተጸጊዐን ነይረን። መዓልታዊ ድማ ካብ 150 ክሳዕ 220 ሊትሮ ጸባ ነፍሪ ኔርና። ተወሳኺ ገንዘብ ኣብ ዘድልየኒ ድማ ካብ መውል እናተለቃሕኩ እሰርሕ ነይረ።

## ምምስራሕ ጸባ ብኸመይ ኢኺ ጀሚርክዮ?

ኣብ ካምቦቦሎ ዝነበሩ ሰብ ከብቲ፡ ንግሆ-ንግሆ 300 ሊትሮ ጸባ ሒዞም፡ ናብ እንዳ ኣቺ ክኸዱ እርእዮም ስለ ዝነበርኩ፡ ኣነ'ውን ክብገስ ከለኹ፡ ከምኦም ጸባ ንእንዳ ኣቺ ክሸጠሎም ኢለ እየ ተበጊሰ። ኣብቲ መንግስ ዝገበረለይ መጽናዕቲ ግና ጸባ፡ ፋርማጆ፡ ርግኦን ካልእን ክንምስርሕ ንኽእል ምኳንና ይነግረኒ ነይሩ። ምምስራሕ ጸባ ኣብ 2004 ካብ ዓዲ ሰጉዶ ናብ ዳዕሮ ጳውሎስ ምስ ሰገርና ኢና ጀሚርና። ድሮ ነቲ ገዛ ልቻንሳ ኣውጺእናሉ ኔርና ኢና። ፋርማጆ፡ ሞሳሬላን ጅብናን ከመይ ጌርካ ከም ዝምስራሕ ኣቦይ ካሕሳይ (ካብ ሰላማፋቻ) እዮም ምሂሮምና።

ሽዑ ፋርማጆ ክንሰርሕ ጀሚርና። ሓንቲ ናይ 30 ሊትሮ ክሬም ትፈሊ ንእሽቶ ማሽን ጌርና። ጅብና (Soft cheese) ኣብ ግዜ ጾም ንሰርሖ፣ ርግኦ ድማ ኣብ ንኣሽቱ ጒማታት እናገበርና ናብ ቤት ቁርሲ ክንሽይጥ ጀሚርና። ካብ ፋብሪካ ፕላስቲክ ድባርዋ ድማ ብለቓሕ ናይ 70 ሽሕ ሊትሮ መትሓዚ ዓዲግና። 100 ሊትሮ እትሕዝ ክሬም እትፈሊ (Cream separator) ሓዳስ ማሽን'ውን ገዚእና። ብኣፍልጦ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ነቲ መሸጣ ርግኦ ብጽቡቕ ቀጺልናዮ። ተበግሶ እንተ ወሲድካ፡ ሰብ የተባብዓካ እዩ። ሽሕ'ኳ ኣብቲ ፈለማ ጅብና ንሸይጥ ዝነበርናሉ እዋን ክሳዕ ተሰነይ ዓማዊል እንተ ነበሩና፡ ዝያዳ ኣብ ርግኦ ብምትኳር ቀንዲ ፍርያትና ጌርና ቀጺልናዮ ኣሎና።

## ኣመዓብብላ እትሸጥሉ ዝነበርኪ መትሓዚ ርግኦ ከመይ እዩ ነይሩ?

ቀድም ኣብ ናይ 30 ሊትሮ ኢና ንሸይጥ ኔርና። ደሓር ናይ 15 ሊትሮ፡ ቀጺልና ናይ 3 ሊትሮ፡ ድሓር ኣብ ናይ ሓደ ሊትሮ፡ ድሕሪኡ ድማ ማይ መስተዩ ዝመስላ ካብ ሱዳን ዝምጻእክወን ኔረን ብእኣን ቀጺልና። ካብ 2012 ድማ ነዘን ክሳዕ ሕጂ ንጥቀመለን ዘሎና ነኣሽቱ መትሓዚ፡ ካብ ዱባይ ኣምጺአ።



FT ትካል ምምስራሕ ጸባ፡ ኣብ ምትካል እግሩ ዝነበረ ኩነታት

## ሓደ እዋን ኩለን ኩብትኺ ሞይተን ምንባረን ሰሚዕና

ኣብ 2004 እዩ ነይሩ። ኣቐዲመን ካብተን ምራኹት ቀርጸትን ውጽኣትን እናገበረለን ክሞታ ምስ ጀመራ፡ ነቲ ቀልቀለን ወሲደ ኣብ ላባራቶሪ ኣመርሚረዮ። ናይ ማይ ጸገም ከም ዝነበረ ተረጋጊጹ። እንዳ ማይ ከይደ ቡምባ ኣእተየ። ቀጺለን ሰለስተ መልኣትን ሰለስተ ጠዓዉን ሞይቶምና። ኣብቲ እዋን ሓኪም ጥዕና እንስሳ ኣቶ ገብረሚካኤል፡ ሓንቲ ክትሓርስ ዝቐረበት መላእ ላም ስለ ዝነበረትና፡ ዋላ ብመጥባሕቲ ከሕርሳ'የ ኢሉ መጥባሕቲ ገይሩላ። እንተኾነ ኣይሰለጠን። ምስ ውላዳ ክትሰርር ኣይከኣለትን። ብድሕሪኣን ሽውዓተ ምራኹትን 16 ዓበይትን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ሞይተን። ሽዑ ካብ ማይ-በላ ንዳዕሮ ጳውሎስ ቀዪርና ኔርና። ጠንቂ ሞተን ንምፍላጥ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላታት ጸዊዕና፣ መጽናዕቲ ገይሮም። ኣብ ጥቓና መኽዘን ጸረ-ባልዕ ስለ ዝነበረ 'ተበኪለን ከይኰና' ዝብል ግምታዊ መልሲ ተዋሂቡና። ብተወሳኺ ኣብ ትሕቲኣን መሕለፊ ሽቓቕ ስለ ዝነበረ ጨና ናብኣተን ልሒኹ ከይከውን'ውን ጥርጣረ ገበርና። ኣብቲ ግዜ ከሎና ዓይኒ ዘይብሉ ልሙስ (Hydrocephalus's) ምራኽ'ውን ተወሊዱ ነይሩ እዩ። ክሞታ ኸለዋ ሓሙስ ሰዓት 10 ጀሚረን ልክዕ ዓርቢ ሰዓት 11 ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ሰዓት እናሞታ ተወዲኣን። ሽዑ እቲ ግዛ ብ6 ሽሕ ናቕፋ ኢና ተኻሪናዮ ኔርና፣ ምሉእ ዓዲ'ዩ ተገሪሙን ምሳና ሓዚኑን። ምስ ሞታ ጥራሕና ኢና ተሪፍና። ጸባ፡ ኩብቲ ገንዘብ የለን። እቲ መንበሪኣን ገዛ ማይ ጀረብረብ'ዩ ዝብል ነይሩ። ነተን ውሑዳት ዝተረፋና ኣብ መንበሪና ገዛ ኣእቲና፡ ንሕና ኣብ ቴንዳ ንቕመጥ ኔርና።

ሽዑ ኣብ እንዳ ስታላ ኮፍ ኢልካ ካብ ምውዓል፡ ሚኒባስ ስለ ዝነበረትና፡ ሰብ የመላልሰላ፡ ደቀይ ናብ ትምህርቲ ይወስደላ፡ ነተን ኩብቲ ድማ ቀለብ የምጽኣላ ነይረ። ዝበዝሐ ኣቕሑትና ኣብ ውሽጣ ይቕመጥ ነይሩ። ጸኒሓ'ውን መደቀሲና ኰይና። ኣብኣ ዓመትን ሓሙሽተ ወርሕን ጌርና። ድሕሪኡ እቶም ዓበይቲ ዓዲ ናይ ዳዕሮ ጳውሎስ ብዘጋጠመና ኹነታት ስለ ዝሓዘኑ፡ ብገዛእ ዓድኽስ ኢሎም፡ ብሸነኽ ዓዲ ጓዕዳድ ቦታ ሂቦሙና። እቲ ቦታ ጎቦ ዝነበሮ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ከባቢ ማይ ፈቲሽና ስለ ዝረኸብና፡ ዒላ ኲዒትና።

ደሓር ናብ ዳዕሮ ጳውሎስ ምስ ተመለስና (ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ) ኩብቲ ምማት ኣይገደፋኦን። እተን ናተን ውላድ ግና እቲ ቦታ እናተለማመዳኦ ስለ ዝመጻ፡ ጽቡቕ ክዓብያልና ጀሚረን። ነተን ዝሞታና ገሊኣን ካብ'ቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሓረስቶት፡ ገሊኣን ድማ ካብ ዒላበርዕድ እናበልና ተኪእናየን። እቲ ዝሓለፍናዮ ኩነታት ሕጂ ክዝክሮ ከለኹ፡ ኣዝዩ ኸቢድን ኣጨናቒን እዩ ነይሩ።

## ኣባል ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማሕደኤ) ኢኺ። መዓስን ብኸመይን ኢኺ ኣቲኺ?

ምስ'ቲ ማሕበር ኣብ 2005 እዩ ሌላና። ነዳዲ ክፍቀደለይ ናብ ኮርፖረሽን ነዳዲ ኸይደ፡ ነቶም ዝምልከቶም ብዛዕባ ስርሐይ ከላሊ ኸለኹ፡ ናይ ኣጋጣሚ ሓደ ሰብ ስለ ዝሰምዓኒ፡ ኣብ ስራሕኪ ክሕግዘኪ ምስ ዝኽእል "One East Africa" ዝበሃል ማሕበር ከላልየኪ ኢሉ፡ ብዛዕባኡ ሓጺር መግለጺ ሂቡ፡ ቁጽሪ ተሌፎን ይሓድገለይ። ናብቲ ማሕበር ደዊለ ስመይ ምስ ኣላለኹ፡ ኣጋጣሚ ንስርሐይ ጽቡቕ ገይራ እትፈልጦ፡ ገነት በኹረጽዮን እትበሃል ተቐቢላትኒ፣ ተዛራሪብና፡ ብኣካል ናብ'ቲ ቤት ጽሕፈት ክመጽእ ትነግረኒ። ምስ ተራኸብና፡ ነተን ዝምልከተን ብዛዕባ ስርሐይ ብዝርዝር ይገልጸለን። እምበኣር ኣብ ጽቡቕ ግዜ መጺእክና ኣሎኺ፡ ኣብ ኬንያ ንጸባ ዝምልከት ትምህርቲ ስለ ዘሎ ክትገሺ ኢኺ ኢለን ኣርባዕተ ገጽ ዘሎዎ ዝምላእ ፎርም ይህባኒ። ዓቕሚ ስለ ዘይነበረኒ ክኸይድ ከም ዘይደሊ ነጊረየን። "ንሱ ንዓና ግደፍዮ፡ ንስኺ ነዚ ዝሃብናኪ ፎርም ጥራይ መሊእክዮ ምጺ" ኢለን የፋንዋኒ። ነቲ ፎርም መሊኣ፡ ናይ ነርስ ዲፕሎማን ናይ ዝወሰድክዎ ስልጠናታት ምስክር ወረቐትን ሒዘ ተመሊሰየን። ኣብ ሓጺር ግዜ ስለ ዘሳለጣለይ ናብ ኬንያ ገይሸ።

## ኣብኡ እንታይ ሓድሽ ነገር ተማሂርኪ?

ብዛዕባ ምሕደራ፡ ምዕሻግ፡ ልቓሕን ካልእን እዩ ነይሩ እቲ ስልጠና። እቲ ስልጠና ሳልሳይ መዓልቲ ምስ ገበረ፡ ነቲ ዝምህረና ዝነበረ፡ እቲ ትምህርቲ ጽቡቕ ምኳኑ፡ ብሕልፊ ንዓይ ምስቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ምፍራይ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዝሰርሕ ምኳነይ፡ ክንዲ ብኽልሰ-ሓሳብ ጥራይ ብግብራዊ ስራሕ ዝተሰነየ እንተ ዝኸውነለይ ዝሓሸ ምንባሩ ይነግሮ። "ጸገም የለን" ኢሉ፡ ምስ ክልተ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዘፍርያ ደቂ ኣንስትዮ የላልየኒ። ንሳተን ኣብኡ ኣባላት'የን፣ ብዙሕ'የን ዝፈልጣ። እታ ሓንቲ ናብቲ ርግኦ እተፍርየሉ ትካላ ወሲዳትኒ። ሕርሻኣ ብዙሕ ትሕተ-ቕርጺ ኣይነበሮን፡ ግን ጽቡቕ እያ ትሰርሕ። ካብኡ ብዙሕ ተማሂረ፣ ኩብተይ ድማ ከም ናታ ክኹናለይ ተመንየ። ንኣብነት፦ ሓንቲ ላም ሰለስተ ሳዕ ንመዓልቲ እናተሓልበት 60 ሊትሮ ተፍሪ ነይራታ። ኩብታ ካብ ዓሰርተ ኣይበዝሓን እየን፡ ግና ጽቡቕ እየን ዝሕለባ። ናብታ ኻልኣይቲ ምስ ከድኩ ድማ ክሳዕ 70 ሊትሮ ንመዓልቲ ትሕለብ ላም ነይራታ። ብዙሓት ኩብቲ ነይረናኣ። ፋርማጆ፡ ርግኦ ካልእን እናሰርሐት ናብ ሆቴላት እያ ትሸጦ። ኣነ ግና ናይ'ታ ቀዳመይቲ ስሒቡኒ፣ ንዓደይ ክምለስ ከለኹ መራግእትን መመቀርን ርግኦን ሂባትኒ። ርግኦ ክሰርሕ ኣለኒ ኢለ፡ ሓደ ካብቲ ንኽጅምር ዘተባብዓኒ'ውን ንሱ'ዩ ነይሩ፤ ጀሚረዮ ድማ።

## ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዝነበረኪ ርክብ ከመይ ይመስል?

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ፎሮብያ ኸለዉ እየ ዝፋለጥ። ሞተረ ካብኦም'የ ገዚአ፡ ብፍላይ ድማ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን፡ ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም ክሳዕ ሕጂ የተባብዑኒ እዮም። ኣቶ ተሰፋይ ዮሴፍ ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እቲ ዘለኒ ስርሓትን ዝህቦ ኣገልግሎትን ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦ እዩ። ዋላ ኣብታ ድስተይ ብትኪ እናሰራሕኩ፡ ግደፍዮ ኣይበሉንን፡ ዘተጋገኽዎ ጌጋታት እናኣረሙ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ዓመታት ድማ ብጽቡቕ፡ ብዘይ ዝኾነ ጉድለት ሓሊፈየን።

## ኣብ መስርሕ ዝረኸብክዮ ፍሉይ ሓገዝ እንተ'ሎ?

ኣብ 2011 ጥሮታ ዝወጹ ወጻእተኛታት ናይ ነዘርላንድስ ሓንቲ ማሕበር ነይራቶም። ብመገዲ ገነት ቦኽረጽየን ምስ ሚስተር ቲም ዝብሃል ተላሊና። ናይ ጸባ ክኢላ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ቦታ ስርሐይ መጺኡ ርእዩኒ። ኩነታተይ ብምርኣይ፡ ንብረት ከእቱ ዝፍቀደኒ እንተ ኾይኑ፡ ንመግዝኢ መመስርሒ ጸባ ዘገልግሉ መሳርሒታት ዝኸውን ገንዘብ ክሕግዘኒ ከም ዝኽእል ይሕብረኒ። ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኸይደ፡ ፍቓድ እታው ንብረት ሓቲተ፤ ተዋሂቡኒ። ፍቓድ ምስ ተወሃብኩ፡ እቲ ኽኢላ ደጊሙ ኣብ 2012 መጺኡ፡ ነቲ ካብ ወጻኢ ተገዚኡ ዝመጽእ መሳርሒታት ዝኸውን እኹል ቦታ ከም ዘሎኒ  ርእዩ ይምለስ። ክልተ ናይ ጸባ መአከቢ፡ ሓንቲ ናይ 1000 ሊትሮ፡ ካልኣይቲ ድማ ልዕሊኡ፡ ሓንቲ ሓቛኒት ናይ 300 ሊትሮ፡ መፍልሒት ማይ (Boiler) ናይ 220 ሊትሮ፡ ፈላዩት ክሬምን ምስ ኩሉ መቀያየሪ ኣቑሑ፣ ብተወሳኺ ካሴታታት፡ ኮታስ ኩሉ ምስኡ ዝኸይድ መሳርሒታት ገዚኡ ሰዲዱለይ። እቲ ንብረት ምስ መጸ ድማ ባዕሉ መጺኡ ኣገጣጢሙ፡ ኣጀማሚሩኒ ኸይዱ። ሓረስቶት ነዘርላንድስ እንታይ ይገብሩ ብኣካል ክርኢ ድማ ዕድመ ገይሩለይ፤ ኣብኡ'ውን ናይ 10 መዓልትታት ግብራዊ ተመኩሮ ቐሲመ መጺአ።

### ዝበዝሐ ፍርያትኪ እንታይ እዩ ዘሎ? ጉዳይ ዕዳጋኸ?

ዝበዝሕ ፍርያትና ርግኦ እዩ። ኣብ ግዜ ጾም ጁብና፡ ሞሳሬላ ድማ ብትእዛዝ ንሰርሕ። ብሮ ካብ 200 ግራም ክሳዕ ኪሎ ዓቐኑ እናተፈላለየ ዝኸይድ፡ ጠስሚ ዝተኸለሰን ዘይተኸለሰን ካብ ፍርቂ ክሳዕ ሓደ ኺሎ ንሰርሕ። ዕዳጋና ዝበዝሐ ኣብ ዞባ ማእከል እዩ፤ ናብ ባጽዕ፡ ከረን፡ ዓዲ-ቐይሕ'ውን ንልእኽ ኢና። ብሓጺሩ ኣብዚ እዋን፡ ፍልጠትና ሰፊሑ፡ ጽቡቕ ኢና ዘሎና። ገለ ገለ ናይ ጸዓትን መሳርሒታትን ሕጽረታት ገዲፍካ፡ ኣብ ዝሓሸ መድረኽ ንርከብ።

### ከመይ ዝበለ ውሽጣዊ ድርኺት ስለ ዝነበረኪ'ዩ፡ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊርኪ ኣብዚ ደረጃዚ ክትበጽሒ ክኢልኪ?

ካብ ቤተይን ህዝባዊ ግንባርን ዝተመሃርኩዎ እዩ። እንተ ወዲቕካ ክትትንስእ ከም ዘሎካ እየ ተማሂረ። ኣቦይ ሰራሕተኛ መንግስቲ እዩ ነይሩ። ዓድና ካብ ኣስመራ ቀረባ ስለ ዝኾነ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ዓርቢ ንዓዲ ንኸይድ ኔርና። እዚ ኽልቲኡ ስራሕ ሃገረ-ሰብን ከተማን ክኽእል ሓጊዙኒ እዩ። ንገድሊ ብዙሕ ክለምዶ ኣይተሸገርኩን። ኮታስ፡ 'እዚ ናይ ወዲ ስራሕ፡ እዚ ናይ ጓል ስራሕ' ተባሂሉ ኣብ ዝፈላሊ ቤት ኣይዓበኹን። ልዕሊ ኹሉ ድማ ከብቲ ተፈቀርቲ እየን። ፍቕረን ምስ ሓዘካ ክትገድፈን ኣይትደልን ኢኻ። ሓንጎልካ ድማ ወትሩ ሓድሽ ሓሳባት እዩ ዘፈልፍል።

### ናይ መጻኢ መደባትኪ ከመይ ይመስል?

ኣብ ብዝሒ ዘይኮነ ኣብ ዓይነት ከም ዝኸውን ምግባር'ዩ። ጽቡቕ ዝዓሌተን ውሑዳት ከብቲ ኣጥሪና፡ ጽፉፍን ብርኩትን ምህርቲ ክንሓፍስ ኢና ንጽዕር ዘሎና። ዝተራቐቐ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ከነተኣታቱ'ውን መደብ ኣሎና።

### ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ትደልዩ እንተ ኣልዩ ዕድል ክህበኪ

ንሚኒስትሪ ሕርሻ ከመስግኖ እፈቱ። ኣባላት እቲ ሚኒስትሪ፡ ካብታ ትኪ ክሳዕ ሕጂ ምሳይ እዮም ዘለዉ። በዚ ኣጋጣሚ ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፡ ኣብ ቀረብ መትሓዚ ኩባያታት ንጽገም ምህላውና'ዩ። ብስሩዕ ቀረብ ንረኽበሉ ኩነታት እንተዝፍጠር፡ ኣብ ዋጋ ምተሓገዝና፡ ፍርያትና ድማ ናብ ሕብረተሰብ ብርትዓዊ ዋጋ ምበጽሐን ረባሒ ናይ'ቲ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ፍርያት ከኣ ምኾነን።

**ነመስግነኪ ወይዘሮ ፍረወይኒ**



# ውሸባ ብቝልን ውጽኢቱን

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ባልዓትን ሕማማትን ዶብ የብሎምን። ስለዝኾነ፡ ተላባዕትን ሰግረዶባውን ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ታህዋስያን (microbial organisms) ካብን ናብን ክላብዑ ጸኒሖምን ኣለዉን። ነዚ ጸገም ንምውጋድ ድማ፡ ዝተፈላለያ ሃገራት ውሸባ ብቝሊ እንስሳታትን ውጽኢቶምን የካይዳ። ውሸባ (ኳራንተን) ካብ ቋንቋ ላቲን ዝረዓመ'ዩ። ብቛንቋ ጥልያን ከኣ 40 መዓልቲ (Quaranta giorni) ዝብል ትርጉም ይወሃቦ።

ኣብ ውሸባ ብቝሊ ኣተኲርና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሓላፊ ጨንፈር ቊጽጽር ሃብቲ ብቝሊ ኣቶ ሰዒድ ኑረዲን ዝሃበና መብርሂ ይስዕብ።

### ውሸባ ብቝሊ (Plant Quarantine)፡ እንታይ ማለት'ዩ?

ካብ ሕማም ዘስዕቡ ባልዓት፡ ታህዋስያን፡ ዘርኢ ጻህያይን ካልኦት ጸረ-ብቝሊ ዝኾኑ ተጕዳእቲ ነገራትን ድሕነቱን ጽሬቱን ዘይተረጋገጸ ብቝሊ፡ ካብ ካልእ ሃገር ምእታውን ከምኡ ድማ ካብን ናብን ኣብ ሃገርን ምዝርጋሕን ንምክልኻልን ምቊጽጻርን ዝውሰድ ሕጋዊ ስጕምቲ፡ ውሸባ ብቝሊ ይብሃል።

### ኣብ ሃገርና ንሓፈሻዊ መስርሕ ውሸባ ብቝሊ ዘገልግል ዝተነድፈ ሕጋዊ መምርሒ ኣሎዶ?

እወ ኣሎ። ኣዋጅ ውሸባ ብቝሊ ቊጽሪ 156/2006 ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ። ንሓፈሻዊ ምምሕዳርን ምእታውን ኣብ ምቊጽጻር ሰደድ፡ ባልዓት፡ በደላት፡ መቐጻዕትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ድንጋገታትን ሓቝፉ ዝተነድፈ ኣዋጅ ድማ'ዩ።


ኣቶ ሰዒድ ኑረዲን

### ቀንዲ ዕማማት ኣገልግሎት ውሸባ ብቝሊ ክትጠቕሰልና?

- ኣብ ቀንዲ ኣፍደገታት ባሕርን መሬትን፡ ነቑጣታት ውሸባ ብምምስራት፡ ናብ ሃገር ዝኣቱ ብቝልን ፍርያት ብቝልን ዘይድለዩ ባልዓት ሒዞም ከይኣትዉ ቊጽጽራዊ ስርሓት የካይድ።
- ሰግረ-ዶባዊ ምስፍሕፋሕ ባልዓት ንምውጋድ፡ መኻዚኖታትን መሳለጥያታት መጕዓዝያ ምቊጽጻር፡
- መትሓዚታት፡ መዐሸጊ፡ መኻዚኖ ቦታን መጕዓዝኣምን ካብ ባልዓት ናጻ ምዃኖምን ምምካኖምን ምርግጋጽ፡
- ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ምስ ትካላት ትምህርቲ፡ ወኪላት ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትታት፡ መደባት ስልጠና ውሸባ ብቝሊ ምምሕያሽ፡ ብቕዓት ዓቕሚ ሰብ ምሕያል ከምኡ ድማ ንሰደድ ዝዓለመ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ጫካታት፡ ዓበይቲ መኸዘናት፡ ትካላት መመስርሒ ፍርያት ብቝሊ ወዘተ ቊጽጽራዊ ብቕዓት ብቝሊ ምክያድ ዝብሉ ይርከብዎም።

### ዓይነትን ደረጃን ውሸባ ብቝልን ውጽኢት ብቝልን

ክልተ ዓይነታት ውሸባ ኣለዉ። ውሸባ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ኣፍደገታት መእተውን መውጽእን ቦታታት ድማ የጠቓልሉ።

### ንውሓት ግዜ ውሸባ ብቝሊ

ንውሓት ግዜ ውሸባ ብቝሊ ኣብ ዓይነትን ባህርያትን ብቝልን ውጽኢት ብቝልን ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ሓደ ሰሙን ክሳዕ ክልተ ዓመት ክዝርጋሕ ይኽእል።

### ብቝልን ውጽኢት ብቝልን መዓስን ብኸመይን ናብ ውሽጢ ሃገር ይኣትዉ?

ብመሰረት ኣዋጅ ውሸባ ብቝሊ ቊ.156/2006፡ ነዞም ዝስዕቡ ኲነት ምስ ዘማልኡ ጥራይ ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ይፍቀደሎም።
-ብኽፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ብዝወሃብ መእተዊ ፍቓድ ምስ ዝስነዩ፡
- ካብ መበቈል ሃገሮም ናይ ጥዕና ምስክር ወረቐት ሒዞም ምስ ዝመጹ፡
- ብፍሉጣት ናይ መእተዊ ነቑጣ ምስ ዝመጹ፡
- ኣብ ዝኣትወሉ እዋን ንቊጽጽር ብእዉጅ መገዲ ምስ ዝቐርቡ።

### ሳዕቤናት ዘይቕዩድ እታው ብቝልን ውጽኢቱን ብኣብነት ኣስኒኻ ክትገልጸልና

- ሓደሽቲ ወይ ዘይነበሩ ባልዓትን ሕማማትን ናብ ዘይተበከለ ቦታ ብምእታው፡ መነባብሮኦም የጣጥሑን የስፋሕፍሑን፣
- ብሕማማትን ባልዓትን ዝተጠቕዑ ብቝሊ፡ ምህርቲ ኣብ ምሃብ ደረጃ ከይበጽሑ ይኹለፉ። እንተበጽሑ'ውን እቲ ዝርከብ ምህርቲ ትሕቲ ብቕዓት ወይ'ውን ጥዕናኡ ዝጠራጠርን ዕዳጋ ዘበላሹን ይኸውን፣
- ተጠቓምቲ ሕርሻዊ ምህርቲ፡ ትካላት መመስርሒ መግቢ፡ ብቕዓቱን ጥዕናኡን ዝተሓለወ ምህርቲ ስለ ዘይረኽባ፡ ልዑል ቊጠባዊ ክሳራ የጋጥመን፣
- ብሕማማትን ባልዓትን ዝተጠቕዑ ኣብ መኽዘን ዝተኸዘኑ ውጽኢት ብቝሊ፡ ንመግቢ ደቂ-ሰብን እንስሳን ዘይብቑዓት ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ኣከባቢ'ውን ይበክሉ፣

- ካብ ደገ ምስ ሃብቲ ብቑሊ ተተሓሒዞም ዝኣትዉ ባልዓትን ሕማማትን ዓይነትን ብዝሕን ምህርቲ ምጉዳል ከይኣኽሎም፡ ፍጹም ናብ ዕንወት ዘብጽሕ ሳዕቤን ከስዕቡ ይኽእሉ። ዝኣትዉ ባልዓት ክሳብ ዝንጸሩን ዝፍለጡን መከላኸሊ ድማ ክሳዕ ዝርከበሎም ሓያል ለብዒ ፈጢሮም ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ክኾኑ ይኽእሉ፣

- ንባልዓትን ሕማማትን ሃብቲ ብቑሊ ንምክልኻልን ምቁጽጻርን ተባሂሎም ኣብ ቦታ ሕርሻ ዝንጸት ጸረ ባልዕ፡ ጸረ-ፋንጋስ፡ ጸረ-ጻህያይን ካልኦት መድሃኒታትን ኣብ ኣከባቢ ዘውርድዎ ሃሰያ ብቑሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን። ገለ ካብቶም ብደገ ዝኣተዉ ባልዓት ንምጥቃስ ዝኣክል፦

1. ባልዕ ፍረ ኮመደረ (Tuta absoluta)
2. ኣብ ስድራ ኣራንሺ ኣብ ከባቢ ዓላ ጋዴን፡ ዒላበርዕድን ሩባ ዓንሰባን ዝርከብ ጻዕዳ ሃመማ (Woolly White fly)
3. ባልዕ ዘይቱን ነፋሪ ሃመማ (Meditereanean Fruit fly)
4. ባልዕ ስድራ ኣራንሺን ናይ ገዛ ኣትክልትን ቀይሕን ጻዕዳን ቅንፊትን ስሊድን (Red and Black scale insects)

## ውሕስነት ውሸባ ብቑሊ

- ናብ ደገ ዝለኣኹ ጥዕናኦም ዝተረጋገጸ ብቑልን ፍርያት ብቑልን፡ ውሑስ ዕድል ናይ ደገ ዕዳጋ ክረኽቡ የኽእሎም። ናብ ሃገር ዝኣትዉ ሃብቲ ብቑሊ ኸኣ፡ ጽሬቶም ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ኣዳልዩ ቁጽጽራዊ ስራሓት ምክያድን ምሕያልን የኽእል።

- ብሰንኪ ካብ ደገ ዝኣተዉን ዝተዘርግሑን ሕማማት ዝስዕብ ምንቁልቋል እቶትን እቶታውነትን ምህርቲ ሕርሻ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ኣብ ዕዳጋታት ውሽጢ ሃገርን ዓለምን ውሑስ ውጽኢት ክህሉዎ ይሕግዝ።

## ህልዊ ውሸባ ዝካየድሎም ቦታታት?

ኣብዚ እዋን ስራሓት ውሸባ ብቑሊ ዝካየደሎም ኣርባዕተ ኣፍደገታት ኣለዉ፣ ንሳቶም ድማ፡ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ወደብ ምጽዋዕ፡ ወደብ ዓሰብ፡ ተሰነይ (ኣርባዕተ ዓሸር) እዮም።

## ኣብ መወዳእታ ለበዋ እንተ'ሎካ

ባልዓት ዶብ የብሎምን። ብፍላይ ሓደስቲ ካብ ደገ መጺኦም ውሸባ ዝጠልቡ ዝዘርኡ ኣዝርእቲ፡ ፈልስታትን ኣብ ዕዳጋ ዝዝርግሑ ፍረታትን፡ ምስኦም ተተሓሒዞም ክመጹ ዝኽእሉ ነገራት ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ፡ ካብ ሓደጋ ንምድሓን ልዑል ጥንቃቐን ኣተኩሮን የድሊ። ህዝቢ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት፡ መኸዘናትን ካልኦት ልምዓታውያን ንጥፈታት፡ ምልክታት ባልዓትን ሕማማትን ብቑሊ ምስ ዝርኢ፡ ብዝቐልጠፈ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤ/ጽ ሕርሻ ክውከስን ኣድላዩ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ ግቡእ ዜግነታዊ ሓላፍነቱ ክዋጻእ እላቦ።



# ውሸባ እንስሳታትን ውጽኢቶምን

ንውሸባ እንስሳን ውጽኢት እንስሳን ኣመልኪታ ሓበሬታ ዝሃበትና ድማ ኣብቲ ኽፍሊ ሓላፊት ኣሃዱ ዝኾነት ወ/ሮ ልዋም ዮሴፍ እያ።

**ዕላማ ውሸባ ኣብ እንስሳታት እንታይ እዩ?**

- ቀንዲ ዕላማ ውሸባ (ኳራንቲን) ኣብ እንስሳታት፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ተላባዕትን ስግረ-ዶባውን ዝኾኑ ሕማማት ንምክልኻል ብሓደ ወገን፡ ካብን ናብን ዝግበር ምንቅስቓስ እንስሳታትን ውጺኢቶምን ለብዒ ሕማም ንኸይክሰት ንምቁጽጻር ድማ በቲ ኻልእ ዓሊሙ ንዝተወሰነ ግዜ ብምሓዝ፡ ዝውሰድ ሕጋዊ መስርሕ ወይ ስጉምቲ እዩ።

**መምርሒ ውሸባ እንስሳታትን ውጽኢቶምን እንታይ'ዩ ዝብል?**

መምርሒ ውሸባ እንስሳታትን ውጽኢቶምን፡ ንኹሉ ካብን ናብን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝኣቱን ዝወጽእን እንስሳን ውጽኢት እንስሳን፣ ምስኦም ዝማልእዎ ኣብ ጥዕና ሰብን እንስሳን ከቢድ ጉድኣትን መቑዘፍቲን ከስዕቡ ዝኽእሉ ተላባዕቲ ስግረ-ዶባውን ታህዋስያንን ሓሸራታትን ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ ንምቁጽጻሮም (ምክልኻሎም) ብመሰረት ዝርዝር መምርሒታት ውሸባ ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰድ ዝብል'ዩ።

**ዓይነታት ወይ ደረጃ ውሸባ ኣብ እንስሳታትን ውጽኢቶምን**

<u>ውሸባ ኣብ እንስሳታት</u>፡- ንሰደድ ዝዓለሙ እንስሳታት ቅድሚ ምልኣኾም ኣብ መጽንሒ ውሸባ ይተሓዙ። ጥዕናኦም ንምርግጋጽ ድማ ብመሰረት ጠለብ ናይታ ትወስድ ሃገር፡ ዘድሊ ቅጥዒ ተማሊእሎምን ንጥዕናኦምን ጽሬቶምን ዘረጋግጽ ሰርቲፍኬት ተሰንዮምን ይለኣኹ። ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ሃገር ዝኣትዉ'ውን ከምኡ።

<u>ውሸባ ኣብ ውጽኢት እንስሳታት</u>፡- ዝኾነ ዓይነት ውጽኢት እንስሳ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ቅድሚ ምልኣኹ፡ ጥዕናኡን ጽሬቱን ተረጋጊጹ ብናይ ጥዕና ሰርቲፌኬት ተሰንዩ ከም ዝልኣኽ ይግበር። ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ውሽጢ ሃገር ዝኣቱ'ውን ብተመሳሳሊ ነዚ ዝተጠቐሰ መስርሕ ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ።

**ኣብ መስርሕ ውሸባ እንስሳታት ዝውሰዱ ስጉምቲታት**

- መስርሕ ውሸባ ኣብ እንስሳታት ብምስግዳድ ምትግባር ሕጊ እዩ። ምሕጻር፡ ምግዳብን ምፍላይን ናይቶም ንሕማማት ዝተቓልዑ እንስሳታት ውጽኢቶምን ካብን ናብን ከይላብዑ ንምቁጽጻር ዝግበር ስርሓት ድማ የጠቓልል።

**ኤርትራ እትኽተሎ ኣገባብ ዓለምለኻዊ ድዩ?**



ወ/ሮ ልዋም ዮሴፍ

- መምርሒን ቅጥዕን ውድብ ጥዕና እንስሳ ዓለም ብዝእዝዞ፡ ንሰደድ ዝልኣኹ ይኹኑ ናብ ውሽጢ ሃገር ዝኣትዉ እንስሳታትን ውጽኢት ጥዕናኦም ዝምስክር ሰርቲፌኬት ዘሎዎም ክኾኑ ይግባእ። ኤርትራ ኸኣ ካብ 1994 ኣባል'ዚ ውድብ ብምዃን ትቕጽል ኣላ።

**ሓደ ኣውፋሪ ወይ ኣምጻኢ እንስሳ ኰነ ውጺኢት እንስሳ ናብ ውሽጢ ሃገር ከእቱ ምስ ዝደሊ እንታይ ከማልእ ኣለዎ?**

ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኡም ክኣትዉን ክወጽኡን ልዑል ምክትታልን ምቁጽጻርን ይግበር። ሓደ ኻብኡን ብቐዳማይ ደረጃ ዝሰራዕን ድማ፡ ፍቓድ እታው ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ምህላው እዩ። ካልኣይ፡ ናይ ጥዕናን ጽሬትን ወረቐት ምስክር ካብ መበገሲ ሃገር ሒዙ ክመጽእን ክወጽእን ሕጋዊ ግዴታኡ እዩ።

**እዚ ምስ ዘይትግበር ወይ ዘይማላእ ዝውሰድ ስጉምቲ ኣሎዶ?**

እወ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ እቲ እንስሳ ይኹን ውጽኢት እንስሳ ኣብ መስርሕ ውሸባ ይኣቱ። ዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል - ሚኒስትሪ ሕርሻ - ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሓላፍነት ወሲዱ ድማ ኣድላዩ መርመራ የካይደሉን ውሳነ ይህበሉን።

**ውሸባ እንስሳታትን ውጽኢቶምን ኣበይን ብኸመይን ይካየድ?**

ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ወደባትን ምድራዊ ዶባትን ይካየድ። ኣብ ኤርትራ ንኣብነት፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ኣብ ወደባት ባጽዕን ዓሰብን ከምኡ'ውን ምድራዊ ዶባት ኣብ ከም ተሰነይ ንጡፍ ስርሓት ውሸባ ይካየድ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝዳወብ ከባቢታት ሃገርና ስርሓ፡ ክሳድ ዒቃ፡ ምስ

ሱዳን ዝዳወብ ከባቢታት ኦምሓጀርን ቅሮራን'ውን ነቑጣታት ውሸባ ክምስረት ናይ መጻኢ መደብ ኣሎ።

ምስዚ ክበሃል ዘጸንሐ ዝተኣሳሰር፣ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣፍደገታት ኣቢሎም ናብ ሃገር ዝኣትዉ ንሕማማት ተነቀፍቲ ዝኾኑ እንስሳታት ዘቤት፣ ዘገዳምን ውጽኢቶምን ጠንቂ ተላባዕትን ሰግረ-ዶባዊ ሕማማትን ንኸይኰኑ፣ ካብ ዝመጽኡ ይምጽኡ ጥዕናኦም ዝተረጋገጸን ብሕጋዊ ሰርቲፊኬት ዝተሰነዩን ክኾኑ ይግባእ።

## ንውሓት ግዜ ውሸባ ብኸመይ ይውሰን?

ኩሎም ጠንቂ ጥዕና ዝኾኑ ታህዋስያን (ቫይረስ ወይ ባክተርያ) ኣብ ኣካላት እንስሳ ይኹን ሰብ ምስ ዝኣተዉ፣ ምልክት ናይቲ ሕማም ክሳብ ዝርአ ዝወስዶ ግዜ፣ ናይ ሕቕፎ ግዜ (Incubation period) ይብሃል። በዚ መሰረት፣ ኩሎም'ቶም ብሕማም ዝተጠርጠሩ እንስሳታትን ውጽኢቶምን ጥዕናኦም ክሳዕ ዝረጋገጽ ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ውሸባ ይኣትዉ። ኩሎም ታህዋስያን፣ ዝተፈላለየ ናይ ሕቕፎ ግዜ ስለዘለዎም ድማ፣ ንውሓት ግዜ ውሸባ ኣብ ንውሓት ግዜ ሕቕፎኦም ተመርኲሱ ይውሰን።

## ንዘይቅዩድ እታዉ እንስሳታትን ውጽኢቶምን ዝውሰድ ስጉምቲ

ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ንዝእቱ እንስሳ ይኹኑ ውጽኢት እንስሳ፣ ንጽሬት ጥዕናኡ ብዘረጋግጽ ሰርቲፍኬት ምስ ዘይሰነ፣ ኣብ ጥዕና ሰብን እንስሳን ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል። ነዚ ድማ ከም ኣድላይነቱ ናይ ምቕታል፣ ምቅጻልን ምጕሓፍን ሕጋዊ ናይ ምውጋን ስጉምቲ ይውሰደሉ።

## ውሸባ ብስነ-ምግባራዊ ኣገባብ ድዩ ዝካየድ

ተላባዕትን ሰግረ-ዶባውን ሕማማት እንስሳታትን ውጽኢቶምን ንምክልኻል፣ ኣብ ህዝብን ሃገርን ከስዕቦ ዝኽእል ጥፍኣት (ጉድኣት) ንምቊጽጻርን ንምድሓንን ከምኡ'ውን ነቶም ዝሕጸሩን ዝውሸቡን ዘድሊ ኣገባብ ናይ ውሸባ ኣማሊኡ ዝትግበር ምስ ዝኸውን፣ "ስነ-ምግባራዊ ውሸባ" ንብሎ። ንኣብነት፦ ኣብ ትሕቲ ውሸባ ክጸንሕ ዝተወሰነሉ እንስሳ ዝተማልአ መዕረፊ ክህልዎን ኵነታት ጥዕናኡ ምስ ተረጋገጸ ድማ ኣብ እዋኑ ክፋኖን ኣለዎ። ብኣንጻሩ ብቑዕ መሳለጥያ ኣብ ዘይብሉ፣ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ዘይተማልአ፣ ውሱን ደረት ውሸባ ግዜ ዘይብሉ ውሸባ ግን ዘይስነ-ምግባራዊ ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

## ኣብ መወዳእታ እትብልዮ እንተሎ ዕድል ንዓኺ

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፣ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዕላማ፣ ትርጉምን ጥቕምን ውሸባ ክርዳእ ኣሎዎ። እዚ ምስ ዝኸውን፣ ካብን ናብን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ሃገር ወጻእን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ እንስሳታትን ውጽኢቶምን ኣብ ላዕሊ'ውን ከም ዝተገልጸ፣ ጥንቃቐን ምትሕብባርን ክገብር ይግባእ። ብፍላይ ኣብ እዋን ሰደድን እታውን እንስሳን ውጽኢቶምን፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ (ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን) ዝሓትቶ ቅጥዕታት ተማሊኡ ክኸይድ ሕጋዊ ተሓታትነት ከም ዘለዎ ክፍለጥ ዘለዎ'ዩ። ስለዝኾነ፣ ኣብዚ ዝነጥፉ ወገናት መምርሒን ቅጥዒታትን ናይዚ ኽፍሊ ከማልኡ ሕጋዊ ግዜታ ምዃኑ ፈሊጦም ከተግብሩዎ ይግባእ።



## ሰብ-ኣልቦ ነፈርትን ሕርሻን

ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ወይ ድሮን ኣብ እተፈላለዩ ዓውድታትን ኢንዱስትሪታትን ዝያዳ ተጠለብቲ እናኾና ይመጻ ኣለዋ። እዘን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ሕርሻ'ውን ልዑል ኣበርክቶ ክገብራ ጀሚረን ኣለዋ። እዘን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ወይ ድማ ብእንግሊዝኛ 'Unmanned Aerial Vehicles' ተባሂለን ዝፍለጣ ድሮናት፡ ሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ብዛዕባ ዘራእቶም፡ ግራውቶምን ሰራሖምን፡ ኣዝዩ ጠቓሚ ዳታን ርድኢትን ብምሃብ፡ ብቕዓቶም፡ ኣፍራይነቶም፡ ዘላቕነቶምን መኽሰቦምን ንምምሕያሽ ክሕግዛ ይኽእላ።

ድሮናት፡ ነቲ ብደቂ-ሰብ ወይ ብልምዳዊ ማሽነሪታት ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት፡ ግዜ ዝወስድ፡ ጉልበት ዝሓትት ወይ ሓደገኛ ዝኾነ እተፈላለየ ዕማማት እውን ክፍጽማ ይኽእላ። ቀጺልና እምበኣር፡ እዘን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ንሕርሻ ኣገደስቲ ዝኾናሉ ገለ ቀንዲ ምኽንያታት ክንጠቅስ፦

<u>ኣብ ልክዕነት እተመርኩሰ ሕርሻ (Precision Agriculture)</u>፦ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ፡ እተፈላለዩ ዓይነታት ሰንሰራት፦ ከም RGB, multispectral, thermal, ወይ LiDAR ብምጥቃም፡ ልዑል ብቕዓት ዘሎዎም ምስልታትን ቪድዮታትን ናይ ኣእካልን ግራውትን ክእክባ ይኽእላ። እዞም ምስልታት፡ እተፈላለዩ 'ሶፍትዌራት' ከምኡ'ውን ኣልጎሪዝም ተጠቒምካ፡ ዝርዝራዊ መዳያት ጥዕና ዘራእቲ ዘርእዩ ካርታታትን ሞዴላትን ንምፍጣር፡ ከም ባዮማስ፡ ክሎሮፊል፡ ሕጽረት ማይን መኣዛታትን፡ ለበዳ ባልዓትን ጻህያይን፡ ረኽሲ ሕማማት፡ ግምት ምህርትን ካልኦትን ንምፍራይ ይከኣል። እዞም ካርታታትን ሞዴላትን፡ ሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ኩነታት ኣእካል ንምክትታል፡ ጸገማት ንምልላይ፡ ጠንቅታት ንምፍላጥን መፍትሒታት ብእዋኑን ብልክዕነትን ንምውሳድ ክሕግዙ ይኽእሉ። ኣብ ልክዕነት እተመርኩሰ ሕርሻ፡ ሓረስቶት መኻዕበቲ እቶት ዝኾኑ ነገራት ከም፦ ዘርኢ፡ ድኹዒ፡ ጸረ-ባልዕ፡ ማይን ጸዓትን በቲ ልክዕ ደረጃኦም ብምጥቃም፡ ወጻኢታትን ኣከባብያዊ ብከላን ንምንካይ ከምኡ'ውን ጽሬትን ብዝሕን ዘራእቶም ንምዕባይ ክሕግዞም ይኽእል።

<u>ምንጻግ ፈሳሲ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን</u>፦ ድሮናት፡ ከም ድኹዒ፡ ጸረ-ጻህያይ፡ ጸረ-ዕሲ፡ ጸረ-ባልዕ፡ መድረቕን ካልእን ዝኣመሰሉ ፈሳሲ ነገራት ናብ ኣእካልን ግራውትን ኩብጽሑ ዝኽእሉ ስርዓታት ምንጻግ'ውን ክዕጠቑ ይኽእሉ እዮም። ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ፡ ካብ ትራክተር ወይ ነፋሪት ንላዕሊ፡ ብዝበለጸ ብቕዓትን ውጽኢታውነትን ክነጽጋ ይኽእላ። ድሮናት፡ ኣብ ውሑድ



ግዜ፡ ዝያዳ መሬት ክሸፍና ይኽእላ፣ ናብ ኣጸጋሚ ቦታታት ይበጽሓ፣ ፍጥነትን ዓቐንን ምንጻግ ከከም ጠለብ ዘራእትን ባህርያት መሬትን ኣመዓራርየን ይህባ፣ ብከላ መሬትን ይንክያ፣ ድሕነት ጥዕና ሰባትን የውሕሳ ከምኡ'ውን ምምዝባልን ልዕሊ ዓቐን ምንጻግን ይቈጥባ። ብድሮን ምንጻግ ዘራእቲ ሓረስቶት ግዜን ገንዘብን ንምቑጣብ፣ ኣጠቓቕማ ኬሚካላትን ብከላን ንምንካይ፣ ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛታት ንምሕላው፣ ምክልኻልን ዕብየትን ዘራእቲ ንምዕባይ ክሕግዝ ይኽእል።

<u>ናይ ሜዳ ካርታ ምድላው</u>፦ ድሮናት፡ ጂኦግራፊያዊ ዳታ (Geospatial data) ተጠቒመን፡ ካርታን ሞዴላትን ግራውትን ሕርሻታትን ንምፍጣር እውን ይጥቕማ። እዞም ካርታታትን ሞዴላትን፡ ንኽኢላታት ዘራእትን ሓረስቶትን ብዛዕባ ኣቀማምጣ ሕርሻኦም፡ ዑደት ዘራእቲ፡ ስርዓተ መስኖ፡ ስርዓት ምፍሳስ ማይ፡ ስጉምትታት ዕቀባ ሓመድ ወዘተ. ንምውጣንን ዲዛይን ንምድላውን ይሕግዛ።

<u>ሓበሬታ ዕዳጋ</u>፦ ድሮናት፡ ንሓረስቶት ብዛዕባ ዋጋታት ዕዳጋ፡ ጠለብ፡ ቀረብ፡ ደረጃታት ጽሬት፡ ከምኡ'ውን ዕድላት ፍርያቶም ሓበሬታ ክህባ ይኽእላ። እዚ ሓበሬታ፡ ሓረስቶት እንታይ ከም ዘፍርዩ፡ መዓስ ከም ዝዓጽዱ፡ ኣበይ ከም ዝሸጡ፡ ብኸመይ ከም ዝወዓዓሉ ወዘተ. ብቕኑዕ ሓበሬታ እተሰነየ ውሳነታት ንኽወስዱ'ውን ይሕግዞም። ብሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ዝግበር ሓበሬታ ዕዳጋ፡ ሓረስቶት ተበጻሕነት ዕዳጋኦም ንኽውስኽ፡ ወጻኢታት ትውጊታት ንኽጎድሉ፡ ምክትታል ፍርያቶም ከዕብዩ፡ ወዘተ. ክሕግዞም ይኽእል።

ድሮናት፡ ዋላ'ኳ እዚ እተጠቕሰ ብልጫታት ይሃልወን፡ ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕላ ግና ውሑስ ቀረብን ርትዓዊ ዋጋን ክህሉወን፣ ሓረስቶት ኣብ እንታይነትን ኣጠቓቕማን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ንቕሓት ክህሉዎም፣ ኣብ ምክፉል ዳታ ምትእምማንን ድሕንነትን ክህሉ ከምኡ'ውን ንግብራዊ ረብሓታት ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ዝምልከት ርትዓዊ ገምጋም ክህሉ ይግባእ።

***

## ባዕሉ ማይ ዘስቲ ባዞ ተኽሊ (Self watering Pot)

ባዕሉ ማይ ዘስቲ ባዞ ተኽሊ ማለት፡ ከም ኣድላይነቱ ንኣታኽልቲ ማይ ዘቕርብ መትሓዚ ኹይኑ፡ ብተደጋጋሚ ማይ



ምሃብ ዘየድልዮ እዩ። ንሳቶም ድማ ንመኽዘን ማይን ንተኽሊ ዝኸውን ባዶ ተኽልን ዝሓቑፉ ኹይኖም፡ እቲ መዕቈሪ (reservoir) ኣብ መሰረት ወይ ኣብ ትሕቲ እቲ ተኽሊ ይርከብ። እቲ መዕቈሪ፡ ኣታኽልቲ ብመገዲ ደቀቕቲ ሻምብቆታት ማይ (capillary action) ወይ ፈትሊ ጡጥ ክወስዱ የኽእሎም። እዚ ድማ ጥዑይ ዕብየት ሱር የደንፍዕን ልዕሊ ዓቐን ማይ ወይ ትሕቲ ዓቐን ማይ ናይ ምውሳድ ሓደጋ የጉድልን። ደረጃ ማይ ክከታተልን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ዳግማይ ክምላእን ይኽእል። ባዕሎም ማይ ዘስትዩ ባዞታት ተኽሊ፡ ንእተፈላለዩ ኣታኽልቲ ውሽጣዊ ወይ ደጋዊ ቅድታት ንምምላእ፡ ብእተፈላለየ ቅርጺ፡ ዓቐንን ንብረትን ይስርሑ።

እዋናዊ ዲዛይናት፡ ንተግባርን ጽባቐን ቀዳምነት ዝህቡ ኹይኖም፡ ስሉጥን ውሁድን ቅድታትን ሰንሰራትን ኣሎዎም። እዞም ምህዞታት፡ ንውልቀ-ሰባት፡ ጽዑቕ ስራሕ ንዘሎዎም ወይ ንሓደስቲ ኣብ ክንክን ተኽሊ ግብራዊ ተመኵሮ ንዘወስዱ መፍትሒ ኰይኖም ተፈታውነት ረኺቦም ኣለዉ። ብሓፈሻ፡ ባዕሎም ማይ ዘስትዩ ባዞታት ተኽሊ፡ ኣታኽልቲ፡ ብትሑት ምክትታል እኹል ማይ ንኽህልዎም ውጽኢታውን ዓይኒ ዘስሕብን መገዲ ገይርካ ንምድላዎም የኽእሉ።

***

## ኣብ ንእሽቶ ጀርዲን ምህርቲ ንምውሳኽ ዝሕግዙ ሓሳባት

<u>- ኣብ ስነ-ጽባቐ መሬት ዝብላዕ ኣትክልቲ ምጥቃም፦</u> ኣትክልቲ ከም ቀጠልያ ኣሕምልቲ፡ ሓምላይ ሰላጣ፡ ፍረታት ዝኣመሰሉ ዝብልዑ ኣትክልቲ፡ ኣብ



መትሓዚታት፡ መንጠልጠሊታት፡ ኣብ መስኮት ወይ ድማ ኣብ ትኽ ዝበለ ጀርዲን ክተብቁል ትኽእል ኢኻ። በዚ መንገዲ፡ ነቲ ዘሎካ ውሱን ቦታ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ ከምኡ'ውን ኣብ ጀርዲንካ ጽባቐን መኣዛን ክትውስኽ ትኽእል።

<u>- ኩርባታትን ሕምብሊላይ ቅርጺ መሬትን ምጥቃም፦</u> ንህሉው ኩርባታት ግቡእ መደባዊ ዛላታት ብምስራሕ ከምኡ'ውን ባዕልኻ ሕምብሊላይ (spiral) ቅርጺ መሬት ብምህናጽ፡ ሰፋሓት ገጽ ኣብ ሕርሻ ዝውዕል መሬት ክትውስኽን ንእተፈላለዩ ኣታኽልቲ ንኡስን ምቹእን ክሊማ ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ኣብ ላዕለዋይን ንደቡብን ገጽ ናይቲ ኩርባ፡ ጸሓይ ዝፈትዉ ኣታኽልቲ፡ ኣብ ታሕተዋይን ሰሜንን ገጹ ድማ ጽላሎት ዝጸወሩ ኣታኽልቲ ክትተክል ትኽእል ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣብ ወሰናስን ናይዚ ቅርጺ መሬት፡ ጠቓምቲ ሓሸራታት ክትስሕብ ትኽእል ኢኻ።

<u>- ኣብ ውሑድ ቦታ ዝበለጸ ምህርቲ ዝህቡኻ ዓይነታት ብቖሊ ምምራጽ፦</u> ገለ ዓይነታት ብቖሊ፡ ብብዝሕን ጽሬትን ዘፍርዩዎ መግቢ፡ ብተፈጥሮኦም ካብ ካልኦት ዝያዳ ኣፍረይቲ እዮም። ኣብ ኣዝዩ ንእሽቶ ቦታ፡ ልዑል ምህርቲ ዝህቡ ዓይነታት ብቖሊ ከም ኮመደረ፡ በርበረ፡ ኩኩምበር፡ ፋጆሊ፡ ወዘተ. ብምጥቃም ርቡሕ ምህርቲ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ነዊሕ ናይ ቀውዒ ግዜ ዘሎዎም ዓይነታት ብቖሊ ከም ከም ቃንጫ ሽጉርቲ፡ ቻርድ፡ ሰላጣ፡ ስፒናችን ዝኣመሰሉ'ውን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ብተደጋጋሚ ክዕጸዱ ዝኽእሉ ዘራእቲ'ውን ምጥቃም ይከኣል።

<u>- ኣዋሰብቲ ህይወታውያን ምስሓብ፦</u> ከም ንህቢ፡ ጽምብላሊዕ፡ ሃሚን'በርድ (ጭሩ በለስ) ወዘተ. ዝኣመለሱ ኣዋሰብቲ ህይወታውያን ናብ ጀርዲንካ ምስሓብ፡ ንቐልጡፍን ኣድማዕን ስርዓተ ምውሳብ ኣትክልቲ ይሕግዝ። ነዚ ዕላማ ክዉን ንምግባር፡ ከም ላቫንደር፡ ቦራጅ፡ ካለንዱላ፡ ዕምባባ ጸሓይን ዚንያን ዝኣመሰሉ ረግረግን ፖለንን ዝህቡ ዕምባባታት ክትተክል ትኽእል ኢኻ። ብዘይካ'ዚ፡ ነቶም ኣዋሰብቲ ህይወታውያን፡ ምንጪ ማይ፡ መሰፈሪ ቦታታትን መጽለልን ክትህቦም ትኽእል ኢኻ።



ተስፋኣለም መስፍን
ዳ/ጨ/ ስርዓተ ስትራተጅያዊ ሓበሬታ ሕርሻ

## ሸውሃት ተኽሊ ዕፉን ኣብ ፎስፎረስ ዝፈተሸ ሓዲሽ መጽናዕቲ



ኣብ ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣገልግሎት ዝህቡ ሰለስተ ተመራመርቲ ኢንዲያና - ኣመሪካ፡ ሸውሃት ተኽሊ ዕፉን ኣብ ፎስፎረስ እንታይ ከም ዝመስል ንምፍላጥ ዝዓለመ ሓዲሽ መጽናዕቲ ኣካዪዶም። እቶም ተመራመርቲ ዶ/ር ቻድ ፔን፡ ዶ/ር ማት ዊትሆርንን ፕሮፌሰር ጀይመስ ካምቤራቶንን ዝተባህሉ ኹይኖም፡ ዝተፈላለዩ ዝተዳቐሉ ተኽሊ ዕፉን ጌሮም ኣብ ሞንጎ ተኽሊ ዕፉንን ፎስፎረስን ዘሎ ምትእስሳር ከጽንዑ ከም ዝተበገሱ'ዮም ዝገልጹ። ንሳቶም፡ ኣብ ናይ 'መብቈሊ ክፍሊ' (growing room)ን ኣብ ማይ ወይ ሑጻ ዝመልአ ባዞ ናይ ምትካል (hydroponics)ን ኣገባብ ተጠቒሞም ኣብ 2019 ምርምሮም ከም ዝጀመሩ ይሕብሩ። ንሳቶም ዝተጠቐምሉ ኣገባብ፡ ንተኽሊ ዕፉን ክቈጻጸርዎን ኣብቲ ሑጻ ዝመልአ ባዞ ናይ ተኽሊ ዕፉን፡ መዓስን ብኸመይን ፎስፎረስ ከም ዘእትዉሉ ብደቂቕ ክፈልጡን ከም ዝሓገዞም ሓቢሮም ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ንዓቐን ናይ'ቲ ብተኽሊ ዕፉን ዝምጾ ፎስፎሮስ፡ ካብቲ ኣብ ግራት መሬት ዝዓቢ ዕፉን ንላዕሊ ኣብ ናይ ምርምር ተኽሊ ዕፉን ብዝበለጸ ክከታተሉ ዕድል ከም ዝፈጠረሎም ኣብሪሆም።

ኣብ'ቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ተኽሊ ዕፉን ብዘይ ዝኾነ ዓጋቲ፡ ንምሉእ ግራት ክፍሪ ዘኽእል ዓቕሚ ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ካብ'ቲ ዘድልዮ ዓቐን ንላዕሊ፡ ካብ 25 ክሳብ 80 ሚኢታዊት ፎስፎረስ ክወስድ ከም ዘድልዮ፡ መጽናዕቶም ኣነጺሩዎ ዘሎ ሓቂ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ኣታኽልቲ፡ ሸውሃቶም ተኸፊቱ ካብቲ ክምገብዎ ዘድልዮም መጠን ንላዕሊ፡ መግቢ ክበልዑ ከም ዝኽእሉ ይንገር እዩ። ተኽሊ ዕፉን፡ ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ። ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ ተኽሊ ዕፉን፡ ካብ'ቲ ዘድልዮ ንላዕሊ ካብ 25 ክሳብ 80 ሚኢታዊት ዓቐን ፎስፎሮስ ዝጠልብ ኰይኑ ብምርካቡ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ "ስሱዕ ኣህላኺ ፎስፎረስ" ዝብል ስም ከጠምቕዎ ክኢሎም ኣለዉ። እዚ መጠኑ ዝሓለፈ ሸውሃት ኣብ ልዕሊ ፎስፎረስ፡ ንፍርያት ዕፉን ከጕድሎ ከም ዝኽእል'ውን እቶም ተመራመርቲ ስክፍታኦም ኣይሓብኡን። ብመሰረት'ቲ ኣብ መጽሔት ዘራእትን ኣከባቢኡን ዝተሓትመ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ነፍሲ-ወከፍ ተኽሊ ዕፉን ኣብ ምሉእ ፍርያት እኽሊ ክትበጽሕ፡ ክሳብ 580 ሚሊ ግራም ፎስፎረስ ከም ዘድልያ ተነጺሩ ይርከብ። እቲ ተኽሊ ዕፉን ካብ'ዚ ዓቐን ንላዕሊ ፎስፎረስ ምስ ዝወስድ ግን፡ ምጕዳል ፍርያት ከጋጥምን፣ ምንካይ ምንቅስቓስ ኮፐርን ዚንክን ካብ ሱር ተኽሊ ዕፉን ናብ እኽሊ ክርአን ከም ዝገብር፡ ሓደ ካብ'ቶም ሰለስተ ተመራመርቲ ዶ/ር ቻድ ፔን ኣረዲኡ።

ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ተኽሊ ዕፉን፡ "ስሱዕ ኣህላኺ" ናይትሮጂንን ፖታስዩምን ምዃኑ ተፈሊጡ ነይሩ እዩ። "ስሱዕ ኣህላኺ" ፎስፎረስ ምዃኑ ግና፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይተፈልጠን እዩ ጸኒሑ" ይብል ተማራማሪ ሓመድ ዶ/ር ቻድ ፔን።

***

## ጻህያይ ኣብ ምልጋስ ዝኾዓ ሮቦታዊ ማሽን ይቀላቐል

ኣብ ሕርሻ ዝነጥፉ ሮቦት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበዝሑን ብዓይነቶም እናማዕበሉን'ዮም ይመጽኡ ኣለው። ኣብ ሲያትል - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመደበሩ፡ 'ካርቦን ሮቦቲክስ' ዝተባህለ ኩባንያ ድማ፡ ጻህያይ ኣብ ምልጋስ ዝሕግዝ ኣርቲፊሻላዊ ብልሒ ዝውንን ሮቦታዊ ማሽን ከም ዘማዕበለ ሓቢሩ። እቲ ሮቦታዊ ማሽን፡ ኣብ ሰዓት ልዕሊ 200 ሽሕ ጻህያይ ክልግስ ከምዝኽእል እቶም መሃዝቱ ገሊጾም።



ተመራመርቲ ናይቲ ኩባንያ፡ ጸገም ናይ ሓረስቶት ንምፍታሕ ምርምራቶም ዘበገሱ ኹይኖም፡ ኣብ መወዳእታ ንጻህያይ ኣብ ውሑድ ደቓይቕ ካብ እኽሊ ክፈሊ ዝኽእል ሮቦታዊ ማሽን ብዓወት ከማዕብሉ ምብቃዖም ከም ዘሐጉሶም ይሕብሩ። "ሚሂዝናዮ ዘሎና ሮቦት፡ ንጻህያይ እናልገሰ፡ ንሓረስቶት ካብ ሃልክን ጉልበትን ዘድሕኖምን ቍጠባኦም ዘሰስነሎምን ስለዝኾነ፡ ልዑል ዕግበት'ዩ ዝሰምዓና" ይብል፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ኩባንያ ሚስተር ፖውል ሚክሰል።

እቲ ተማሂዙ ዘሎ ሮቦታዊ ማሽን፡ ንፈተነ ናብ ዝበዝሐ ሕርሻዊ ንጥፈት ዝካየደሉ ቦታታት ምስ ተዘርግሐ፡ ሓረስቶት ውጽኢታዊ ኰይኑ ይረኽብዎ ምህላዎም ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ምህዞ፡ ካብ ዝኾነ ከሚካል ናጻን ኣብ ግራት ክትጥቀመሉ ዘየሰክፍን ብምዃኑ፡ ብብዝሒ ክፈሪ ከም ዘሎዎ እቶም ሓረስቶት ተማሕጺኖም።

## ጽምኢ ኣታኽልቲ ኣለልያ ማይ እተሰቲ ስማርት ዕትሮ


ኣብ ገዛና እንተኽሎም ፍዮሪታትን ኣታኽልቲን፡ እንተ ዘይኩስኩስናዮምን ማይ እንተ ዘይኣስቲናዮምን ከም ዝሓርሩ ርዱእ እዩ። ስለዚ፡ ብዘይ ምቁራጽ ኣመቶም ክንገብር ግድን ይኸውን። ቻይናውያን ተመራመርቲ፡ ነዚ ንምቅላል፡ ብስልኪ ኣልቦ እትሰርሕ፡ ጽምኢ ኣታኽልቲ ኣለልያ ማይ እተሰቲ ስማርት ዕትሮ ከም ዝመሃዙ ሓቢሮም ኣለዉ።

እቲ ኣገባብ ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ - ሓንቲ ፍዮሪ ወይ ተኽሊ፡ ኣብ'ታ ዝተማህዘት ስማርት ዕትሮ ምስ ተኸልካያ፡ ኣብ ርሑቕ ቦታ ኴንካ፡ ብመገዲ ስልኪ-ኣልቦ ወይ ኢንተርነት ማይ ክተሰትያ ትኽእል። እዚ ማለት፡ እታ ስማርት ዕትሮ፡ ነቲ ዝሃብካያ ሓበሬታ ተረዲኣ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ተተኺሉ ዘሎ ፍዮሪ ማይ ከተሰትዮ ዓቕሚ ኣለዋ። ምስ'ታ ስማርት ዕትሮ ዝተኣሳሰር መተግበሪ (ኣፕሊኬሽን) ኣብ ሞባይልካ ብምጽዓን ከኣ፡ ንኣታኽልትኻ ኣብ ርሑቕ ቦታ ኴንካ ብዘይ ጸገም ክትከታተላ ዕድል ትረክብ።

ቅድሚ ሕጂ፡ ኣመሪካውያን ተመራመርቲ፡ ተመሳሳሊ ምህዞ ኣቕሪቦም ነይሮም እዮም። እታ ናይ ሽዑ ምህዞ፡ ኣብ ተኽሊ ትእሰር 'ሰንሰር' (sensor) ኰይና፡ ተኽሊ ማይ ጸሚኡ ከም ዘሎ፡ ብመገዲ ስልኪ-ኣልቦ ናብ ስማርት ተሌፎን ሓበሬታ እተመሓላልፍ እያ። ምስኡ'ውን፡ እቲ ተኽሊ ሓሳኺ ምስ ዝህልዉ፡ ኣለልያ መልእኽቲ ክትሰድድ ትኽእል። እዛ ስማርት ዕትሮ ግና፡ ጽምኢ ኣታኽልቲ ጥራይ ዘይኮነ እተለሊ፡ ባዕላ ማይ ከተሰትን ክትከናኽንን እትኽእል ብምዃና፡ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ምህዞ ዝያዳ ብልጫ ከም ዘለዋ ተፈሊጡ።

ኪም ጁ እተባህለ ሓደ ካብ'ቶም ተመራመርቲ፡ ካብ ገዛኻ ወጺእካ ልዕሊ ሰሙን ምስ እትገይሽ፡ ሳላ'ዛ ዝተማህዘት ስማርት ዕትሮ፡ ብዛዕባ ኣታኽልትኻ ክትጭነቕ ከም ዘይትኽእል ይሕብር። እዚ ኸኣ፡ ነታ ምስ'ቲ ተኽሊ እትእሰር ኣፕሊኬሽን ኣብ ሞባይልካ ብምኽፋት ጥራይ፡ ብዘይ ጸገም ደሃይ ኣታኽልትኻ ክትገብር እትኽእል ብምዃኑ እዩ። ኣብ'ቲ ዘለኻዮ ቦታ ኴንካ፡ 'ንኣታኽልቲ ማይ ኣስትዮ' ዝብል ሓበሬታ ኣብ ሞባይልካ ብምጥዋቕ ከኣ፡ እታ ስማርት ዕትሮ፡ ነቲ ኣታኽልቲ ብዘይ ጸገም ማይ ከተሰትዮ ከም እትኽእል የረድእ። ተወሳኺ ሓድሽ ሓበሬታ ምስ ዝህሉ'ውን፡ እታ ስማርት ዕትሮ፡ ናብ'ታ ኣብ ሞባይልካ ዘላ ኣፕሊኬሽን መልእኽቲ ክትሰደልካ ከም ዘይትጽገም ወሲኹ ይገልጽ።

ኣብ ገዛ እንተኽሎም ዝተፈላለዩ ዓይነት ፍዮሪታትን ኣታኽልትን፡




ባዕልና ማይ ከነስትዮምን ክንከናኽኖምን ከለና፡ ዝስምዓና ውህደት ብቐሊል ዝርአ ኣይኰነን። ንግሆ ተንሲእና ብኣካል ደሃይ ኣታኽልትና ክንገብር ከለና፡ ባህታ እዩ ዝፈጥረልና። እዚ ድማ፡ ፍቕሪ ኣታኽልትን ፍዮሪታትን ከም ዝህልወና ዝገብር እዩ። ምህዞ ናይ'ዛ ቴክኖሎጂ ግን፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሰብን ኣታኽልትን ዘሎ ንዘመናት ዝቐጸለ ቅርበትን ስምዒታዊ ምትእስሳርን ብኣሉታ ከይጸልዎ፡ ስክፍታኦም ዝገልጹ ክኢላታት ኣይተሳእኑን።

### ኣብ ጠፈር ዝተዘርአ ሩዝ፡ ንተመራመርቲ ተስፋ ይህብ




ቻይናውያን ጠፈርተኛታት፡ ኣብ ጠፈር ክልተ ዓይነት ሩዝ ከም ዝዘርኡን ብጽቡቕ ክፈርየሎም ከም ዝጀመረን ሓቢሮም። ሩዝ፡ ኣብ መሬት ተዘሪኡ ካብ 3 ክሳ 4 ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ክሳብ 122 ሰ.ሚ እናዓበየ ከም ዝኸይድ ዝገለጹ እቶም ተመራመርቲ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ጠፈር ዝወሰድዎ ዓይነት ሩዝ ድማ፡ ምስ ዘርእዎ ክሳብ 30 ሰ.ሚ ከም ዝበቘለ ኣረዲኦም። እቲ ልኣይ ዓይነት ሩዝ ከኣ፡ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፡ ክሳብ 5 ሰ.ሚ በቚሉ ከም ዝተዓቀነ ወሲኾም ኣብሪሆም።

ዕላማ'ቶም ተመራመርቲ፡ ካብቲ ኣብ ጠፈር ዝበቘለ ሩዝ ናብ ምድሪ ብምምጻእ፡ ምስ'ቲ ኣብ ዓለም ዝፈሪ ዓይነት ሩዝ ከወዳድርዎን ክመራመርሉን እዩ። በዚ ኸኣ፡ ምህርቲ ናይ'ቲ ኣስታት ፍርቂ ካብ ህዝቢ ዓለም ዝምገቦ ሩዝ ኣሰሲንካ፡ ጥምየት ንምምካት ምዃኑ ይሕብሩ። ውጽኢት መጽናዕቶም፡ ንጠፈራዊ ምርምር ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ኣበርቲዖም ከም ዝቕጽልዎ ድማ ኣብሪሆም።

ብሰንጋል ሳሙኤል



# ቀመም ፍረ ጻዕሪ



## ብኻዶ ...?

ናይ ሎሚ ጽሑፍና ብዛዕባ መዓር ዝህቡና ሓሸራታት እዩ። ብዘይካ ንህቢ፡ መዓር ዝህቡና ሓሸራታት ከም ዘለዉ ትፈልጡዶ? ሕራይ በዓል መን'ዮም? እስኪ ካብዞም ዝሰዕቡ መዓር ዝህቡ ሓሸራታት መነ-መን ምዃኖም ገምቱ። ዕኮት፡ ጠቐራይ (ጠቐረይቲ)፡ ጎደበ፡ ጽገናይ (ጸገነይቲ)፡ ሸሾ ወዘተ። መቸም፡ ንህቢ ምስ ሰማዕኩም ገሌኹም መዓር ተራእዩኩም፡ ኣፍኩም ምራቕ ዝመልአ፡ ገሌኹም ድማ ዓይንኹም ወይ ገጽኩም ኣብ ግዜ ምብርባር ወይ ብዘንቀረ ንህቢ ተነኺሱ ዝሓበጥኩምሉ (ዝዓምበስኩምሉ) እዋን ትዝ ከም ዝበለኩም ፍሉጥ እዩ።

ኣነ ኣብ ግዜ ንእስነተይ ክጓሲ ምስ ወፈርኩ፡ ኣብ ፈቖዶ ኣግራብ፡ ዓበይቲ ኣእማን፡ ጉላን ሓመድን መዓር ንምርካብ ኩለል ምባል ስራሐይ ነበረ። ሓድሓድ እዋን ድማ 'ቅርቅረ' እትብሃል ንእሽቶ ዑፍ፡ ኣብ ቅድመይ መጺኣ ተፋጺ'ሞ፡ ኣነ ድማ ደድሕሪኣ "ዕፎ" እናበልኩ እሰዕባ። ኣብ ንህቢ ዘለዋ ገረብ፡ ጉላ ወይ ጥርቀ ምስ በጽሐት፡ መንገብገባ ጉቲራ ፍሉይ ሳዕስዒት ብምግባር ምንፋር ትኣቢ። ንህቢ ኣበይ ከም ዘሎ ድማ ትሕብረኒ'ሞ ኣመስግና። እዛ ዑፍ 'ንምንታይ መሪሓትኒ ናብ ንህቢ ትወስደኒ?' ኢልካ ምግራም ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ንኻልእ ፍጡር ንኣብነት ንብዕራይ ወይ ኣድጊ ደኣ ነዚ ሓበሬታ ዘይትነግሮም!? ማዕረ ክንደይ በላሕ ከምኡ'ውን እንስሳታት ንወዲ ሰብ እንታይ ይሰርሕ'ውን ብደቂቕ ከም ዝፈልጥዎ መገምገሚ ክኾነና ይኽእል እዩ።

ሓደ ግዜ፡ ገረብ ምቑራጽ ክልኩል ምዃኑ ከይተሰወጠኒ ኸሎ፡ ምስ ኣቦይ ገረብ ጸልጺልና ግራት እናሓጸርና ኸለና፡ ንመጀመርታ ግዜ ምስታ ዑፍ ዝተላለኹላ እዋን ኣይርስዖን እየ። ኣቦይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይ ጽሑፈይ፡ 'ንፋዕ' ናይ ሕርሻ በዓል ሞያ ምዃኑ ሓቢረኩም ነይረ። ኣብ ንህቢ እሞ ኸኣ ኣዝዩ ንፋዕ ሰንካላይ እዩ። ሸዑ፡ ነታ ዑፍ ተኸቲልና ኣብ ሓደ ዒቢ ጭጎኖ (ንፋሻ) ንዝነበረ ዕስለ ንህቢ ክንረኽቦ ክኢልና። ኣቦይ ኣብ ጉዕዞኡ ኣዝዩ ጥንቁቕ እዩ። ኣብ ሳንጣኡ፡ ንመሓለውታ ከም ክርቢት፡ ላማ፡ መርፍእ፡ ፈትሊ፡ ካራ ... ከይሓዘ ኣይወፍርን እዩ። ነቲ ዕስለ ንምብርባር፡ ኣቦይ ዕንጨይቲ ገረብ ዝበ ኣኻኺቡ፡ ክርቢት ወሊዑ፡ ሓዊ ኣጓጉዱ ትኪ ዒግ ኣበለሎም። እቶም ኣናህብ ድማ በቲ ትኪ ዓቕሎም ጸቢብዎም ጸጋታቶም ገዲፎም፡ ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይቲ ጓንጓ ሰፈሮም ተኣኻኸቡ። ሕጂ፡ "ኣብ ሃገረ 'ክሰቶ' ፖሊስ መንብዒ ጋዝ ተጠቒሞም" ዝብል ዜና እንተ ሰሚዐ፡ 'እዚ ሓሳብ ካብዚ ናይ በዓል ኣቦይ ዝተበገሰ ክኸውን ይኽእል እዩ' ብምባል ምስ ነብሰይ እዛረብ። ብዝኾነ፡ ኣቦይ በቲ በሊሕ ፋሰና ገደሩ፡ ነቲ ገረብ ብምሕርካም ነቲ ንህቢ ክብርብሮ ግዜ ኣይወሰደሉን። ነቶም ብትኪ ሰኺሮም ኣብ ሓደ እኹብኩብ ዝበሉ ዝነበሩ ዕስለ ንህቢ ድማ፡ ኣቦይ ማይ ኣብ ኣፉ መሊኡ ምስ ነፍሓሎም ጎርቢቦም/ከርዲዶም ምንፋር የቋርጹ። ድሕሪኡ፡ ኣቦይ መን ኢኻ ዝብል ዘይብሉ፡ ነቲ ብኽንደይ ድኻም ዘዳለውዎ መዓሮም (ቅጫታት) ካብቲ ጓንጓ ገረብ መመዚዙ የውጽእ። ኣነ ድማ ብታሕቲ ኰይነ፡ ነቲ መዓር እናተቐበልኩ ኣብቲ ንኸብቲ ማይ ክንግልለሉ ሒዝናዮ ዝወፈርና መገለል (ቴኖ) እእክቦ። ሓላሊፉ ዘውጽኦ ዝነበረ ቅጫታት ናይ መዓር ግን ሓሰኻታት (ዘይነቑሑ ኣናህብ) ስለ ዝነበሩዎ እድርብዮ ነይሩ። ወያ ዝሓበረትና ዑፍ ድማ ነቲ ዝተደርበየ ቅጫ ተቐዳዲማ ክትበልዖ ምስ ረኣኹዋ፡ ወይለይ 'ሕኽኽኒ ክሓኽካ (Mutual Benefit)' ምዃኑ ነገራቱ ክርዳእ ክኢለ። ኣብ ጽውጽዋይ፡ ወኻርያ ንዝብኢ ዓበይቲ እንስሳ እንተርእያ ትሕብሮ'ሞ፡ ንሱ ሓይሉ ተጠቒሙ ይቐትሎም። ድሕሪኡ፡ እታ ወኻርያ ተረፋ ትበልዕ። ለካ እዚ ምድግጋፍ ኣብ ኲሉ እንስሳ እዩ ዝሰርሓሉ።

ብዝኾነ፡ ነቲ ዕስለ ንህቢ ንገዛ ክንወስዶ ስለ ዝነበረና፡ ነታ ሸም ንህቢ፡ ካብ ውሽጢ'ቲ ዕስለ ደሊና ብምውጻእ፡ ንኸይትነፍር መንፈርፈራ ብላማ ቀርጢጥና፡ ኣብ ቈጽሊ ገበርናያ። እቶም ዕስለ ኣናህብ፡ ሰራሕተኛኦም ኣይትበል ዕንዝራኦም እክብ ኢሎም ናብታ ቈጽሊ ዓሰሉ።

ኣብዚ ህሞት፡ እተን ጽገን መዓርን (Pollen and Nectar) ንምምእራር፡ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ዝጸንሓ፡ ገዛአን ተወሪሩ ምስ ጸንሐን፡ ሕነ ንምፍዳይ ኣብ ኣእዳውና ብምንካስ፡ ነብሰ-ቕትለት ይፍጽማ ነይረን። ንህቢ፡ ሓንሳብ ነኺሳ ብህይወት ከም ዘይትሰርር እናፈለጠት እያ ትናኽስ። ዓለም ይምንናኣ ማለት'ዩ። ኣብ ገለ ሃገራት፡ ቦምባ ኣብ ትደልዮ ዕላማ ብምፍንጃር ዝግበር ግብረ-ሽበራዊ ነብሰ-ቕትለት ምስዚ ዝተኣሳሰር ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ብዝኾነ፡ ነቲ ዕስለ ንህቢ ብነጸላ ሸፊንና፡ ነቲ መዓር ተሰኪምና ናብ ገዛና ኣምራሕና።


ገዛ ምስ በጻሕና፡ ድኾን (ንእሽቶ ቖፎ) ኣዳሊና፡ ነታ ነጸላ ከፊትና፡ ነታ ሸም እንተ ረኣናያ፡ ኣብ ግዜ ምቁርጣጥ ግዲ ሃሲናያ፡ ሞይታ ጸኒሓትና። ብምውትታ ድማ ነታ ሸም ኣብ ድኾን ኣእተናያ። እቶም ዕስለ ንህቢ ድማ ተኣኻኺቦም ናብታ ቖፎ ኣተዉ። እቶም ዕስለ፡ ብዝሐ'ኳ እንተነበሮም፡ ምስ ግዜ በብሓደ ክጠፍኡ ጀመሩ። ኣቦይ እቶም ኣናህብ ብዝሐ ስለ ዝነበሮም ክንክስሮም የብልናን ብምባል ሸም ክደልየሎም ወሰነ። ናይ ንህቢ ጽቡቕ ነገር፡ ካበይ መጺኣ ብዘየገድስ ሸም ንህቢ እንተኺዪዳና፡ ኣብ ሸም ዘይብሉ ዕስለ እንተ ኣእቲኻያ ብምልምማድ ክቕበልዋ ይኽእሉ እዮም።

ኣቦይ፡ ናብ ንህቢ ዝነበሮም ዓዲ ብምኻድ፡ ዘንቈረ ንህቢ እንተ'ለዎም ክሓትት ጀመረ። ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ሓደ ዕስለ፡ ውሑድ ኣናህብ ሒዙ ካብ ዒቢ ቖፎ ተፈልዩ ኣብ ገረብ ዓሲሉ ጸንሑ። ነቲ ዕስለ ገዲፉ ድማ ነታ ሸም ንኸይትነፍር ብምቁርጣጥ ኣብ ዓንኬል ኣእትዩ ሒዙዋ ናብ ገዛ መጸ። እቲ ኣንቀሩ ዝነበረ ዕስለ፡ ናብ ቖፎኡ ተመልሰ። ንህቢ፡ ብሩኻት ኲይናም እምበር፡ ኣብ ስራዊት ነይሩ እንተዝኸውን፡ ከም ክድዓት እዩ ዝሕሰብ። ኣቦይ፡ ነታ ሸም ሒዙ ገዛ ምስ መጸ፡ እቶም ኣብ ድኾን ዝገደፎም ኣናህብ፡

ቁጽሮም'ኳ እንተ ተጓደለ፡ ዝበዝሑ ግን ምስታ ኣቐዲማ ዝሞተት ሸም ንህቢ ዕጉግ ብምባል ተኣኻኺቦም ጸንሕዎ። ነታ ዝሞተት ሸም ብምእላይ ድማ ነታ ሓዳስ ሸም ኣብቶም ኣናህብ ብቐጥታ ክረኽብዋ ዘይክእሉ ሰፈር ብምስራሕ ቀስ-ብቐስ ከም ዝለማመድዋ ብምግባር፡ ነቲ ዕስለ ንህቢ እንደገና ህይወት ከም ዝዘርእ ገበሮ። እቲ ዘገርም ንህቢ ዝጥቀመሉ ናይ ምሕደራ ጥበብ፡ ወዲ ሰብ ክሳዕ ሕጂ ዘይበጽሖ ሕሉፍ ምእዙዝነት እዩ። ኣብ ንህቢ ሓላፊ ዝብሃል ዋላ ክውለድ ከሎ፡ ኣብ ፍሉጥ ቦታ ናይታ ሰፈ (ቅጫ) እዩ ዝውለድ። ኣብ ዕስለ ንህቢ፡ እታ ሸም እትኸውን፡ ከምዚ ናይ ሰብ ብትምህርቲ ወይ ብውርሻ ዘይኮነ ብዓይነት ኣመጋግባ እዩ። እታ ሸም ትኸውን ጽዑቕ ኣመጋግባ (ፍሉይ መግቢ፡ Royal jelly) እናበልዐት እያ ትዓኩኽ። ሰራሕተኛታት'ውን መታን ንፉዓት ክኾና ቁሩብ ካብቲ ፍሉይ መግቢ ይምገባ እየን። እታ ሸም ግና፡ ክሳዕ ዓብያ ርክብ እትጅምር፡ ብዘይካ ካብቲ ምሩጽ መግቢ ካልእ ኣየብልዕዋን እዮም። 'ሰብ ንዝበልዖ ይመስል' ድዩ ዝብሃል፡ እታ ሸም ንኽትርእያ ደስ እተብልን ፍልይትን እያ እትኸውን። እዞም ሞያውያን ጥዕና፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ንኣዴታት ኣስተምህሮ ብዛዕባ ኣመጋግባ ህጻን ክምህሩ ኸለው፡ 'ሓደ ህጻን ንሓደ ሽሕ መዓልታት ብግቡእ ክምገብ ኣሎዎ'፡ ክብሉ ንበዓልቲ ቤተይ ኣሰንየ ኣብ ዝኸድክሉ ኣጋጣሚ ሰሚዐ ኣለኹ። ከምኡ ምባሎም ግን እቲ ህጻን ምስ ዓበየ ሓላፊ/ት ክኸውን ኢሎም ዘይኮኑ፡ ብኣካላትን ኣእምሮን ተሃኒጹ ጥዑይን በሊሕን ንምኳን እዩ። ኣፍረይቲ ኣናህብ ድማ ኣናህቦም ካልእ ሓላፊ ተወሊዱ፡ ጭፍራኡ ሒዙ ከይፍለ ብምስጋእ ሓለዋ ኣብ ምክያድ ይጽመዱ። ሓሰኻ ከላ ድማ ይቐትሉዋ። ኣብ ዘበናዊ ምርባሕ ኣናህብ ግን እታ ሸም ኣኺላ ክሳዕ ዕስለ ሒዛ እተንቁር፡ ይጽበይዋ'ሞ ኣብ ካልእ ቀፎ ይፈልዩዋ። በዚ ኣገባብ ከኣ ንህቢ የፋርዩ።

ኣብ ዕስለ ንህቢ፡ ኵሉ ኣባል ነናቱ ስራሕ ኣሎዎ፡ ብልምዲ "ዕንዝራ፡ ወራዲ ማይ" ኢልና ንጻረፍ ኢና። ግን ዕንዝራ ብዘይካ ምስታ ሸም ንህቢ ርክብ ምፍጻም ካልእ ስራሕ የብሉን፣ ደቂሱ ይበልዕ ማለት'ዩ። እተን ሰራሕተኛታት ድማ ኣንስትዮ ኲይነን፡ ካብ ፈቐዶ በረኻታት፡ ካብ 50 ክሳዕ 100 ዕንባባታት (ገለ ጽሑፋት ልዕሊኡ ይብል) ኣብ ሓደ ጉዕዞ ብምብጻሕ መግቢ ይምእርራ። ማዕርነት ኣብ ንህቢ ኣይሰርሕን እዩ። ዋላ እታ ሸም ኣንስተይቲ እንተኾነት፡ ነቶም ደቂ ተባዕትዮ ሓላፍነታ ተጠቒማ ንኽሰርሑ ኣይትግድዶምን እያ። ክሳዕ ምስታ ሸም ርክብ ዝገብሩ፡ ስራሕ ኣይምልከቶምን እዩ። ድሕሪ ርክብ፡ ብህይወት ከም ዘይቅጽሉ እናፈለጡ እዮም ከኣ ርክብ ዝፍጽሙ። ኣቤት! ነዚኣ ዝኽእላ ዋላ ሓደ ሰብ የልቦን። ብፍላይ ነዞም ሓላሊፎም መትኩልኪ፡ ሓመምኩልኪ ዝብሉ ኣወዳት፡ እዛ ሕጊ ተፈጥሮ ናይ ሰብ፡ ከምዛ ናይ ንህቢ እንተ ትኸውን፡ ካብ ኣዋልድ ኣሽሓት ኪሎ ሜተራት ርሒቖም ምነበሩ። እተን ሰራሕተኛታት ኣናህብ፡ እቲ እዋን ደርቂ ኹይኑ መግቢ እንተውሒዱወን፡ ነቶም ዕንዝራታት ብምቕታል፡ ነቲ ናይ ሰፈረን ጸጋታት ይቈጻጸራኦ። ወይ ጉድ! ኮፍ ኢልካ ምብላዕ ዘምጽኦ መዘዝ። እታ ሸም ንህቢ ድማ እንቋቑሖ ምውላድ እዩ ስራሓ። ኣብ ግዜ ጽግያ፡ ሸም ንህቢ፡ ኣብ መዓልቲ ክሳዕ 2000 እንቋቑሖ ትወልድ ዝብል ጽሑፋት ኣሎ። ክሳዕ ሓሙሽተ ዓመት ድማ ብዕድመ ትጸንሕ። ሸም፡ ሞይታ ዕንዝራ ክውክላ ኣይክእልን እዩ። ዕስለ ምልእቲ እያ ሸም ብምማታ ትበታተንን ትመውትን። እቲ ዘገርም፡ ንህቢ ንወዲ-ሰብ ነኺሱ ክቐትሎ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ ተጻዋርነት ናይቲ ሰብ ዝምርኰስ'ኳ እንተኾነ፡ ገለ ጽሑፋት ንሓደ ሰብ ብገምጋም 1100 ንህቢ ብሓደ ግዜ እንተ ነኺሶሞ ይመውት ዝብሉ ኣለዉ። ለከ፡ ንሓደ ሰብ ንምቕታል ናይ 1100 ንህቢ ትንፋስ ክሓልፉ ስለ ዘይቅበሉዎ እዮም፡ ብዙሕ ግዜ ሰብ ነኺሶም ዘይቀትሉ። እምበር ንሰብሲ ፈዘግ መበሉዎ ነይሮም።


ብዝኾነ፡ ክቡራት ኣንበብቲ፡ መዓር ዝህቡ ሓሸራታት ንህቢ፡ ጠቐራይ (ጠቐረይቲ፡ ጽገናይን (ጸገነይትን) ክኾኑ ኸለዉ፡ ብሰብ ሞያ ንህቢ ግን ኵሎም ኣብ ትሕቲ ንህቢ እዮም ዝምደቡ። ክገርመኩም፡ ጽገናይ ኣብ ሓመድ እዮም ዝቕመጡ። ጠቐራይ ግን ኣብ ገረብ፡ ጉላን እምንን ይቕመጡ፣ ብግዝፊ ድማ ዝነኣሱ እዮም። ብዘይካ ኣንስተይቲ ንህቢ (ሸም ገዲፍካ) ካልኦት ኣናህብን ጠቐራይን ጽገናይን ኣይናኽሱን እዮም። እዞም ካልኦት ሓሸራታት ከም ፍልሖ፡ ኣንበጣን ጻጸን ብኻዶ ...።



## ሃገረ ኤርትራ
## ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጋብላዊ ቆፎ

## ምንጪ ዘላቒ ቀረብ መዓር




መዓር፥ ኩሉ ዝብህጎ ፍርያት እዩ። ግና ኸኣ ኩሉ ሰብ ብቐሊሉ ክረኽቦ ኣይክእልን

**ጋብላዊ ቆፎ፥**

- ኣብ ሓጺር እዋን ንኹሉ ህዝቢ ከዕግብ ዝኽእል መዓር ኣብ ምፍራይ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ዓይነት ቆፎ'ዩ።

- ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከብ ጥረ ነገራት ከም ዒባ፥ ምሩጽ ሓመድ፥ ሻምብቆ፥ ላኻ፥ ወዘተ ብቐሊሉ ይስራሕ።

- ካብ ባህሪያዊ ነገራት ዝተሰርሐ ብምኳኑ፥ ብኣናህብ ኣዝዩ ፍቱው ዓይነት ቆፎ እዩ።

- ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ክሳተፍ ንዝደሊ ዝኾነ ሰብ፥ ኣብ ሓጺር እዋን ዝደለዮ ብዝሒ ቆፎ ሰሪሑ፥ ዕስለ ከራብሕን ቀጻልነቱ ከውሕስን የኽእል።

- ርቡሕ ምህርቲ መዓር ክተፍሪ የኽእል፥

ስለዚ፥ ኩሉ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክነጥፍ ዝደሊ ሰብ፥ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ብምኻድ፥ ሓበሬታ ኣገባብ ኣሰራርሓ ናይዚ ቖፎ ክወስድ ይከኣል።

**ጋብላዊ ቆፎ ብምስራሕ፥ ኣብ ሓጺር እዋን፥ ምህርቲ መዓር ነውሕስ!**


MINISTRY OF AGRICULTURE
2024
ርሑስ ሓድሽ ዓመት
كل عام وأنتم بألف خير
Happy New Year
وزارة الزراعة
ሚኒስትሪ ሕርሻ


Eritrean
DATES
Product of Eritrea
Gross Weight
1KG